# ድምጺ ኣምላኽ ምልላይ

# Knowing Gods voice



**ዓለምለኻዊት ትኻል ምህርቲ እቶት ቀውዒ**

**እዚ ኮርስ እዚ ኣካል ዓለምለኻዊ ትካል እቶት ቀውዒ ኮይኑ፡ ንኣመንቲ ንውጽኢታዊ መንፈሳዊ ቀውዒ ንከዕጥቕ ዝተዳለወ ገበታ ትምህርቲ እዩ።**

**እቲ መሰረታዊ ቴማ ናይዚ ስልጠና፡ ነቲ የሱስ ንገፈፍቲ ዓሳ፡ ንኣኩብቲ ግብሪ፡ ወ.ዘ.ተ ዝኾኑ ሰባት ወሲዱ፡ ናብ ኣብነታውያን ክርስትያናት ብምልዋጥ፡ ብተጋህደ ሓይሊ ኣምላኽ ንወንጌል ሒዞም ናብ መላእ ዓለም ክበጽሑ ዝመሃሮም ትምህርቲ ምምሃር እዩ።**

**እዚ መምርሒ ጽሑፍ፣ ሽቶ ወንጌል ንምዉቃዕ፣ ንኣመንቲ ካብ ምትሓዝ ራእዩ፡ ናብ ምውካል፣ ቀጺሉ ናብ ምብዛሕ፣ ከምኡ'ውን ምዉዳብን ንወንጌል ምልዕዓልን ምስፋሕን ዝብል ኮይኑ፡ ካብ ብዙሓት ክፋላት ስልጠና ናይ ካሪክለማት ሃርቨስታይም ባይብል ኢንስቲቱይት ሓደ እዩ።**

**ተወሳኺ ሓበሬት ኣብዞም ኮርስ ምስ እትደሊ ፦**

© Harvestime International Institute http://www.harvestime.org


**ንተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ተወሳኺ ኮርሳት ከምዚ ዝስዕብ ጽሓፉ፤**

Harvestime International Institute 1

4431 Tierra Dr.

Colorado Springs, CO 80921

U.S.A

**ወይ ድማ**

**ሃርቨስታይም ባይብል ኢንስትቱይት**

**ኣስመራ ኤርትራ**

Email; harvestimebibleinstituteer@gmail.com

# ትሕዝቶ

ከመይ ጌርና ነዚ መምርሒ ንጥቀመሉ ....... iii

ንጉጅለ መጽናዕቲ ዝኸውን ሓሳባት ....... iv

መእተዊ ....... 1

ዕላማታት ኮርስ ....... 2

ምዕራፍ ሓደ

ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ ....... 3

ምዕራፍ ክልተ

". . . ኺገብር ዚደሊ እንተሎ . . . ዚዛረቦ ዘለኹ፡ ኪፈልጥ እዩ" ....... 12

ምዕራፍ ሰለስተ

ፍቓድ ኣምላኽ ....... 23

ምዕራፍ ኣርባዕተ

ብጌጋ ኣንፈት ምኻድ ....... 33

ምዕራፍ ሓሙሽተ

ቅዲ ፍቓድ ኣምላኽ ....... 42

ሻድሻይ ምዕራፍ

ኣምላኽ ንሰብ ብኸመይ ከም ዝዛረቦ ....... 56

ምዕራፍ ሸውዓተ

እቲ ቁጥቋጥ ከሳብ ሕጂ ይነድድ ኣሎ ....... 68

ምዕራፍ ሸሞንተ

ዜተሓታትት ተግባራት ....... 79

ምዕራፍ ትሸዓተ

መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣገባብ ንምውሳን ....... 88

ምዕራፍ ዓሰርተ

ፈቲንካን ፈሺልካንዶ፧ ....... 94

ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ

ፍቓድ ኣምላኽን ስቓይን ....... 101

ምዕራፍ ዓሰርተው ክልተ

ሽዱሽተ ደረጃታት ምግላጽ ....... 117

# ከመይ ጌርና ነዚ መምርሒ ንጥቀመሉ

## ኣቃዉማ መምሃሪ ጽሑፍ

ነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ዝቀመ እዩ፤

***ዕላማታት፡-*** *ነታ ምዕራፍ ብምጽናዕ ክትበጽሖም ዘለካ ዕላማታት እዚኣቶም እዮም።* ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማርካ ኣንብቦም።

***መሪሕ ጥቕሲ፦*** እዛ ጥቕሲ ንቐንዲ ኣምር እታ ምዕራፍ እተጕልሕ እያ። ኣብ ዝኽርኻ ሓዛ (ሸምድዳ)

**ትሕዝቶ ምዕራፍ፦** ንነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ኣጽንዕ። ኣብቲ *መምርሒ ዘይተሓትመ ዝኾነ ይኹን መወከሲታት ንምርኣይ መጽሓፍ* ቅዱስካ ተጠቐም።

**ርእሰ-ግምገማ፦** *ነታ ምዕራፍ ኣጽኒዕካ ምስ ወዳእካ፡ ነዚ መርመራ ስርሓዮ። መጽሓፍ ቅዱስካ ወይ ነዚ መምርሒ መጽሓፍ ከይተጠቐምካ ነቶም ሕቶታት ክትምልሶም ፈትን።*

***ንዝያዳ መጽናዕቲ፦*** እዛ ኽፍሊ፡ ክእለት ኣገባብ ኣጸናንዓ መጽሓፍ ቅዱስካ ኽተመሓይሽን ነቲ እተማሃርካዮ ኣብ ህይወትካን ኣገልግሎትካን ኣብ ግብሪ ንኽተውዕሎን ክትሕግዘካ እያ።

***መዛዘሚ መርመራ፦*** ምዱብ ተመሃራይ ሃርሽስት ታይም ኢስቲትዩት ክትከውን እንተተመዝጊብካ፡ ስልጠናኻ ምስ ወዳእካ ፍልጠትካ ዝመዝን መርመራ ክትወስድ ኢኻ። መርመራ ሰሪሕካ ምስ ኣረከብካ፡ ብመምሃራን ክእረምን ውጽኢቱ ክምዝገብን እዩ።

**ተወሰኽቲ መሳለጥያ ምህሮ**

ትግርኛ ቀዳመይቲ ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ 1957 ከተድልየካ እያ።

# ንጉጅለ መጽናዕቲ ዝኸውን ሓሳባት

## ቀዳመይቲ ኣኼባ

***መኽፈቲ፡*** *ጸሎትን መእተዊ ብምግባርን ጀምር። ምስ ተመሃሮ ተላለ፣* ***ኣስማቶም ድማ*** *መዝግቦም።*

***ኣገባብ ኣካይዳ ጉጅለ ኣቑም፦*** *ነቶም ኣኼባታት መን ከም ዝመርሖም፡ ሰዓት፡ ቦታን ዕለታትን ክፍለ-ጊዜታት ወስን።*

***ኣምልኾን ምስጋናን፦*** *ኣብ እዋን ኣኼባ ህልውና መንፈስ ቅዱስ ዓድም።*

***ንተማሃሮ መጻሕፍቲ ዓድል፦*** *ኣርእስቲ መጽሓፍ፡ ቅርጽን ዕላማታትን ስልጠና ንተማሃሮኻ ኣላሊ።*

***ፈላሚት ዕዮ ገዛ ሃብ፡*** *ቅድሚ እታ እትቕጽል ኣኼባ፡ ተማሃሮ ነቶም ዝተመደቡ ምዕራፋት ከንብቡን ርእሰ-ግምገማታት ክሰርሑን እዮም። ብዝሒ ዝሸፈኑ ምዕራፋት፡ ኣብ ንውሓትን ትሕዝቶን ምዕራፍ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዓቕሚ ተማሃሮ ይምርኮስ።*

## ካልኣይትን ዝስዕቡን ኣኼባታት

***መኽፈቲ፡*** *ጸሎት ግበር። ሓደሽቲ ተምሃሮ እንተለዉ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ብምባል መጽሓፍ ሃቦም። ህላወ ተማሃሮ ተቖጻጸር። ሓጺር ናይ ምስጋናን ኣምልኾን ግዜ ይሃልኻ።*

***ድግማ፦*** *ሓጺር ጽማቕ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ዘጽናዕካዮ ትሕዝቶ ኣቕርብ።*

***ትምህርቲ፦*** *ነቲ ብድሙቕ ዝተጻሕፈ ኣርእስትታት ዘለዎ ክፋል ነፍስ-ወከፍ ምዕራፍ ከም መምሃሪ ንድፌ ተጠቒምካ ተመያየጥ። ንተማሃሮ ብዛዕባ እቲ ዘጽንዕዎ ሕቶታት ወይ ርእይቶታት እንተለዎም ሕተቶም። ነቲ ትምህርቲ ኣብ ህይወትን ኣገልግሎትን ተማሃሮኻ ግብራዊ ከም ዝኸውን ግበር።*

***ርእሰ-ግምገማ፦*** *ተማሃሮ ዝወድእዎ ርእሰ-ግምገማታት ደጊምካ ርአ።*

***ንዝያዳ መጽናዕቲ፦*** *ነዞም መጽናዕትታት ብጉጅለ ወይ ብውልቂ ክትገብሮም ትኽእል ኢኻ።*

***መዛዘሚ መርመራ፦*** *ምዱብ ተመሃራይ ሃርቨስት ታይም ኢንስቲትዩት ክትከውን እንተተመዝጊብካ፡ ስልጠናኻ ምስ ወዳእካ ፍልጠትካ ዝመዝን መርመራ ክትወስድ ኢኻ። መርመራ ሰሪሕካ ምስ ኣረከብካ፡ ብመምሃራን ክእረምን ውጽኢቱ ክምዝገብን እዩ።*

**ክፋል ስልጠና።** ፡ ውክልና
**ኣርእስቲ ስልጠና**፡ ምፍላጥ ድምጺ ኣምላኽ

# *መእተዊ*

***"ፍቓድ ኣምላኽ ንዓይ እንታይ እዩ?"***

*እዛ ሕቶ እዚኣ ምናልባት እታ ዝበዝሐ ግዜ ኣመንቲ ዝሓትዋ ሕቶ እያ። ሰባት ኣብ ዝውሰንሉ ኣዋን መምርሒ ንምርካብ ናብኦም ክጥምቱ ከለዉ እውን ብተደጋጋሚ ንክርስትያናት መራሕቲ ተጋጥሞም ሕቶ እያ።*

*ኣብ መዓልታዊ ኩነታት ህይወት ኣመንቲ ዝውሰንዎ ውሳኔታት ፍቃድ ኣምላክ ድዩ ወይስ ኣይኮነን ፡ ብምባል እዮም ምርጭኦም ዘተግብሩ። ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ፡ ፍቓዱ ምርዳእ፡ መዓልታዊ ቅኑዕ ውሳኔ ንምውሳን ኣገዳሲ እዩ። ኣገዳሲ ዝገብሮ ምኽንያት ድማ ነፍሲ ወከፍ ንእሽቶ ውሳነ ትውሰኖ ንምሉእ ዕድሜኻ ዝኸውን ፍቃድ ኣምላኽ ንምፍላጥ ስለዝጸልዎ እዩ።*

*ሰብ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ብምትእስሳር ምርጫታቱ ከትግብር ኣለዎ። እዚ መደብ እዚ ኣዳምን ሄዋንን ኣብ ገነት ኤደን ምስ ተቐመጡ ብኣምላኽ ዝተመዘዘ እዩ* (ዘፍ 1-3) *። ፍቓድ ኣምላኽ ንኣዳምን ሄዋንን ኑቶም እንስሳታት ስም ምስማይ፡ ምሕላው ገነት፡ ኣብ ነንሕድሕዶም ምሕዝነት ክህልዎም፡ ንምድሪ ድማ ብምብዛሕ ክመልእዋን እዩ ነይሩ። ብዓቢኡ ድማ ምስ ኣምላኽ ጥቡቕ ሕብረት ኪህልዎም እዩ ነይሩ። ኣዳምን ሄዋንን እውን ብዛዕባ እቲ ፍቃድ ኣምላኽ ዘይኩኑ ነገር መጠንቀቕታ ተነጊሮዎም እዩ። ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ከይበልዑ ተኸልኪሎም እዮም።*

*ታሪኽ ኣዳምን ሄዋንን ሓዊስካ መጽሓፍ ቅዱስ ብምሉኡ ብዛዕባ ውልቀሰባትን ኣህዛብን ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ብምትእስሳር ዝገበርዎ ውሳኔታት ዝሓዘ ታሪኽ እዩ። ካብ ዓወትን ውድቀትን ናይዞም ሰባት ክንመሃር ንኽእል ኢና።*

*ሓደ ካብቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ኣዝዩ ዘሐጉስ ምግላጽ፡ ኣምላኽ ንነፍሲወከፍ ውልቀ ሰብ ኣብዛ ህይወትን ዘልኣለማውነትን ፍሉይ መደብ ከም ዘለዎ እዩ። ነዚ መደባት ንምፍጻም ድማ ድምጺ ኣምላኽ ክትፈልጥ ኣለካ። ኣምላኽ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ብኸመይ ይረዳዳእ ከምዝነበረን፡ ሎሚውን ብኸመይ ከም ዝዛረብ ዘሎ ክትመሃር ኣለካ።*

*እዚ ኮርስ እዚ ኣምላኽ ንሰብ ብኸመይ ከም ዝዛረብን ኣብ ህይወትካ ንፍቓድ ኣምላኽ ብኸመይ ከም እትረኽቦን ዝገልጽ ኮርስ እዩ። ንድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥን ንፍቓዱ ምውሳንን ዝምልከት መምርሒታት ኣሰፊሩ ኣሎ። ከምኡውን ንፍቓድ ኣምላኽ ንርድኣሉ ኣገባብ፡ ኣምላኽ ፍቓዱ ብኸመይ ከም ዝገልጽ ዝነግሩ ቃል ኣምላኻዊ ኣብነታትውን ተዘሪብሎም ኣሎ።*

*ንውሳነኻ ንምትግባር ዚሕግዝ ቃል ኣምላኻዊ ሞደል ተገሊጹ ኣሎ። ንጌጋ ውሳኔታት ንምስዓርን፡ ፍቓድ ኣምላኽ እንተ ኣምሊጡካ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካን፡ ንኣተሓሕዛ ዘይንጹራት ጉዳያትን ዝምልከት መምርሒታት ቀሪቡ ኣሎ። ሸዱሽተ ደረጃታት ምግላጽ መደብ ኣምላኽ እውን ተለልዮም ይርከቡ።*

*ስርዓት ትምህርቲ ሃርቨስታይም ኢንተርናሽናል ኢንስቲትዩት ኣብቲ የሱስ ሰባት ብወንጌል ናብ ዓለም ክበጽሑ ንምዕጣቕ ዝመሃሮ ዘተኮረ እዩ። ሓደ ካብቲ ዝገለጾ ዓበይቲ ሓቅታት ኣምላኽ ብርግጽ ንደቂ ሰባት ከም ዝዛረብ እዩ ነይሩ፤*

> ***"ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ። ኣባጊዔይ እፈልጠን እተን ኣባጊዔይውን ይፈልጣኒ እየን…***
> ***ካብዚ መጓሰ እዚ ዘይኰና ኻልኦት ኣባጊዕውን ኣለዋኒ። ንኣታተን ድማ ከምጽኤን እየ፡ ቃለይውን ኪሰምዓ እየን። ሓደ መጓሰ ኪዀና እየን ጓሳኤንውን ሓደ።***
> ***እተን ኣባጊዔይ ግና ድምጼይ ይሰምዓ፡ ኣነ ኸኣ ኤለልየን፡ ንሳተንውን ይስዕባኒ።" ዮሃ*** 10፡14,16,27)

*ኣምላኽ ምስ ደቂ ሰባት ጥቡቕ ርክብ ንኽህልዎ መደብ ኣለዎ። ሰብ ብእግዚኣብሔር ዝፍለጥን ከምኡ ድማ ብውልቁ ንኣምላኽ ክፈልጦ ይኽእል እዩ።*

*ድምጺ ኣምላኽ ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ*!

# ዕላማታት ኮርስ

ነዚ ኮርስ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ዝሰዕቡ ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- ኣብ መንጎ ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥን ፍቓዱ ምውሳንን ዘሎ ዝምድና ክትገለጽ ኢኻ።
- ኣገዳስነት ፍቓድ ኣምላኽ ምፍላጥ ክትገልጽ ኢኻ።
- ኣምላኽ ፍቓዱ ብኸመይ ከም ዝገልጽ ክትገልጽ ኢኻ።
- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተገሊጹ ዘሎ ፍቓድ ኣምላኽ ክትርዳእ ኢኻ።
- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብፍሉይ ኣብ ዘይተጠቕሰ ጉዳያት ፍቓድ ኣምላኽ ምውሳን ክትክእል ኢኻ።
- ብቃል ኣምላኽ እተመስረተ ኣገባባት ውሳነታት ክትጥቀም ኢኻ።
- ጌጋ ውሳኔታት ክትእርም ኢኻ።
- እቶም ሸዱሽተ ደረጃታት ምግላጽ ክትገልጽ ኢኻ።
- ድምጺ ኣምላኽ ንምፍላጥ ዚሕግዙ ቃል ኣምላኻዊ መምርሒታት ንኻልኦት ከተካፍል ኢኻ።

## *ውልቃዊ ዕላማታት*

እዚ ኮርስ እዚ ንድምጺ ኣምላኽን ፍቓዱን ምፍላጥ ዝምልከት ስለ ዝኾነ፡ ንመጽናዕቲ ዝኸውን ውልቃዊ ዕላማታት ከተቐምጥ ይምከር። ዕላማታትካ ኣብ ሓደ ፍሉይ ጉዳይ ፍቓድ ኣምላኽ ምፍላጥ ወይ ድማ ኣምላኽ ንሓደ ጸገም ዚህቦ መልሲ ምርካብ፡ ወይ ኣብ ስራሕካን ኣገልግሎትካን ፍቓድ ኣምላኽ ንምውሳን ዘተኮረ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ውልቃዊ ዕላማታትካ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ተዋሂቡ ዘሎ ቦታ ዘርዝር። ክትመሃር ከለኻ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝዘርዘርካዮ ጸገም ነቲ እተማሃርካዮ ኣብ ግብሪ ኣውዕሎ።

ነዚ ምሉእ ሓሳባት ምልኣዮ፡ "ድምጺ ኣምላኽ ክሰምዕን ፍቓዱ ብዛዕባ. . . ክፈልጥን እደሊ"።

________________________________________

________________________________________

________________________________________

________________________________________

# ምዕራፍ ሓደ

# ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ

## ዕላማታት

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- *ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፍ ኢኻ።*
- *ኣምላኽ ንሰባት ከም ዝዛረብ ብቃል ኣምላኽ ከተረጋግጽ ኢኻ።*
- *ኣብ መንጎ ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥን፡ ፍቓዱ ምውሳንን ዘሎ ዝምድና ክትገልጽ ኢኻ።*
- *ኣብ መንጎ "ሬማ" ቃል ኣምላኽን "ሎጎስ" ቃል ኣምላኽን ዘሎ ፍልልይ ክትገልጽ ኢኻ።*
- *"ፍቓድ ኣምላኽ" እንታይ ማለት ምዃኑ ክትገልጽ ኢኻ።*

## መሪሕ ጥቕሲ፤

***እተን ኣባጊዔይ ግና ድምጼይ ይሰምዓ፡ ኣነ ኸኣ ኤለልየን፡ ንሳተንውን ይስዕባኒ። (የሃ 10፡27)***

### መእተዊ

ኣርእስቲ ናይዚ ኮርስ "**ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ**" ዝብል ኮይኑ ንሓያሎ ነገራት ዘመልክት እዩ፤

| | |
|---|---|
| ***ቀዳማይ፡*** | ኣምላኽ ከም ዘሎ። |
| **ካልኣይ፡** | ምስ ሰብ ከም ዝዛራረብ። |
| **ሳልሳይ፡** | ኣምላኽ ክዛረብ ከሎ፡ ሰብ ድማ ድምጹ ከለሊ ከም ዝኽእል። |
| ***ራብዓይ፡*** | ኣምላኽ ዝብሎ ከም ዘለዎ። |

እስከ ነዚ ኣበሃህላታት እዚ ሓደ ብሓደ ንመርምር፤

***ቀዳማይ፦*** እዚ ኮርስ እዚ ኣብ ሓደ ሓቂ - ማለት ኣምላኽ ከም ዘሎ - ንሰብ ድማ ብመንገዲ እቲ ዝተጻሕፈ ጸብጻብ ቃል ኣምላኽ፡ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ከምዝተገልጸ ዝተሞርከሰ እዩ።

**ካልኣይ፦** *መጽሓፍ ቅዱስ ብመንፈስ ዝነፈሶ ዝርርብ ናይ ኣምላኽ ምስ ሰባት ዝተጻሕፈ መዝገብ እዩ። ኣምላኽ ንሰብ ዝተዛረበሉ መገድታትን ውልቀሰባትን ኣህዛብን ንድምጺ ኣምላኽ ዝሃብዎ ምላሽን ብዝርዝር ይገልጽ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕ ግዜ ". . . ጐይታ ድማ ከምዚ ኢሉ" ይብል፡ ከምኡ'ውን ምስ ሰብ ዝተዛረበሉ ፍጻሜታት ይነግር። እዚ ድማ እግዚኣብሄር ምስ ሰባት ከም ዝዘራረብ የረጋግጽ።*

*ንኣብነት ኣብ ዘሁልቁ ምዕራፍ 22 ዘሎ ዛንታ በላዓምከም እነንብቦ ኣምላኽ ንበላዓም ተዛሪቡዎ ኔሩ ንሱ ግን ምስማዕ ኣበየ። ኣምላኽ ነዚ ሰብኣይ እዚ ኣዝዩ ክረዳድኦ ስለ ዝደለየ ኣድጊ ብምጥቃም ተዛሪብዎ ። በላዓም ድማ፤*

*. . . . ስለ ኣበሳኡ ግና መግናሕቲ ተቐበለ፡ በሃም ኣድጊ ጸዕነት ብድምጺ ሰብ ተዛሪቡ፡ ንጸላለ እቲ ነብዪ ኸኣ ዐገተት። (2ይ ጴጥሮስ 2፥16)*

**ሳልሳይ፦** መጽሓፍ ቅዱስ ኣመንቲ ድምጺ ኣምላኽ ክፈልጡ ከም ዝኽእሉ የረጋግጽ። የሱስ ከምዚ በለ

***ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ። ኣባጊዔይ እፈልጠን እተን ኣባጊዔይውን ይፈልጣኒ እየን...***

***ካብዚ መጓሰ እዚ ዘይኮና ኻልኦት ኣባጊዕውን ኣለዋኒ። ንኣታተን ድማ ከምጽኤን እየ፡ ቃለይውን ኪሰምዓ እየን። ሓደ መጓሰ ኪኾና እየን፡ ጓሳኤንውን ሓደ።***

***እተን ኣባጊዔይ ግና ድምጸይ ይሰምዓ፡ ኣነ ኸኣ ኤለልየን፡ ንሳተንውን ይሰዕባኒ፡ (ዮሃ 10፥14,16 ,27)***

**ራብዓይ፦** ኣምላኽ ንደቂ ሰባት ዚብሎ ኣገዳሲ ነገር ኣለዎ።ቃል ኣምላኽ ከምዚ ይብል፤

***ምእንትዚ መንፈስ ቅዱስ ከምዚ ይብል፡ ሎሚ ድምጹ እንተ ሰማዕኩም፡***
***ከምቲ ብነድሪ በታ መዓልቲ ፈተና ኣብ በረኻ ዝገበርኩምዎ፡ ልብኹም ኣይተትርሩ።***

***ሎሚ ድምጹ እንተ ሰማዕኩም፡ ከምቲ ብነድሪ ልብኹም ኣይተትርሩ፡ እናተባህለ*** . . . ***(እብ 3፥7,15)***

ኣብዘን ጥቕስታት ተጠቒሱ ዘሎ "ፈተና ኣብ በረኻ" ከምኡውን "ነድሪ" (ቁጥዐ) ኣምላኽን ንዘይምእዛዝ ህዝቢ እስራኤል የመልክት።

እስራኤል ካብ ምርኮ ግብጺ ምስ ተናገፉ፡ ኣምላኽ ኪዛረቦም ከሎ ብተደጋጋሚ ኣይእዘዙን ነበሩ። ኣብዘን ጥቕስታት እግዚኣብሄር ክዛረብ ከሎ መልሲ ክንህብ እምበር ከምቲ እስራኤል ዝገበርዎ ምእዛዝ ከይንኣቢ የጠንቅቐና።

***"ሎሚ ድምጹ እንተ ሰሚዕኩም"*** ዝብል ሓረግ፡ እግዚኣብሄር ልክዕ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ዝገበሮ፡ ኣብ ህሉው ዘመን እውን ንደቂ ሰባት ከም ዝዛረቦም የረጋግጽ። እቲ "እንተ ሰሚዕኩም" ዝብል መጠንቀቕታ ከኣ፡ እቲ ክብሎ ዘለዎ ኣገዳሲ ምዃኑ የረጋግጽ።

## ብዙሕ ድምጽታት

መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ዓለም ኣቓልቦ ንምርካብ ዝጭድሩ ብዙሓት ድምጽታት ከም ዘለዉ ይገልጽ፤

***ኣብ ዓለም በበይኑ ዝኾነ ብዙሕ ቋንቋታት (ድምጽታት) ኣሎ፡ ርግጽ ደሃይ ዘይብሉ ግና የልቦን። (1ቆሮ 14፥10)***

እዞም ኣብ ዓለም ዘለዉ ድምጽታት እንታይ እዮም?

### *ድምጺ ሰብ፤*

ድምጺ ሰብ ነከተለልዮ ኣዚዩ ቀሊል እዩ። ክስማዕ ዝክእል ድምጺ ካልእ ሰብ እዩ፡

***ጴጥሮስን ሃዋርያትን ግና፡ ካብ ንሰብሲ ንኣምላኽ ምእዛዝ እዩ ዚግባእ። (ግብ 5፥29)***

ሓደ ሓደ ግዜ ድምጺ ሰብ ጥበባዊ ምኽሪ ክህብ ይኽእል እዩ፡ እንተኾነ ግና ድምጺ ሰብ ምስ ድምጺ ኣምላኽ ኣብ ዝጋጨወሉ ግና፡ ንድምጺ ኣምላኽ ክትእዘዝ ኣለካ።

## ድምጺ ሰይጣን፤

ድምጺ ሰይጣን ብሰብ ዝተሰምዓሉ መጀመርያ ግዜ ኣብ ገነት ኤደን ንሄዋን ምስ ተዛረበ እዩ (ዘፍጥረት 3፥1,4,5) ። ድምጺ ሰይጣን ይሕሱ፡ የታልል፡ ንሰብ ካብ ኣምላኽ ኣርሒቑ ናብ ሓጢኣት ክመርሖ ኩሉ ግዜ ይፍትን። ብዛዕባ ፈተና የሱስ ብሰይጣን ኣብ ማቴ 4፥1-13 ከተንብብ ከለኻ ነዚ ብቐሊሉ ከተለልዮ ትኽእል ኢኻ። ሰይጣን ምስ ኣምላኽ ዝገበሮ ዝርርብ ኣብነታት ኣብ እዮብ 1፥7-12ን 2፥1-6ን ክንርኢ ንኽእል ኢና።

ርኹሳት መናፍስቲ (ኢጋንንቲ ሰይጣን) እውን ድምጺ ኣለዎም፤

> ***ካብቶም ርኹሳት መናፍስቲ ዝሐደርዎም ብዙሓት ሰብ ድማ እቶም መናፍስቲ ብዓብዪ ድምጺ እናጨደሩ ወጹ.. (ግብ 8 ፥ 7)***

> ***ኣብታ ቤት ጸሎት ከኣ ርኹሰ መንፈስ ዝሐደሮ ሰብኣይ ነበረ፡ ብዓብዪ ድምጺ ኸኣ፡***
> ***ኣየ፡ የሱስ ናዝራዊ፡ ምሳኻ እንታይ ኣሎና፣ ከተጥፍኣናዶ መጺእካ፧ ኣታ ናይ ኣምላኽ ቅዱስ፡ መን ምዃንካ ፈሊጠካ ኣሎኹ፡ እናበለ ጨደረ። (ሉቃ 4፥33-34)***

ሓደ ሓደ ግዜ ድምጺ ሰይጣን ብሓቂ ዝሰማዕ እዩ፡ ኢጋንንቲ ኣብ ሰባት ምስ ሓደሩ ብድምጺ እቲ ሓዲሮሞ ዘሎ ሰብ ክሰማዕ ይክእል እዩ።መብዛሕትኡ ግዜ ግን ሰይጣን ብዘይሰማዕ ድምጺ እዩ ዝዛረብ። ሓሶትን ምትላልን ሓጢኣት ዝመልኦ ሓሳባትን ኣብ ኣእምሮ ሰባት ይዛረብ።

## ድምጺ ርእሰኻ፤

ድምጺ ርእሰኻ ዝበሃል ሰብ ምስ ነብሱ ክዛረብ ከሎ እዩ። ናይዚ ኣብነታት ኣብ ሉቃስ 16፥3ን 18፥4ን ከምኡ'ውን ኣብ ዮናስ 4፥8 ነቢይ ኣብ ገዛእ ርእሱ ክመውት ዝተመነየሉ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ድምጺ ርእሰኻ ይነግርን ይጠንቅቕን እዩ፤

> ***ጐይታየ፡ መገዲ ሰብ ካብ ርእሱ ኸም ዘይኰነ፡ እቲ ዚመላለሰውን ስጕሚኡ ኪቕንዕ ዓቕሚ ኸም ዜብሉ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። (ኤር 10፥23)***

## ድምጺ ኣምላኽ፤

ኢየሱስ ኣመንቲ ድምጺ ኣምላኽ ክፈልጡን ካብ ካልኦት ድምጽታት ክፈልይዎን ከለልይዎን ይኽእሉ እዮም ኢሉ፤

> ***ንእኡ እቲ ሓላው ደገ ይኸፍተሉ፡ እተን ኣባጊዕውን ቃሉ ይሰምዓ። ነተን ኣባጊዑ ኸኣ ብብስመን ጸዊዑ የውፍረን። ነተን ኣባጊዕ ምስ ኣውፈረን ድማ፡ ቀቅድሜኤን ይኸይድ፡ እተን ኣባጊዕውን ድምጹ የለልያ እየን እሞ፡ ይስዕባኦ። ድምጺ ኻልእ ዘይፈልጣ ስለ ዝኾና፡ ንኻልእ፡ ካብኡ ይሃድማ እምበር፡ ኣይስዕባኦን እየን። (ዮሃ 10:3-5)***

ኣመንቲ ከም ኣባጊዕ ተመሲሎም ኣለዉ። ኣባጊዕ ናበይ ከም ዝኸዳ ዘይምፍላጥ ባህርይ ኣለዎም።ግድን ክምራሓ ኣለወን። ኢየሱስ ጓሳ ወይ መራሒ ኣባጊዕ እየ ኢሉ። ኣባጊዑ ኣብ ክንዲ ድምጺ ካልእ ማለት ኣብ ክንዲ ናይ ሰብ፡ ናይ ገዛእ ርእሶም፡ ወይ ናይ ሰይጣን ድምጺ ናቱ ብምስማዕ ክስዕብዎ እዮም ኢሉ።

## ድምጺ ኣምላኽ ምስማዕ

መጽሓፍ ቅዱስካ ብምኽፋት ዘፍጥረት ምዕራፋት 1-3 ኣንብብ። እዘን ምዕራፋት እዚኣተን ብዛዕባ ፍጥረት ዓለምን ናይቶም ቀዳሞት ደቂ ሰባት ኣዳምን ሄዋንን መዘኒበን ኣለዋ። እግዚኣብሄር ካብ ዘመን ፍጥረት ጀሚሩ፡ ፍቓዱ ንደቂ ሰባት ይነግር ነበረ። ንኣዳምን ሄዋንን ፍሉይ መምርሒ ሃቦም። ኑቶም እንስሳታት ስም ምስማይ፡ ገነት ክሕልዉ፡ ኣብ ነንሕድሕዶም ምሕዝነት ክህልዎም፡ ንምድሪ ክመልኡ ድማ ክባዝሑ ነበሮም። ልዕሊ ኹሉ ድማ ምስ ኣምላኽ ጥቡቕ ሕብረት ኪህልዎም እዩ ። እዚ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮም ጥቡቕ ሕብረት፡ ድምጺ ኣምላኽ ንኽፈልጡ ኣኽኢልዎም እዩ። እግዚኣብሔር ክዛረብ ከሎ መደቡ ኣመሓላለፈሎም፤

> *እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንሰብ፡ ካብ ኩሉ ኦም ገነት ክም ዝደሌኻ ብላዕ፡*
>
> *ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፡ ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትሰ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ፡ ካብኣ ኣይትብላዕ፡ ኢሉ ኣዘዞ። (ዘፍ 2:16-17)*

ብድምጺ ኣምላኽ ፍቓድ ኣምላኽ ንኣዳምን ሄዋንን ተገልጸሎም። ብዘይካ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ ኦም ኣብቲ ገነት ብናጻ ክበልዑ ይኽእሉ ነበሩ።
ኣዳምን ሄዋንን ኑቲ ናይ ኣምላኽ መደብ ኣይሰዓቡን። ድምጺ ሰይጣን ሰሚዖም ካብታ ዝተኸልከለት ኦም በልዑ። ዝገበርዎ ምስ ተረድኡ ካብ ኣምላኽ ተሓቢኦም፤

> *ምድሪ ምስ ወልወለ ድማ፡ ድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ገነት ኪመላለስ ሰምዑ። ኣዳምን ሰበይቱን ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣእዋም ገነት ተሐብኡ።*
>
> *እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳም ጸዊዑ፥ ኣበይ ኣሎኻ፧ በሎ። (ዘፍ 3:8-9)*

ንሰብ ካብ ኣምላኽ ዝፈልዮ ሓጢኣት እዩ። እግዚኣብሔር ህላዌኡ ካብ ሰብ ኣይኣለዮን። ብሰንኪ ሓጢኣት ሰብ ካብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ተሓቢኡ። ውጺኢት ሓጢኣት ድማ ምትራር ልቢ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ኢሉ የጠንቕቕ፤

> *ሎሚ ድምጹ እንተ ሰማዕኩም፡ ከምቲ ብነድሪ ልብኹም ኣይተትርሩ፡. . (እብ 3 ፥ 15)*

እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ክዘራረብ ይደሊ እዩ፡ ምዝርራብ ግን ዝምድና ይሓትት። ሓጢኣት ንሰብ ካብ ሕብረት ምስ እግዚኣብሔር ይፈልዮ፣ ልቡ የትርር፣ ድምጺ እግዚኣብሔር ንኸይፈልጥ ይዓግቶ።

## ድምጽን ፍቓድን

ኣመንቲ ብዙሕ ግዜ "ፍቓድ ኣምላኽ ንዓይ እንታይ እዩ?" ብምባል ይሓቱ። ብሓቂ ፍቓድ ኣምላኽ ክንፈልጥ ንደሊ ኢና ክንብል ከለና እንታይ ማለትና እዩ? እዚ ማለት ሓፈሻዊ መደብ ኣምላኽ ኣብ ህይወትና ክንፈልጥ ንደሊ ኣለና ማለት እዩ። ምርጫታትና ብጥበብ ምእንቲ ክንገብር፡ ኣብ ፍሉይ ውሳኔታት መምርሒ ክንቅበል የድሊ። ኣብ ኩነታት ሕይወት መሪሕነቱ ንብህግ። እቲ ክንሓቶ ዝግበኣና ሕቶ "ድምጺ ኣምላኽ ብኸመይ ክፈልጥ ይኽእል?" ዝብል እዩ። ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ ውጽኢቱ ፍቓድ ኣምላኽ ምርካብ እዩ።

ኣምላኽ ፍቓዱ ክትፈልጥ ይደልየካ እዩ፤

> *ምእንትዚ እቲ ፍቓድ ጐይታ እንታይ ምዃኑ ኣስተውዕሉ እምበር፡ ዓያሱ ኣይትኹኑ። (ኤፌ 5፡17)*

ድምጹ እንተ ፈሊጥካዮ ሽዑ ፍቓዱ ከምቲ ዝዛረበካ ክትርድኦ ኢኻ። መለኮታዊ መምርሒ ንምቕባል ምምሃር ምስ ኣምላኽ ብቐረባ ሕብረት ንምምልላስ ምምሃር እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፤

> *የሱስ ግና፡ ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዚወጽእ፡ ኵሉ ቓል እምበር፡ ብንጌራ ጥራይ ኣይነብርን፡ ጽሑፍ እዩ ኢሉ መለሰሉ። (ማቴ 4 ፥ 4)*

"ብዝወጽእ" ዝብል ቃል ብዛዕባ ቀጻሊ ዝወጽእ እዩ ዝዛረብ። ማለት ገለ ነገር ኣብ ዝሓለፈ ዘጋጠመ፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ዝፍጸም ዘሎ፡ ንመጻኢ እውን ዝቕጽል ማለት እዩ። ኣምላኽ ፍቓዱ ንደቂ ሰባት ንምሕባር እዩ ዝዛረብ። ነዚ እዩ ድማ ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ ኣገዳሲ ዝኸውን።

## ኣምላኽ ክዛረብ ከሎ

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ "ቃል" ተባሂሎም ዝተተርጎሙ ክልተ ናይ ግሪኽ ቃላት ኣለዉ። እቶም ናይ ግሪኽ ቃላት "**ሎጎስ**" ከምኡ ድማ "**ሬማ**" እዮም። "**ሎጎስ**" ነቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ የመልክት። "**ሬማ**" ነቲ ህያው ወይ ህይወት ዝህብ ቃል ኣምላኽ የመልክት። ብዛዕባ ኣመንቲ ኣብ ከተማ ቤርያ ዝነበሩ፤

> *ንሳቶም ድማ ካብቶም ኣብ ተሰሎንቄ ዚነብሩ ዝበለጸ ደግታት ነበሩ። ንሳቶም፡ እዚ ነገርዚ እሰኪ ኸምኡ እንተ ኾይኑ፡ ኢሎም ኣብ ጸጸባሕ ነቲ ጽሑፋት(ሎጎስ) እናመርመሩ፡ ነቲ ቓል (ሬማ) ብኹሉ ፍቓዶም ተቐበልዎ። (ግብ 17 ፥ 11)*

እዛ ጥቕሲ እዚኣ፡ኣብ መንጎ "ሎጎስ"ን "ሬማ"ን ቃል ዘሎ ርክብ ዘርኢ እዩ። እቲ "ሎጎስ" ወይ ዝተጻሕፈ ቃል ኩሉ ግዜ ምስቲ "ሬማ" ወይ ዝተዘርበ፡ ህይወት ዝህብ ቃል ይሰማማዕ። እቲ እትሰምዖ ድምጺ ካብ እግዚኣብሄር ምዃኑ ብኸምዚ ክትፈልጥ ትኽእል። ካብ ኣምላኽ ዝመጽእ "ሬማ" ቃል መብዛሕትኡ ግዜ ንፍሉይ ኩነታት ዝምልከት ኮይኑ፡ ንውልቃዊ ድሌት ዘማልእን ውልቃዊ መምርሒ ዝህብን እዩ። እቲ ቃል ኣብ ህይወትካ ንዘሎ ፍሉይ ድሌት ወይ ኩነታት ከም ዝውዕል ስለ እተለልየ፡ ንዓኻ ህይወት ዝህብ ቃል ይኸውን።

ሓደ "ሬማ" ቃል ብስብከት ወይ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዝተረኽበ ጥቕሲ ክመሓላለፍ ዝኽእል ኰይኑ ሃንደበት ንዓኻ ዓቢ ትርጉም ዘለዎ እዩ። ኣምላኽ ብመንፈሳዊ ውህበታት ብምጥቃም ክዛረበካ ይኽእል እዩ። ኣብ ውሽጢ መንፈስካ እውን ብኀይታ ክዘረብ ይኽእል እዩ። (ኣምላኽ ብመንፈሳዊ ውህበትን ብመንፈስካን ኣቢሉ ብኸመይ ከም ዚዛረብ ኣብ ዝቕጽል ምዕራፋት ብዝያዳ ኽትመሃር ኢኻ።)

ግን ዘክር፦ እቲ "ሬማ" ዝብል ቃል ወትሩ ምስቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ዝሰማማዕ እዩ። እቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ምሉእ እዩ። ዝውሰኸሉ ይኹን ካብኡ ዝውሰድ የለን (ራእ 22፥18-19) ። እግዚኣብሄር ብ"ሬማ" ቃል ክዛረብ ከሎ ኩሉ ግዜ ምስቲ ዝተጻሕፈ ቃሉ ዝሰማማዕ እዩ።

## ዓይነታት ሰማዕቲ

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ክልተ ቀንዲ ዓይነት ሰማዕቲ ይዛረብ፤

> *ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዚገብሮ ኹሉ፡ ቤቱ ኣብ ከውሒ ዝሰርሐ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል።*
> *ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዘይገብሮ ኹሉ ኸኣ ቤቱ ኣብ ሑጻ ዝሰርሐ ዓሻ ሰብኣይ ይመስል። . . (ማቴ 7፥24,26)*

ዓሻ ሰማዒ ንድምጺ ኣምላኽ ይሰምዕ እምበር ብእኡ ኣይከይድን እዩ። ለባም ሰማዒ መልእኽቲ ኣምላኽ ይሰምዕን ብእኡ ይኸይድን።እቲ ሓደ ሰማዒ "ሰማዒ ቃል" ጥራይ እዩ። እቲ ካልእ ግን "ሰማዕን ገባርን" እዩ።

ድምጺ ኣምላኽ ክትፈልጥ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ነቲ ድምጺ ብምእዛዝ መልሲ ምሃብ ክትመሃር ኣለካ፤

*ዝበርቲ ቓል ኩኑ፡ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ። ሓደ እኳ ሰማዕ ቃል ኩይኑ ገባሪ እንተ ዘይኩነ፡ ንሱ ነቲ ንገጽ ፍጥረቱ ብመስትያት ዚርኢ ሰብኣይ እዩ ዚመስል። ነፍሱ ይርኢ እሞ፡ ይኸይድ ብኡብኡውን ከመይ ምዃኑ ይርስዕ። እቲ ኣብቲ ምሉእ ሕጊ፡ ንሱ ድማ ሕጊ ሓርነት፡ ኣጸቢቑ ዚጥምትን ዘጸንዕ፡ ግብሪ ዚገብር እምበር፡ ዘይርስዕ ሰማዒ ግና፡ እዚ ብግብሩ ብጹእ ኪኸውን እዩ። (ያእ 1፡22-25)*

የሱስ እውን ብዛዕባ ኣብ ሓያሎ ዓይነት ሓመድ ዝተዘርአ ዘርኢ ኣዘንተወ እዚ ድማ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሰማዕቲ ዘመልክት እዩ። ኣብ ማቴዎስ 13፡1-9 ዘሎ ዛንታ ኣንብብ። የሱስ ነቲ ምስላ ኣብ ማቴዎስ 13፡18-23 ይገልጾ እዩ። ዝተፈላለዩ ሓመድ ምስ ሰማዕትን ንቃል ኣምላኽ ዝህብዎ ምላሽን የነጻጽር።

## ኣብ መንገዲ ዝተዘርአ፤

ገለ ዘርኢ ኣብ ወሰን መንገዲ ወዲቑ ሱር ከይሰደደ ብኣዕዋፍ ተመንጢሉ ተረፈ። እዚ መርኣያ ናይ ሓደ ድምጺ እግዚኣብሔር ዝሰምዕ ግን እቲ ቓላት ኣብ ልቡ ሱር ዘይሰድድ ሰብ እዩ። ሰይጣን ነቲ ንቓል ኣምላኽ ይምንጥሎ።

## ኣብ ከውሒ ዝተዘርአ፤

ገለ ዘርኢ ኣብ ከውሒ ወዲቑ ቀልጢፉ ከአ በቐለ። ዋዒ ጸሓይ ምስ መጸ ግን፡ እቲ ተኽሊ ሱር ስለ ዘይነበሮ ሓሪሩ ሞተ። እዚ እቲ ንቓል ኣምላኽ ሰሚዑ ብሓጎስ ዝቕበሎ ሰማዒ እዩ፡ ብሓቂ ግን ኣብ ህይወቱ ሱር ዝሰድድ ኣይኮነን። ኵነታት ምስ ተረረ፡ ይዕንቀፍ/ይቕየም እሞ፡ ንድምጺ ኣምላኽ ምላሽ የቋርጽ።

## ኣብ መንጎ እሾኽ ዝተዘርአ፤

ገለ ዘርኢ ኣብ መንጎ እሾኽ ወዲቑ እቲ ኣሾኽ ግን ንዕብየት ተኽሊ ሓነቖ። እዚ ድምጺ እግዚኣብሔር ብሓልዮት ዓለም፡ ንዋታዊነት ወዘተ ተሓኒቑ ከም ዘሎ ዘርኢ ኣብነት እዩ።

## ኣብ ጽቡቕ መሬት ዝተዘርአ፤

ገለ ዘርኢ ኣብ ጽቡቕ መሬት ወዲቑ ሃብታም ፍረ ከአ ኣፍረየ። እዚ ኣብነት ናይቲ ቃል ኣምላኽ ዝቕበልን ድምጹ ዝሰምዕን ኣብቲ ምግላጽ ንገዛእ ርእሱ ዝሰረተ ሰማዒ እዩ። እዚ ሰብ እዚ ብመንፈሳዊ መዳይ ክበስልን ክባዝሕን ፍረ ዘለዎን ኣማኒ ኪኸውን እዩ።

## ድምጺ ኣምላኽ ብኸመይ ክትፈልጥ ትኽእል?

ድምጺ ኣምላኽ ትፈልጥ ክትክእል ትደሊ ዲኻ? ንህይወትካ ዘለዎ ፍቓዱ ክትፈልጥ ትደሊ ዲኻ? ኣብ ዝቕጽል ምዕራፍ ድምጺ ኣምላኽ ክትሰምዕን ንህይወትካ ፍቓዱ ክትረክብን ዘዳልዉኻ ነጥብታት ክትመሃር ኢኻ።

## ርእሰ ገምጋም

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፍ፤

___

___

2. "ሬማ" ዝብል ቃል ኣምላኽ እንታይ ማለት እዩ?

___

3. "ሎጎስ" ዝብል ቃል ኣምላኽ እንታይ ማለት እዩ?

___

4. ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ ምስ ፍቓዱ ኣብ ህይወትካ ምውሳን ብኸመይ ይተሓሓዝ?

___

5. እግዚኣብሄር ቀድሚ ሕጂ ንሰባት ከም ዝተዛረበን ሎሚውን ከም ዝዛረብ ዘረጋግጽ ካብ መጽሓፍ እብራውያን መወከሲ ጥቅሲ ሃብ።

___

6. "ፍቓድ ኣምላኽ" እንታይ ማለት እዩ?

___

___

7. "ሬማ" ቃል ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ምስ እንታይ እዩ ዝሰማማዕ?

___

8. ንሰብ ካብ ህላወ ኣምላኽ ዝፈልዮ እንታይ እዩ?___

9. ___ ቃል ኣምላኽ እምበር ___ጥራይ ክትከውን የብልካን።

(መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

1. ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንድምጺ ኣምላኽ ዝገልጽ ሓያሎ ጥቕስታት ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ መወከሲ ርአ እሞ ነቲ ድምጺ ኣምላኽ ዝገልጽ ቃላት መዝግብ። እቲ ቀዳማይ ከም ኣብነት ንመርኣዪ ተሰሪሑ ኣሎ። ካብ ናይ ገዛእ ርእስኻ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብዚ ሰንጠረዥ መወከሲታትን መግለጺታትን ድምጺ ኣምላኽ ምውሳኽ ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ።

| **መወከሲ** | **መግለጺ ድምጺ ኣምላኽ** |
|---|---|
| **2ይ ሳሙኤል** 22፥14 | **ነጎዳ ካብ ሰማይ** |
| **1ይ ነገስት** 19፥12-13 | |
| **መዝሙር ዳዊት** 18:13 | |
| **መዝሙር ዳዊት** 29:3-9 | |
| **መዝሙር ዳዊት** 68:33 | |
| **ዳንኤል** 10፥6-9 | |

2. ኣምላኽ ብዛዕባ ኢየሱስ ተዛሪቡ። ኣብዘን ዝስዕባ ክፍልታት እንታይ ከም ዝበለ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ፡ 2ይ ጴጥሮስ 1፥17-18፤ ማቴዎስ 3:17፤ ማርቆስ 1:11

3. ኣምላኽ ዝዛረቦ ይፍጸም። ህዝቅኤል 12:25-28 ርአ።

4. ኣብ መጽሓፍ ማቴዎስ፡ ማርቆስ፡ ሉቃስን ዮሃንስን ዘሎ ቃላት የሱስ ኣጽንዕ። የሱስ ብኸመይ ከም እተዛረበ ኣብ ሕቶታትን መልስን ኣብነታትን ምምስሳልን ምስላታትን ስብከታትን ተዓዘብ።

5. እግዚኣብሄር ንውልቀ ሰባት ጥራይ ዘይኮነስ ንኣህዛብ እውን ይዛረብ እዩ። ኤርምያስ 18:7-10 ርአ።

6. ብዛዕባ ድምጺ ኣምላኽ ዘይምእዛዝ ዘምጽኦ ውጽኢት ኣብዘን ዚስዕባ ጥቕስታት ኣንብብ። ውጽኢት ዘይምእዛዝ ኣብቲ ሰንጠረዥ መዝግብ፤

| **መወከሲ** | **ውጽኢት ዘይምእዛዝ** |
|---|---|
| **ዘጸኣት** 15፥26 | |
| **ዘዳግም** 28፥15-68 | |
| **1ይ ሳሙኤል** 12፥15 | |

7. ነዞም ዝስዕቡ ቅዱሳት ጽሑፋት ኣንቢብካ ብዛዕባ ውጽኢት ድምጺ ኣምላኽ ምእዛዝ እንታይ ከም እትመሃር መዝግብ፤

**ዘዳግም** 28፥1-14፡_______________________________________________

**1ይ ሳሙኤል** 12፥14፡_______________________________________________

8. **ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ውልቀሰባትን ኣህዛብን ንድምጺ ኣምላኽ ብኸመይ ከም ዝመለሱ ዝገልጽ መዝገብ እዩ። ሰብ ንድምጺ ኣምላኽ ዝህቦ ምላሽ ከተጽንዕ ከለኻ ነዚ ዝስዕብ ሰንጠረዥ ምልኣዮ። እቲ ቀዳማይ ከም ኣብነት ተሰሪሑ ኣሎ። ነቲ ሰንጠረዥ ንምምላእ ዜድሊ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ቅድሚ እቲ እተዋህበ መወከሲን ድሕሪኡን ጥቕስታት ከተንብብ የድልየካ ይኸውን። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰንጠረዥ፡ ካብቲ ናይ ገዛእ ርእስኻ መጽናዕቲ ቃል ኣምላኽ መወከሲታት ክትውስኽ ትኽእል ኢኻ።**

| **መወከሲ** | **ሰባት** | **መልሲ** | **ውጽኢት** |
| --- | --- | --- | --- |
| **ዘፍጥረት** 26 ፡ 5 | **ኣብርሃም** | **ተኣዛዝነት** | **ዘርኡን ህዝቢ ዓለምን ተባሪኾም** |
| **ዘፍጥረት** 22፡18 | | | |
| **ዘዳግም** 8:20 | | | |
| **መሳፍንቲ** 2፡2,4, 20-23 | | | |
| **መሳፍንቲ** 6:10 | | | |
| 1**ይ ሳሙኤል** 15፡1,19,22,24 | | | |
| 1**ይ ሳሙኤል** 28፡18 | | | |
| **መዝሙር ዳዊት** 106:25 | | | |
| **ኤርምያስ** 32፡23 | | | |
| **ዳንኤል** 9፡10-14 | | | |
| **ጸፎንያስ** 3፡2 | | | |
| **ሃጌ** 1፡12 | | | |

# ምዕራፍ ክልተ

# " . . . ኪገብር ዚደሊ እንተሎ . . . ዚዛረቦ ዘለኹ፡ ኪፈልጥ እዩ"

## *ዕላማታት፤*

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- ነቲ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፍ ኢኻ።
- ትርጉም "ቅድመ-ኩነት" ክትነግር ኢኻ።
- ድምጺ ኣምላኽ ንምፍላጥ ዘድልዩ ቅድመ-ኩነት ክትዝርዝር ኢኻ።
- ዳግማይ ምውላድ እንታይ ማለት ምዃኑ ክትገልጽ ኢኻ።
- ኣገዳስነት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ምፍላጥ ድምጺ ኣምላኽ ከተለሊ ኢኻ።
- ርድኢት ብዛዕባ "መንፈሳዊ ብጽሕና" ከምኡድማ "ምልዋጥ" ከተብርህ ኢኻ።

## *መሪሕ ጥቕስታት፥*

> ***እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላኽ ኣምዕደኩም ኣሎኹ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ።***
>
> ***እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ኽትምርምሩሱ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ። (ሮሜ 12 ፡ 1-2)***

### *መእተዊ*

ድምጺ ኣምላኽ ክትፈልጥ እንተ ኾንካ ገለ ኣድለይቲ ቅድመ-ኩነት ኣለዉ። ቅድመ-ኩነት ማለት ቅድሚ ሓደ ነገር ምግባርካ ክትገብሮ ዘለካ ነገር እዩ። ቅድሚ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ዕላማ ክትበጽሕ ምኽኣልካ ዘድሊ ነገር እዩ።

ኣብዚ ኮርስ እዚ ዕላማኻ ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ እዩ። እዚ ምዕራፍ እዚ ቅድሚ ነዚ ዕላማ ምብጻሕካ ዘለዉ ቅድመ ኩነት (ዘድልዩ ነገራት) ይገልጽ። የሱስ ከምዚ በለ፡

> ***ፍቓዱ ኪገብር ዚደሊ እንተሎ፡ ንሱ ብዛዕባ ትምህርተይ ካብ ኣምላኽ እንተ ኹይኑ፡ ወይስ ካብ ርእሰይ እንተ ኹይነ ዝዛረቦ ዘሎኹ፡ ኪፈልጥ እዩ። (ዮሃ 7፡17)***

መሪሕ ጥቕስታት ናይዚ ምዕራፍ ማለት ሮሜ 12፡1-2 ገለ እትገብሮም ፍቓድ ኣምላኽ ንዓኻ ዘርዚረን ኣለዋ። ነዞም ቅድመ ኩነት እንተ ኣማሊእካዮም ሽዑ ድምጺ ኣምላኽን ንህይወትካ ዘለዎ ፍቓዱን ክትፈልጥ ኢኻ።

# ተመክሮ ዳግም ምውላድ

***እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንሲጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዘብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላኽ ኣምዕደኩም ኣሎኹ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ። (ሮሜ 12 ፥ 1)***

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ከም ዝተማሃርካዮ ሓጢኣት ካብ ህላወ ኣምላኽ ይፈልየካ እዩ። ብሰንኪ ሓጢኣት ንድምጺ እግዚኣብሔር ክትሰምዕን ኣወንታዊ መልሲ ክትምልስን ትሽገር።

ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ድምጺ ናይ ሓደ ዘይትፈልጦ ሰብ ኣይተለልዮን ኢኻ። ድምጺ ናይቶም እትፈልጦምን ምስኦም ዝምድና ዘማዕበልካን ኢኻ ተለልይ። ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እውን ከምኡ እዩ። ድምጺ ኣምላኽ ክትፈልጥ እንተ ኼንካ መጀመርታ ንኣምላኽ ክትፈልጦ ክትመጽእ ኣለካ፡ ከምኡውን; ምስ ሓጢኣትካ ምስኡ ጥቡቕ ዝምድና ከተማዕብል ኣይትኽእልን ኢኻ።

ሮሜ 12፥1 ህይወትካ ንዕኡ ብምሃብ ናብ ኣምላኽ ንምኻድ ዝግበር ስጉምቲ ክትገብር ይጠልብ። እግዚኣብሄር ድሮ ብጽሑፍ ቃሉ ተዛሪቡ ከምዚ ዓይነት ዝምድና ከተማዕብል ፍቓዱ ምዃኑ ገሊጹ ኣሎ፤

***ጐይታስ ከሳቶም ናብ ንስሓ ኺበጽሑ እምበር፡ ሓደ እኳ ኺጠፍእ ዘይፈቱ ስለ ዝኾነ፡ ምእንታኻትኩም ይዕገስ ኣሎ እምበር፡ ከምቲ ንገሊኣቶም ዘድንጕ ዚመስሎም፡ ንተስፋኡ ኣየደንጕዮን እዩ። (2ይ ጴጥሮስ 3፥9)***

ኣምላኽ ንህይወትካ ኣብ ሓጢኣት ከተሕልፎ ኣይደልየካን እዩ። ከም መደቡ ክትነብር እዩ ዝደልየካ፤

***...እቲ ብሲጋ ዝተረፈ ዘመን ንፍቓድ ኣምላኽ እምበር፡ ንፍትወት ሰብ ምእንቲ ኸይትነብሩ፡ ንስኻትኩምውን ነዚ ሓሳብ እዚ ኸም ኣጽዋር ጌርኩም ሐዝዎ። (1ጴጥ 4፥2)***

እግዚኣብሄር ምሳኻ ርክብ ከማዕብል ኣብ ኣፍደገ ህይወትካ ደው ኢሉ መእተዊ እናተመነየ ይሰኣል፤

***እንሆ፡ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ ኤብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ፡ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኽእ ከድረር እየ፡ ንሱውን ምሳይ። (ራእ 3:20)***

ኣምላኽ ካብ መጀመርታ ዓለም ኣትሒዙ ዝገለጾ ዕላማ ንዅሎም ሰባት ናብ ፍልጠት ክርስቶስ የሱስ ንምምጻእ እዩ ነይሩ፤

***ከምቲ ብእኡ ዝመደቦ ስምረቱ፡ ነቲ ምስጢር ፍቓዱ እናኣፍለጠና፡ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኺጥቕለልሲ፡ ብዅሉ ጥበብን ብዅሉ ኣእምሮን ነዚ ጸጋኡ ኣባና ኣውሓዞ። (ኤፌ 1፥8-10)***

ኣካል ስድራቤት ኣምላኽ ብምዃንካ "ናብ ክርስቶስ ተኣኪብካ" ኣለኻ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ስድራቤት እትውለድ፡ ንስኻ እውን ብመንፈስ ናብዛ መንፈሳዊት ስድራቤት "ዳግም ክትውለድ" ኣለካ።

ዮሃንስ ምዕራፍ 3 ኣንብብ; እዛ ምዕራፍ እዚኣ ዳግም ምውላድ እንታይ ማለት ምዃኑ ብዝርዝር ትገልጽ። ነቲ ሓድሽ ልደት ክትረክብ እዚ ክትገብር ኣለካ፤

1. ሓጥእ ምዃንካ ተኣምን፤

***ኩሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም። (ሮሜ 3 ፥ 23)***

2. ናይ ሓጢኣት መቕጻዕቲ፡ ሞት ምዃኑ ኣስተውዕል፤

ኣምላኽ ንኣዳምን ሄዋንን ሓጢኣት እንተ ገይሮም ኽም ዚሞቱ ኣጠንቂቕዎም እዩ። እዚ ማለት መንፈሳዊ ሞት (ካብ ህላወ ኣምላኽ ምፍላይ) ከምኡውን ስጋዊ ሞት ማለት እዩ። ኢየሱስ ኣብ መስቀል ምስ ሞተ ኣብ ክንዳኻ ሞተ። ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ክትረክብ ምእንቲ ሓጢኣትካ ሞይቱ፤

> *ዓስቢ ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ። (ሮሜ 6 ፥ 23)*

እዚ ምእንቲ ሓጢኣት መሰዋእቱ እንተተቐቢልካዮ፡ ድሕሪ ደጊም ኣብ ትሕቲ መቕጻዕቲ ሞት የለኻን።

3. ሓጢኣትካ ተናዘዝ፡ ይቕረታ ለምን፡ ኢየሱስ ምእንታኻ ከም ዝሞተ ድማ እመን፤
*ሓጢኣት የብልናን፡ እንተ በልና፡ ንርእስና ንጥብራ ኣሎና፡ እታ ሓቂውን ኣባና የላን።*

> *ሓጢኣትና እንተ ተናዚዝና፡ ንሓጢኣትና ይቕረ ኪብለልና፡ ካብ ኵሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ። (1ይ ዮሃ 1፡8-9)*
>
> *ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኹሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በኺ ኽሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። (ዮሃ 3፡16)*

ሕይወትካ ብኸምዚ ኣገባብ ናብ እግዚኣብሔር ምስ እተቕርቦ ብመንፈስ "ዳግም ተወሊድካ" ኣሎኻ፤

> *ስለዚ ሓደ እኳ ብክርስቶስ እንተ ኣልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሓሊፉ፡ እንሆ፡ ኵሉ ሓድሽ ኰይኑ። (2ቆሮ 5፡17)*

ዳግምምስ ተወለድካ ኣካል መንፈሳዊ ስድራቤት ኣምላኽ ትኸውን። ድሕሪ ደጊም ካብ ህላወ ኣምላኽ ኣይትፍለን ኢኻ። ብስጋ ምስ ሞትካ ንዘለኣለም ምስኡ ክትነብር ኢኻ።

ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣቢልካ ምስ ኣምላኽ ሕብረት ኣቑምካ ኣለኻ። ንወንጌል ሓቂ ሰሚዕካ ምላሽ ሂብካ ኣለኻ። ሕጂ ድምጺ ኣምላኽ ከመይ ጌርካ ከም እትለልዮ ኣብ እትመሃረሉ ደረጃ ኢኻ ዘለኻ፤

> . . . *ካብ ሓቂ ዝኾነ ኵሉ ኸኣ ድምጸይ ይሰምዕ እዩ፡ ኢሉ መለሰ። (ዮሃ 18፡37)*

## ምሕዳር መንፈስቅዱስ ኣባኻ

ንድምጺ ኣምላኽ ንኽትፈልጥ ዝሕግዘካ ካልእ ቅድመ-ኩነት ኣሎ። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ዝተባህለ ተመክሮ ይዛረብ። ውጽኢቱ ናይ'ዚ ተመክሮ እዚ፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወትካ ሓዲሩ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅቡል ዝኾነ ቅዱስ ህይወት ክትነብር ሓይሊ ይህበካ።

ኣብ ሕይወት ኣማኒ ዘሎ ኣገልግሎት መንፈስ ቅዱስ ኣብዚ ትምህርቲ ንምዝታዩ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። "ኣገልግሎት መንፈስ ቅዱስ" ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ ናይ ሃርቨስታይም ኢንተርናሽናል ኔትወርክ ኮርስ ነዚ ኣርእስቲ ዝተወፈየ ኮይኑ ጥምቀት መንፈስ ቅዱስ ብኸመይ ከም እንቕበል መምርሒታት ዝህብ እዩ።

ሓደ ካብቲ ኣገዳሲ ኣገልግሎት ናይቲ ኣብ ውሽጢ ዝሓድር መንፈስ ቅዱስ ንኣማኒ ናብ ፍቓድ ኣምላኽ ምምራሕ እዩ፤

> *እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፣ ንሱ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዚዛረብ እምበር፡ ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ እሞ፡ ንሱ ነቲ ዚመጽእ ኪፍልጠኩም፡ ናብ ኵሉ ሓቂውን ኪመርሓኩም እዩ።*
> *ንሱ ኻባይ ኪወስድን ኪነግረኩምን እዩ እሞ፡ ንኣይ ኪኸብረኒ እዩ። (ዮሃ 16:13-14)*

መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፤

> *. . . እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም። (ሮሜ 8 ፥ 14)*

ኣብ መንጎ ውሉድ ኣምላኽ ምዃን (ዳግም ምውላድ) ን ብመንፈስ ቅዱስ ምምራሕን ንጹር ዝምድና ኣሎ። እቲ ተፈጥሮኣዊ ሰብ (ዳግም ዘይተወልደ) ናይ መንፈስ ቅዱስ መምርሒ ኣይቅበልን ኣይክተልን እዩ። በቲ ሓድሽ ናይ ልደት ተመክሮ "መንፈሳዊ ሰብ" ስለዘይኮነ፡ ንድምጺ ኣምላኽ ኣየለልዮን እዩ፤

> *እቲ ስጋዊ ሰብ ነቲ ኣብ መንፈስ ኣምላኽ ዘሎ ኣይቅበሎን፡ ብመንፈስ ዚምርመር ስለ ዝኾነ፡ ንእኡ ዕሽንነት እዩ እሞ፡ ኪስተውዕሎ ኣይከኣሎን እዩ። (1ቆሮ 2፥14)*

እዞም ዝስዕቡ ካብ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ዝተወሰዱ ኣብነታት፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወት ኣመንቲ ዘለዎ መሪሕነት ዘርእዩ እዮም፤

**ፊሊጶስ፤**

ሓደ ፊልጶስ ዝበሃል ናይ ቤተ ክርስቲያን ዲያቀን ብመንፈስ ተመሪሑ ናብ ጋዛ ዝወስድ በረኻዊ መንገዲ ዝረኣዮ ሰረገላ ተጸንበረ፤

> *መንፈስ ከኣ ንፊልጶስ፡ ሕለፍ፡ ናብቲ ሰረገላ ቕረብ፡ በሎ። (ግብ 8:29)*

ፊልጶስ ንመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ተኣዘዘ። በዚ ድማ ኣብታ ሰረገላ ዝነበረ ኢትዮጵያዊ ሰብ ድሕነትን ብማይ ጥምቀትን ረኺቡ እዩ።

**ጴጥሮስ፤**

ጴጥሮስ ካብ ቂሳርያ ዝመጹ ሰለስተ ሰባት ሒዙ ክኸይድ ብመንፈስ ቅዱስ ተነግሮ። ጴጥሮስ ከምዚ በለ፡

> *መንፈስ ከኣ ከይተዋላወልኩ ምሳታቶም ክኸይድ ነገረኒ። እዞም ሹድሽተ ኣሕዋት ድማ ምሳይ ከዱ፡ ኣብ ቤት እቲ ሰብኣይውን ኣቶና። (ግብ 11 ፥ 12)*

ጴጥሮስ ንመሪሕነት መንፈስ ቅዱስ ኣለልዩ እዩ። መንፈስ ብውሽጡ ክዛረብ ከሎ ፍቓድ ኣምላኽ ክገልጸሉ ከሎ ጥርጣረ ኣይነበሮን። ንሱ ተኣዚዙ ውጽኢቱ ድማ ናይ መጀመርታ ንኣይሁድ ዘይኰኑ ኣገልግሎት ንኣህዛብ ኮይኑ።

**ጳውሎስ፤**

ጳውሎስ ብዙሕ ግዜ ብመንፈስ ቅዱስ ብምድራኽ ናይ ወንጌላዊ መደቡ ይቕይር ነይሩ፤

*ኣብ ሚሲያ ምስ በጽሑ፡ ናብ ቢቲንያ ኪኸዱ ፈተኑ፡ መንፈስ የሱስ ግና ኣይፈቐደሎምን። (ግብ 16:7)*

ጳውሎስ ናብ ሚስያ ክኸይድ መደበ፡ መንፈስ ቅዱስ ግን ዝተፈልየ ኣንፈት ሃቦ።

እዞም ሰለስተ ኣብነታት ገለ ካብቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘለዉ ብዙሓት ኮይኖም መንፈስ ቅዱስ ከመይ ጌሩ ድምጺ ኣምላኽ ክትሰምዕ ከም ዘኽእለካ ዘርእዩ እዮም። ከምቲ ኢየሱስ ዘተስፈዎ መንፈስ ቅዱስ ንፍቓድ ኣምላኽ ወሲዱ ይገልጸልካ እዩ።

## *መንፈሳዊ ብስለት*

*. . . ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ። (ሮሜ 12 ፡ 2)*

ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ህጻን ምስ ተወልደ፡ ድምጺ ወለዱ ከለሊ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ኣብ ዝተወሰነ ደረጃ ብስለት ክበጽሕ ኣለዎ። ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እውን ከምኡ እዩ። ኣብ መጀመርታ ዳግም ምውላድካ ኣምላኽ ክዛረበካ ከሎ ድምጹ ከተለልዮ ኣይትኽእልን ትኸውን። ኣብ መጀመርታ መንፈስ ቅዱስ ምቕባልካ፡ እቲ መንፈስ መዓስ ፍቓዱ ከም ዝገልጸልካ ዘይክርደኣካ ይኸውን። መንፈስ ቅዱስ ግን ፍቓድ ኣምላኽ ክገጸልካን ክመርሓካን ክቀጽል እዩ። ብመንፈሳዊ መዳይ እናበሰልካ ምስ ከድካ፡ ነዚ ኣብ ውሽጢ መንፈስካ ዘሎ ድምጺ ኣምላኽ እናለለኻዮ ክትመጽእ ኢኻ።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እዚ ኣብ መንነ ተፈጥሮኣውን መንፈሳውን ዘሎ ምምስሳል ይዛረብ፤

*ጸባ ዚቕለብ ዘበለ ኸሉ ቈልዓ እዩ እሞ፡ ብናይ ጽድቂ ነገር ፍቱን ኣይኰነን።*

*ዕጹም ብልዒ ግና ኑቶም ጸቡቕን ክፉእን ንምፍላይ ብምልማድ ንልቦናኦም ዚላምዱ ብጹሓት እዩ። (እብ 5 ፡ 13-14)*

ኣብዘን ጥቕስታት ዝተጠቕሳ "ጸባ"ን "ስጋን" ነቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ዝኾነ ቅዱስ መጽሓፍ ዘመልክት እዩ። ዳግማይ ምስ ተወለድካ ገለ ካብቲ ቀለልቲ ሓቅታት (ጸባ) ናይቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ክትመሃር ትጅምር። እናበሰልካ ምስ ከድካ፡ ነቲ ዝዓሞቐ ሓቅታት (ስጋ) ቃል ኣምላኽ ክትመልኮ ትኽእል ኢኻ።

ነቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ምጽናዕካ እናቐጸልካ፡ መንፈሳዊ ህዋሳትካ'ውን እናዓበየ ይመጽእ። ጽቡቕን ክፉእን ንምፍላይ ክትጥቀመሉም እናኽኣልካ ትመጽእ ማለት እዩ።ንፍቓድ ኣምላኽን መንገዱን ካብቲ ግጉይ መገዲ ህይወት ትፈልዮ። ነዚ እዩ ድማ ነቲ ጽሑፋዊ ቃል ኣምላኽ ምጽናዕ ኣገዳሲ ዝኾነካ።

ብመንፈስ እናበሰልካ ምስ ከድካ፡ ድሕሪ ደጊም ምስ ዓለም "ኣይትመሳሰልን" ኢኻ። ምምስሳል ማለት ብመሰረት ዝተወሰነ መለክዒ ፋሽን ወይ ቅርጺ ምኻድ ማለት እዩ። መንፈሳዊ ብስለት ምስ ምስሊ ዓለማዊ መለክዒታት ዘይኮነስ ምስ ምስሊ ክርስቶስ ከሰማምዓካ እዩ።

መንፈሳዊ ብስለት እውን ስምዒታዊ ብስለት ክትረክብ ይሕግዘካ እዩ። ስምዒታዊ ብስለት እንተ ጉዲሉካ፡ ኣገደስቲ ውሳነታት ብሕርቃን ወይ ርእሰ-ስቓይ ኪውሰድ ይኽእል እዩ። ኣብ ነዊሕ ድማ ውጽኢቱ ኣዕናዊ ክኸውን ይኽእል።

ብመንፈስ እናበሰልካ ምስ ከድካ "ፍረ መንፈስ ቅዱስ" እናማዕበልካ ትኸይድ፣ እዚ ድማ ስምዒታዊ ብስለት ዘስዕብ መርትዖታት መንፈሳዊ ብስለት እዩ፤

*እቲ ፍረ መንፈስ ግና ፍቕሪ፡ ሓጐስ፡ ዕርቂ፡ ዓቕሊ፡ ለውሃት፡ ሕያውነት፡ እምነት፡ ህድኣት፡ ይእኽለኒ ምባል እዩ። ነዚ ኸምዚ ዘመሰለ ዚጻረሮ ሕጊ የልቦን። (ገላ 5፡22-23)*

## ትራንስፎርሜሽን (ምልዋጥ)

*. . . ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር. . . (ሮሜ 12 ፥ 2)*

መንፈሳዊ ብስለት ኣብ መወዳእታ ናብ ለውጢ ይመርሕ- ካልእ ቅድመ ኩነት ኮይኑ - ድምጺ ኣምላኽ ክትፈልጥ ዘኽእለካ እዩ። ተፈጥሮኣዊ ሰብ (ባህርይ ወዲ ሰብ) እንታይ ክገብር ከም ዝብህግ ካብ እቲ እግዚኣብሔር ንህይወትካ ዝብህገልካ ዝተፈለየ እዩ። እዚ ድማ ኣብ መንጎ ስጋ (ተፈጥሮኣዊ ሰብ) ን መንፈሳዊ ሰብን (መንፈሳዊ ሰብ) ግርጭት ይፈጥር።

ጳውሎስ ብዛዕባ እዚ ግጭት እዚ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ።

> ***ስጋ ነቲ ምስ መንፈስ ዚጻረር ይምኒ፡ መንፈስውን ነቲ ምስ ስጋ ዚጻረር እዩ ዝምነ። ነቲ እትደልይዎ ምእንቲ ኸይትገብሩ፡ እዚኣቶም መጻረርቲ እዮም። (ገላ 5፡17)***

ጳውሎስ ምስ ምፍጻም ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ዝምልከት ጉዳያት ቀጻሊ ቃልሲ ስጋ፡ ኣንጻር መንፈስ ከምዘሎ ኣስተውዒሉ። እዚ ቃልሲ እዚ ኣብ ኣእምሮ ዝፍጸም ምዃኑ ኣለልዩ፤

> ***ግናኸ ኣብ ኣካላተይ ምስ ሕጊ መንፈሰይ ዚዋጋእ፡ ናብቲ ኣብ ኣካላተይ ዘሎ ሕጊ ሓጢኣት ኣቢሉውን ዚማርኸኒ ኻልእ ሕጊ እርኢ ኣሎኹ። (ሮሜ 7 ፥ 23)***

በዚ ምኽንያት ድማ ከምዚ ኢሉ ተማሕጺኑ፡

> ***እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዚብልን መስዋእቲ ጌርኩም ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላኽ ኣምዕደኩም ኣሎኹ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ።***

> ***እቲ ሰናይን ባህ ዚብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ኽትምርምሩሉ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ። (ሮሜ 12 ፥ 1-2)***

እምዕደኩም ኣለኹ ማለት እልምነኩም፡ እምሕጸነኩም፡ ወይ ይሓተኩም ማለት እዩ። "ንኣካላትኩም ህያው መስዋእቲ ጌርኩም ኣቕርቡ" ዝብል ሓረግ፡ ንእግዚኣብሄር ብዘይ ዕቃብ ኢድካ ምሃብ ዘመልክት እዩ።

ንሓደ ነገር ንመስዋእቲ ምቕራብ ማለት ምሉእ ብምሉእ ሓዲግካ ምሃብ ማለት እዩ። ኣብ ብሉይ ኪዳን መስዋእቲ ክቐርብ ከሎ፡ ወይ ብሓዊ ክቃጸል፡ ወይ ንካህን ፈጺሙ ክወሃብ፡ ወይ ድማ ክልቲኡ፡ ብመሰረት እቲ ሕጊ ዝሕብሮ ይትግበር። እቲ መስዋእቲ ዝሃበ ሰብ ተወሳኺ ናይ ዋንነት ሕቶ ኣይህልዎን።

ንኣምላኽ ኢድና ምሃብና እውን ከምኡ ክኸውን ኣለዎ። እቲ ተፈጥሮኣዊ ሰብ - እቲ ኣረጊት ርእሰ ተፈጥሮ - ንዓለምን ንስጋን ክመውት ኣለዎ። እዚ እዩ "ለውጢ" ማለት።ናብ ካልእ ብጉይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተቐድሐ ምስሊ፤ምቅያርን ምልዋጥን የመልክት፡

> ***ምስ ክርስቶስ ተሰቒልኩ። (ገላ 2፡20)***

> ***እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ኸኣ ነቲ ስጋኦም ምስናይ ፍትወቱን ትምኒቱን ሰቒሎምዎ እዮም። (ገላትያ 5፡24)***
> ***ንኻልኦት እናሰበኽኩ፡ ንርእሰይ ድርቡይ ምእንቲ ኸይከውን፡ ንስጋይ ኤሰቅዮን ኤግዝኦን ኣሎኹ። (1ቆሮ 9፡27)***
> ***እምብኣርሲ ንትምኒቱ ኸይትእዘዙ፡ ኣብዚ መዋቲ ስጋኹም ሓጢኣት ኣይንገስ። (ሮሜ 6 ፥ 12)***

*እምብኣርከ፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ እዚ ተስፋታት እዚ ካብ ዚህልወና፡ ብፍርሃት ኣምላኽ ቅድስና እናመላእና፡ ካብቲ ስጋን መንፈስን ዚርክስ ዘበለ ኹሉ ርእስና ነንጽህ። (2ቆሮ 7፡1)*
*ከምኡ ድማ ንስኻትኩም ካብ ሓጢኣት ከም ዝሞትኩም፡ ብክርስቶስ የሱስ ግና ንኣምላኽ ህያዋን ከም ዝኾንኩም፡ ርእስኹም ቍጸሩ። (ሮሜ 6 ፡ 11)*

ጭቡጥ ኣካላዊ ስቕለት ከምቲ ኢየሱስ ዘጋጠሞ ዘይባህርያዊ ሞት እዩ። ንርእሰ-ባህሪ ዝተኣዘዘ ሞት ስቕለት ምኳኑ ትርጉም ኣለዎ። ስጋዊ ባህሪ ወዲ ሰብ ብባህርያዊ ሞት ፈጺሙ ኣይመውትን እዩ። ብፍቓዱ ኣይመውትን እዩ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ዝግበር ጭቡጥ ስቕለት ብሓይሊ ክቕተል ኣለዎ።

ብመሰረት ሮሜ 12:1-2 ከምዚ ዝኣመሰለ ኢድካ ምሃብ ቅድሚ ምፍላጥ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። ድምጺ ኣምላኽን ፍቓዱን ክትፈልጥ እንተደሊኻ መጀመርያ ኢድካ ክትህብ ኣለካ። ሙብዛሕትኡ ግዜ ነቲ መስርሕ ክንግልብጦ ንደሊ ኢና። እዚ ማለት ፍቓዱ ክንፈልጥ ንደሊ፣ ድሕሪኡ ድማ ኢድና ክንህብ እንተኾይንና ክንውስን ንደሊ ማለት እዩ። ሮሜ 12፡1-2 ግን ኢድካ ምሃብ ከም ዝቕድም ይሕብር።

ኢድካ ምሃብ ድሕር እንብልሉ ምኽንያት ፍቓድ ኣምላኽ ወትሩ ቅቡልን ሰናይን ፍጹምን ምኳኑ ስለዘይንርዳእ እዩ። ነዚ መሰረታዊ ኣምር ስለዘይተሓዝናዮ ፍጹም ንኣምላኽ ኢድና ምሃብ ንፈርሕ፤

*ኣነ ዝሓስበልኩም ዘሎኹ ሓሳብ እፈልጦ እየ፡ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ፡ ሓሳብ ደሓን እምበር፡ ናይ ክፉእ ኣይኰነን፡ ይብል እግዚኣብሄር። (ኤር 29፡11)*

## ምሕዳስ ሓሳብ

ኣእምሮኻ ምስ መትከላት ናይቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ዓለም ክሰማማዕ ባህርያዊ እዩ። እዚ ከኣ ብሰንኪ መሰረታዊ ናይ ሓጢኣት ባህርይካ እዩ ዝኸውን። ብጽልዋ ባህልኻ እውን ከጋጥም ይኽእል እዩ።

እግዚኣብሄር ግን ምስ ዓለም ክትሰማምዑ ዘይኮነስ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ ይብል። እዛ "ተለወጡ" እትብል ቃል ናብ ሓድሽ ምስሊ ምቅያር ወይ ምልዋጥ ማለት እዩ። እቲ ቅዲ እቲ ምስሊ እቲ ጐይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ።

*ንሕና ኹላትና ግና ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ኽብሪ ጐይታ ኸም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ፡ ከም ካብ መንፈስ ጐይታ ኽብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልወጥ። (2ቆሮ 3፡18)*

ብመሰረት ሮሜ 12፡2 ምልዋጥ ዝመጽእ ኣእምሮኻ ብምሕዳስ እዩ። እዚ ማለት ካብ ዓለማዊ መለክዒታትን መትከላትን ክትገላገልን ምስቲ ኣብ ዝተገልጸ ናይ እግዚኣብሔር ጽሑፍ ቃል መትከላት ክትሰማማዕን ኣለካ ማለት እዩ።

ናይ ክርስቶስ ሓሳብ እናማዕበልካ ክትመጽ ከለካ ኣእምሮኻ ይልወጥ ማለት እዩ፤

*እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዝነበረ ሓሳብ ኣባኻትኩምውን ይሀሉኹም። (ፊል 2፡5)*

"ይሃሉኹም" ዝብል ቃል ናይ ክርስቶስ ሓሳብ ንኽህልወካ ምርጫ ክትገብር ከምዘለካ እዩ ዘመልክት። ለውጢ ኣእምሮ ክኸውን ክትፈቅድ ኣለካ። ኣብ ምምዕባል ናይቲ ዝተቐየረ ኣእምሮ ሓላፍነት ኣለካ። ብኣምላኽ ብኣውቶማቲክ ዝግበረልካ ነገር ኣይኮነን፤

> ***ስለዚ ሓቛቕ ልብኹም ተዐጢቕኩም እናተጠንቀቕኩም፡ ነቲ ብምግሃድ የሱስ ክርስቶስ እትረኽብዎ ጸጋ ምሉእ ተስፋ ግበሩ። (1ጴጥ 1፡13)***

***ሓቛቕ ልብኹም ተዐጢቕኩም*** ማለት ንናይ ኣእምሮ ሓይልኻ ምኽዳን ወይ ምሕላው ማለት እዩ። ንኣእምሮ ንምልዋጥ ወይ ንምጽጋን ኣብ ቃል ኣምላኽ ምጥሓል የድሊ። ኣብ ክርስቶስ እንታይ ዓይነት ኣእምሮ ከም ዝነበረ ንምርካብ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ድለዩ። (ኣብዚ ምዕራፍ እዚ "ንተወሳኺ መጽናዕቲ" ዝብል ክፋል ነዚ ክትገብር ክሕግዘካ እዩ።)

እግዚኣብሄር ሕግታቱ ኣባካ እናኣእተወ ኣእምሮኻ ይልወጥ፤

> *. . . **ሕግታተይ ኣብ ኣእምሮኦም ከእትዎም እየ።** (እብ 8 ፡ 10)*

ናይ ኣእምሮ ሓይሊ ተጠቂምካ ግጉይ ሓሳባት ኣውሪድካ ናብ ምርኮ ኣምጽእ፤

> ***ብእኡ ኸኣ ሓሳባትን ምስ ፍልጠት ኣምላኽ ንዚጻላእ ልዕል ዝበለ ነገር ኵሉን እናፍረስና፡ ኵሉ ኣእምሮውን ንምእዛዝ ክርስቶስ ንማርኾሉ ኢና። (2ቆሮ 10፡5)***

ናይ ሓሳብ ህይወትካ ናይ ምቁጽጻር ሓላፍነት ኣለካ፤

> ***ብዝተረፈስ ኣሕዋተየ፡ ሓቂ ዘበለ፡ ርዝነት ዘለዎ ዘበለ፡ ቅኑዕ ዘበለ፡ ንጹህ ዘበለ፡ ተፈታዊ ዘበለ፡ ጽቡቕ ወረ ዘለዎ ዘበለ፡ ገለ ደግነት እንተ ኰይኑ፡ ገለ ንእዶውን እንተ ኰይኑ፡ ብእኡ ሕሰቡ።** (ፊል 4:8)*

ሽዑ ምስ ጳውሎስ ክምዚ ክትብል ትኽእል ኢኻ፤

> *. . .**ንሕና ግና ናይ ክርስቶስ ሓሳብ ኣሎና።** (1ቆሮ 2፡16)*

ኣእምሮ ክርስቶስ ፍቃድ ኣምላኽ ንምፍጻም ተዳልዩን ቀሪቡን ነበረ።

## ፍቓድ ኣምላኽ ምርግጋጽ/ምምርማር

ነዚ ዝስዕብ ሰንጠረዥ ኣጽንዕዎ። ነፍሲ ወከፍ ኣብዚ ምዕራፍ እዚ እተዘተየሉ ቅድመ-ኩነት ኣብ ሮሜ 12:1-2 ከም እተጠቓለለ ክትፈልጥ ኢኻ፦

| **ቃል ኣምላኽ ምርግጋጽ/ምምርማር** | |
|---|---|
| እምበኣርሲ ኣሕዋተይ<br>ብምሕረት ኣምላኽ ይምዕደኩም ኣለኹ... | ናብ ቅድሚ ኣምላኽ በቲ ብመንገዲ ስቕለት ናይ የሱስ<br>ዝተዘርግሐ ምሕረት ኣምላኽ ኢኻ ቐሪብካ። |
| ንስጋኹም ህያውንቅዱስን ኈርኩም ከተቅርብዎ<br>እዚ ኸኣ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎት... | መንፈሳዊ ብስለት ብምኽንያት ስራሕ ናይ መንፈስ ቅዱስ<br>ኣብ ውሽጢ ህይወትካ። |
| ብምሕዳስ ሓስብኩም ተለወጡ እምበር ነዛ<br>ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ | ምልዋጥ በቲ ቓል፡ ብምሕዳስ ሓሳብ፡ |

*ናይ ሓድሽ ልደት ተመክሮ፡ ማሕደር መንፈስቅዱስ ምዃን፣ መንፈሳዊ ብስለት፣ ከምኡውን ምቕያር ኣእምሮ--እዚኦም ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ምፍላጥ ብኸመይ ይዛመዱ? ብመሰረት ሮሜ 12፡1-2 ናብ ፍልጠት ፍቓዱ ዝመርሑ ቅድመ-ኩነት እዮም፤*

> ***እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ኸትምርምሩሉ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ። (ሮሜ 12 ፡ 2)***

*"ምርግጋጽ/ምምርማር" ዝብል ቃል፡ ንሓደ ነገር ምውሳን፡ ምርግጋጽን ርግጸኛ ምዃንን ማለት እዩ። እዞም ቅድመ-ኩነት እዚኣቶም ናብ ምርግጋጽ/ምምርማር ፍቓድ ኣምላኽ ይመርሑ።*

*"ፍቓድ ኣምላኽ" ግን ብልክዕ እንታይ ማለት እዩ? ከምኡ'ውን "ጽቡቕን ፍጹምን ቅቡልን" ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ እዩ? ፍቓድ ኣምላኽ "ምጽራይ" ወይ ምውሳን ኣገዳሲ ዝኾነ ስለምንታይ እዩ?*

*መልሲ ናይዞም ሕቶታት ኣብ ዝቕጽሉ ምዕራፋት ክንምርምር ኢና።*

## ርእሰ ገምጋም

1. *መሪሕ ጥቕስታት ዘኪርካ ጽሓፍ።*

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

2. "*ቅድመ-ኩነት*" *ዝብል ቃል እንታይ ማለት እዩ*?

______________________________________________________________________

3. *ፍቓድ ኣምላኽ ንምፍላጥ - ከም ኣድለይቲ - ኣብዛ ምዕራፍ እዚኣ ቀሪቦም ዘለዉ ቅድመ-ኩነት እንታይ እዮም፧*

______________________________________________________________________

4. *ቀንዲ ኣገልግሎት መንፈስ ቅዱስ ምስ ምፍላጥ ድምጺ ኣምላኽ ዝተኣሳሰር እንታይ እዩ*?

______________________________________________________________________

5. *ዳግም ምውላድ ማለት እንታይ ማለት እዩ፧*

______________________________________________________________________

6. *ድምጺ ኣምላኽ ንምፍላጥ ዳግማይ ምውላድ ዘድሊ ስለምንታይ እዩ፧*

______________________________________________________________________

7. *ብመንፈስ ብሱል ምዃን እንታይ ማለት እዩ፧*

______________________________________________________________________

8. "*ተለወጡ*" *ዝብል ቃል ከምቲ ኣብዚ ምዕራፍ ዝተጠቕመሉ ግለጽ።*

______________________________________________________________________

9. *እዚ ሓሳብ እዚ ሓቂ ድዩ ሓሶት፦ ብመሰረት ሮሜ* 12፥1-2 *ኢድካ ምሃብ ቅድሚ ምፍላጥ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ።*
*እቲ ሓሳብ፡*_________________ *እዩ።*

(*መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።*)

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

1. ንተወሳኺ መጽናዕቲ ሓድሽ ልደትን መንፈሳዊ ብስለትን፡ "መሰረታት እምነት" ዝብል ናይ ሃርቨስታይም ዓለምለኻዊ ትካል ኮርስ ውሰዱ። ንተወሳኺ መጽናዕቲ መንፈስ ቅዱስ፡ "ኣገልግሎት መንፈስ ቅዱስ" ዝብል ናይ ሃርቨስታይም ዓለምለኻዊ ትካል ኮርስ ውሰዱ።

2. እዚ ምዕራፍ እዚ ብዛዕባ ኣድላይነትብምሕዳስ ሓሳብካ ምልዋጥ ተዛሪቡ ነይሩ። ቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣመንቲ ከምዚ ዝስዕብ ኣእምሮ ክህልዎም ከምዘይብሉ ይሕብሩ፤

| | |
|---|---|
| ዝተረረ | ዳንኤል 5፡20 |
| ዝተነጸገ፡ | ሮሜ 1፡28 |
| ስጋዊ፡ | ሮሜ 8፡6 |
| ዝጠራጠር: | ሉቃስ 12:29 |
| ዝዓወረ፡ | 2ይ ቈረንቶስ 3፡14፤ 4 ፡ 14 |
| ዝተበላሸወ፡ | 2ቆሮ 11፡3 |
| ስጋዊ፡ | ኤፌሶን 2፡3፤ ቈሎሴ 2፡18 |
| ከንቱ፦ | ኤፌሶን እዩ። 4 ፡ 17 |
| ምድራዊ፡ | ፊልጲ 3፡19 |
| ብእኩይ ግብሪ ዝተረሓቐ፡ | ቈሎሴ 1፡21 |
| ድርብ ኣተሓሳስባ ዘለዎም፦ | ያእቆብ 1:8፤ 4፡8 |
| ርኹስ፡ | ቲቶስ 1፡15 |

3. መጽሓፍ ቅዱስ እቲ ዝተቐየረ ኣእምሮ ኣመንቲ ክኸውን ከም ዘለዎ ይሕብር፡

| | |
|---|---|
| መንፈሳዊ፡ | ሮሜ 8፡6 |
| ድሉው፡ | 1ጴጥ 5፡2 |
| ንጹህ፡ | 2ይ ጴጥሮስ 3፡1 |
| ጸኒሑ፡ | ኢሳይያስ 26፡3 |
| ሰላማዊ፡ | ፊልጲ 4፡7 |
| ዝተሓደሰ፡ | ኤፌሶን 4፡23 |
| ትሑት፡ | ቈሎሴ 3፡12 |
| ልዙብ፡ | ቲቶስ 2፡6 |
| ጥዑይ፡ | 2ይ ጢሞቴዎስ 1፡7 |
| ፈቃር፡ | ማቴዎስ 22፡37 |
| ዘገልግል፡ | ሮሜ 7:25 |
| ምሉእ ብምሉእ ዝተረትዐ፡ | ሮሜ 14፡5 |
| ውሁድ፡ | 1ይጴጥሮስ 3፡8፤4፡1፤ ሮሜ15:6፤1ቆሮ 1፡10 |
| ቅኑዕን ፍቓደኛን፡ | 1ይ ዜና መዋእል 28፡9 |
| ንስራሕ ርእሱ ዘለማመደ፡ | ነህምያ 4፡6 |

# ምዕራፍ ሰለስተ

# ፍቓድ ኣምላኽ

***ዕላማታት፤***

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ እዞም ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፋ ኢኻ።
- ትርጉም "ፍቓድ" ክትነግር ኢኻ።
- ሎሚ ኣብዛ ዓለም ኣብ ስራሕ ዝርከቡ ሰለስተ ዓይነት ፍቓድ ክተለልይ ኢኻ።
- ንሰለስተ ትርጉማት ፍቓድ ኣምላኽ ክትገልጽ ኢኻ።
- ፍቓድ ኣምላኽ ምግባር ኣገዳሲ ዝኾኑሉ ምኽንያታት ክትዝርዝር ኢኻ።
- ንፍቓድ ኣምላኽ ምትግባር ቅኑዕ ድርኺት ክተለሊ ኢኻ።

***መሪሕ ጥቕሲ፤***

> ***ኣነ ፍቓድ እቲ ዘለኣኸኒ እምበር፡ ፍቓደይ ምእንቲ ኽገብር ኣይኰንኩን ካብ ሰማይ ወሪደ ዘሎኹ። (ዮሃ 6፡38)***

## ***መእተዊ***

እዚ ምዕራፍ እዚ ሎሚ ኣብ ዓለም ኣብ ስራሕ ዝርከቡ ሰለስተ ዓይነት ፍቓድ የነጽር። ትርጉም "ፍቓድ ኣምላኽ" ይገልጽ፡ ንህይወት የሱስ ምስቲ ፍቓድ ኣተሓሒዙ ይምርምር፡ ኣገዳስነት ፍቓድ ኣምላኽ ድማ የጉልሕ።

## ***ትርጉም "ፍቓድ"***

ብዙሕ ግዜ ንጥቀመሉ ትርጉም ናይ "ፍቓድ" ዝብል ቃል ፡ ምውሳን ወይ ፍቓድ መሰረት ብምግባር ውሳነ ምሕላፍ እዩ። ፍቓድ ሓይሊ ናይ ምርጫ እዩ። ሎሚ ኣብ ዓለምና ሰለስተ ዓይነት ፍቓድ ኣብ ስራሕ ይርከቡ፤

***ርእሰ-ፍቓድ፤***

እዚ ፍቓድ ወዲ ሰብ ኲይኑ፣ ብናቱ መንገዲ ክኸይድ ዝምነ መሰረታዊ ርእሰ ፍትወት ባህሪ እዩ። ንህይወትካ ብርእሰ-ፍቓድ ክትመርሕ ከለኻ፡ ካብ ኣምላኽ ተፈሊኻ ብፍቓድካ ተመርኲስካ ምርጫታት ትገብር። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ርእሰ-ፍቓድ የጠንቅቕ፤

> ***ጐይታየ፡ መገዲ ሰብ ካብ ርእሱ ኸም ዘይኰነ፡ እቲ ዚመላለሰውን ሰጉሚኡ ኬቕንዕ ዓቕሚ ኸም ዜብሉ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። (ኤር 10፡23)***

ርእሰ-ፍቓድ ስራሕ ናይ ስጋዊ ባህሪ ወዲ ሰብ እዩ፤

*ምናዳ ግና ነቶም ብርኹስ ትምኒት ደድሕሪ ስጋ ዚኸዱ፡ ንጐይትነት ከኣ ዚንዕቑ፡ ደፋራት፡ ፈተውቲ ርእሶም፡ ንኽብርታት ኪጸርፉ ዘየንቀጥቅጡ፡ (2ይ ጴጥ 2፡10)*

መጽሓፍ ቅዱስ ንውጽኢት ርእሰ-ፍቓድ መዝገቡ ኣሎ፤

*ብምኽሪ ርእሶም ኪመላለሱሰ፣ ኣብ ጽንዓት ልቦም ሓደግኽዎም። (መዝ 81 ፡ 12)*

ሎሚ ኣብ ዓለም ዘሎ ሓጢኣትን መከራን ሽግርን ኩሉ ውጽኢት ናይቲ ሰብ ንፍቓድ ኣምላኽ ከይተኣዘዘ ዝነብሮ እዩ። ዳዊት ብዛዕባ ኣብ ህይወት እኩያት ሰባት ዝዓዩ ዝነበረ ርእሰ-ፍቓድ ይዛረብ፤

*ሓሰውቲ ምስክር ዓመጻ ዜተንፍሱን ሰባት ተላዒሎም እዮም እሞ፣ ንእደዳ ተጻረርተይ ኣይተሕልፈኒ። (መዝ 27 ፡ 12)*

መጽሓፍ ቅዱስ፡ መራሕቲ ቤተ ክርስቲያን ፍቓድ-ርእሲ ዘይብሎም ኪኾኑ ይገልጽ፤

*እቲ ኤጲስቆጶስ ከኣ መንቅብ ዜብሉ፡ ሰብኣይ ሓንቲ ሰበይቲ፡ ብርኽሰት ወይስ ብዘይ ምእዛዝ ዘይሕመዩ ኣመንቲ ውሉድ ዘለውዎ፡ ተቐባል ጋሻ፡ ሰናይ ዚፈቱ፡ ለባም፡ ቅኑዕ፡ ቅዱስ፡ ይኣኽለኒ በሃሊ፡ መንቅብ ዜብሉ፡ ከም ናይ ኣምላኽ መጋቢ እምበር፡ ፈታው ርእሱ ዘይኰነ፡ ዘይኩራ፡ ናብ መስተ ዘየድህብ፡ ዘይዋቓዕ፡ ርኹስ ረብሓ ዘይደሊ ሰብ ኪኸውን (ቲቶስ 1፡7)*

**ፍቓድ-ሰይጣን፤**

ሰይጣን ፍቓድ ኣለዎ። ኣብ ህይወትካ ንዘሎ ኩሉ ሰናይ ነገር ከጥፍእ ይምነ። የሱስ ንጴጥሮስ ብዛዕባ እዚ ኣጠንቂቕዎ እዩ፤

**ስምኦን፡ ስምኦን፡ እንሆ፡ ሰይጣን ከም ስርናይ ኪሐሕየኩም ተመነየ።** (**ሉቃ** 22 ፡ 31)

ሰይጣን ንኹሉ ሰናይ ነገር ካብ ህይወትካ ከውጽኦ እዩ ዝደሊ። የሱስ ከምዚ በለ።

*ሰራቒ፡ ብጀካ ኺሰርቕን ኪሐርድን ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ። ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ኺረኽባ እየ ዝመጻእኩ። (ዮሃ 10፡10)*

ጳውሎስ ገለ ኣመንቲ ብፍቓድ ሰይጣን ከም ዝተማረኹ ገሊጹ፤

*ፍቓድ ኣምላኽ ኪገብሩ ኢሉ ምስ ኣውጽኦም፡ ንሳቶም ካብ መፈንጠራ ድያብሎስ ኣምሊጦም ናብ ልቦም ይምለሱ እዮም። (2ይ ጢሞ 2፡26)*

**ፍቓድ ኣምላኽ፤**

እቲ ሳልሳይ ፍቓድ ኣብ ዓለም ዝሰርሕ፡ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። እዚ ዛዕባ መጽናዕትና እዩ።

## ትርጉም ፍቓድ ኣምላኽ

**ሓድሽ ኪዳን ፈለማ ብቋንቋ ግሪኽ እዩ ተጻሒፉ። ኣብ ግሪኽ ንፍቓድ ኣምላኽ ብምጥቃስ "ፍቓድ" ዝብል ቃል ክልተ ቃላት ኣለዉ።**

***ሓንቲ ቓል "ቡለማ" እያ፣ እዚኣ ኸኣ ንልዑላዊ ፍቓድ ኣምላኽ እያ እተመልክት። እዚ ንኹሉ ኣብ ኣድማስ ዝፍጸም ኣቐዲሙ ዝወሰኖ ውጥን እዩ። እዚ ዓይነት "ፍቓድ ኣምላኽ" ሰብ ዝገብሮ ውሳነታት ብዘየገድስ ይፍጸም። ንዓለም ዝሓንጸጾ ዋና ውጥን እዩ።***

**"ቡለማ" ፍቓድ ኣምላኽ ምትሕብባር ወዲ ሰብ ኣይሓትትን እዩ። ኣብ "ቡለማ" ፍቓድ ኣምላኽ፡ ውጽኢቱ ኣቐዲሙ ዝተወሰነ እዩ። "ቡለማ" ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ቃሉ  ምሉእ ብምሉእ ተጻሒፉ ኣሎ ንጹር ድማ እዩ። እዚ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ስለ ዝተገልጸ ምንዳይ ኣየድልን እዩ።**

**እታ ካልእ "ተለማ" እትብል ቃል፡ እግዚኣብሄር ንሰብ ንፍቓድ ኣምላኽ ከስተማቕርን ክነብርን ዘለዎ ድሌት ዘመልክት እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ሰብኣይን ኣንስትን ዝምልከት ውልቃዊ መደቡ ወይ ፍቓዱ የመልክት። እግዚኣብሄር "ተለማ" ፍቓዱ ንኽፍጽም፡ ምትሕብባርካ ይሓትት። ንህይወትካ ብ"ተለማ" ወይ ብውልቃዊ ፍቓድ ኣምላኽ ክትመላለስ ዲኻ ኣይትመላለስን ናይ ምምራጽ ሓይሊ ኣለካ። እዚ "ተለማ" ፍቓድ ወይ ፍቓድ ኣምላኽ ንዓኻ ከም ውልቀሰብ እዩ ንሕና ፍቓድ ኣምላኽ ምድላይ ክንዛረብ ከለና ንውከሶ።**

**ሓደ ካልእ ዓይነት ፍቓድ ኣምላኽ "ሞራላዊ" ፍቓድ ኣምላኽ ኲይኑ፣ ኣብቲ ጽሑፍ ቃል ኣምላኽ ዝተገልጸ ትእዛዛት ኣመንቲ ከመይ ክነብሩ ከም ዘለዎም ዝምህር እዩ። እቲ ናይ ውልቀሰብን ልዑላዊ ፍቓድ ኣምላኽ ንሰብን ምስቲ ኣብ ቃሉ ዝተገልጸ ሞራላዊ ፍቓድ ኣምላኽ ፈጺሙ ኣይጋጮን እዩ። እዚ ዝሰዕብ ሰንጠረዥ ዝተፈላለዩ ትርጉማት "ፍቓድ ኣምላኽ"ብሓጺሩ ይገልጽ ፤**

| **ልኡላዊ**<br>**(ቡለማ)** | **ውልቀ ሰብ**<br>**(ብግሪኽ፥ ተለማ)** | **ሞራላዊ** |
|---|---|---|
| ኣምላኽ ኣቐዲሙ ዝወሰኖ ውጥን ንኣድማስ | ናይ ኣምላኽ ዝርዝር ውጥን ንነፍሲወከፍ | ብኸመይ ክንኣምንን ክንነብርን ከምዘለና ዝምህሩ ኣብ ቅዱስ ጽሑፋት ዝተገልጹ ሞራላዊ ትእዛዛት |
| ብውሳነታት ናይ ሰባት ኣይጽለውን | ብውሳነታት ናይ ሰባት ይጽለው | ናይ ውልቀሰብ ፍቓድን ልኡላዊ ፍቓድን ኩሉ ግዜ ምስ ሞራላዊ ይሳነዩ እዮም |

## የሱስን ፍቓድ ኣምላኽን

**ንየሱስ ፍቓድ ኣምላኽ  ኣብ ምድራዊ ኣገልግሎቱ ቀንዲ ዘገድሶ ዝነበረ ነገር እዩ። ከምዚ ኢሉ ኣዊጁ፤**

***ኣነ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር፡ ፍቓደይ ምእንቲ ኽገብር ኣይኰንኩን ካብ ሰማይ ወሪደ ዘሎኹ። (ዮሃ 6፡38)***

**ፍቓድ ኣምላኽ ንሰባት ምስኡ ቅኑዕ ዝምድና ንምፍጣር እዩ ነይሩ፤**

*ንወዲ ርእዩ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪረክብ፡ ኣነውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኽተንስኦ፡ እዚ ፍቓድ ኣቦይ እዩ እሞ፣ ካብቲ ንሱ ዝሃበኒ ዘበለ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኽተንስኦ እምበር፡ ሓደ እኳ ኸየጥፍእ፡ እዚውን ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እዩ። (ዮሃ 6፡39-40)*

ዕላማ ህይወት ክርስቶስ ፍቓድ ኣምላኽ ንምፍጻም እዩ ነይሩ። የሱስ ቈልዓ ከሎ እውን ከይተረረፈ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ምግባር እዩ ዚግደስ ነይሩ። ኣብ ቤተ መቕደስ ከሎን ወለዱ ክደልይዎ ምስ መጹን ኢየሱስ ከምዚ በለ፡

*ንሱ ኸኣ፥ ንምንታይሞ እትደልዩኒ፣ ኣብቲ ናይ ኣቦይ ዘበለ ክኸውን ከም ዚግብኣኒዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፣ በሎም። (ሉቃ 2 ፣ 49)*

ምስጢር መንፈሳዊ ሓይሉ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ምግባር እዩ ተረኺቡ፤

*የሱስ በሎም፥ ብልዔይሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ኽገብር ዕዮኡውን ክፍጽም እዩ። (ዮሃ 4፡34)*

እዛ ጥቕሲ እዚኣ፡ ዕዮ ኣምላኽ ብህይወቱን ኣገልግሎቱን ኣቢሉ ንምውዳእ ዘለዎ ጉዳይ ትገልጽ።
እቲ ኣብ ምድራዊ ኣገልግሎት ክርስቶስ ዝረአ ሓይሊ፡ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ዝተኣሳሰር እዩ፤

*ካብ ርእሰይ ገለ ኽገብር ኣይክእልን። ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር፡ ፍቓደይ ኣይደልን እየ እሞ፡ ኣነ ከምቲ ዝሰማዕክዎ እየ ዝፈርድ፡ ፍርደይ ከኣ ቅኑዕ እዩ። (ዮሃ 5፡30)*

ናይ ክርስቶስ ዘረባን ተግባራቱን ናይ ገዛእ ርእሱ ኣይነበረን። ከም ፍቃድ ኣቦ እዩ ተዛሪቡን ነቢሩን፤

*ሽዑ የሱስ መሊሱ በሎም፥ ትምህርተይሲ ናይቲ ዝለኣኸኒ እዩ እምበር፡ ናተይ ኣይኰነን። (ዮሃ 7፡16)*

*እቲ ዘየፍቅረኒ ግና ንቓለይ ኣይሕልዎን እዩ። እዚ እትሰምዕዎ ዘሎኹም ቃል ከኣ ናይቲ ዝለኣኸኒ ኣቦ እዩ እምበር፡ ናተይ ኣይኰነን፡ ኢሉ መለሰሉ። (ዮሃ 14፡24)*

*ስለዚ የሱስ፡ ንወዲ ሰብ ልዕል ምስ ኣበልኩምዎ፡ ከምቲ ኣቦይ ዝመሃረኒ ኸምኡ ኸም ዝነግር እምበር፡ ኣነ ምኻነይን ካብ ርእሰይ ሓንቲ ኸም ዘይገብርን፡ ሽዑ ኽትፈልጡ ኢኹም። (ዮሃ 8፡28)*

*ካብ ርእሰይ ገለ ኽገብር ኣይክእልን። ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር፡ ፍቓደይ ኣይደልን እየ እሞ፡ ኣነ ከምቲ ዝሰማዕክዎ እየ ዝፈርድ፡ ፍርደይ ከኣ ቅኑዕ እዩ። (ዮሃ 5፡30)*

ብስቕለት ንሞት ኣብ ዝገጠመሉ ግዜ እውን እንተኾነ ኢየሱስ ከምዚ ኢሉ ጸለየ፤

*ቅሩብ ርሒቑ ኢሉ ብገጹ ተደፊኡ ጸለየ በለውን፡ ኣቦይ፡ ዚከኣል እንተ ኾይኑስ፡ እዛ ጽዋእ እዚኣ ኻባይ ትሕለፍ። ግናኸ ንስኻ ኸም እትደልዮ እምበር፡ ኣነ ኸም ዝደልዮ ኣይኹን። (ማቴ 26 ፣ 39)*

ኢየሱስ ከምኡ ክገብር ፍቓድ ኣምላኽ እንተኾይኑ ክመውት ፍቓደኛ እዩ ነይሩ። ህይወት የሱስ ምስ ልዑላዊን ሞራላውን ውልቃዊ ፍቓድ ኣምላኽን ዝሰማማዕ ፍጹም ኣብነት እዩ።

## ኣገዳስነት ፍቓድ ኣምላኽ

ፍቓድ ኣምላኽ ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ  . . .

**ንዘልኣለማዊ ዕጫኻ ዘውሰን እዩ፤**

ዘለኣለማዊ ዕጫኻ ኣብ ምፍጻም ፍቓድ ኣምላኽ እዩ ዝምርኮስ። ነቲ ናይ እግዚኣብሔር ህይወት ምድሓን መደብ ብኣወንታ ክትምልስ ይግብኣካ . . .

> ***....እታ ናብ ህይወት እትወስድ ደገ ግና ጸባብ፡ መገዳውን ቀጣን እያ፣ እቶም ዚረኽብዋ ኸኣ ሒደት እዮም እሞ፣ በታ ጸባብ ደገ እተዉ። (ማቴ 7:14)***

> ***ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር እምበር፡ ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ ዚብለኒ ኹሉ፡ መንግስተ ሰማይ ዚኣቱ ኣይኰነን። (ማቴ 7:21)***

> ***ዓለም ትሓልፍ እያ፣ ፍትወታ ኸኣ፡ እቲ ንፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ግና ንዘለኣለም ይነብር። (1ዮሃ 2፡17)***

***መሰረት ናይ’ቲ ምስ ኣምላኽ ዘለካ ርክብ እዩ፤***

ምስ ኢየሱስ ዘለካ ርክብ ፍቓዱ ኣብ ምፍጻም ዝተመስረተ እዩ፤

> ***ሓወይን ሓብተይን ኣደይንሲ ፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ዘበለ ዅሉ እዩ፡ በሎም። (ማር 3፡35 ማቴ 12፡50 እውን ርአ)***

**ምርሒት ይህብ፡**

ፍቓድ ኣምላኽ ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ ንገዛእ ርእሰኻ መንገድኻ ከተቕንዕ ዓቕሚ ስለዘይብልካ፤

> ***ጐይታየ፡ መገዲ ሰብ ካብ ርእሱ ኸም ዘይኰነ፡ እቲ ዚመላለሰውን ሰጕሚኡ ኪቕንዕ ዓቕሚ ኸም ዘይብሉ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። (ኤር 10፡23)***

ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ስጉምትታት ናይ ምምራሕ ዓቕሚ ይጎድሎ እዩ። ብዘይ መምርሒ ኣምላኽ ናትካ መንገዲ እንተ ከድካ ካብ መደብ ኣምላኽ ትስሕት፤

> ***ኵላትና ኸም ኣባጊዕ ተባረርና፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ መገዱ ዘምበለ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ዅላትና ኣብኡ ኣውደቐ። (ኢሳ 53፡6)***

**ብዛዕባ መጻኢ ፍልጠት ይህብ፤**

ብዛዕባ መጻኢ ፍልጠት ዘለዎ፡ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ። ነቲ ዝጽበየካ ዘሎ መፈንጠራታት ሰይጣን ይፈልጦ እዩ። መጻኢ ቁጠባውን ፖለቲካውን ስርዓታት ይፈልጥ እዩ። ኣብ መጻኢ እንታይ ዓይነት ፍጻመታት ከም ዝጽበየካ ይፈልጥ እዩ፤

> ***ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ብጀካይ ኩቶ የልቦን እሞ፡ ነቲ ናይ ጥንቲ ናይ ቀደም ዘክሩ፡ ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ዚማሳሰለኒ ኸኣ የልቦን። ካብ መጀመርታ ነቲ መወዳእታ፡ ካብ ጥንቲ ግና ኸይኰነ ኸሎ ዝነገርኩ እሞ፡ ምኽረይ ኪቐውም እዩ፡ ፍቓደይ ኵሉውን ክፍጽም እየ፡ ዝበልኩ ኣነ እየ። (ኢሳ 46፡9-10)***

ሰብ ኣብ ህሉው ክሰርሕን ዝሓለፈ ክዘክርን ይኽእል እዩ። ንመጻኢ እውን ክውጥን ይኽእል እዩ። ብዛዕባ መጻኢ ጭቡጥ ፍልጠት ዘለዎ ግን ኣምላኽ ጥራይ እዩ።

ገሊኦም ሰባት፡ ሰይጣን ብዛዕባ መጻኢ ኣቐዲሙ ዚፈልጥ እዩ ዚመስሎም። ኣይፈልጥን እዩ። ከምኡ እንተዝፈልጥ ነይሩ ንስቕለት ኢየሱስ ፈጺሙ ኣይምደፋፍኦን ነይሩ።ናብ መጻኢ ብምኻድ በዚ ተግባር እዚ ካብ ሓጢኣት ምድሓን ክውንነት ከም ዝኸውን ርእዩ ክጥምት ምኸኣለ ነይሩ። ኣምላኽ ብዛዕባ መጻኢ ኪገልጽ ንዝመረጸ ጥራይ እዩ ሰይጣን ዝፈልጥ። ንኣብነት እግዚኣብሔር ስለ ዝገለጾ፡ ሰይጣን ናይ ዘለኣለም ዕጫኡ ሲኦል ምዃኑ ይፈልጥ እዩ።

**ክትፈልጥዎ ተኣዚዙ ኣሎ፤**

ፍቓድ ኣምላኽ ምፍላጥ እውን ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ ክትፈልጦን ክትፍጽሞን ስለ ዝተኣዘዝካ፤

> *ምእንትዚ እቲ ፍቓድ ጐይታ እንታይ ምዃኑ ኣስተውዕሉ እምበር፡ ዓያሱ ኣይትኩኑ። (ኤፌሶን 5፡17)*

> *ከም ግዙኣት ክርስቶስ ኴንኩም ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ ካብ ልቢ እትገብርዎ ደኣ እምበር፡ ንሰብ ባህ ከም እተብሉ ብገጽርኤ ኣይኩኑ። (ኤፌ 6፡6)*

እግዚኣብሄር ካብቲ መስዋእትታትካ ወይ ምስጋናኻ ዝምነዮ ንላዕሊ ንፍቓዱ ምእዛዝ እዩ፤

> *ሳሙኤል ከኣ፡ ንእግዚኣብሄርሲ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ሕሩድን ከም ምስማዕ ደሃይ እግዚኣብሄር ገይሩዶ የሐጉሶ እዩ፧ እንሆ፡ ምስማዕ ካብ መስዋእቲ፡ ጽን ምባል ድማ ካብ ስብሒ ደዓውል ይበልጽ።*

> *ዕልወትሲ ሓጢኣት ጥንቈልና እዩ፡ ህልኽ ከኣ ምምላኽ ጣኦትን ትራፊምን እዩ። ንቓል እግዚኣብሄር ስለ ዝነዐቕካዮ፡ ንሱ ኸኣ ከይትነግስ ነዐቐካ፡ በለ። (1ሳሙ 15፡22-23)*

ኣምላኽ ብፍቓዱ ፍጹምን ምሉእን ኮይንካ ደው ክትብል ይደልየካ እዩ።

> *እቲ ሓደ ኻባኻትኩም ባርያ ክርስቶስ የሱስ፡ ምሉኣትን ብኹሉ ፍቓድ ኣምላኽ ርዱኣትን ኴንኩም ደው ክትብሉ፡ ኩሉ ሳዕ ብጸሎቱ ዚጋደለልኩም ዘሎ ኤጳፍራስ ሰላም ይብለኩም ኣሎ። (ቆሎ 4፡12)*

**ውጽኢቱ ጥዑይ ሰረት-እምነት እዩ፤**

የሱስ ከምዚ በለ፡

> *ፍቓዱ ኺገብር ዚደሊ እንተሎ፡ ንሱ ብዛዕባ ትምህርተይ ካብ ኣምላኽ እንተ ዀይኑ፡ ወይስ ካብ ርእሰይ እንተ ዀይነ ዝዛረቦ ዘሎኹ፡ ኪፈልጥ እዩ። (ዮሃ 7፡17)*

በቲ ምግላጽ ዝረኸብካዮ ንፍቓድ ኣምላኽ እንተ ፈጺምካ፡ ሽዑ ንጥዑይ ትምህርቲ ኣብ ምምዛን መንፈሳዊ ብስለት ክተማዕብል ኢኻ። እዚ ድማ ብናይ ሓሶት ትምህርቲ ከይትታለል ይከላኸለካ።

**ውጽኢቱ ድማ መልሲ ዘለዎ ጸሎት እዩ:**

ብፍቓድ ኣምላኽ ክትነብር ከለኻ ሕቶታትካ መልሲ ከም ዝረክብ ብምትእምማን ክትጽሊ ትኽእል ኢኻ፤

*ንትእዛዛቱ እንሕሉን ኣብ ቅድሚኡ ባህ ዜብሎ እንገብርን ስለ ዝኾንና፡ ካብኡ እንልምኖ ዘበለ ኹሉ ንቕበል ኢና። (1ዮሃ 3፡22)*

*ንኣምላኽ ዚፈርህ ፍቓዱውን ዚገብር እንተሎ፡ ንእኡ ይሰምዖ እምበር፡ ኣምላኽ ንሓጥኣን ከም ዘይሰምዖም፡ ንፈልጥ ኢና። (ዮሃ 9፡31)*

*ከምቲ ፍቓዱ ጌርና ሓደ ነገር እንተ ለመንናዮ፡ ይሰምዓና እዩ፡ እቲ ኣብኡ ዘሎና ትብዓት ድማ እዚ እዩ። (1ዮሃ 5፡14)*

***መንፈሳዊ በረኸት የምጽእ እዩ፤***

ፍቓድ ኣምላኽ እንተገይርካ መንፈሳዊ በረኸት ከምቲ እተዋህበ ተስፋ ይግበረልካ፤

*ፍቓድ ኣምላኽ እናገበርኩም፡ ነታ ተስፋ ምእንቲ ኽትረኽብዋስ፡ ትዕግስቲ የድልየኩም እዩ። (እብ 10:36)*

በረኸት ብሓቂ ክሰዕበካ እዩ፤

*ኪኸውን ድማ እዩ፡ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣጸቢቕካ እንተ ሰማዕካ፡ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ኹሉ ትእዛዛቱ ተጠንቂቕካ እንተ ገበርካዮ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ህዝብታት ምድሪ ኺብ ኬብለካ እዩ።*
*ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተ ሰሚዕካስ፡ እዚ ኹሉ በረኸት ኪመጸካን ኪረኽበካን እዩ።*
*(ዘዳ 28 ፡ 1-2)*

***መቕጻዕቲ ክትውግድ ይሕግዘካ፤***

መቕጻዕቲ ማለት ተግሳጽ፡ ምግሳጽን ምእራምን ማለት እዩ። እቶም ኮነ ኢሎም ካብቲ ዝተገልጸ ፍቓድ ኣምላኽ ዝርሕቑ ይቕጽዑ እዮም፤

*ግናኸ ኪኸውን እዩ፡ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተ ዘይሰማዕካ፡ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ኹሉ ትእዛዛቱን ሕጋጋቱን ንምግባሩ ድማ እንተ ዘይተጠንቀቕካ፡ እዚ ኹሉ መርገም ኪመጸካን ኪረኽበካን እዩ። (ዘዳ 28 ፡ 15)*

*እቲ ኸም ንውሉድ ገይሩ፡ ወደየ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ዜፍቅሮ ይቐጽዖ እዩ እሞ፡ ነቲ ዚቕበሎ ዘበለ ውሉድውን ይገርፎ፡ ስለዚ ቕጽዓት ጉይታ ኣይትንዓቕ፡ እንተ ገንሓካውን ሕሊናኻ ኣይተዕርብ፡ ኢሉ ዚዛረበኩም ዘሎ ምዕዶ ኸኣ ረሲዕኩምዎ ኣሎኹም።*

*ቅጽዓት እንተ ተዓገስኩም፡ ኣምላኽ ከም ውሉድ ገይሩ ይርእየኩም እዩ። ኣቦኡ ዘይቀጽዖኸ እንታዋይ ውሉድ እዩ፧*

*ብዘይ እታ ኹሎም ዝሐበሩላ ቕጽዓት እንተ ኼንኩም ግና፡ ደቓሉ እምበር፡ ውሉድ ኣይኰንኩምን።*
*ኣብ ርእሲ እዚውን ዚቐጽዑና ኣቦታት ስጋና ኽብ ዚነብሩና እሞ ካብ እንሕፍሮም፡ ብህይወት ምእንቲ ኽንነብርሲ፡ ነቲ ኣቦ መናፍስቲ ኣዚና ኽንእዘዞዶ ኣይግባእናን እዩ፧ (እብ 12 ፡ 5-9)*

የሱስ እውን ከምዚ ኢሉ ኣጠንቂቑ ነይሩ፤

> ***እቲ ፍቓድ ጐይታኡ ፈሊጡ ዘይተዳለወ፡ ከምታ ፍቓዱውን ዘይገበረ ባርያ ብዙሕ መግረፍቲ ዚግብኦ እዩ። (ሉቃ 12 ፡ 47)***

ፍቓድ ኣምላኽ ምፍላጥ ነቶም ህይወት ምስ ተረፉ ኪነብሩን ካብ መቕጻዕቲ ኺርሕቑን ዚደልዩ ኣገዳሲ ጉዳይ እዩ።

**ውጽኢቱ ድማ ዓወት እዩ፤**

ኢያሱ ናይ ህዝቢ እስራኤል መሪሕነት ክሕዝ ከሎ ካብ ዝተዋህበ መምርሒ ሓደ ትእዛዛት ኣምላኽ ምሕላውን ብመገዱ ምምልላስን እዩ ነይሩ። ከምዚ እንተ ገበረ እያሱ ከምዚ ውሕስነት ነበሮ፤

> ***ነቲ ኣብኡ እተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቂቕካ ኽትገብሮስ፡ መዓልትን ለይትን ኣስተንትኖ እምበር፡ እዚ መጽሓፍ ሕጊ እዚ ኻብ ኣፍካ ኣይትፍለ። ሽው መገድኻ ተቕንዕ እሞ፡ ሽው ድማ ኪሰልጠካ እዩ። (ኢያ 1:8)***

መዝሙር ዳዊት'ውን ብመገዲ ኣምላኽ ዝኸይድ ሰብ ዕዉት ከም ዝኸውንን "ዝገብሮ ዘበለ ከም ዝሰልጦን" (መዝሙር 1፡3) ይነግር። ኣብዛ ብውድቀትን ስዕረትን ዝተመልአት ዓለም ፍቓድ ኣምላኽ ምፍላጥን ምግባርን ምስጢር ዕዉት ናብራ እዩ።

## እቲ ግቡእ ድርኺት

ንኣምላኽ ስለ ተፍቅሮ ፍቓዱ ክትገብር ድርኺት ኪህልወካ ይግባእ። ፍቕሪ ነቲ ዝፍቀር ዘሎ ነገር ከተሐጉሶ ትብህግ፤

> ***እተፍቅሩኒ እንተ ኼንኩምሲ፡ ትእዛዛተይ ሐልዉ። (ዮሃ 14፡15)***

> ***እቲ ትእዛዛተይ ዘለዎ እሞ ዚሕልዎ፡ ንሱ እዩ ዚፍቅረኒ። ነቲ ዚፍቅረኒ ድማ ኣቦይ የፍቅሮ እዩ፡ ኣነውን ኤፍቅሮ ርእሰይ ከኣ እገልጸሉ። (ዮሃ 14፡21)***

> ***የሱስ ከኣ፡ ዚፍቅረኒ እንተሎ፡ ቃለይ ይሕሉ እዩ፡ ኣቦይ ድማ የፍቅሮ፡ ናብኡውን ንመጽእ ኣብኡ ኸኣ ማሕደር ክንገብር ኢና። (ዮሃ 14፡23)***

## ርእሰ ገምጋም

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፋ።

2. ፍቓድ ኣምላኽ ንኽንገብር ቅኑዕ ድርኺት እንታይ እዩ፧

3. ፍቓድ ኣምላኽ ምግባር ኣገዳሲ ዝኾነሉ 10 ምኽንያታት ዘርዝር፦

4. "ፍቓድ" ዝብል ቃል ግለጽ።

5. ሰለስተ ትርጕማት ፍቓድ ኣምላኽ ኣለሊ፦

6. ሎሚ ኣብ ዓለም ዚዓዩ ዘለዉ ሰለስተ ዓይነት ፍቓድ እንታይ እዮም፧

7. እዞም ዝስዕቡ መግለጺታት ኣንብቡ። እቲ ኣበሃህላ ሓቂ እንተኾይኑ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ባዶ ቦታ ፊደል 'ሓቂ' ጽሓፍ። እቲ ኣበሃህላ ሓሶት እንተኾይኑ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ባዶ ቦታ ፊደል 'ሓሶት' ጽሓፍ፤

ሀ. ______ የሱስ ፍቓድ ኣምላኽ ምግባር ኣይግድሶን ነበረ።
ለ. ______ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ሰብ መንገዱ ናይ ምምራሕ ዓቕሚ ከም ዝጎደሎ ይሕብር ብትኽክል።
ሐ. ______ ውልቃዊ ፍቓድ ኣምላኽ ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ሞራላዊ ፍቓድ ናይ ፈጣሪ.
መ. ______ ብዛዕባ መጻኢ ምሉእ ፍልጠት ዘለዎ ኣምላኽ ጥራይ እዩ።
ረ. ______ ብናይ ገዛእ ርእስኻ ድሌት ብምምልላስ ዓበይቲ መንፈሳዊ በረኸት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

(መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

1. **ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ፍቓድ እግዚአብሔር ዓብዩ ኣተኩሮ ሂቡ እዩ። ነዘን ዝስዕባ ጥቕስታት ኣጽንዕ፤**

**ግብሪ ሃዋርያት** 16:6-10፤ **ሮሜ** 1:10፤ 15 ፡ 32፤ 1**ቆሮ** 1፡1፤ 4 ፡ 19፤ 16፡7፤ 2**ይ ቈረንቶስ** 1፡1፤ **ኤፌሶን** 1፡1፤ **ቈሎሴ** 1:1፤ 2**ይ ጢሞቴዎስ** 1፡1

2. **ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዋህበ ሰንጠረዥ "ሰለስተ ትርጉማት ፍቓድ ኣምላኽ" ኣብ ታሕቲ ብምውሳኽ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መወከሲታት ሰፊሑ ኣሎ። ብዛዕባ ልዑላዊን ውልቃውን ሞራላውን ፍቓድ ኣምላኽ ዝያዳ ንምርዳእ ነዘን ጥቕስታት እዚኣተን ኣጽንዕወን።**

| **ሰለስት ትርጉም ፍቓድ ኣምላኽ** | | |
|---|---|---|
| **ልኡላዊ**<br>(ቡለማ) | **ውልቀ ሰብ**<br>**(ብግሪኽ፥ ተለማ)** | **ሞራላዊ** |
| **ኣምላኽ ኣቐዲሙ ዝወሰኖ ውጥን ንኣድማስ** | **ንኣይ ኣምላኽ ዝርዝር ውጥን ንነፍሲወከፍ** | **ብኸመይ ክንኣምንን ክንነብርን ከምዘለና ዝምህሩ ኣብ ቅዱስ ጽሑፋ ትዝተገልጹ ሞራላዊ ትእዛዛት** |
| **ብውሳነታት ናይ ሰባት ኣይጽለውን** | **ብውሳነታት ናይ ሰባት ይጽለው** | **ናይ ውልቀሰብ ፍቓድን ልኡላዊ ፍቓድን ኩሉ ግዜ ምስ ሞራላዊ ይሳነዩ እዮም** |
| **ሮሜ** 11፡33-36 | **ዘፍጥረት** 24 | **ንኣብነት** |
| **ግብሪ ሃዋርያት** 2፡23 | **ምሳሌ** 16:9 | 2**ይ ቆረ** 6:14 |
| **ግብሪ ሃዋርያት** 4፡27-28 | **መዝ** 32:8 | **ሮሜ** 2:18 |
| **ሮሜ** 9:19 | **ምሳሌ** 3:5-6 | 1 **ተሰ** 5:18 |
| **ምሳሌ** 16:33 | **ኤፌሶን** 5:17 | 1**ይ ተሰ** 4:3 |
| **ኤፌሶን** 1:11 | **ኤፌሶን** 6:6 | (**ካልኦት ትእዛዛት ኣብ** |
| **ራእይ** 4:11 | **ሮሜ** 12:2 | **ቃል ኣምላኽ ዝተጻሕፉን**) |
| **ምሳሌ** 21:1 | **ቆሎሴ** 1:9 | |
| **ዳንኤል** 4:35 | **ቆሎሴ** 4:12 | |

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

# ብጌጋ ኣንፈት ምኻድ

***ዕላማታት፤***

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ እዞም ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፋ ኢኻ።
- መጽሓፍ ቅዱሳዊ ዘይኰኑ ሜላታት መምርሒ ምርካብ ከተለሊ ኢኻ።
- ኣብ መንጎ ናይ ሓሶትን ናይ ሓቂን ነብያት ኣምላኽ ምፍላይ ክትክእል ኢኻ።
- ትርጉም "ምምሳል ኒሕ" ክትነግር ኢኻ።

***መሪሕ ጥቕሲ፤***

> ***ጐይታየ፡ መገዲ ሰብ ካብ ርእሱ ኸም ዘይኰነ፡ እቲ ዚመላለሰውን ስጕሚኡ ኬቕንዕ ዓቕሚ ኸም ዘብሉ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። (ኤር 10፡23)***

***መእተዊ***

ንሓደ ነገር ከመይ ጌርካ ከም ዘይትገብሮ ምፍላጥ ልክዕ ከምቲ ከመይ ጌርካ ከም እትገብሮ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ኣመሪካ ቶማስ ኤዲሰን ዝተባህለ ዓቢ መሃዚ፡ ቅድሚ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ምርካቡ ልዕሊ 1000 ዝፈሸለ ፈተነታት ኣካይዱ። እቲ ኩሉ ዝባኸነ ግዜ ዝጣዕሶ እንተኾይኑ ምስ ተሓተተ፡ "እይፋልን፡ ኤሌክትሪክ ዘይህብ ልዕሊ 1000 መንገድታት ረኺበ" ኢሉ። ኣብ መጻኢ ድማ ዘይሰርሕ ሜላታት ተጠቒሙ ግዜ ከጥፍእ ኣየድለዮን።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣምላኽ ንህይወትካ መምርሒ ክትደሊ ዘይብልካ መገድታት የጠንቅቐካ። ነዚ መጠንቀቕታታት እዚ እንተ ሰሚዕካዮ፡ ኣምላኽ ብዘይፈቕዶ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ዘይኰነ ኣገባባት መምርሒ ሒዝካ ግዜ ኣይተጥፍእን ኢኻ። እዚ ኸኣ ሕማቕ ውሳነታት ከይትገብርን ኣብ ህይወት ናብ ግጉይ ኣንፈት ንኸይከይድን ኪዓግተካ እዩ።

ኣብ ካልኦት ምዕራፋት ድማ እግዚኣብሄር ኣብ ዝሓለፈ እዋን ከመይ ገይሩ ፍቓዱ ከም ዝገለጸን፡ ኣብዚ እዋን እዚ ንደቂ ሰባት ብኸመይ ከም ዝዛረብን ክትመሃሩ ኢኹም። መጀመርያ ግን ኣሉታዊ ነገራት ክነወግድ ኣለና። እዚኦም መምርሒ ኪኾኑኻ ዘይብሎም መገድታት እዮም።

## ስዉር ተግባራት

ኣብ ትሕቲ ስውር ተግባራት ዝጥርነፍ ብዙሕ ሰይጣናዊ ተግባራት ኣሎ። ብዙሓት ካብዚ ተግባራት እዚ መምርሒ ንምርካብ ይጠቕሙ። ስዉር ተግባራት ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፈላለ ኮይኑ ግን ከም ጠንቀልቲ፣ ፈወስቲ፡ ኣስማተኛ፡ ስራይ፡ ብዛዕባ ዝጥንቁሉ፡ ቀጸርቲ ከዋኽብቲ፡ ሆሮስኮፕ፡ ብቆጽሊ ሻሂ ምጥንቋል፡ ብኹዕሶ ክሪስታል ምጥንቋል፡ ብጠላዕ ዝጥንቁሉ፡ ብኸብዲ ኢድ ዝጥንቁሉ

እዩ። ስዉር ተግባራት ናይ ኣምላኽ ዘይኩነ ልዕለ-ባህርያዊ ምትእትታው ዘለዎ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባራት ብድርኼት ሰይጣን እዩ ዝካየድ።

ኣምላኽ ንህዝቡ ምስ ስዉር ተግባራት ግደ ከይህልዎም ኣጠንቂቑዎም እዩ። ነዚ መጠንቀቕታታት ኣብ ዘዳግም 18፥9-14 ከምኡውን ዘጸኣት 22፡18 ከተንብብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ጥንቆላ ምልምማድ ናይ ጠንቀልቲ ኮይኑ ጻዕዳን ጸሊምን ስሕተት፡ ኣስማተኛ፡ ቀጸርቲ ኮኾብ፡ ቱዱ፡ ኣጠቓቕማ መድሃኒት፡ ተራገምቲ ካልኦትን እዩ። ንኹሉ ተመሳሳሊ ካልእ ሰይጣናዊ ተግባራትን ኣምልኾን ዘጠቓልል እዩ። ጥንቆላን ካልእ ከምዚ ዝኣመሰለ ሰይጣናዊ ተግባራትን መንፈሳዊ ዕልወትኣንጻር ኣምላኽ እዩ፤

***ዕልወትሲ ሓጢኣት ጥንቍልና እዩ፡ ህልኽ ከኣ ምምላኽ ጣኦትን ትራፊምን እዩ. . (1ሳሙ 15፡23)***

ጠንቈልቲ ንሰባት ካብ ወንጌል ከዝብልዎም ከም ዝፈተኑ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግር፤

***ግናኸ ኤልማስ ጠንቋሊ፡ ስሙ ኸምኡ ይትርጐም እዩ እሞ፡ ነቲ ምስለኔ ኻብ ምእማን ኪመልሶ ደልዩ ተቓወሞም። (ግብሪ ሃዋርያት 13:8)***

ጠንቀልቲ ንህዝቢ የታልሉ፤

***ኵሎም ኣህዛብ ብጥንቍልናኺ ስሒቶም እዮም እሞ፡ . . . (ራእ 18:23)***

ጠንቈልቲ ናብ መንግስቲ ሰማያት ኣይኣትዉን እዮም፤

***እቶም ኣኽላባትን ጠንቈልትን ኣመንዝራታትን ቀተልትን መምለኽቲ ጣኦትን ንሓሶት ዚፈትዉዎን ዚገብርዎን ዘበሉ ኹሎም ግና ኣብ ወጻኢ እዮም።. (ራእ 22:15)***

መጽሓፍ ራእይ ዮሃንስ መወዳእታ ናይቶም ከምዚ ዝኣመሰለ ሰይጣናዊ ተግባራት ዝጥቀሙ ሰባት ይገልጽ፤

***እቶም ፈራሃትን ዘይኣምኑን ፍንፉናትን ቀተልቲ ነፍስን ኣመናዝርን ጠንቈልትን መምለኽቲ ጣኦትን ብዘለዉ ሓሰውትን ግና፡ ግዲኦም ኣብቲ ብሓውን ዲንን ዚነድድ ቀላይ እዩ፡ እዚ እቲ ኻልኣይ ሞት እዩ፡ በለኒ። . . (ራእ 21:8)***

ዝኾነ ናይ ሓቂ ውሉድ ኣምላኽ መምርሒ ንምርካብ ወይ ንኻልእ ምኽንያት፡ ምስ ስዉር ተግባራት ብዝኾነ ይኹን መገዲ ክሳተፍ የብሉን።

## ሚላታት ዕድል

ዕጫ ምውዳቕ ሓደ ካብቲ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝተጠቕመሉ ሜላ መምርሒ ምድላይ እዩ ነይሩ። ብዛዕባ ኣጠቓቕማ እዚ ሜላ እዚ ኣብ ዘሌዋውያን 16:7-10፤ ዘሁልቍ 26:55፤ 27 ፡ 21፤ ከምኡውን እያሱ 18:10 ክንርእዮ ንኽእል ኢና።

ዕጫ ምውዳቕ ሓደ ሜላ ናይ ዕድል እዩ ነይሩ። ኣምላኽ ነቲ ውጽኢት ናይቲ ዝተደርበየ ዕጫ ይቆጻጸሮ ካብ ዝብል እምነት እዩ ተበጊሱ። ዕጫ ምድርባይ ምስቲ ሎሚ ሳንቲም ወይ ኩብ ምድርባይ ዝመሳሰል እዩ።

ከምዚ ጌርካ ካብ እግዚኣብሔር መምርሒ ናይ ምድላይ ኣገባብ ኣብ ብሉይ ኪዳን ቅቡል እዩ ነይሩ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብኣመንቲ ዕጫ ዝጥቀሙሉ ዝነበሩ እንኮ ቅድሚ ምጽኣት መንፈስ ቅዱስ እያ። ሓዋርያት ኢየሱስ ነቲ ንኢየሱስ ጠሊሙ ድሒሩ ነፍሱ ዝቐተለ ይሁዳ ዝገደፎ ክፍቲ ቦታ ክመልኡ ይደልዩ ነበሩ። ኣብቲ ቦታ ክልተ ሕጹያት ተሓጸዮም፤

*ዕጭ ከኣ ኣውደቑሎም። እታ ዕጭ ድማ ናብ ማትያስ በጽሐት። ምስቶም ዓሰርተው ሓደ ሃዋርያትውን ተቘጽረ። (ግብ 1 ፥ 26)*

እቲ ንይሁዳ ንምትካእ ዝተመርጸ ሰብ ማትያስ ብድሕሪኡ ኣብ መዝገብ ሓድሽ ኪዳን ተጠቒሱ ኣይፈልጥን። ብሓቂ ኣብ መንጎ ሓዋርያት ዘሎ ክፍቲ ቦታ ዝመልእ ሃዋርያ ጳውሎስ እዩ። ማትያስ ዕጫ ብምድርባይ ናይ ሰብ ምርጫ'ዩ ነይሩ። ሃዋርያ ጳውሎስ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመርጸ እዩ ነይሩ።

ድሕሪ ምጽኣት መንፈስ ቅዱስ (ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 2 ተመዝጊቡ ኣሎ) ዕጫ ምውዳቕ ብኣመንቲ ከም ኣገባብ መወሰኒ ኣንፈት ኣይጥቀሙሉን ነይሮም። ካብ መንፈስ ቅዱስ ትረኽቦ መምርሒ ነዚ ናይ ብሉይ ኪዳን ኣገባብ ተኪእዎ። ፍቓድ ኣምላኽ ንምውሳን ዝኾነ ይኹን ናይ ዕድል ሜላ ክትጥቀም የብልካን። ድምጺ ኣምላኽ ክትፈልጥን ብመንፈስ ቅዱስ ክትምራሕን ኣሎካ።

## ቁሩጽ ጸምሪ

ሓደ ናይ ብሉይ ኪዳን መዝገብ ኣሎ፥ ፍቓድ ኣምላኽ ንምውሳን "ጸምሪ" ዝበሃል ምጥቃም እዩ። ዛንታ ቁሩጽ ጸምሪ ጊዴዎን ኣብ መሳፍንቲ 6፡36-40 ክተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም።

እግዚኣብሔር ንጊዴዎን ተዘራሪቡ ፍቓዱ ገሊጽሉ። ነቲ ኣምላኽ ዝበሎ ንምርግጋጽ፥ ጊዴዎን ቁሩጽ ጸምሪ ኣብ ምድሪ ኣውጽኡ። ሓደ መዓልቲ ንኣምላኽ እቲ ጠሊ ኣብ ዙርያኡ ክወድቕ እምበር ኣብ ልዕሊ እቲ ቁሩጽ ጸምሪ ከይወድቕ ሓተቶ። ኣብ ካልእ መዓልቲ ድማ ንኣምላኽ ጠሊ ኣብ ልዕሊ ቁሩጽ ጸምሪ፥ እቲ ከባቢ መሬት ደረቕ ኮይኑ ኽጸንሕ ሓተቶ።

ኣመንቲ ከምቲ ጊዴዎን ኣብዚ ዓቢ ሓላፍነት ኣብ ልዕሊኡ ኣብ ዝዓረፈሉ ዝነበረ ዘስካሕክሕ ሃገራዊ ቅልውላውዝገበሮ ክገብሩ መምርሒ ዝሀብ ጥቕሲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ የለን። እዚ ፍጻመ እዚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሓንሳብ ጥራይ ዘጋጠመ ኮይኑ፥ ከም ዕጫ ምድርባይ፥ ቅድሚ ምስዓድ መንፈስ ቅዱስ ናይ ሓድሽ ኪዳን እዩ።

ቁራጽ ጸምሪ ብምግባር ፍቓድ ኣምላኽ ክንደሊ ኣይግባእን። ኣብዚ ዘመን ምስኡ ዝመሳሰል ዝፍጸም መብዛሕትኡ ግዜ "ገለ ነገር እንተ ኣጋጢሙ ሽዑ ፍቓድ ኣምላኽ ምዃኑ ክፈልጥ እየ" ብምባል ዝፍጸም እዩ--እቶም ከምኡ ንጥቀመሎም ግን መብዛሕትኡ ግዜ ብተፈጥሮ ክኽሰቱ ዝኽእሉ ነገራት እዮም።

ኣብቲ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተመዝጊቡ ዘሎ ናይ "ቁራጽ ጸምሪ"፥ ጊዴዎን ድሮ ፍቓድ ኣምላኽ ይፈልጥ ነይሩ እዩ። ድምጺ ኣምላኽ ሰሚዑ ነበረ። እቲ ጸጉሪ ርእሲ ከም መረጋገጺ እምበር ንምርሒት ኣይነበረን። እቲ ነገር ብልዕለ-ባህርያዊ መገዲ ጥራይ ክምለስ ዝኽእል እውን እዩ ነይሩ።

ኣብ ናይ ሓድሽ ኪዳን ግዜ፥ ዘካርያስ ነቲ ኣምላኽ ብዛዕባ ልደት ዮሃንስ ጥምቀት ዝሃቦ መልእኽቲ ንምርግጋጽ ምልክት ምስ ሓተተ ዓባስ ኮይኑ ተሪፉ። እዚ ኸኣ ድምጺ ኣምላኽ ስለ ዘይኣመነ ምልክት ስለ ዝደለየ እዩ (ሉቃ 1፥18-20) ።

ኢየሱስ "ክፉእን ዘመውን ወለዶ ትእምርቲ ይደሊ እዩ" (ማቴ 12፡39) ኢሉ። ጸጉሪ ርእሲ ምልክት ዘይምእማን ወይ ነቲ ዝተገልጸ ፍቓድ ኣምላኽ ንምፍጻም ድሌት ዘይምህላው ክኸውን ይኽእል። ብተፈጥሮኣዊ መገዲ ክምለስ ዝኽእል ቁራጽ ጸምሪ መታለልን መደናገሪን ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ እግዚኣብሄር ነቶም እንታይ ኪገብሩ ኸም ዘለዎም ገለ ምልክት ዚሓቱ ከም ናይ ቁራጽ ጸምሪ ብጸግኡ መሊስሎም እዩ። እዚ ግና ከም ፍሉይ ጉዳይ እምበር ከም መምርሒ ንምድላይ ኣብ ሂወት ቅዱሳን ንኽተሎ ኣገባብ ኣይኩነን። ዘክር. . . ኣምላኽ ናይ እምነት ሰባት እምበር ናይ ቁራጽ ጸምሪ ምልክት ዝጽበዩ ኣይደልን እዩ። ንሱ ክዛረብ ከሎ ድምጹ ዝፈልጡን፡ ምልክታት ብምርግጋጽ ምፍታን ዘየድልዮም ሰብኡትን ኣንስትን እዩ ዝደሊ።

## ናይ ሓሶት ነብያት

መጽሓፍ ቅዱስ ዛንታ ብዙሓት ነብያት ኣምላኽ መዝገቡ ኣሎ። እግዚኣብሔር ኣብ ቤተ ክርስቲያን ብነብያት ዝፍለጡ መራሕቲ ከም ዘቐምጥ ይገልጽ፣ ነቲ ብትንቢት ዝፍለጥ መንፈሳዊ ውህበት መንፈስ ቅዱስ ድማ ይገልጽ (ኤፌሶን 4፡11 ከምኡውን 1ቆሮ 12፡10) ።

"ትንቢት" ማለት ብፍሉይ መንፈስ ኣምላኽ ተደሪኽካ ምዝራብ ማለት እዩ። ብመለኮታዊ- ዝተቐብአ ቃል ኣቢልካ ቅጽበታዊ መልእኽቲ ኣምላኽ ንህዝቡ ናይ ምቕባልን ምትሕልላፍን ፍሉይ ክእለት እዩ። ሓደ ነቢ ብመለኮታዊ ድርኺት ዝዛረቦም ቃላት ትንቢታት ይበሃሉ። ምንባይ ማለት ካብ እግዚኣብሔር ዝምዕዱን ዝሃንጹን ዘጸናንዑን ቃላት ብግልጺ ምእዋጅ ማለት እዩ፤

> ***እቲ ትንቢት ዚንብ ግና፡ ንሰብ ዚሃንጽን ዚምዕድን ዜጸናንዕን እዩ ዚዛረብ። (1ቆሮ 14፡3)***

ትንቢት ነቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ፈጺሙ ኣይትክኦን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ትንቢት ከቋርጽ እዩ ይብል፡ ቃል ኣምላኽ ግን ንዘለኣለም ይነብር (1ቆሮ 13: 8 ከምኡውን 1ይ ጴጥሮስ 1፡25) ።

ኣብ ብሉይ ኪዳን እቲ ጸጋ ምምላእ መንፈስ ቅዱስ ብዘይምንባሩ መምርሒ ንምርካብ ናብ ነብያት ይኸዱ ነበሩ። ድሕሪ ደጊም መንፈሳዊ መምርሒ ንምርካብ ናብ ነቢይ ምኻድ ኣየድልን እዩ። እዚ ሓደ ካብቲ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሕይወት ናይ ኣማኒ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ብመንፈስ ኣምላኽ ምምራሕ ክመሃር ይግባእ።

ሓድሽ ኪዳን ድሕሪ ውህበት መንፈስ ቅዱስ ምእመናን ካብ ነብያት መምርሒ ከም ዝደልዩ ዝገልጽ ጽሑፍ ኣይሃበን፣ እንተኾነ ግና እግዚኣብሔር ሕጂ ውን ነዚ ውህበት እዚ ናይ መጻኢ ነገር ንምርግጋጽ ይጥቀመሉ እዩ። ከምዚ ዝኣመሰለ ኣብነት ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 21:1-14 ከተጽንዕ ትኽእል ኢኻ። ኣጋቦስ ንጳውሎስ ብፍሉይ ንዑኡ ንዝተዋህበ ብሕታዊ ትንቢት ሃቦ ።

ጳውሎስ ኣብ የሩሳሌም እንታይ ከም ዚጽበዮ ድሮ ይፈልጥ ነይሩ እዩ። እቲ ትንቢት ኣብኡ እንታይ ከም ዚኸውን ጥራይ እዩ ዘረጋገጸ። ንጳውሎስ ናብ የሩሳሌም ኪኸይድ ድዩ ኣይከይድን ዝተነግሮ ትንቢት መምርሒ ኣይነበረን።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣብ ዓለም ዘለዉ ናይ ሓሶት ነብያት የጠንቅቕ (ማቴ 24፡11, 24፡ ማር 13፡22) ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ኣምላኽ ናይ ሓቂ ትንቢታት ንኽንለልዮ ዚሕግዘና መገድታት ኣዳልዩ ኣሎ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፦

> ***ከምቲ እተዋህበና ጸጋ በበይኑ ዝኾነ ውህበት ጸጋ ኻብ ዚህልወና፡ ትንቢት እንተ ኾይኑ፡ ብልክዕ እምነትና ይኹን። (ሮሜ 12 ፡ 6)***

"**ብልክዕ እምነት**" ዝብል ሓረግ ቅኑዕ ዝምድና ምስ እምነት ማለት እዩ። ናይ ሓቂ ትንቢታት ኽንለልየሉ እንኽእል መገዲ፡ ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ዚሰማማዕ ድዩ ኣይሰማማዕን እዩ ብምባል እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፦

> ***ነብያት ድማ ክልተ ወይስ ሰለስተ ኹይናም ይዛረቡ፡ እቶም ካልኦትውን ይመርምሩ። (1ቆሮ 14፡29)***

ትንቢታት ክንመዝን ኢና ተባሂልና። መለክዒ መምዘኒ ቃል ኣምላኽ እዩ።

ኣምላኽ ንሓሶት ነብያት ንኽነለልዮም ብዙሕ መገድታት ኣዳልዩ ኣሎ። ሓሰውቲ ነብያት ዝፍለጡ ዝዛረብዎ ስለዘይፍጸም እዩ፤

*እቲ ብድፍረቱ ብስመይ ዘይኣዘዝክዎ ቓል ዚዛረብ ነብዩ፡ ወይ ብስም ካልኦት ኣማልኽቲ ዚዛረብ፡ እቲ ነብዪ እቲ ይሙት፡*

*ብልብኻ ድማ፡ እቲ እግዚኣብሄር ዘይተዛረቦ ነገር ከመይ ጌርና ንፈልጦ፡ እንተ በልካ፡*

*እቲ ነብዩ ብስም እግዚኣብሄር ምስ ተዛረበ፡ እቲ ነገር እንተ ዘይኰነ፡ እንተ ዘይመጸ፡ እዚ እግዚኣብሄር ዘይተዛረቦ ነገር ምዃኑ ምልክት ይኹንካ። እዚ እቲ ነብዩ ብድፍረት እተዛረቦ እዩ፡ ኣይትፍርሃዮ።   (ዘዳ 18:20-22)*

ናይ ሓሶት ነብያት ንምልላይ ዝሕግዙ፡ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስኩም ነዞም ዝስዕቡ መወከሲታት ኣጽንዑ፤

- ናይ ሓሶት ነብያት ንኣምላኽነት ኢየሱስ ክርስቶስ ኣይእመኑንን እዮም፡ 1ዮሃ 4፡1-3
- ናይ ሓሶት ነብያት ናይ ሓሶት ትምህርቲ ይምህሩ፡ 2ይ ጴጥሮስ 2፡1-3
- ናይ ሓሶት ነብያት ንሰባት ካብ ምእዛዝ ቃል ኣምላኽ ይርሕቑ፡ ዘዳግም 13፡1-5
- ናይ ሓሶት ነብያት ብተኣምራዊ ምልክታት ንሰባት የታልሉ፡ ማቴ 24፡11-24
- ናይ ሓሶት ነብያት ናይ ሓሶት ኣበሃህላ ይዛረቡ፡ ማቴ 24፡23-24
- ፍረኦም ንጌጋታቶም እዩ ዝገልጽ፦ ንሓሶት ነብያት ካብ ሓቀኛታት ነብያት ንምፍላይ ሓደ ካብቲ ዝበለጸ መንገዲ ንህይወቶም ምዕዛብ እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ብ"ፍሬኦም" ክትፈልጦም ኢኻ ይብል። ሓሰውቲ ነብያት ኣብ ህይወቶም መንፈሳዊ ፍረ ከምዘለዎም መርትዖ የብሎምን፦ ማቴ 7፡16

ኣብ ዓለም ናይ ሓሶት ነብያት ስለ ዘለዉ፡ ትንቢታት ኣብ ምቕባል ጥንቃቐ ክትገብር ኣሎካ። ትንቢት መብዛሕትኡ ግዜ ንኣመንቲ ብጌጋ ንምምራሕን ንምቁጽጻርን ይጥቀምሉ እዮም። ውልቃዊ ትንቢት ክወሃብ ከሎ ምስ መጽሓፍ ቅዱስ ኣተሓሒዙ ክምርመርን ምስቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ክሰማማዕን ይግባእ። መምርሒ ብዝምልከት፡ ትንቢት ዘረጋግጽ እምበር ዝግድድ ወይ ዝቆጻጸር ክኸውን የብሉን።

ብሰንኪ ብግቡእ ዘይምጥቃም እዚ መንፈሳዊ ውህበት ገለ ኣመንቲ ፈጺሞም ይነጽግዎ። ነቲ ተኣምራዊ ውህበት ትንቢታዊ ምዝራብ ኣይቕበልዎን እዮም። ኣብ ውሑዳት ስጋውያን ጉድለት ብምርኣይኩም ግን ንኣገልግሎት መንፈስ ቅዱስ ክትነጽግዎ የብልኩምን።

## ጌጋ ምኽሪ

ፍቓድ ኣምላኽ ንኻልእ ሰብ ኪውስን ዚኽእል ሰብ የልቦን ብዘይካ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብፍሉይ እተገልጸ ጉዳያት። ንኣብነት፡ ኩሎም ሰባት ናብ ንስሓ ክመጹ ፍቓድ ኣምላኽ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና ምኽንያቱ እዚ መጽሓፍ ቅዱስ ስለ ዝምህረና።

መንፈሳዊ ምኽሪ በቶም ብኣምላኽ ዝተመዘዙ መራሕቲ ኣብ ምምራሕ ሓደ ኣገዳሲ ውሱን ቦታ ኣለዎ፣ እንተኾነ ግን ዝኾነ ኣማኻሪ ንኻልእ ሰብ ክቆጻጸር ወይ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣብ ዘይተጠቕሰ ጉዳያት ፍቓድ ኣምላኽ ክውስን መሰል የብሉን።

ሃዋርያ ጳውሎስ ናብ ኢየሩሳሌም ኪኸይድ ምስ ቈረጸ፡ ኣብ ቂሳርያ ዝነበሩ ኣዕሩኽቱ፡ ከምኡ ኸይገብር ኪዓግትዎ ፈተኑ። ኣብኡ ከጋጥሞ ዝኽእል ከቢድ ሽግር ድማ ኣጠንቀቑዎ። ጳውሎስ ነቲ ዝሃብዎ ምኽሪ ነጺጉ ናብ የሩሳሌም ምስ ከደ፡ ንውሳኔኡ ከምዚ ብምባል ተቐበልዎ።

***ምስማዕ ምስ ኣበየና ኸኣ፡ ፍቓድ ጐይታ ይኹን፡ ኢልና ሀዳእና። (ግብሪ ሃዋርያት 21 ፡ 14)***

ጳውሎስ ከይከይድ ናይ ውልቃዊ ድሌቶም እኳ እንተ ኾነ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ንርእሱ ኺውስን ከም ዘለዎ ተገንዘቡ።

ንድምጺ ኣምላኽ ባዕልኻ ክትፈልጦ ምኽኣል ኣገዳሲ እዩ። ኻልኦት ንህይወትካ ክመርሑ ክትኣምኖም ኣይትኽእልን ኢኻ ምኽንያቱ ንምትላል ዕላምኦም ርኹሳት መናፍስቲ ስለዘለዉ። ከምዚ ዝስዕብ መጠንቀቕታ ኣሎና፤

***ኣቱም ፍቁራተየ፡ ብዙሓት ነብያት ሓሶት ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለዉ እሞ፡ እቶም መናፍስቲ ኻብ ኣምላኽ እንተ ኹይኖም መርምሩ እምበር፡ ንመንፈስ ዘበለ ኹሉ ኣይትእመንዎም። (1ዮሃ 4፡1)***

ካብ ካልእ ሰብ ምኽሪ ክትቕበል ከለኻ፡ ምስ ካልእ ሜላታት መፍለጢ ፍቓድ ኣምላኽ ክፍተን ኣለዎ፡ እዚ ድማ ኣብ ዳሕረዋይ ምዕራፍ ናይዚ መጽናዕቲ ብዝርዝር ክግለጽ እዩ።

## **ናይ ቅንኢ ውድድር** (EMULATIONS)

ናይ ቅንኢ ውድድር ከም ሓደ ካብ ግብሪ ስጋ ኣብ ገላትያ 5፡20 ተዘርዚሩ ኣሎ። ግብሪ ስጋ ንኣምላኽ ዘየሐጉስ ዝተፈላለዩ ሓጥያት ኣካይዳታት እዮም።

ናይ ቅንኢ ውድድር ማለት ቀዲሕካ ንኻልኦት ክትመዓራረዮም ወይ ክትበልጾዎም ምድላይ እዩ። ካብ መንፈስ ንሕንሕ ዝምንጩ መልክዕ ቅንኢ እዩ። ገለ ኣመንቲ ንገዛእ ሕይወቶም መደብ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ዝደልዩ፡ ነቲ ዕዉት ኣገልግሎት ካልኦት ርእዮም ብቅንኢ ይወዳደሩ። ክልተ ኣመንቲ ሓደ ዓይነት ስራሕ ክህልዎም ኣይክእልን እዩ። መንፈስ ቅዱስ ንሰባት ናብ ፍሉይ ኣገልግሎት ይጽውዖም፤

***እዚኣቶም ንእግዚኣብሄር ኬገልግሉን ኪጸሙን ከለዉ ኸኣ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ በርናባስን ሳውልን ነቲ ዝጸዋዕክዎም ዕዮ ፍለዩለይ፡ በሎም። (ግብ 13፡2)***

*መጽሓፍ ቅዱስ ኣመንቲ ዝተፈላለየ መንፈሳዊ ውህበት ከም ዘለዎም ይገልጽ፤*

***እምብኣርከ ውህበት በበይኑ እዩ. . . እዚ ኹሉ ኸኣ ንሱ እቲ ሓደ መንፈስ ከም ዚደልዮ ገይሩ ንነፍሲ ወከፍ ገግዲኡ እናመቐለ እዩ ዚገብሮ። (1ቆሮ 12፡4,11)***

ዋላ እኳ "እቲ ዝበለጸ ውህበት ብትግሃት ክንምነ" (1ቆሮ 12፡31) ከምኡ'ውን "*መንፈሳዊ* ውህበት ክንምነ" (1ቆሮ 14፡1) እንተተባህለ፡ ናይቶም ዓቢ ኣገልግሎት ዘለዎም ካልኦት ሰባት ክንመስል ኣሎና ማለት ኣይኮነን። ጴጥሮስ ብዛዕባ ኣገልግሎት የሃንስ ምስ ተጨነቐ፡ የሱስ ከምዚ በሎ፦

***የሱስ ከኣ፥ ክሳዕ ዝመጽእ ኪጸንሕ እንተ ፈቶኹዎ፡ እንታይ ገዲሱካ፡ ንስኻ ግዳ ስዐበኒ፡ በሎ። (ዮሃ 21፡22)***

እግዚኣብሄር ንኖህ መርከብ ክዳሉ መደብ ሃቦ። ንሙሴ ድማ ናይቲ ድንኳን ዝኸውን መደብ ሃቦ። ንሰሎሞን ድማ ዓቢ ናይ ኣምልኾ ቤተ መቕደስ ንምስራሕ መደብ ሃቦ። ነህምያ መናድቕ የሩሳሌም ዳግማይ ንምህናጽ መደብ ተዋህቦ። ኣምላኽ ታቦት ክትሰርሕ፡

**ቤተ መቕደስ ክትሰርሕ፡ ኣብ ዙርያ ከተማ ኢየሩሳሌም መናድቕ ክትሰርሕ መደብ ኣይሃበካን። ኣምላኽ ግን ፍሉይ መደብ ኣለዎ ንዓኻ! ኣብ ኃጢኣት ቅንኢ/ምውድዳር እንተወዲቕካን ንኻልኦት እንተመሲልካን መደቡ ክትስእን ኢኻ።**
**ንህይወትካ ደድሕሪ ቀዳ ናይ ካልኦት ህይወት ክትወስዳ ከለኻ፡ ኣብ ልምዲ ናይ ሰባት ትወሓጥ-- ልምዲ ሰባት ድማ መለኮታዊ ምግላጽ ይሓብእ።**

## ርእሰ ገምጋም

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፉ።

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

2. "ቅንኢ/ውድድር" ዝብል ቃል እንታይ ማለት እዩ?

______________________________________________________________________

3. ኣብ ታሕቲ ዘለዉ መግለጺታት ኣንብቡ። እቲ ኣበሃህላ ሓቂ እንተኾይኑ ፊደል ሓቂ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝቐረበ ባዶ ቦታ ኣቐምጥ። እቲ ኣበሃህላ ሓሶት እንተኾይኑ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ባዶ ቦታ ሓሶት ጽሓፍ፤

ሀ. ______መጽሓፍ ቅዱስ ብስዉር-ተግባራት ኣቢልካ መምርሒ ምድላይ ቅቡል ምዃኑ ይምህር።
ለ. ______ንርእስኻ ካብ ኣምላኽ መምርሒ ክትረክብ እንተዘይክኢልካ ኣብ ካልኦት ሰባት ብምውካስ ንህይወትካ ምምራሕ ውሑስ እዩ።
ሐ.______ ነቢይ ዝብለካ ኩሉ ግዜ ከም ሓቅን ፍቓድ ኣምላኽን ጌርካ ንህይወትካ ክትቅበሎ ይግባእ።
መ_______ ልምዲ ሰባት መለኮታዊ ምግላጽ ይሓብእ እዩ።
ረ. _______ "ምውዳቕ ዕጫ"ን ካልኦት ኣገባባት ዕድልን ጽቡቕ መንገዲ ንምውሳን ፍቓድ ኣምላኽ እዩ።
ሰ. ______ መጽሓፍ ቅዱስ ቁሩጽ ጸምሪ ምጥቃም ሓደ ካብቲ ንፍቓድ ኣምላኽ ንምፍላጥ ዝሕግዝ ርግጸኛ መገዲ ምዃኑ ይምህር።
ሸ.________ ሓደ ካብቶም ዝበለጹ ኣገባብ፡ ንሓሶት ካብ ሓቀኛታት ነብያት ንምፍላይ ንጥቀመሉ ኣካይዳኦም ምዕዛብ እዩ።
ቀ.________ ሓቀኛ ትንቢት ኩሉ ግዜ ምስቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ይሰማማዕ እዩ።
ቐ. _______ ውልቃዊ ትንቢት ንምርግጋጽ ጥራይ እምበር ንኣንፈት መፍለጢ ወይ መምርሒ ክኸውን የብሉን።

(መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

# ንተወሳኺ መጽናዕቲ

**ዛንታታት ናይ ድምፂ እግዚኣብሔር ስለዘይሰምዑ ናብ ግጉይ ኣንፈት ዘምርሑ ዓበይቲ ናይ እግዚኣብሔር ሰባት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተመዝጊቡ ኣሎ። ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ናይ ኣምላኽ ሰባት እንታይ ከም እትመሃር ኣንቢብካ ኣጠቓልል። . .**

**መምርሒ ንምርኻብ ናብ ጠንቋሊ ዝኸደ ንጉስ ሳኦል፡** 1**ይ ሳሙኤል** 28

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

**ንጠንቋሊ ዝመኸረ ምናሴ፡** 2**ይ ዜና መዋእል** 33፡16።

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

**ስሙ ዘይተጠቕሰ ናይ ኣምላኽ ሰብ ንሓደ ነብዪ እየ ዝብል ሰብ ኣብ ክንዲ ነቲ ኣምላኽ ዝበሎ ዝእዘዝ ዝሰምዖ**: 1 **ነገስት** 13።

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

**ንጌጋ ምኽሪ ሰብ ዝሰምዐ በላዓም፡ ዘሁልቍ** 22።

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

______________________________________________________________________

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

# ቅዱ ፍቓድ ኣምላኽ

***ዕላማታት፤***

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- *መሪሕ ጥቕስታት ዘኪርካ ክትጽሕፍ ኢኻ።*
- ብዛዕባ ፍቓድ ኣምላኽ *መሰረታዊ* ጭብጥታት ክትዝርዝር ኢኻ።
- ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ፍቓድ ኣምላኽ ክተለሊ ኢኻ።
- ኣብ ኩነታት ህይወት ውሳነታት ንምውሳን ነቲ እተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ክትጥቀም ኢኻ።
- ቅዱ ፍቓድ ኣምላኽ ክትገልጽ ኢኻ።
- እቲ ኣማኒ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ተሰማሚዑ እናማዕበለ ከም ዚኸይድ ዚሕብር ምሳሌ ክተለሊ ኢኻ።
- ተወሳኺ መጽናዕቲ ብዛዕባ ዝተገልጸ ፍቓድ ኣምላኽ፡ ኣብቲ ዝተጻሕፈ ቃል ክትገብር ኢኻ።

***መሪሕጥቕስታት፤***

***8-10፤ ከምቲ ብኡኡ ዝመደቦ ሰምረቱ፡ ነቲ ምስጢር ፍቓዱ እናኣፍለጠና፡ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኺጥቕለልሲ፡ ብዅሉ ጥበብን ብዅሉ ኣእምሮን ነዚ ጸጋኡ ኣባና ኣውሐዞ።***

***11-12፤ ንሕና ቐደም ብክርስቶስ ተስፋ ዝገበርና ንውዳሴ ክብሩ ምእንቲ ኽንኸውን፡ ንሕና በቲ ዅሉ ኸምቲ ምኽሪ ፍቓዱ ብሓሳቡ ዚገብር ቀደም እተመደብና፡ ነቲ ዕድል ርስቲ ብኡኡ ረኸብናዮ።*** *(ኤፌ1፡9-11)*

## *መእተዊ*

እግዚኣብሄር ፍቓዱ ንምግላጽ ንሰብ ክዛረበሉ ዝጥቀመሉ ሜላታት ቅድሚ ምምርማርካ፡ ብዛዕባ ፍቓድ ኣምላኽ ገለ መሰረታዊ ፍልጠት ክህልወካ ኣለዎ። ዝሓለፉ ምዕራፋት "ፍቓድ ኣምላኽ" እንታይ ማለት ምዃኑ ዝገልጹ ኮይኖም፡ ጌጋ ዝኾኑ መንገድታት መምርሒ ንምርካብ ንጥቀመሎም ኣለሊና ኢና።

እዚ ምዕራፍ እዚ ብዛዕባ መሰረታዊ ሓቅታት ፍቓድ ኣምላኽ  የቕርብ፣ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ናይ ፍቓድ ኣምላኽ ይገልጽ፣ ቅዱ ፍቓድ ኣምላኽ ይምርምር፣ ከምኡውን ኣማኒ ኣብ ምፍላጥ ድምጺ ኣምላኽ ዘለዎ ዕቤት ይገልጽ።

## ጭብጥታት ብዛዕባ ፍቓድ ኣምላኽ

*ገለ መሰረታዊ ጭብጥታት ብዛዕባ ፍቓድ ኣምላኽ እነሆ፤*

***ኣምላኽ ፍቓዱ ክትፈልጥ ይደልየካ እዩ፤***

*ንድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ ዘኽእል እምነት ኣብ ክልተ መሰረታዊ ሓቅታት ዝተሞርከሰ እዩ፥*

*ቀዳማይ፥* *እግዚኣብሄር ንዓኻ መደብ ኣለዎ ዝብል እምነት።*
*ካልኣይ፥* *ኣምላኽ ምሳኻ ክዘራረብ ይኽእል እዩ።*

*እዘን ዝስዕባ ክልተ ምዕራፋት እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ዝረዳድኣሉ ሜላታት ይገልጻ። ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርቲ ዝገለጽናዮ፥ እግዚኣብሄር ንሰብ ክረዳዳእ ስለ ዝደሊ ብሓቂ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ንሓደ ነብዩ ንምዝራብ ክሳብ ኣድጊ ተጠቒሙ እዩ* (ዘሁ 22) ።

*መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ኢሉ ይእዝዝ፤*

> ***ምእንትዚ እቲ ፍቓድ ጐይታ እንታይ ምዃኑ ኣስተውዕሉ እምበር፥ ዓያሱ ኣይትኹኑ። (ኤፌሶን 5፥17)***

*ጳውሎስ ንሰብ ቈሎሴ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ።*

> ***ስለዚ ንሕና ኸኣ ካብታ ዝሰማዕናላ መዓልቲ ጀሚርና፥ በቲ ፍልጠት ፍቓዱ ብዅሉ መንፈሳዊ ጥበብን ኣእምሮን ኪመልኣኩም፥ ምእንታኹም ጸሎትን ልማኖን ኣየብኰርናን። (ቆሎ 1፥9)***

*ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ጳውሎስ ንሓደ ሰብ ከምዚ ኢሉ ተዛሪቡ።*

> ***. . . ኣምላኽ ኣቦታትና ብዝርኤኻዮን ብዝሰማዕካዮን ኣብ ኵሉ ሰብ ምስክር ምእንቲ ኽትኰኖ፥ ፍቓዱ ኽትፈልጦን ነቲ ጻድቕ ክትርእዮን ካብ ኣፉውን ቃል ክትሰምዕ ቅድም ሐረየካ። (ግብሪ 22 ፥ 14)***

*እግዚኣብሄር ብጀካ እዘን ዋቕስታት እዚኣተን ኣብ ጽሑፋዊ ቃሉ ብዙሕ መብጽዓታት ናይ መምርሒ ሂቡ እዩ።* (*ገለ ካብዚኦም ድሒርካ ከተጽንዖ ኢኻ*) *። ካብዞም ቅዱሳት መጻሕፍቲ መሰረት ብምግባር ኣምላኽ ፍቓዱ ክትፈልጥ ከም ዝደልየካ ምድምዳም ይከኣል።*

***ፍቓድ ኣምላኽ ምዱብ እዩ፤***

*እግዚኣብሄር ኣብዛ ዓለም እዚኣ ንኹሉ ነገር ብመሰረት መደቡ ንኽፍጸም ይሰርሕ ኣሎ፤*

> ***. . ንሕና በቲ ኹሉ ኸምቲ ምኽሪ ፍቓዱ ብሓሳቡ ዚገብር ቀደም እተመደብና፥ ነቲ ዕድል ርስቲ ብእኡ ረኺብናዮ። (ኤፌ 1፥11)***

*እግዚኣብሄር ንኣድማስ ዝምልከት ሓፈሻዊ መደብ ኣለዎ ንሱ ድማ ይሰርሖ ኣሎ። ነዚ ድማ ዋና መደቡ ንብሎ። ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝኸውን ውልቃዊ መደብ እውን ኣለዎ። እዞም ውጥናት ኣብ ውሽጢ ልኡላዊ ውጥንን ሞራላዊ ፍቓዱን ዝኣትዉ/ዝካተቱ እዮም።*

***መደብ ኣምላኽ ውልቃውን ግላውን እዩ፤***

ፍቓድ ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍ ውልቀሰብ ነቲ ልዑላዊ መደብ ምድሓኑ ዘጠቓልል እዩ፤

> ***ጐይታስ፡ ከምቲ ገሊኣቶም ዝሓስብዎ፡ ኣብ መብጽዓኡ ዚድንጒ ኣይኰነን፡ ግናኸ ኵሉ ናብ ንስሓ ኪመጽእ እምበር፡ ሓደ እኳ ኪጠፍእ ከም ዘይፈቱ ስለ ዝኾነ ኣባኻትኩም ይዕገስ ኣሎ እዩ። (2ይ ጴጥ 3፡9)***

መደብ ኣምላኽ ግን ኪኖ ምግላጽ ልዑላውን ሞራላውን ፍቓዱ ዝኸይድ እዩ። እግዚኣብሄር ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ብውልቃዊ ከረዳድኦ ይደሊ። መጽሓፍ ቅዱስ ነዚ ብብዙሕ ኣምላኽ ኣብ ህይወት ውልቀሰባት ዝሰርሖ ዛንታታት የረጋግጽ። ኣብ ፍሉይ ኩነታት፡ ንሰባት ንፍሉይ ዕላማ ኣብቲ ዝግባእ ቦታ ኣቐሚጡ እዩ። ነፍሲ ወከፍ ዝተመዝገበ ታሪኽ ህይወት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ፍሉይ እዩ።

እግዚኣብሔር ንነቢይ ኤርምያስ ከምዚ በሎ፤

> ***ኣብ ከርሲ ኣዴኻ ኸይሀነጽኩኻ ፈለጥኩኻ፡ ካብ ማሕጸን ከይወጻእካ ኸላ ቀደስኩኻ፡ ነህዛብ ነብዩ ኽትከውን ድማ መደብኩኻ፡ በለ። (ኤር 1፡5)***

መደብ ኣምላኽ ንሓደ ውልቀሰብ፡ ካብዚ ንላዕሊ እንታይ ምስክር ኣሎ?

ሃዋርያ ጴጥሮስ፡ ዮሃንስ እንታይ ኣገልግሎት ክህልዎ ከም ዘለዎ ካብ መጠን ንላዕሊ ምስ ተጨነቐ፡ ኢየሱስ ከምዚ በሎ። . . .

> ***የሱስ ከኣ፡ ክሳዕ ዝመጽእ ኪጸንሕ እንተ ፈቶኹ፡ እንታይ ገዲሱካ፡ ንስኻ ግዳ ስዓበኒ፡ በሎ። (ዮሃ 21፡22)***

የሱስ ንህይወት ጴጥሮስን ዮሃንስን እተፈላለየ መደባት ነበሮ።

ኣብ ኣድማስ ኣብ እንጥምት፡ ብልሒ ዘለዎ ውጥን ከምዘሎ ንርኢ። ኣቀማምጣ ፕላኔታትን ከዋኽብትን ንድሬ ነፍሲ ወከፍ ንጣብ በረድን ዕምባባን ነዚ ውጥን እዚ ዘንጸባርቕ እዩ። ነዚ መርትዖ'ዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ መለኮታዊ ፈጣሪ'ውን ንሰብ - ካብ ዝተፈጥሩ ፍጡራቱ ዝለዓለ ዝኾነ - ውልቃዊ መደብ ከም ዘለዎ ክንድምድም ይግባእ።

ኣምላኽ ከምዚ ኢሉ ተሰፋ ሃበ፤

> ***ኣነ ኽምህረካ፣ ነታ እትኸደላ መገዲ ድማ ከርእየካ እየ፣ ዓይነይ ናባኻ ኣቢለውን ክመኽረካ እየ። (መዝ 32:8)***

ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ ሓደ ውልቃዊ መንገዲ ኣመልኪትልና ይርከብ።

መዝሙር ዳዊት 37 ነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ ጻድቕ ብእግዚኣብሄር ከም ዝእዘዝ ይገልጽ፤

> ***ስጉምቲ ሰብ ብእግዚኣብሄር ይጸንዕ፡ መገዱ ኸኣ ባህ የብሎ። (መዝ 37:23)***

ኣብዚ ን"ይጸንዕ" ዝተጠቐምናሉ ቃል ተመሳሳሊ ቃል ኣብ መዝሙር ዳዊት 8፡3 ምስቲ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ወርሕን ከዋኽብትን ኣተሓሒዙ ተጠቒሱ ዘሎ እዩ። ስነ-ፍልጠት ስነ-ከዋኽብቲ፡ ነቲ ዜደንቕ ትኽክለኛነት ምንቅስቓስ ሰማያውያን ኣካላት መዝጊቡ ኣሎ።

ከም እቲ ንምንቅስቓስ ፕላኔታት ብልክዕ ክኸውን ዝገበረ፡ ንስጉምትታት ኣመንቲ ከኣ ይእዝዝ እዩ። ንሱ ከምዚ ብምባል መብጽዓ ኣትዩ፤

*ንየማን ወይስ ንጸጋም እንተ ኣግለስኩም፡ ኣእዛንኻ፡ እዚኣ እያ እታ መገዲ፡ ብእኣ ተመላለሱ፡ ዚብል ቃል ኣብ ድሕሬኻ ኺሰምዓ እየን። (ኢሳ 30፡21)*

ኣምላኽ ንዓበይቲ ፍጻመታት ናይ ህይወትዋራይ ኣይኮነን ዝእዝዝ፡ ግን ከኣ ነፍሲ ወከፍ ስጉምቲ።

**ፍቓድ ኣምላኽ መንገዲ ሰብ ኣይኮነን**:

ፍቓድ ኣምላኽ ሙብዛሕትኡ ግዜ ምስ መገድታት ሰብ ዝጻረር እዩ፤

*ሓሳባተይ ሓሳባትኩም ኣይኩነን፡ መገድታትኩም ከኣ መገድታተይ ኣይኩነን፡ ይብል እግዚኣብሄር። ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ዚብል፡ መገድታተይ ካብ መገድታትኩም፡ ሓሳባተይ ከኣ ካብ ሓሳባትኩም ልዕል ዝበለ እዩ። (ኢሳ 55፡8-9)*

ፍቓድ ኣምላኽ ኩሉ ግዜ እቲ ብተፈጥሮኻ ትመርጾ መንገዲ ኣይኮነን። ነዚ እዩ ድማ ድምጺ ኣምላኽ ምልላይ ኣገዳሲ ዝኸውን። እዚ ማለት ግን ፍቓድ ኣምላኽ - ከምቲ ዝቕጽል ነጥቢ ዝገልጾ - ሓጎስ ዘየምጽእ ነገር እዩ ማለት ኣይኮነን።

**ፍቓድ ኣምላኽ ሰናይ እዩ፤**

መጽሓፍ ቅዱስ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ወትሩ ሰናይ ምኻኑ እዩ ዚምህር። መንገዱ እቲ ንስኻ እትመርጾ ዘይትኸውን እኳ እንተ ኾነ፡ ኣምላኽ ግን እቲ ዝበለጸ ይፈልጥ እዩ። መዝሙር ዳዊት 37፡23 በቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ መገዲ ከም እትሕጐስ ይገልጽ።

ጳውሎስ ፍቓድ ኣምላኽ ሰናይ ምኻኑ የረጋግጽ፤

*እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ኽትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ። (ሮሜ 12 ፡ 2)*

**መደብ ኣምላኽ ገስጋሲ እዩ፤**

ኤፌሶን 2፡10 "ንሕና ፍጡራቱ ኢና" ይብል። "ኢና" ዝብል ቃል ነዚ ህሉው ግዜ የመልክት። ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ብቐጻሊ ይሰርሕ ኣሎ። ፍቓዱ ናይ ምግላጽ ቀጻልን ገስጋስን መስርሕ እዩ።

*ደጊም፡ ኣቱም ፍቑራተይ፡ እቲ ምእንቲ ጽቡቕ ፍቓዱ ኢሉ፡ ኣባኻትኩም ድሌትን ግብርን ዚገብርሲ ኣምላኽ እዩ እሞ. . (ፊልጺ 2 ፡ 13)*

ጳውሎስ ንናይ እብራውያን ኣመንቲ ድሌት ኣምላኽ ምኻኑ ጽሒፉሎም እዩ። . .

*ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚኡ ባህ ዜብሉ ኣባኻትኩም እናገበረ ብሰናይ ግብሪ ዘበለ ዅሉ ፍቓዱ ኽትገብሩ የብቅዐኩም። ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ንእኡ ኽብሪ ይኹኖ። ኣሜን። (እብ 13 ፡ 21)*

"እናገበረ" ዝብል ንህሉው ግዜ የመልክት። እግዚኣብሄር ንመደቡ ብቐጻሊ ይመርሓካን የዕብየካን ይዛረበካን ኣሎ። ቀጻሊ መምርሒ ቃል ክወሃበካ ሙብጽዓ ኣሎ፤


*እግዚኣብሄር ንኹሉ ጊዜ ኺመርሓካ፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ንነፍስኻ ኺጽግባ፡ ነዕጽምትኻ ድማ ኬበርትዖ እዩ። ንስኻ ኸኣ ከም ዝሰተየ ኣታኽልትን ከምቲ ማዩ ዘይነጽፍ ዓይኒ ማይን ክትከውን ኢኻ። (ኢሳ 58፡11)*

## ክልተ ክፋላት ፍቓድ ኣምላኽ

ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ ክንዛረብ ከለና፡ ክልተ መሰረታዊ ክፋላት ፍቓድ ኣምላኽ ከምዘሎ ክንርዳእ ይግባእ። ነፍሲ ወከፍ ክፋል ምስቲ ካልእ ዘሰማማዕ እዩ፤

**ቀዳማይ፡ ኣብቲ ዝተጻሕፈ ቃሉ ዝተገልጸ፡**

ቀዳማይ ክፋል ፍቓድ ኣምላኽ ብፍሉይ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝተገልጸ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ብዛዕባ ሰለስተ ትርጉማት "ፍቓድ ኣምላኽ" ተዛሪብና ኔርና። ልዑላዊን ውልቃውን ሞራላዊን ፍቓድ ኣምላኽ ከምዘሎ ተማሂርና። እዚኣቶም ኣብዚ ዝስዕብ ስእሊ ተገሊጾም ኣለዉ።




ከምቲ ስእላዊ መግለጺ ዝሕብሮ ፍቓድ ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍ ውልቀሰብ ኩሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ ልዑላውን ሞራላውን ፍቓዱ - ከምቲ ኣብ ጽሑፍ ቃሉ ዝተገልጸ - ይካተት። እቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ብምሉኡ ምግላጽ ሞራላዊ ፍቓድ ኣምላኽ ዘጠቓልል እዩ። እዚ ንኹሉ ከመይ ጌርካ ክትነብር ከም ዘለካ ዝነግር ትእዛዛት ዘጠቓልል እዩ። ኣብቲ ስእሊ ከም እትርእይዎ፡ ልዑላዊ ፍቓድ ኣምላኽ ንሞራላዊ ፍቓዱ የጠቓልል። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ውሽጢ ሞራላዊ መለክዒታት ናይቲ ዝተጻሕፈ ቃሉ ክነብሩ ልዑላዊ ፍቓዱ እዩ። እቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተጻሕፈ፡ ገለ ክፋል ናይቲ ክገልጸልና ዝመረጾ ልዑላዊ ፍቓዱ፡ ከምኡ ድማ ሓፈሻዊ ዝርዝር ውጥን ናይ ዓለምን ብሓፈሻ ናይ ወዲ ሰብን ዝሓንጸጾ የጠቓልል ።

እቲ ዝበለጸ ጽማቝ ናይዚ ውጥን እዚ ናይዚ ምዕራፍ መሪሕ ጥቕስታት እየን፤

> *ከምቲ ብእኡ ዝመደቦ ሰምረቱ፡ ነቲ ምስጢር ፍቓዱ እናኣፍለጠና፡ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኺጥቕለልሲ፡ ብዅሉ ጥበብን ብዅሉ ኣእምሮን ነዚ ጸጋኡ ኣባና ኣውሐዞ።*
> *ንሕና ቐደም ብክርስቶስ ተስፋ ዝገበርና ንውዳሴ ክብሩ ምእንቲ ኽንከውን፡ ንሕና በቲ ዅሉ ኸምቲ ምኽሪ ፍቓዱ ብሓሳቡ ዚገብር ቀደም እተመደብና፡ ነቲ ዕድል ርስቲ ብእኡ ረኸብናዮ። (ኤፈሶን 1፡9-11)*

ኣብዚ ምዕራፍ "ንተወሳኺ መጽናዕቲ" ዝብል ክፍሊ ፍሉያት መወከሲታት ዘርዚርና ኣለና እዚኦም ድማ ኣብነት ፍቓድ ኣምላኽ ከምቲ ኣብ ጽሑፍ ቃሉ ዝተገልጸ እዮም።

**ካልኣይ፡ ኣብ ቃሉ ዘይተገልጸ፡**

ካልኣይ ክፍሊ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ቃሉ ዘይተገልጸ እዩ። እዚ ንነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ዝምልከት ውልቃዊ መደብ ህይወት የጠቓልል። ቃል ኣምላኽ ንፍሉይ ናይ ኣገልግሎት ህይወትካ ወይ ሞያኻ፡ ኣብ ኣየነይቲ ቤተ ክርስቲያን ክትሳተፍ ከም ዘለካ፡ ንመን ክትምርዖ ከም ዘለካ፡ ኣበይ ክትነብር ከም ዘለካ ወዘተ ኣይገልጸን እዩ። እንተኾነ ግን ውሳነ ናይ ነፍሲ ወከፍ እዞም ዝተጠቕሱ ኣገደስቲ እዮም። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ውሳኔታት እዩ ፍቓድ ኣምላኽ ክትደሊን ንሱ ክዛረበካ ከሎ ድምጹ ክትሰምዕ ክትክእልን ዘድልየካ።

**ንክልቲኦም ኣነጻጽሮም፤**

ብዛዕባ ሓደ ዝተወሰነ ናይ ህይወት ኩነታት ፍቓድ ኣምላኽ ክትፈልጥ ኣብ እትደልየሉ እዋን፡ ኣብቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ፍሉይ መምርሒ ተዋሂቡ እንተሎ ንምፍላጥ መጀመርታ ምጽሓፍ ቅዱስ ኣጽንዕ። ድሮ ኣብቲ ዝተጻሕፈ ቃሉ ተዛሪቡ እንተዳኣ ኣሎ፡ "ፍቓድ ኣምላኽ ምድላይ" ወይ ፍቓዱ ምርግጋጽ ምሕታት ኣየድልን እዩ። ድሮ እተዋህበ ፍሉይ መምርሒ ንምርካብ ንመጽሓፍ ቅዱስ ብጥንቃቐ መርምሮ። ነቲ ዝተጻሕፈ ቃል ከም ድምጺ ኣምላኽ ዝዛረበካ ዘሎ ጌርካ ተቐበሎ። ኣቲ ብጽሑፍ ዝተዋህበካ መምርሒ ኣምላኽ እንተኣቢኻዮ፡ ንርእስኻ ኢኻ ተታልል ዘለኻ።

ኣብ ብዙሕ ኩነታት መጽሓፍ ቅዱስ ሓፈሻዊ መምርሒታት ይህብ---እዚኦም ምስ ንርድኦም ኣብ ግብሪ ምስ ዝውዕሉን-- ናብ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ዝሰማማዕ ውሳነ ይመርሑና። እዞም መምርሒታት እዚኦም ኣብ እተፈላለየ ፍሉይ ኹነታት ንጥቐመሎም እዮም። ንኣብነት ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ የጠንቅቕ፤

> ***ምስቶም ዘይኣምኑ ኣብ ሓደ ኣርዑት ኣይትጸመዱ። ማለት፥ ንጽድቅን ሓጢኣትን እንታይ ኣራኺብዎ፧ ወይስ ንብርሃን ምስ ጸልማት እንታይ ሕብረት ኣልይዎ፧ክርስቶስከ ምስ ብልያል እንታይ ምስምማዕ ኣለዎ ወይስ ንኣማኒ ምስ ዘይኣማኒ እንታይ ግደ ኣለዎ፡*** *(2ቆሮ 6፡14-15)*

ኣብዚ መጽሓፍ ቅዱስ ኣመንቲን ዘይኣመንትን ብሓደ ኣርዑት ክጽመዱ የብሎምን ዝብል ሓፈሻዊ መምርሒ ይህብ። እዚ መምርሒ እዚ ኣብ ብዙሕ ናይ ህይወት ኩነታት ክንጥቀመሉ ይከኣል እዩ፡ ምስ ዘይኣማኒ ምምርዓው፡ ምስ ዘይኣማኒ ናብ ንግዳዊ ሽርክነት ምእታው፡ ንዘይኣመንቲ ናይ ቀረባ ኣዕሩኽትኻ ምግባር ወዘተ. . .

ንኩነታት ታሪኽ ህይወትካ ትጥቀመሎም ኣብነታት ንምርካብ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ድለ። ኣብ ተመሳሳሊ ኾነታት እንታይ ውሳኔታት ከም ዝወሰዱን ከምዚ ዝኣመሰለ ውሳነታት ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ዝሰማማዕ እንተ ኾይኑን ንምፍላጥ፡ ህይወት ገጸ ባህርያት መጽሓፍ ቅዱስ ኣጽንዕ።

ኣብቲ ብጽሑፍ ቃል ኣምላኽ መምርሒ ኣብ ዘይተዋህበሉ ጉዳያት፡ ጉይታ ንሰብ ዝዛረበሉ ካልእ ሜላታት ኣለዎ። ነዚ ከምዚ ነገር፡ ኣብዘን ዝስዕባ ክልተ ምዕራፋት ክንምርምሮም ኢና። ግን ዘክር፦ ንውልቃዊ ናይ ህይወት ኩነታት ዝምልከት መምርሒ ኩሉ ግዜ ምስቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ክሰማማዕ ኣለዎ። ድምጺ ኣምላኽ ኪኖ ደረት ናይቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣይከይድን እዩ።

እዚ ዝስዕብ ሰንጠረዥ ነቲ ኣቐዲሙ ዝተዘተየሉ ክልተ ክፋላት ፍቓድ ኣምላኽ ብሓጺሩ ዝገልጽ እዩ፤

| ክልተ ክፋላት ፍቓድ ኣምላኽ |
| --- |

| **ዝተገልጸ (ኣብ ቃሉ ዝተጻሕፈ)** | **ዘይተገልጸ** |
|---|---|
| *ሞራላውን ልዑላውን ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ቃሉ ዝተገልጸ* | *ውልቃዊ መደብ ኣማኒ ኣብ ህይወቱ* |
| *ሓፈሻዊ ፍቓድ ኣምላኽ ንኹሉ ሰብ፡ ናይ ዓለም ማስተር ፕላን የጠቓልል።* | *ፍሉይ ውሳነታት፡ ንኣብነት ስራሕ፡ ኣገልግሎት፡ መንበሪ፡ ትምህርቲ፡ መርዓ፡ መምርሒታት ኣብ ፍሉይ ኩነታትን የጠቓልል።* |
| *ፍሉይ ተስፋታትን መብጽዓታትን ንህይወታውያን ዝመርሕ የጠቓልል።* | |
| *ሓፈሻዊ መምርሒታት ንፍሉይ ውሳነታትን ምርጫታትን መሰረት ዝኸውን የጠቓልል።* | *ውልቃዊ ውሳነታት ኣብ ሓፈሻዊ መምርሒታት፡ ኣብነታትን ፍሉይ ትእዛዛትን መሰረት ናይ ቃል ኣምላኽ ዝግበሩ የጠቓልል።* |

## ቅዱ ፍቓድ ኣምላኽ

*ቀዳማይ ምዕራፍ ናይዚ ትምህርቲ ኣብ ሮሜ* 12:1-2 *ዘተኮረ እዩ ነይሩ፤*

> ***እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንሲጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዘብልን መስዋእቲ ጌርኩም ክተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላኽ ኣምዕደኩም ኣሎኹ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ ኣገልግሎትኩም እዩ።***
>
> ***እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ ኽትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ።*** *(ሮሜ 12 ፡ 1-2)*

"እቲ ሰናይን ባህ ዘብልን ምሉኡን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ማለት እዩ" ዝብል ሕቶ ሓቲትና። ሕጂ ነዛ ሕቶ እዚኣ ክንርእያ ኢና፣ ከምኡ ብምግባርና ድማ ቅዱ ፍቓድ ኣምላኽ ክንረክብ ኢና።

**ምሉእ ፍቓድ ኣምላኽ፤**

እቲ ምሉእ ፍቓድ ኣምላኽ ሓደ ኣማኒ ዝፍጽም ህይወቱ ምስቲ ሞራላዊ፡ ልዑላዊን ውልቃዊ ፍቓድ ኣምላኽ ምስ ዝሰማማዕ እዩ።

እቲ ኣማኒ ነቲ ንምድሓኑ ዝተዋህበ ልዑላዊ መደብ ኣምላኽ ዳግም ብምውላዱ ተቐቢልዎ ኣሎ። ምስቲ ኣብቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ዘሎ ሞራላዊ ትእዛዛት ዝሰማማዕ እዩ። ብተወሳኺ ኣምላኽ ንውልቃዊ መደብ ሕይወቱ ዝህቦ ፍሉይ መምርሒ ፈሊጥዎ ኣሎ።

**ሰናይ ፍቓድ ኣምላኽ፤**

ኣብ ሰናይ ፍቓድ እግዚኣብሔር፣ እቲ ኣማኒ ኣብ ምሉእ መደብ ህይወቱ ዘይኮነስ ኣብ ልዑላዊ ፍቓድ ኣምላኽን ሞራላዊ ፍቓድን እዩ ዘሎ። ንሱ ነቲ ዝተገልጸ ፍቓድ ኣምላኽ ዘይእዘዝ ኣይኮነን፣ ብተወሳኺ ግና ሕጂ ውን ነታ ፍጹም ውልቃዊ መደብ ኣምላኽ ንህይወቱ ክረክብ ይደሊ ኣሎ።

**ባህ ዘብል ፍቓድ ኣምላኽ፤**

እዚ ኣማኒ እዚ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ንህይወቱ ይጎድሎ ኣሎ ግን ጌና ኣብ ቅቡል ኩነታት ኣሎ። ኣምላኽ ስለ ዘፍቀደሉ እዩ ዝነብር ዘሎ። ብዛዕባ እቲ ኣምላኽ ንህይወቱ ዘለዎ ፍጹም ፍቓድ እኳ ዘይግድሶ ኪኸውን ይኽእል እዩ። ሽሕ'ኳ እቲ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ንዕኡ ከምኡ እንተዘይኮነ፡ ኣምላኽ ኣብዚ ኩነታት ክነብር ኣፍቂድሉ ኣሎ።

**ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጻኢ፤**

እቲ ኣብዚ ኩነታት ዘሎ ኣማኒ ብቐጥታ ነቲ ዝተገልጸ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ዘይምእዛዝ እዩ ይርከብ።

## ካብ ቅዱስ ጽሑፍ ዝተረኽበ ኣብነት

ኣብ ዘሁልቍ ምዕራፍ 22 ዚርከብ ዛንታ በላዓም ነዞም ኩነት ፍቓድ ኣምላኽ ዜርኢ እዩ። ነዚ ትምህርቲ ቀድሚ ምቕጻልካ ነቲ ዛንታ ኣንብቦ። ገለ ሰባት ካብ ሞኣብ ንሓደ በላዓም ዝስሙ ነብዩ ኣምላኽ ምሳታቶም ከይዱ ኣንጻር ህዝቢ ኣምላኽ -እስራኤል - ኪንበ ሓተትዎ። ኣምላኽ ንበላዓም ተዛረቦ፡ ከይከይድ ድማ ነገሮ፡

*ኣምላኽ ድማ ንበላዓም፡ ምሳታቶም ኣይትኺድ፡ ምሩቕ እዩ እሞ፡ ነቲ ህዝቢ እቲ ኣይትርገሞ፡ በሎ። (ዘሁ 22 ፡ 12)*

በላዓም ምስ ሰብ ሞኣብ ከይከይድ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ እዩ ነይሩ። በላዓም ግና ድምጺ ኣምላኽ ስለ ዘይተኣዘዘ ምስቶም ሰባት ከደ። ምስ ከደ ከኣ ካብቲ ዝተገልጸ ፍቃድ ኣምላኽ ወጻኢ ክዓይይ ጀመረ።

እግዚኣብሔር ንበላዓም ፍቓዱ ክፈልጥ ኣዝዩ ስለ ዝደለየ፡ ኣድጊ ተጠቒሙ ክዛረቦን ብዛዕባ ሓጢኣቱ ከነግሮን ጀመረ።ብድሕሪ እዚ ኣምላኽ ንበላዓም ንእስራኤላውያን ካብ ምርጋም ክባርኾም ከም ዘለዎ ትእዛዝ ብምሃብ ምስ ሰብ ሞኣብ ክቕጽል ፈቐደሉ። በላዓም ሕጂ በቲ እተፈቕደሉ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ ክዓዩ ጀሚሩ።

እቲ ጉዕዞ ምስ ባላቅ ዝተባህለ ሰብ ተኸታታሊ ፈታኒ ርክባት ኣስዒቡ። በላዓም ንድምጺ ኣምላኽ ኣቐዲሙ ተኣዚዙ ፈጺሙ ዘይከደ እንተዝኸውን ካብዚ ኩሉ ክሰወር ምስ ተኻእሎ።

ሕጂ ነዚ ዛንታ ምስቲ ስእላዊ መርኣዩ "ቅዱ ፍቓድ ኣምልኽ" ኣነጻጽሮ። ምሉእ ፍቃድ እግዚኣብሔር በላዓም ምስ ሰብ ሞኣብ ከይከይድ እዩ ነይሩ። በላዓም ስለ ዘይተኣዘዘ ካብ ፍቃድ እግዚኣብሔር ወፃኢ ክንቀሳቐስ ክኢሉ። ኣብቲ ሰናይ ፍቃድ እግዚኣብሔር - ማለት ንፍጹም ፍቓድ ክረኽቦ ዘይከኣለ ግና ዝደልዮ - ኣይነበረን። ብፍጹም ናብ ድምጺ ኣምላኽ ዘይምእዛዝ እዩ ኣትዩ። ዋላ እኳ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኹን እምበር፡ እቲ ቅቡል ወይ እተፈቕዶ ፍቓድ ኣምላኽ ንበላዓም ጉዕዞኡ ክቕጽል ፈቐደሉ።


## ብፍቓድ ኣምላኽ ምጉዓዝ

ነቲ ናይ ዳግም ምውላድ ዝተሞከርካዮ ከምኡውን ብፍቕሪ ኣምላኽ ተደሪኽካ፡ ዕላማ ናይ ኣማኒ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ተሰማሚዕካ ምምልላስ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ቅዱ ናይቲ ስምምዕ ኣማኒ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ፡ ብመንጽር እዚ ዝስዕብ ስእሊ እዩ ዝሕሰብ፤




ኣብዚ ስእሊ እዚ ፍቓድ ኣምላኽ ብትኽ ዝበለ ዘይተሰብረ መስመር (____) ተገሊጹ ኣሎ።
ምስቲ ፍቓድ እቲ ብምትእስሳር ሰብ ዝኸዶ ጉዕዞ ብጨራታት (➔ ) ይውከል።

ቅድሚ ዳግም ምውላዱ፡ ሰብ ብናይ ገዛእ ርእሱ መንገዲ ይመላለስ፡ እዚ ድማ ልክዕ ኣንጻር ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። ድሕሪ ዳግም ምውላድ, መብዛሕትኡ ግዜ ሓደ ኣማኒ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ምሉእ ብምሉእ ተሰማሚዑ ክኸይድ ኣቐዲሙ ይጽበ። ብክርስቶስ ሓድሽ ፍጡር ስለ ዝኾነ: ብልክዕ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ኪሰማማዕ ከምዝኽእል እዩ ዚጽበ። ኣብቲ ክውንነት ናይ መዓልታዊ ህይወት ግን፡ ቅዲ ምምስሳሉ ዝያዳ ከምዚ ይመስል፤




እቲ ኣማኒ ኣብ ክንዲ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ብልክዕ ዝሰማማዕ "ላዕልን ታሕትን" ዝብል ተመክሮ ኣለዎ። ሓደ ሓደ ግዜ ድምጺ ኣምላኽ ሰሚዑ ፍቓዱ ይገብር። ካልእ ግዜ ኣይገብሮን እዩ። ክጋገን ፍቓድ ኣምላኽ ክስሕቶ ከሎን ኣዝዩ ተስፋ ይቖርጽ። ገሊኣቶም እውን ከይተረፈ ድምጺ ኣምላኽ ንምስማዕ ኣብ ዝገብርዎ ጻዕሪ ተስፋ ይቖርጹ።

ነዚ ስእሊ ግን ደጊምካ ርኣዮ። ሓደ ኣገዳሲ ነገር ረሲዕና ኣሎና! ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ኣማኒ ፍቓድ ኣምላኽ ከም ዝስሕቶ ሓቂ እኳ እንተኾነ፡ ሓፈሻዊ ኣንፈት ናይቲ ንመገዲ ሕይወቱ ዝውክል ነጥቢ ዘለዎ መስመር ንላዕሊ ምዃኑ ኣስተውዕል። ሓድሓደ ግዜ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ኺጉድሎ ዚኽእል እኳ እንተ ኾነ፡ እቲ ሓፈሻዊ ቅዲ ግን ናይ ዕብየት እዩ።

እቲ ነጥብታት ዘለዎ መስመር ከመይ ጌሩ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ከም ዘወጽእን ከም ዝግንዘቦን ካብቲ ተመኩሮ ከም ዝመሃርን ምስ መደብ ኣምላኽ ከም ዝሰማማዕን ዘርኢ እዩ። ብውድቀት ከምኡ ውን ብዓወት፡ ኣማኒ ድምጺ ኣምላኽ ምስማዕ ይመሃር ኣሎ። ብኣወንታውን ኣሉታውን ተመክሮታት ኣቢሉ ብመምርሒታት ኣምላኽ ዝምራሕ ህይወት ኣብ ምርዳእ ዕቤቱ ይቕጽል ኣሎ።

ፍቓድ ኣምላኽ በዚ ኣገባብ እዚ ምስ ንግንዘብ፡ ኣብኡ ክትነብር ፍሉይ ዕድል ዝረኸብካሉ ሓራ ዘውጽእ ዝምድና ምስ ኣምላኽ ይኸውን። በቃ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ቀይዲ ወይ ትእዛዛት ካብ ምኳን የቋርጽ። ህይወትካ ምስ መደቡ ክትሰርዮ ናይ ምምሃር ብድሆ ይኸውን።


## መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነት

ኣብነት ንጉስ ዳዊት እስከ ንርአ። ኣብ ንኡስ ህይወቱ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ከም ዝሰማማዕ ዝገልጽ ስእላዊ መግለጺ ከምዚ ዝስዕብ ክመስል ይኽእል ነይሩ፤

ዳዊት ንመጀመርታ ግዜ ንጉስ ኪኸውን ከሎ፡ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ተሰማሚዑ እዩ ዚመላለስ ነይሩ። እግዚአብሔር እኳ ንዳዊት ከም ልበይ ኢሉ ጸውዮ። ድሕሪኡ ግን ዳዊት ምስታ ዘይሕጋዊ ውላድ ዝወለደት - ሰበይቲ ካልእ ሰብኣይ - ሓጢኣት ገበረ። እዚ ኸኣ ነቲ እተጻሕፈ ቓል ኣምላኽ ብቐጥታ ዘይምእዛዝ እዩ ነይሩ። ዳዊት ብንስሓ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር መጺኡ፡ ይቕረ ተባሂልሉ፡ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ክሰማማዕ ተመሊሱ።

ኣብ ዝቕጽሉ ክልተ ምዕራፋት ኣምላኽ ንሰባት ዝዛረበሉ መገድታት ክንምርምር ከሎና ስእሊ ክልተ ኣብ ኣእምሮና ንሓዞ። እቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓፈሻዊ ቅዲ ምስምማዕ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ።

**ናይ ዳዊት ምስምማዕ ምስ ፍቃድ ኣምላኽ**



ብነፍሲ ወከፍ ተመክሮ ናይ ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ ትምህርቲ፡ ኣወንታዊ ይኹን ኣሉታዊ፡ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ናይ ምፍላጥ ዓቕምኻ ኽትቅጽል ትኽእል ኢኻ። ሓሓሊፍካ ውድቀት እኳ እንተ ኣጋጠመካ፡ ንኽትሰማማዕ ምጽዓርካ ቀጽል። ፈጺምካ ተስፋ ኣይትቝረጽ!

## ርእሰ ገምጋም

1. መሪሕ ጥቕስታት ዘኪርካ ጽሓፍ።

2. ኣብቲ ዝተዋህበ ባዶ ቦታታት ዝኀደሉ ቃላት ብምምላእ ነዚ ዝስዕብ ሓረግ ምልኣዮ፤

ኣብዚ ምዕራፍ እዚ እተዘተየሎም ክልተ ክፋላት ፍቓድ ኣምላኽ፡ እቲ ዝተገልጸ ኣብ _________ __________እቲ ዘይተገልጸ ኣብ_______________ እዮም።

3. ነዚ ዝስዕብ ናይ ህይወት ኩነታት ዝምልከቶ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒ ሃብ፡

"ንዘይደሓነ ሰብ ተሓጽየ ኣለኹ። ንሱ ሕያዋይ፡ ጭዋ፡ ልዑል ሞራላዊ መዐቀኒታት ዘለዎ እዩ። ዋላ እኳ ኣነ ኣማኒ እንተኾንኩ ንሱ ድማ እንተዘይኮነ ድሕሪ ምምርዓውና ቤተክርስትያን ምኻድ ጽቡቕ ከምዝኾነን ምሳይ ከይተረፈ ክኸይድ ከምዝኽእል ሓቢሩኒ። ብዛዕባ እቲ ዝሓሰብናዮ ሓዳር ዝምልከት ፍቓድ ኣምላኽ ክፍጸም እጽሊ ኣለኹ።"

እቲ ኣብ ግብሪ ዝውዕል መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒ . . .

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

4. ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘተየሉ ሽዱሽተ ጭብጥታት ብዛዕባ ፍቓድ ኣምላኽ ዘርዝር፤

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________


_______________________________________________

_______________________________________________


5. እዚ ሓሳብ ሓቂ ድዩ ወይስ ሓሶት: እግዚኣብሄር ኣብ ቃሉ ብዛዕባ ሓደ ዝተወሰነ ጉዳይ ፍቓዱ እንተደኣ ገሊጹ፡ ገና ደጊምካ ንምርግጋጽ ክትደልዮ ይግባእ ። እቲ ሓሳብ__________ እዩ።

6. ካብዞም ዝስዕቡ ስእላዊ መግለጺታት ኣየናይ እዩ እቲ ክውንነታዊ ዝኾነ ናይ ኣማኒ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ዘለዎ ምስምማዕ ዘርኢ፤

ስእላዊ መግለጺ ሀ



ስእላዊ መግለጺ ለ



7. **ኣብዛ ምዕራፍ እዚኣ ከም ቀዲ ፍቓድ ኣምላኽ ዝቐረቡ ኣርባዕተ ኩነታት እንታይ እዮም፧**

________________________ ________________________

________________________ ________________________

(*መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።*)

## ንትወሳኺ መጽናዕቲ

ኣብ ጽሑፍ ቃል ኣምላኽ ፍቓዱ ናብ ሰብ ዘመሓላልፈሉም ሓፈሻዊ መምርሒታትን ኣብነታትን ኣለዉ። ኣብዚ ውን ኣብ ብዙሕ ጉዳያት፡ ፍቓዱ ዝገልጹ ፍሉያት መምርሒታት ኣብ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ኣለዉ። እዚ ኩሎም ተሰፋታትን ትእዛዛት መጽሓፍ ቅዱስን የጠቓልል። ኣብ ገለ ጥቕስታት እግዚኣብሄር ኣዝዩ ኣነጺሩ ከምዚ ይብል "እዚ ንዓኻትኩም ፍቓደይ እዩ። . . " እዞም መወከሲታት እዚኣቶም ንኽተጽንዖም ተዘርዚሮም ኣለዉ። ኣብዚ ዝርዝር እዚ ካብቲ ናይ ገዛእ ርእስኻ መጽናዕቲ ቃል ኣምላኽ ክትውስኸሉ ትኽእል ኢኻ።

ገለ ካብቲ እግዚኣብሄር ንዓኻ ፍቓዱ ገይሩ ዝገለጸሎም ነገራት እንታይ እዮም? ነዞም ዝስዕቡ መወከሲታት ኣጽንዑ፤

**ንዓኻትኩም ዝሓንጸጾ መደብ፤**

> ***ንወዲ ርእዩ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪረክብ፡ ኣነውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኸተንስኦ፡ እዚ ፍቓድ ኣቦይ እዩ እሞ፡ ካብቲ ንሱ ዝሃበኒ ዘበለ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኽተንስኦ እምበር፡ ሓደ እኳ ኸየጥፍእ፡ እዚውን ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እዩ። (ዮሃ 6፡39-40)***
>
> ***ኣቦይ ዚህበኒ ዘበለ ናባይ ኪመጽእ እዩ፡ ነቲ ናባይ ዚመጽእ ከቶ ንወጻኢ ኣይድርብዮን እየ። (ዮሃ 6፡37)***
>
> ***ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብቲ ኸም ፍቓድ ኣቦና ኣምላኽ፡ ካብዛ ሕጂ ዘላ እክይቲ ዓለም ምእንቲ ኼድሕነና ኢሉ፡ ብሰሪ ሓጢኣትና ነፍሱ ዝሃበ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን፡ ጸጋን ሰላምን ይውረደኩም። (ገላትያ 1፡4) ።***
>
> ***በቲ ፍቕር ብእኡ ዝጸገወና፡ ንውዳሴ ኽብሪ ጸጋኡ ብፍታው ፍቓዱ ብየሱስ ክርስቶስ ንርእሱ ውሉድ ክንኮና ቐደም መደበና። ብእኡ ብደሙ ምድሓን፡ ማለት፡ ከምቲ ሃብቲ ጸጋኡ ሕድገት ሓጢኣት ኣሎና። ከምቲ ብእኡ ዝመደቦ ሰምረቱ፡ ነቲ ምስጢር ፍቓዱ እናኣፍለጠና፡ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኺጥቕለልሲ፡ ብኹሉ ጥበብን ብኹሉ ኣእምሮን ዚ ጸጋኡ ኣባና ኣውሓዞ። ንሕና ቐደም ብክርስቶስ ተሰፋ ዝገበርና ንውዳሴ ክብሩ ምእንቲ ኽንከውን፡ ንሕና በቲ ኹሉ ኸምቲ ምኽሪ ፍቓዱ ብሓሳቡ ዚገብር ቀደም እተመደብና፡ ነቲ ዕድል ርስቲ ብእኡ ረኺብናዮ። (ኤፌ 1፡5-12)***
>
> ***በኹሪ ፍጥረቱ ምእንቲ ኽንከውን ኢሉ እዩ ኸም ፍቓዱ ብቓል ሓቂ ዝወለደና። (ያእቆብ 1፡18)***

**ፍቓዱ ንእትፈትዎም ሰባት፤**

> ***ጐይታስ፡ ከም ገሊኦም ናብ ንስሓ ኺበጽሑ እምበር፡ ሓደ እኳ ኺጠፍእ ዘይፈቱ ሰለ ዝኾነ፡ ምእንታኻትኩም ይዕገስ ኣሎ እምበር፡ ከምቲ ንገሊኦም ዝድንጉ ዚመስሎም፡ ንተስፋኡ ኣየደንጉዮን እዩ። (2ይ ጴጥ 3፡9)***

**ንቕድስናኻ ዝምልከት ፍቓዱ፤**

> ***ፍቓድ ኣምላኽ እዚ እዩ፡ ቅድስናኹም። ካብ ምንዝርና ኽትርሕቁ እሞ፡ (1ይ ተሰሎንቄ 4፡3)***

**ንጸሎትን ምስጋናን ዝምልከት ፍቓዱ፤**

> ***ከየባተኽኩም ጸልዩ። እዚ ምእንታኹም ብክርስቶስ የሱስ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ብኹሉ ኣመስግኑ። (1ይ ተሰ 5፡17-18)***

*መርሖታት መንግስተ ሰማያት ክህበካ እየ፡ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ኹሉ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ። ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ኹሉ ድማ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ። (ማቴ 16 ፥ 19)*

**ኣነባብራኻ ብዝምልከት ዘለዎ ፍቓዱ፤**

*ከምዚ ሰናይ እናገበርኩም፡ ዕሽነት እቶም ዘይፈልጡ ሰባት ክትዐብሱ፡ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ኑቲ ኸም ኣብ ልዕሊ ኹሉ ዘሎ ንጉስ፡ ወይስ ኑቶም፡ ንገበርቲ እከይ ኪቐጽዑ፡ ንገበርቲ ሰናይ ኪንእዱ፡ ካብኡ እተላእኩ መኳንንቲ፡ ስለ እግዚኣብሄር ኢልኩም ንስርዓት ሰብ ዘበለ ተገዝኡ። (1ጴጥ 2፥15)*

**መንፈስ ቅዱስ ብዝምልከት ንዓኻትኩም ፍቓዱ፤**

*በተን ዳሕሮት መዓልትታት ኪኸውን እዩ፡ ይብል ኣምላኽ፡ ኣብ ልዕሊ ስጋ ዘበለ ኹሉ ኻብ መንፈሰይ ከፍስስ እየ፡ ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ኪንበዩ፡ ኣጕባዝኩም ከኣ ራእይ ኪርእዩ፡ ኣረገውትኹምውን ሕልሚ ኺሐልሙ እዮም።*
*በተን መዓልትታት እቲኣተን ድማ ኣብ ሰብኡትን ኣንስትን ባሮተይ ካብ መንፈሰይ ከፍስስ እየ፡ ንሳቶም ከኣ ኪንበዩ እዮም። (ግብ 2 ፥ 17-18)*

**ፍቓዱ ብዛዕባ ክርስትያናዊ ምስክርኻ፤**

*የሱስ ድማ፡ ገፊፍቲ ሰብ ክገብረኩም እየ፡ ንዑ ሰዓቡኒ፡ በሎም። (ማር 1፥17)*

*መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ኽትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኲላ ይሁዳን ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም፡ በሎም፡ (ግብ 1 ፥ 8)*

**ፍቓዱ ብዛዕባ ሕጻናትን ዕሽላትን ኣብ ክርስቶስ:**

*ከምኡ ድማ ካብዞም ናእሽቱ ሓደ ኺጠፍእ፡ ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ኣይኮነን። (ማቴ 18:14)*

**መከራ ብዝምልከት ዘለዎ ፍቓዱ፤**

*ስለዚውን እቶም ከም ፍቓድ ኣምላኽ ኲይኖም ሓሳረ መከራ ዚጸግቡ ዘለዉ፡ ሰናይ እናገበሩ ንነፍሶም ኣብቲ እሙን ፈጣሪ ደኣ የማሕጽንዋ። (1ይ ጴጥ 4፥19)*

**ንብረትንምሓዝ ብዝምልከት ዝሃቦ ፍቓዱ፤**

*ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኹሉ ድማ ይውሰኸልኩም። (ማቴ 6 ፥ 33)*
*. . ሃቡ ኺውሃበኩም እዩ። በቲ እትሰፍሩሉ መስፈሪ ኺሰፈረልኩም እዩ እሞ፡ ጸቡቕ እተሰጕደ፡ ንኽኑኽ እተፋረወ መስፈሪ ኣብ ሕቝፍኹም ኪህቡኹም እዮም። (ሉቃ 6፥38)*

**ንዘለኣለማዊ ዕጫኻ ብዝምልከት ፍቓዱ፤**

*ዎ ኣቦይ፡ ቅድሚ ምስራት ዓለም ኣፍቂርካኒ ኢኻ እሞ፡ እዞም ዝሃብካኒ ኑቲ ዝሃብካኒ ኽብረይ ምእንቲ ኺርእዩስ፡ ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ንሳቶምውን ኣብኡ ምሳይ ኪህልዉ እደሊ ኣሎኹ። (ዮሃ 17፥24)*

# ሻድሻይ ምዕራፍ

# ኣምላኽ ንሰብ ብኸመይ ከም ዝዛረቦ

***ዕላማታት፤***

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፍ ኢኻ።
- እግዚኣብሄር ንሰብ ዝዛረበሉ ዝተፈላለየ መገድታት ክትዝርዝር ኢኻ።
- እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ናይ ምዝርራብ ዓቕሙ ዝተሓጽረ ከምዘይኮነ ክተለልይ ኢኻ።

***መሪሕጥቕሲ፤***

> ***ምእንትዚ እቲ ፍቓድ ጐይታ እንታይ ምዃኑ ኣስተውዕሉ እምበር፡ ዓያሱ ኣይትኩኑ።*** *(ኤፌ. 5፡17)*

***መእተዊ***

ከምቲ ኣብ መእተዊ ናይዚ ትምህርቲ ዝገለጽናዮ መጽሓፍ ቅዱስ እግዚኣብሔር ንሰብ ድምጹ ዘመሓላልፈሉ ሜላታትን ደቂ ሰባት ንኣምላኽ ዝሀብዎ ምላሽን ዝገልጽ ታሪኽ እዩ። እዛ ምዕራፍ እዚኣ ነቲ ኣምላኽ ምስ ሰብ ክረዳዳእ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዝጥቀመሉ ሜላታት ትምርምር እያ።

## እቲ ዝተጻሕፈ ቃል

ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ትምህርቲ ዝተማሃርናዮ ኣምላኽ ንሰብ በቲ ዝተጻሕፈ ቃሉ ይዛረብ እዩ። ኣምላኽ ብዛዕባ ድሮ ኣብቲ ቅዱስ ጽሑፋቱ ዝተገልጸ ነገራት ክዛረበካ ኣየድልየን እዩ። እግዚኣብሄር ካልእ ሜላታት ተጠቒሙ ክረዳዳእ ከሎ ምስቲ ዝተጻሕፈ ቃሉ ፈጺሙ ኣይጋጭን እዩ።

## ጸሎት

እግዚኣብሄር ከም ውጽኢት ናይ ጸሎት ከም ዝዛረብ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሕ ኣብነታት ኣሎ። ውጽኢት ጸሎትን ጾምን (ብመንፈሳዊ ምኽንያት ብዘይ መግቢ ምጽናሕ) እግዚኣብሔር ንጳውሎስን በርናባስን ምዝራብ እዩ፤

> ***እዚኣቶም ንእግዚኣብሄር ኪገልግሉን ኪጾሙን ከለዉ ኸኣ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ በርናባስን ሳውልን ነቲ ዝጸዋዕክዎም ዕዮ ፍለዩለይ፡ በሎም።***
>
> ***ሽዑ ጾሙን ጸለዩን ኣእዳዎም ከኣ ኣንበሩሎም እሞ ሰደድዎም።*** *(ግብ 13 ፡ 2-3)*

ጸሎት፡ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ንኸፍጸም ዝቐረበ ልመና ዘጠቓልል እዩ። ኢየሱስ ንሰዓብቱ ክጽልዩ ምሂርዎም፤

*መንግስትኻ ትምጻእ። ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን። (ማቴ 6 ፥ 10)*

ኢየሱስ ቅድሚ ደቀ መዛሙርቱ ምምራጹ ካብ ኣምላኽ መምርሒ ክረክብ ጸልዩ ነይሩ፤

*ኰነ ድማ፡ በቲ ወርሓት እቲ ኪጽሊ ናብ ከረን ደየበ፡ ለይቲ ብምልእታ ብጸሎት ናብ ኣምላኽ ነቘሐ ሐደረ። ምድሪ ምስ ወግሐ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ናብኡ ጸውዖም፡ ካብታቶም ሃዋርያት ኢሉ ዝሰመዮም ዓሰርተው ክልተ ሐረየ፡ (ሉቃ 6፥12-13)*

ኢየሱስ ቅድሚ ሞቱ ንፍቓድ እግዚኣብሔር ጸልዩ ነይሩ፤

*ኣቦይ፡ ፍቓድካ እንተ ዀይኑ፡ ነዛ ጽዋእ እዚኣ ካባይ ኣሕልፋ። ግናኸ ፍቓድካ እምበር፡ ፍቓደይሲ ኣይኹን፡ እናበለ ጸለየ። (ሉቃ 22፥42)*

## ኣማኽርቲ

እግዚኣብሄር ፍቓዱ ብክርስትያን ኣማኸርቲ ኣቢሉ እዩ ዘመሓላልፍ። ሰባት ካብ ናይ እግዚኣብሔር ሰባት መምርሒ ዝደልዩ ብዙሓት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነታት ኣለዉ።

መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፦

*ጥበበኛ ምምራሕ ኣብ ዜብሉሉ፡ ህዝቢ ይወድቕ፡ ብምብዛሕ መኸርቲ ግና ደሓን ይርከብ። (ምሳ 11፥14)*

*እቲ ዓሻ፡ መገዱ ኣብ ኣዒንቱ ቕንዕቲ እያ፡ ጥበበኛ ግና ምኽሪ ይሰምዕ። (ምሳሌ 12 ፥ 15)*

## ኩነታት

እግዚኣብሄር መደቡ ብኹነታት የመሓላልፍ እዩ። ሓደ ብሉጽ ኣብነት ናይዚ ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ዘፍጥረት 37-50 ተመዝጊቡ ዘሎ ህይወት ዮሴፍ እዩ።

ኣሕዋት ዮሴፍ ኣብ ግብጺ ናብ ባርነት ሸይጦሞ ንሱ ግን ነዚ ከም ኣምላኽ ዘማእዘኖ እዩ ዝርእዮ ነይሩ፤

*ኣምላኽ እዩ ህይወት ንምድሓን ቀቅድሚኹም ዝለኣኸኒ እሞ፡ ሕጂ ድማ ናብዚ ስለ ዝሸጥኩምኒ ኣይትጕሀዩ፡ ኣይትጨነቑ።ኣብዛ ምድሪ ጥሜት ካብ ዚኸውን ሕጂ ኽልተ ዓመት ኰይኑ፡ ዘይሕረሰሉን ዘይዕጸደሉን ድማ ገና ሓሙሽተ ዓመት ኣለዋ።ኣምላኽ ግና ኣብ ምድሪ ተረፍ ምእንቲ ኼትርፈኩም፡ ብዓብዩ ምድሓን ድማ ህይወትኩም ክትድሕኑ፡ ቀቅድሚኹም ለኣኸኒ። ሕጂ ኸኣ ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ንስኻትኩም ኣይኮንኩምን ናብዚ ዝለኣኽኩምኒ። ንሱ ንፈርኦን ኣቦኡን ጐይታ ኹሉ ቤቱን ገዛእ ኵሉ ሃገር ግብጽን ገበረኒ። (ዘፍጥረት 45:5-8)*

በቲ ዮሴፍ ብገዛእርእሱ ክቆጻጸሮ ዘይክእል ኩነታት ጌሩ፡ ኣብቲ ብርቱዕ ጥሜት ዝነበረሉ እዋን ህይወት ኣሽሓት ሰባት ንምድሓን ኣምላኽ ተጠቒሙሉ እዩ።

ጳውሎስ ኣብ 1 ተሰሎንቄ 2፡18 ገለ መሳጥቲ ቃላት ጽሒፉ ኣሎ። ኣብ ተሰሎንቄ ንዝነበሩ ኣመንቲ  ከይበጽሖም ብሰይጣን ከም ዝተኸልከለ ነገሮም። ናባታቶም ኪኸይድ ስለ ዘይክእል፡ ነታ ኣብ ተሰሎንቄ እትርከብ ቤተ ክርስትያን ጽሒፉ።  ምዕንቃፍ ሰይጣን፡

ውጽኢቱ ምጽሓፍ ናይ መጽሓፍ 1ይ ተሰሎንቄ ኮይኑ፡ እቲ ጳውሎስ ዘካፈሎ ኣገዳሲ መልእኽቲ ካብቲ ካብ ምብጻሕ ዝመጽእ ዝነበረ ዝዓበየ ጽልዋ ነይርዎ። ንረብሓ ኩሎም ኣመንቲ ኣብ ዘመናት ዝተመሓላለፈ እዩ።

ካብ ፍልጠት ኣምላኽ ወጻኢ ዝፍጸም ነገር የለን። ዋላ እውን ኩነታት ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ ኲይኑ ኺርድኣካ ዚኽእል ነገር ኪዓግቶ ኸሎ፡ ኣምላኽ ገና ኣብ ትሕቲ ቊጽጽሩ ኣሎ። እግዚኣብሄር ዝኾነ ተግባር ሰይጣን ይኹን ናይ ሰብ ወሲዱ ንገዛእ ዕላማኡ ክጥቀመሉ ይኽእል እዩ። ንኹነታት ብዝምልከት ካብ ኣምላኽ ዘደንቕ ተስፋ ኣሎና፤

*ነቶም ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፡ ከም ምኽሩውን እተጸውዑ ግና ኵሉ ንሰናዮም ከም ዜድግፎም፡ ንፈልጥ ኢና። (ሮሜ 8 ፡ 28)*

(ሓንቲ ናይ መጠንቀቕታ ቃል፦ ንኹነታት ጥራይ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ፍቓድ ኣምላኽ  ኣብ ትፈልጠሉ እዋን ጥንቃቐ ኪግበር ኣለዎ። ንኣብነት፡ ኣምላኽ ንዮናስ ዚብሃል ነብዩ ናብ ነነዌ ከይዱ ኪሰብኽ ነገሮ። ናብ ገምገም ማይ ምስ መጸ፡ ናብ ተርሴስ እትብገስ ጃልባ ነበረት። ኣብ ክንዲ ናብ ነነዌ ዝኸይድ ነታ ጃልባ ተጠቒሙ። ምናልባት ከምዚ ኢሉ ክኸውን ይኽእል "ኣብዛ ጃልባ ብኣንጻሩ ዝኸይድ ጋቢና ክፉት ስለዘሎ፡ ኣነ ክኸይድ ፍቓድ ኣምላኽ ክኸውን ኣለዎ")

ናይ ህይወት ኩነታት ምስቲ ኣምላኽ ብኻልእ ሜላታት ዝገልጾ ነገራት ኣነጻጺርካ ክረአ ኣለዎ። ኣምላኽ ድሮ ፍቓዱ ንዮናስ ሓቢሩዎ ነበረ። ዮናስ ንናይ ገዛእ ርእሱ ድሌታት ንምፍጻም እዩ ንኹነታት ተጠቂምሉ።

## ክፉትን ዕጹውን ደጌታት

ውጽኢት ናይ ህይወት ኩነታት "ክፉትን ዕጹውን ማዕጾታት" ተባሂሉ ዝጽዋዕ እዩ። ጳውሎስ ንሰብ ቈረንቶስ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉሎም ኣሎ።

*ዓብይን ብርቱዕን ደገ ተኸፊቱለይ ኣሎ፡ ተጻረርቲ ኸኣ ብዙሓት እዮም እሞ፡ ክሳዕ በዓላት ሓምሳ ኣብ ኤፌሶን ክጸንሕ እየ። (1ቆሮ 16፡8-9)*

በቲ ኣምላኽ ዝሰርዖ ኩነታት ኣቢሉ፡ ንዕኡ ዓቢ ክፉት ክርስትያናዊ ናይ ኣገልግሎት ዕድል ስለ ዝነበረ እዩ፡ ጳውሎስ ኣብ ኤፌሶን ክጸንሕ ዝወሰነ። ነዚ ድማ ክፉት ማዕጾ ኢሉ ሰመዮ።

ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ጳውሎስ ኣብ እተወሰነ መዳያት ከገልግል ከም ዘለዎ ድሌት መዝጊቡ ኣሎ፣ ግን ከኣ ማዕጾታት ተዓጽዮም ነይሮም፤

*ኣብ እስያ ነቲ ቓል ከይነግሩ፡ መንፈስ ቅዱስ ምስ ከልከሎም፡ ብሃገር ፍርግያን ገላትያን ሐለፉ።*
*ኣብ ሚስያ ምስ በጽሑ፡ ናብ ቢቲንያ ኪኸዱ ፈተኑ፡ መንፈስ የሱስ ግና ኣይፈቐደሎምን። (ግብሪ 16:6-7)*

ዕጹው ማዕጾ ማለት ፍቓድ ኣምላኽ ኣምሊጡካ ማለት ኣይኮነን። ሓደ ነገር ክትገብር ፍቓዱ ኣይኮነን ማለት ኣይኮነን። ጳውሎስ ጸኒሑ ንኣስያ ወንጌል ሰቢኹሎም እዩ። ኣምላኽ ነቲ ማዕጾ ብምዕጻው እዩ ዝመርሓካ ዘሎ። ብዕጹው ከምኡ'ውን ብኽፉት ማዕጾታት ኣቢሉ ይመርሕ። ሓደሓደ ግዜ ደጌታት ዝዕጸዉ ኣብ መደብ ኣምላኽ ቅኑዕ ግዜ ስለዘይኮነ እዩ። ደሓር ግዜ ግና፡ እታ ደገ እቲኣ ንዓኻ ክትክፈት ትኽእል እያ።

## መላእኽቲ

ሎጥ ኣብ ሶዶም ኣብ ዝርከብ ቤቱ ብዝተራእዩ መላእኽቲ መሪሕነት ተዋሂብዎ። ፍርዲ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ እታ ከተማ ክግለጽ ስለዝኾነ ካብ ሶዶም ክወጽእ ተነግሮ (ዘፍጥረት 19) ። ሓደ መልኣኽ ንፊልጶስ ተዛሪቡ ናብ ሰማርያ ክኸይድ ነገሮ (ግብ 8፡26) ። ልደት ዮሃንስ መጥምቕን ኢየሱስን ብመላእኽቲ ተነጊሩ እዩ (ሉቃስ 1) ።

መላእኽቲ፡ ፍቓድ ኣምላኽ ንሰብ ንምሕባር ከም ዝተራእዩ ዝገልጽ ብዙሕ ጸብጻባት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ  ኣሎ። ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ካልእ ኣብነታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ተኣምራት

ተኣምር ካብ ዓቕሚ ወዲ ሰብ ንላዕሊ ዝኾነ ልዕለ ባህርያዊ ፍጻመ እዩ።

እግዚኣብሄር ኣብቲ ኣብ 1ይ ነገስት ምዕራፍ 18 ተመዝጊቡ ዘሎ ብተኣምራት ተዛሪቡ። ነቢይ ኤልያስ ኣብ ቅድሚ ጉይታ መሰውኢ ከዳሉ ተነግሮ። ኤልያስ ነቲ መሰውኢ ኣዳለወ እሞ ከምዚ ኢሉ ኣእወየ፤

> *. . . ኩነ ድማ፡ በታ መስዋእቲ ብልዒ ዚቐረበላ ጊዜ ነብዩ ኤልያስ ቀረበ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን እስራኤልን፡ ንስኻ ኣብ እስራኤል ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ኣነውን ኣገልጋሊኻ ምኻነይ፡ ነዚ ኹሉ ድማ ብትእዛዝካ ከም ዝገበርክዎ፡ ሎሚ ኣፍልጥ።*
>
> *ሽዑ ሓዊ እግዚኣብሄር ወረደ፡ ነቲ ዝሓርር መስዋእትን ነቲ ዕጨይትን ነቲ ኣእማንን ነቲ ሓመድን ድማ በልዖ፡ ነቲ ኣብ ጕድጓድ ዝነበረ ማይውን ለሐሶ።*
>
> *ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ኸኣ ነዚ ምስ ረአዩ፡ ብገጾም ተደፊኦም፡ እግዚኣብሄር ንሱ እዩ ኣምላኽ፡ እግዚኣብሄር ንሱ እዩ ኣምላኽ፡ በሉ። (1ነገ 18፡36,38,39)*

እግዚኣብሔር ነዚ ተኣምር ተጠቒሙ ንጣኦታት ዘምልኹ ሰባት ክዛረበሎምን ንርእሱ ከም ሓቀኛን ህያውን ኣምላኽ ምኻኑ ገለጸሎም።

እግዚኣብሔር ብመንገዲ ተኣምራት ናይ ተፈጥሮ ጌሩ ፍቓዱ ገሊጽዎ እዩ። ኣብ ሰማይ ዓንዲ ሓውን ደበናን ጌሩ ንህዝቢ እስራኤል ብለይትን መዓልትን ብበረኻ እናተጓዕዙ ኣንፈት ይህቦም ነበረ።

> *ለይትን መዓልትን ምእንቲ ኺጕዓዙ፡ እግዚኣብሄር ድማ ብመዓልቲ መገዲ ኺመርሖም ብዓንዲ ደበና፡ ብለይቲ ኸኣ ኼብርሃሎም ብዓንዲ ሓዊ ቀቅድሚኦም ይኸይድ ነበረ።*
>
> *እቲ ዓንዲ ደበና ብመዓልቲ፡ እቲ ዓንዲ ሓዊ ኸኣ ብለይቲ ኻብ ቅድሚ እቶም ህዝቢ ኣይተፈልየን። (ዘጸ 13፡21-22)*

ኣምላኽ ብተኣምራት ንደቂ ሰባት ከም ዝረዳዳእ፡ ብዙሕ ካልእ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነታት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ ነዚኣቶም ተዓዘቦም።

## ሕልሚ

እግዚኣብሄር ምሳና ክረዳዳእ ኣዝዩ ስለ ዝደሊ፡ ደቂስና ከለና ከይተረፈ ይዛረብ! ኣምላኽ ብሕልሚ ይዛረብ እዩ። እዚኦም ከም ኩሉ ሰብ ዘጋጥሞ ንቡር ሕልምታት ኣይኰኑን። ብእግዚኣብሔር ዝተዋህቡ ልዕለ-ባህርያዊ ሕልምታት እዮም። ብዝርዝር ዝንገሩ፡ ፍሉያትን ፍቓዱ ዝገልጹን እዮም።

እዞም ዝስዕቡ ውሑዳት፡ ካብቲ ብዙሓት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነታት እዮም፤

- እግዚኣብሄር ንኣቢሜሌክ፡ ሳራ ሰበይቲ ኣብርሃም ብምውሳዱ ኣብ ሕልሚ ብዛዕባ ሓጢኣቱ ኣጠንቂቕዎ እዩ። ዘፍጥረት 20:3

- ሓደ መልኣኽ ነቲ ንኣምላኽ ዝኣተዎ መብጽዓ ምእንቲ ከዘኻኽሮ ንያእቆብ ብሕልሚ ተዛረቦ ። ዘፍጥረት 31 ፡ 11-13

- ኣምላኽ ንዮሴፍ ፍቓዱ ንምግላጽ ሕልሚ ተጠቒሙ። ዘፍጥረት 37።

- እግዚኣብሔር ንሰሎሞን ብሕልሚ ተራእዩ ዝደለዮ ክሓትት ዕድል ሃቦ። 1ይ ነገስት 3፡5

- ነቶም ጓሶት ብሰንኪ ሓደ እኩይ ንጉስ ብኻልእ መንገዲ ናብ ሃገሮም ክምለሱ ምእንቲ ክመርሖም ሕልሚ ተጠቂሙ። ማቴዎስ 2፡12-13

እዚኦም ገለ ውሑዳት ካብቶም ብዙሓት ኣብነታት እግዚኣብሄር ብሕልሚ ከመይ ጌሩ ከም ዝረዳዳእ እዮም። ብዛዕባ እዚ ሜላ መምርሒ መጽናዕቲ እናቐጸልካ ኽሎኻ ኻልእ ኣብነታት ኣብ ቃል ኣምላኽ ኽትረክብ ትኽእል ኢኻ።

## ራእያት

ራእይ ምስ ሕልሚ ዝመሳሰል ኮይኑ ግን ከይደቀስካ ስለዝኾነ እዩ ዝፈላለ። ከይደቀስካ ምሕላም ማለት እዩ። ራእያት ብመንፈሳዊ ኣዒንቲ ከምኡውን ብስጋዊ ኣዒንቲ ክርኣዩ ይኽእሉ እዮም። እዚ ማለት ብሓቂ ብተፈጥሮኣዊ ዓይንኻ ዘይትርእዮ ትኽእል ኢኻ፡ ኣምላኽ ግን ኣብ መንፈስካ ናይ ሓደ ነገር ስእሊ ይህበካ።

እዞም ዝስዕቡ ውሑዳት፡ ኣብነታት ናይቶም እግዚኣብሄር ምስ ሰብ ንምርድዳእ ዝተጠቕመሎም ብዙሓት መጽሓፍ ቅዱሳዊ ራእያት እዮም፤

- እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ብራእይ ተራእዩ ዓቢ ተስፋ ገበረሉ። ዘፍጥረት 15

- መጽሓፍ ዳንኤል ብራእይ (ከምኡ ውን ብሕልሚ) ዝተመልአት እያ። ኣምላኽ ነዚ ተጠቒሙ ብዛዕባ መጻኢ ዓለም ብዙሕ ነገራት ገሊጹ እዩ። ንብዙሓት ካልኦት ናይ ብሉይ ኪዳን ነብያትውን ብራእይ ኣዘራሪብዎም እዩ።

- ኣምላኽ ንጴጥሮስ ወንጌል ናብ ኣህዛብ ምውሳድ ከምዘድሊ ዝምልከት ራእይ ሃቦ። ግብሪ ሃዋርያት 10

- ኣምላኽ ንጳውሎስ ብራእይ ናብ መቄዶንያ ጸውዖ። ግብሪ ሃዋርያት 16:9

- ኣምላኽ ንጳውሎስ ብለይቲ ብራእይ ተዛረቦ። ግብሪ ሃዋርያት 18፡9-10

- ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘሎ ናይ መወዳእታ መጽሓፍ - ራእይ ዮሃንስ - ካብ ዝረኣዮ ራእይ ዝተመርኮሰ እዩ።

## ዝሰማዕ ድምጺ

ኣምላኽ ንጳውሎስ ኣብ መንገዲ ደማስቆ ኣብ ዝገበሮ ጉዕዞ ብዝሰማዕ ድምጺ ተዛሪቦ። ነቲ ዛንታ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት ምዕራፍ 9 ክተንብብዎ ትኽእሉ ኢኹም፤

*ናብ ምድሪውን ወደቐ፡ ሳውል፡ ሳውል፡ ንምንታይ እትሰጉገኒ፧ ዚብል ድምጺ ኸኣ ሰምዔ።*

*ንሱ ድማ፡ ጐይታይ፡ መን ኢኻ፧ በለ። ጐይታ ኸኣ፡ ኣነ እቲ ንስኻ እትሰጎ ዘሎኹ የሱስ እየ። ኣብ ኣንፈ ብልሒ እንተ ኣድሓርሓርካ፡ ንርእስኻ እዩ ዚገድኣ፡ በሎ። (ግብ 9 ፡ 4-5)*

እግዚኣብሄር እውን ንሳሙኤል ብዝሰማዕ ድምጺ ተዛረቦ፤

*እግዚኣብሄር ድማ መጺ፡ ደው ኢሉ ኸኣ ከምቲ ኻልእ ጊዜታት፡ ሳሙኤል፡ ሳሙኤል፡ ኢሉ ጸውዖ። ሳሙኤል ከኣ፡ ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ እሞ፡ ተዛረብ፡ በለ። (1ይ ሳሙ 3፡10)*

መጽሓፍ ቅዱስ "እግዚኣብሄር ድማ በለ" ዝብል ኣዋጅ፡ ወይ ኣምላኽ "ተዛሪቡ" ወይ "ኣዘዙ" ዝብል ጭብጥታት ዝመልአ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ እዚ ዝሰማዕ ድምጺ እዩ ነይሩ። ብእኡ ኣቢሉ ኣምላኽ ዝዛረበሉ ግን ካልእ ድምጺ ኣሎ . . .

## ውሽጣዊ ድምጺ መንፈስ ቅዱስ

ካብ ዝሰማዕ ድምጺ ንላዕሊ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ውሽጣዊ ድምጺ መንፈስ ቅዱስ ንሰብ ንምዝርራብ ይጥቀመሉ። እዚ ድማ "ብመንፈስ ምምራሕ" ይበሃል ።

*. . .እቶም ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም (ሮሜ 8 ፡ 14)*

"ብመንፈስ ምምራሕ" ኣብቶም ዝምርሑ መንፈሳዊ ህይወት ይጠልብ። ብሓጢኣት ዝሞተት ነፍሲ፡ መንፈሳዊ ህይወት ዘይብላ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ክትምራሕ ኣይትኽእልን እያ። ብመንፈስ ምምራሕ ንርእስኻ ክትመርሕ ዘይምኽኣል እውን ይጠልብ። እዚ ሓቂ ከምዝኾነ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ተማሂርኩም ኣለኹም።

ሓድሽ ልደት ናይ ድሕነት ምስ ረኸብካ፡ ኣምላኽ ነቲ ምስኡ ትገብሮ ርክብ ዝቕበል ሓድሽ መንፈስ ይህበካ፤

*ሓድሽ ልቢ ድማ ክህበኩም፣ ሓድሽ መንፈስ ከኣ ከሕድረልኩም፣ ናይ እምኒ ልቢ ኻብ ስጋኹም ከውጽእ፣ ናይ ስጋ ልቢውን ክህበኩም እየ።ንመንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ከሕድሮ፣ ብትእዛዘይ ከመላልሰኩም፣ ፍርደይ ከሐልወኩምን ክግብረኩምን እየ። . . ( ህዝ 36:26-27)*

ብመንፈስ ክትምራሕ ከለኻ ፍቓድ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስ ንመንፈስካ ይግለጸ። ሓደ ካብ ኣገልግሎት መንፈስ ቅዱስ ምምራሕ እዩ፤

*እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዚዛረብ እምበር፡ ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ እሞ፡ ንሱ ነቲ ዚመጽእ ኬፍልጠኩም፡ ናብ ኵሉ ሓቂውን ኪመርሓኩም እዩ። (ዮሃ 16፡13)*

መንፈስ ሰብ እቲ ጴጥሮስ ዝጠቐሶ "ሕቡእ ልቢ ሰብ" እዩ (1ጴጥ 3፡4) ። እግዚኣብሄር ምስቲ ውሽጣዊ ሰብ ክዛረብ ከሎ ንመንፈስካ እዩ ዝዛረብ ዘሎ። መንፈስ ሰብ ናይ እግዚኣብሄር ቀንዴል ወይ መብራህቲ እዩ ብምባል ጸሓፊ መጽሓፍ ምሳሌ ይነግር።

*መብራህቲ እግዚኣብሄር መንፈስ ሰብ እዩ. . . (ምሳሌ 20፡27)*

ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም መብራህቲ ኣብ ጸልማት ክትሪኢ የኽእለካ። ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እግዚኣብሄር መብራህቲ መንፈስካ ተጠቒሙ ስጉምትኻ ናብ ፍቓዱ የቕንዕ። ብርሃን ኣብሪሁ ብመንፈስካ ኣቢሉ ይመርሓካ።

ሓደ እዋን ሃዋርያ ጳውሎስ ንሓለቓ እታ መርከብ ኣብቲ ጉዕዞ ናይ መርከብ ኣጠንቂቕዎ ነይሩ፤

*. . . ጳውሎስ፡ ኣቱም ሰብ፡ ንነፍስና ድማ እምበር፡ ንጽዕነትን ንመርከብን ጥራይ እኳ ዘይኰነስ፡ መገድና ብጭንቅን ብብዙሕ ጕድኣትን ከም ዚኸውን እርኢ ኣሎኹ፡ ኢሉ መዐደዎም። (ግብ 27:10)*

ጳውሎስ "ራእይ ነይሩኒ" ኣይበለን። ሕልሚ ኣለኒ ወይ ኣምላኽ ብድምጺ ተዛሪቡኒ ኣይበለን። መንፈሱ ካብ ኣምላኽ ዝመጸ ምስክር ነበሮ እሞ እቲ ምስክርነት ቅኑዕ ምዃኑ ተረጋጊጹ።

ንመንፈስካ ንኣምላኽ ተነቃፊ ኽኸውን ከተሰልጥኖ ኣለካ። ንኣእምሮኣዊ ምዕባለ ብመንገዲ ትምህርቲ ብዙሕ ግዜ ይጠፍእ እዩ። ብዙሕ ግዜ ንኣካላዊ ምዕባለ ብኣካላዊ ምንቅስቓስን ኣትሌቲክስን ይጠፍእ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ግን፡ ኣብ መንፈሳዊ ምዕባለ ብዙሕ ግዜ ኣይጠፍእን እዩ። መንፈስካ ልክዕ ከም ኣእምሮኻ ክምሃር ይኽእል እዩ። ልክዕ ከምቲ ኣካላትካ ክህነጽን ክሰልጥንን ዝኽእል መንፈስካ ብመንፈሳዊ ሓይሊ ክምዕብል ይኽእል እዩ። መንፈስካ ቃል ኣምላኽ ብምስትንታን ኢኻ ተሰልጥኖ፤

*ነቲ ኣብኡ እተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቂቕካ ኽትገብሮስ፡ መዓልትን ለይትን ኣስተንትኖ እምበር፡ እዚ መጽሓፍ ሕጊ እዚ ኻብ ኣፍካ ኣይትፍለ። ሽዑ መገድኻ ተቕንዕ እሞ፡ ሽዑ ድማ ኪሰልጠካ እዩ። (ኢያሱ 1:8)*

እግዚኣብሔር ውን ነቲ ውሽጣዊ ድምጺ መንፈስ ቅዱስ ተጠቒሙ ንሕልናኻ የእምኖ። ሕልና፡ ቅኑዕን ጌጋን ዘለሊ ብእግዚኣብሔር ዝተዋህበ ውሽጣዊ ንቕሓት እዩ።

ሰምዒት ናይ ኣካል ድምጺ እዩ። ኣምላኽ ነቲ ዚሰምዓካ ከም መምርሒ ኣይጥቀመሉን እዩ። ስጋ፡ ጸላኢ መንፈስ ስለ ዝዀነ፡ ስምዒታት ከታልለካ ይኽእል እዩ።

ምኽንያት ድምጺ ኣእምሮ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ መገድታት ኣምላኽ ካብ ሰብኣዊ ምኽንያት ንላዕሊ እዩ። መስርሕ ኣተሓሳስባ ናይ እግዚኣብሄር ካብ ናትካ ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ።

ሕልና ድምጺ መንፈስ ሰብ እዩ፣ ዘእምነካን ናብቲ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ዘቕንዓካን እዩ። መንፈስ ቅዱስ ንመንፈስካ ይዛረብ። እቲ መንፈስ ንሕልና የእምኖ። በዚ ኣቢልኩም ድማ ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ትሰማምዕ። መንፈስ ቅዱስ ምስ መንፈስካ ክዛረቦ ከሎ ሕልና ይእመን፡ ሸለል ኢልካ እንተቐጺልካ ግን ሕልናኻ "ዝሓረረ" ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ድማ፡ መንፈስ ቅዱስ ንኽረትዓካ ይተርሮ ማለት እዩ፤

*. . .ሕሊናኦም ከም ብመዓለም እተዓለመ . . (1ጢሞ 4፡2)*

መጽሓፍ ምሳሌ እግዚኣብሄር ንውሽጣዊ ሓሳባትን ሕልና ሰብን ተቖጻጺሩ ናብ ፍቓዱ ከም ዝመርሖ ዘመልክት ብዙሓት ጥቕስታት ዝሓዘት እያ፤

*ሰብ ብልቡ ሓሳባት የዳሉ፡ መልሓስ እትመልሶ ግና ካብ እግዚኣብሄር እዩ። (ምሳ 16 ፡ 1)*

*ልቢ ሰብ መገዱ ይምድብ፡ ንስጉምቱ ግና እግዚኣብሄር እዩ ዚቃንዖ። (ምሳ 16 ፥ 9)*

*ልቢ ንጉስ ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ከም ወሓዚ ማይ እዩ፣ ንሱ ናብ ዝደለዮ ይመልሶ። (ምሳ 21 ፥ 1)*

## ህያባት መንፈስ ቅዱስ

መንፈሳዊ ውህበት እውን እግዚኣብሔር ንሰብ ንምዝርራብ ይጥቀመሉ እዩ። መንፈሳዊ ውህበት መንፈስ ቅዱስ ዝህቦ ፍሉይ ክእለታት እዮም። ሓያሎ ኻብዚ ውህበታት እዚ ኸኣ ካብ ኣምላኽ ርክብ ንኽትገብር የኽእለካ እዩ።

ኣምላኽ ንሰብ ብዘይፈልጦ ቋንቋ ዝዛረበሉ ውህበት ቋንቋታት ኣሎ። ነቲ መልእኽቲ ንምትርጓም ካብ ኣምላኽ ዝመጽእ ትርጉም ይሰዕብ። ናይ መንፈስ ቅዱስ ናይ ጸሎት ቋንቋ (ካልኦት ቋንቋታት) እውን መንፈስቅዱስ ናብ ፍቓድ ኣምላኽ ክመርሓካ እዩ ዝጥቀመሉ። ንፍቓድ ኣምላኽ ብዝምልከት ከመይ ጌርካ ከም እትጽሊ ኣብ ዘይትፈልጥሉ እዋን ብኻልእ ቋንቋታትን ጸልይ... . .

> *. . . እቲ ልብታት ዚምርምር፡ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ምእንቲ ቅዱሳን ይልምን እዩ እሞ፡ ኣብ ኣእምሮ መንፈስ ዘሎ ይፈልጥ እዩ። (ሮሜ 8 ፥ 27)*

ካብ እግዚኣብሔር ናብ ህዝቡ ቅጽበታዊ መልእኽቲ ዘምጽእ ውህበት ትንቢት እውን ኣሎ።ምልላይ መናፍስቲ ዝበሃል ውህበት ኣሎ ብእኡ ኣቢሉ ኣምላኽ ብዛዕባ ኣብ ካልኦት ዝንቀሳቐሱ መናፍስቲ ክነግረካን ከብርሃልካን ይኽእል።ኣምላኽ ብውህበታት ቃል ጥበብን ቃል ፍልጠትን እውን ይዘራረብ እዩ። እዞም ውህበታት እዚኣቶም ካብቲ ብተፈጥሮኣዊ ኣእምሮ ዝፍለጥ ንላዕሊ ብዛዕባ ሰባትን ኩነታትን መለኮታዊ ርድኢት ይህቡ።

## ዝተፈላለዩ ኣገባባት

ካልእ ክልተ ሜላታት መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒ ዕጫ ምውዳቕን፡ ቀሩጽ ጸምሪ ምጥቃምን እዮም። እዞም ክልተ ኣገባባት ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፋት ተዘራሪብናሉም ኢና። ከምቲ ዝፈለጥናዮ፡ ዕጫ ምድርባይ ናይ ዕድል ዝጥቀሙሉ ሜላ እዩ ነይሩ። ቅድሚ ምፍሳስ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ጥራይ እዩ ጠቒሙ። ድሕሪ መንፈስቅዱስ ንኣገልግሎት መሪሕነት ዝዳሎ ግና ኣጠቓቕምኡ ተመዝጊቡ ኣይፈልጥን እዩ (ግብ 2)። ቁሩጽ ጸምሪ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ሓንሳብ ጥራይ ከም እተጠቕሰ ተማሂርና ኢና። ጊደዎን ኣብ ዓብዩ ሃገራዊ ቅልውላው ኣብ ዝነበረሉ እዋን እዩ ተጠቒሙ። ንኣንፈት ዘይኮነስ ንምርግጋጽ ዝውዕል ተኣምራዊ ምልክት እዩ ነይሩ።

## ኣምላኽ ደረት የብሉን

ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ብሓደ ዓይነት መገዲ ጥራይ ኣይዛረብን እዩ። ንኣምላኽ ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ቅዲ ኢና ክንድርቶ ንጽዕር ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ሓደ ግዜ ብዝተወሰነ መንገዲ ስለ ዝተዛረበ፡ ወትሩ ብተመሳሳሊ መንገዲ ከም ዝዛረብ ስለ ንኣምን። ኣብዚ ምዕራፍ ከም ዝተማሃርናዮ ግን እግዚኣብሔር ምስ ሰብ ዝራኸበሉ ብዙሕ ሜላታት ኣለዎ። ኣምላኽ ብዝተወሰነ ቅዲ ኣይድረትን እዩ። ነዞም ኣብነታት እዚኦም ንርአ፤

**ሙሴ፤**

ሙሴ ንህዝቢ እስራኤል ናብቲ ኣምላኽ ዘተስፈዎም ምድሪ ክመርሖም ከሎ፡ ንኽልተ ሚልዮን ሰባት ማይ ምቕራብ ዓቢ ብድሆ እዩ ነይሩ። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ኣምላኽ ንሙሴ ብበትሩ ንሓደ ከውሒ ኺሃርሞ ነገሮ። ከምኡ ምስ ገበረ ድማ ካብቲ ከውሒ ማይ ፈሰሰ። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ እስራኤላውያን ኣብ ዝጸምኡሉ እዋን ኣምላኽ ሙሴ ነቲ ከውሒ ክዛረቦ ደለየ። የግዳስ ሙሴ ከምቲ ኣቐዲሙ ዝገበሮ ነቲ ከውሒ ወቕዖ። እዚ ንኣምላኽ ስለዘየሐጎሶ ፡ ሙሴ ተቐጺዑ። እዛ ዛንታ እዚኣ፡ ዋላ እውን ፍሉጥ ኹነታት

ኬጋጥመና ኽሎ፡ መምርሒ ኻብ ኣምላኽ ምጽባይ ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ዜርኢ እዩ። ንኣምላኽ በቲ ቅድሚ ሕጂ ኣጋጢምካ ዝኸድካሉ ቅዲ ጥራይ ዝተሓጽረ ኣይኮነን።

(ኣስተውዕል፡ እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ ክንዲ ነቲ ከውሒ ምዝራብ፡ ነቲ ከውሒ ወቒዑ ንእሽቶይ ጌጋ ምግባሩ ዝቐጽዖ ፍትሓዊ ዘይኰነ ክመስለካ ይኽእል እዩ። እቲ ከውሒ ምሳልያዊ ትርጉም ዝሓዘ እዩ። ንጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ነቲ ብሞቱ ኣቢሉ ዝውሕዝ ህያው ማይ ምድሓንን ዝውክል ነበረ። ኢየሱስ ሓንሳብን ንሓዋሩን ተሃሪሙ እዩ። ካልእ ምውቃዕ ፈጺሙ ኣየድልን እዩ። ኣገዳስነት ናይዚ ምሳሌ እዩ ንበደል ሙሴ ኣዝዩ ዓቢ ዝገበሮ።)

**ኤልያስ፤**

እግዚኣብሄር ንነቢ ኤልያስ ንምርድዳእ ብዙሕ ልዕለ-ባህርያዊ ሜላታት ተጠቒሙ እዩ። ሓደ እዋን ኤልያስ ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ ኣገዳስነቱ ዘርኢ ፍሉይ ተመክሮ ኣጋጠሞ። ኤልያስ ከይዱ ኣብ ሓደ እምባ ደው ኢሉ ኣምላኽ ክዛረቦ ክጽበ ተነግሮ። እዚ እዩ እቲ ኣጋጣሚ፤

> **ንሱ ኸኣ፡ ወጺእካ ኣብቲ ኸረን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ደው በል፡ በለ። እንሆ ድማ እግዚኣብሄር ሐለፈ፡ ቀቅድሚ እግዚኣብሄር ከኣ ኣዝዩ ብርቱዕ ንፋስ ኣኽራን ሰንጠቐ፡ ኣኻውሕ ድማ ሰባበረ። እግዚኣብሄር ግና ኣብቲ ንፋስ ኣይነበረን። ድሕሪ እቲ ንፋስ ከኣ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኾነ፡ እግዚኣብሄር ግና ኣብቲ ምንቅጥቃጥ ኣይነበረን።**
>
> **ድሕሪ እቲ ምንቅጥቃጥ ድማ ሓዊ ነበረ፡ እግዚኣብሄር ግና ኣብቲ ሓዊ ኣይነበረን፡ ድሕሪ እቲ ሓዊ ኸኣ ህዱእ ቅሩብ ደሃይ መጸ።** (1 **ነገ** 19፡11-12)

ኣብዚ ጸብጻብ እዚ ሓያሎ ልዕለ-ባህርያዊ ፍጻመታት ነይሩ። ንፋስን ምንቅጥቃጥ ምድርን ሓዊን ኩነ። እዚኣቶም ኣምላኽ ኣቐዲሙ ምስ ኤልያስ ዝረዳድኣሉ ሜላታት እዩ ነይሩ። ኣብዚ ግዜ እዚ ግን ኣምላኽ ኣብ ኵሉ ኣጋጢሙ ዝነበረ ክቡር ፍጻሜታት ኣይተዛረበን። ብህዱእ ንእሽቶ ድምጺ ተዛረበ። እዚ ኸኣ ወይ ዚሰማዕ ድምጺ ወይ ከኣ ኣብ መንፈሱ ዘርከብ ህዱእ ድምጺ ኪኸውን ይኽእል ነይሩ።

**ጳውሎስ፦**

እግዚኣብሄር ንሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ እዋን ተልእኾኣዊ ኣገልግሎቱ ብዙሕ መገድታት ተጠቒሙ እዩ፤

- ኣብ መንገዲ ደማስቆ ጳውሎስ ብድሙቕ ብርሃንን ካብ ሰማይ ዝመጸ ድምጽን ተመሪሑ። ግብሪ ሃዋርያት 9:1-8
- እግዚኣብሄር ንበርናባስ ኣብ መንጎ ጳውሎስን ካልኦት ደቀ መዛሙርትን ዝምድና ንምምስራት ተጠቒሙ። ግብሪ ሃዋርያት 9:20-28
- ንጳውሎስ ንምቕታል ተንኮል ምስተፈጥረ ብእግዚኣብሔር ክሕግዝዎ ዝተላእኩ ኣመንቲ፡ ንኸምልጥ ኣጠንቂቖሞ። ግብሪ ሃዋርያት 9:20-25
- ካብቶም ዝተቐጥዑ ግሪኻውያን ንምህዳም፡ እግዚኣብሔር ብመንገዲ ኣመንቲ ተጠቒሙ ንጳውሎስ ሓጊዝዎ። ግብሪ ሃዋርያት 9:29-30
- ጳውሎስ ምስ ሓደ ጠንቋሊ ምስ ተራኸበ እግዚኣብሔር ምድሓን ከምጽእ ምስትውዓል ሃቦ። ግብሪ ሃዋርያት 13፡6-12
- ንጳውሎስ ጸሎትን መንፈስ ቅዱስን ናብ ፍሉይ ሚስዮናዊ ኣገልግሎት መሪሕዎ። ግብሪ ሃዋርያት 13፡2-4
- ናይ ውልቂ ትንቢት ንጳውሎስ ብኣጋቡስ ነቲ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝጸበዮ ዝነበረ ተመክሮ ኣረጋጊጹሉ። ግብሪ ሃዋርያት 21 ፡ 10-14
- እግዚኣብሄር ንጳውሎስ ብሕልምን ራእይን እዩ ተዛሪብዎ። ግብ 22:18፤ 26 ፡19፤ 27፡23-24
- ንኣገልግሎት ጐይታ ዝኸውን ውጽኢታዊ ዝኾነ ኣፍደገ፡ ንጳውሎስ ውልቃዊ መደባቱ ክቕይር ገበሮ። 1ቆሮ 16፡8-10

**ፊሊጾስ፥**

> ***መልኣኽ እግዚኣብሄር ግና ንፊልጾስ፡ ተንስእ እሞ በታ ኻብ የሩሳሌም ንጋዛ እተውርድ መገዲ ናብ ደቡብ ኣቢልካ ኺድ፡ ንሳ ኸኣ ባዲማ እያ፡ ኢሉ ተዛረቦ።***
>
> ***ተንሲኡ ኸኣ ከደ። እንሆ ድማ፡ ኢትዮጵያዊ ሰሉብ ሰብኣይ ኣብ ህንደኬ ንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ስልጡን ኣዛዚ ኩሉ ገንዘባ ዝነበረ፡ ኪሰግድ ናብ የሩሳሌም መጺኡ ነበረ።***
> ***ኪምለስ ከሎ ኸኣ፡ ኣብ ሰረገላኡ ተቐሚጡ ትንቢት ኢሳይያስ የንብብ ነበረ።***
> ***መንፈስ ከኣ ንፊልጾስ፡ ሕለፍ፡ ናብቲ ሰረገላ ቕረብ፡ በሎ። (ግብ 8:26-29)***

ኣምላኽ ንመጀመርታ ግዜ ብመልኣኽ ኣቢሉ ንፊልጾስ ተዛረቦ። ካልኣይ ግዜ ብመንፈስ ቅዱስ ተዛረቦ፡ ፊልጾስ ድማ ብኡ ንብኡ ምላሽ ሃበ። ንሱ ኻልኣይ ግዜ ኣምላኽ ክዛረብ ከሎ፡ ካብቲ ቀዳማይ መልኣኽ መረጋገጺ ኣይተጸበየን፡ ምኽንያቱ እቲ ኣገባብ ቅድሚ ሕጂ ተጠቒሙ ስለ ዝነበረ።

***ዳዊት፤***

ዳዊት መንእሰይ ከሎ፡ ምስ ሓደ ጎልያድ ዝስሙ ጸላኢ ህዝቢ ኣምላኽ ተዋግአ። ጎልያድ ግዙፍን ጽቡቕ ዕጥቂ ዝዓጠቐን እኳ እንተ ነበረ: ኣምላኽ ንዳዊት ባህላዊ ኣጽዋር ውግእ ከይጥቀም ነገሮ። ኣብ ክንድኡስ፡ ዳዊት ወንጭፍ እዩ ተጠቒሙ። ኣብቲ ክቡር ዓወት ዳዊት፡ንጸላኢ ብሓንቲ ጽቡቕቲ ናብ ግንባሩ ዘቕንዐት ማህረምቲ ናይ ወንጭፍ ንጸላኢኡ ኣውደቖ። ኣብ ዳሕረዎት ዓመታት ግና ዳዊት ወዲ ሓዉ ኣቢሻይ ክሕግዞ እንተዘይመጽእ፡ ብእስቢብኖብ ዝተባህለ ግዙፍ ክቕተል ይኽእል ነይሩ። ምስ ጎልያድ ክገጥም ከሎ ኣምላኽ ምስ ዳዊት ከምዝነበረ ፡ ምስቲ ኻልኣይ ግዙፍ ኺገጥም ከሎ ግና ከም ዘይነበረ ኽንድምድምዶ ኣሎና፤ ኣይፋልን ኣምላኽ ካልእ ሜላ ጥራይ እዩ ተጠቒሙ። ኣምላኽ ንመጀመርታ ግዜ ንክእለት ዳዊት ብመጋዝ ተጠቒሙሉ። ካልኣይ ግዜ ድማ ወተሃደራዊ ክእለት ኣቢሻይ ተጠቒሙ።

እግዚኣብሔር ከምቲ ናይ ቀደም ኣዘራርባ ኣብ ዘይመረጸሉ እዋን፡ ተስፋ ኣይትቑረጽ። እቲ ፍቓዱ ንሓደ ተመሳሳሊ ኩነታት ዝገጠመካ፡ ምስቲ ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ተመሳሳሊ እንተዘይኮይኑ ኣይትደናገር። ኣምላኽ ኣብ እተወሰነ ቅዲ ዝሕጸር ኣይኮነን። እቲ ዓቢ ፈጣሪ፡ ዓቢ ተዛራራቢ እውን እዩ። ኣገባባቱ ደረት የብሉን።

## ርእሰ ገምጋም

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፉ።

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

2. እግዚኣብሄር ድሩት ከምዘይኮነን ኩሉ ግዜ ብሓደ ዓይነት መንገዲ ከምዘይዛረብን ዘረጋግጹ፡ ኣብዚ ትምህርቲ ካብ ዝተዘተየሎም ሓያሎ ኣብነታት ናይ ቅዱሳት ጽሑፋት፡ ሓደ ሃቡ ።

______________________________________________________________________________

3. እግዚኣብሄር ንሰብ ንምዝርራብ ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘተየሎም መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣገባባት ዓሰርተው ክልተ መገድታት ዘርዝር።

_________ _________ _________ _________ __________ ___________

_________ _________ _________ _________ __________ ___________

4. እዞም ዝሰዕቡ መግለጺታት ኣንብቡ። እቲ ኣበሃህላ ሓቂ እንተኾይኑ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ባዶ ቦታ ፊደል "ሓቂ" ጽሓፍ። እቲ ኣበሃህላ ሓሶት እንተኾይኑ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝተዳለወ ባዶ ቦታ "ሓሶት" ጽሓፍ።

1,______ "ዕጹው ደጌታት" እንተ ኣጋጢሙካ ፍቓድ ኣምላኽ ኣምሊጡካ ክኸውን ኣለዎ ማለት እዩ።
2.______ የሱስ ንፍቓድ ኣምላኽ ድሮ ስለ ዝፈልጦ ኣይጸለየን።
3.______ ዮሴፍ ግዳይ ኩነታት ኮይኑ ተሰሚዕዎን ተቐጢዑን።
4.______ ዘጋጥሙ ኩነታት እቶም ዝበለጹ ምልክት ፍቓድ ኣምላኽ እዩ።
5.______ ዮናስ ኣብ ክንዲ ፍቓድ ኣምላኽ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ፍቓድ ንምፍጻም ንኹነታት ተጠቂምሉ ነበረ።
6.______ ኣምላኽ ዝጥቀመሎም ካልኦት ኣገባባት ርክብ፡ ምስቲ ዝተጻሕፈ ቃል ወትሩ ዝሰማምዑ እዮም።

(መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

1. **መምርሒ ንምርካብ ነዞም ዝስዕቡ ጸሎታት ኣጽንዑ፥**

   **መዝሙር** 25፥4

   **ቈሎሴ** 1፥9

   **መዝሙር ዳዊት** 86:11

   **ቈሎሴ** 4 ፡ 12

   **ኤፌሶን** 6፥18-20

2. **እግዚኣብሄር ፍቓዱ ንሰብ የሕልፎ፡ ሓደ ሓደ ግዜ ግን ሰብ ኣብ ውሳነታት ኣዝዩ ይጓየ። ነዞም ዝስዕቡ ኣዝዮም ብታህዋኽ ዝሰርሑ ሰባት፡ እግዚኣብሄር ፍቓዱ ከሕብረሎም ዕድል ዘይፈቐዱ፡ ኣብነታት ኣጽንዑ፤**

   **ሙሴ ነቲ ግብጻዊ ክቐትሎ ከሎ፡ ዘጸኣት** 2

   **ኢያሱ ምስ ጊብዖናውያን ዝገበሮ ምትእስሳር፡ እያሱ** 9

   **ኣብርሃምን እስማኤልን፡ ኣብርሃም ነቲ ተስፋ ዝተዋህቦ ወራሲ ኣይተጸበየን፡ ዘፍጥረት** 16

3. **መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ኣንብብ። እግዚኣብሄር ኣብታ ቀዳመይቲ ቤተ ክርስቲያን ምስ ሰባት ዝረዳድኣሉ ዝነበረ ዝተፈላለየ መገድታት ዝርዝር ኣውጽእ ።**

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

# ምዕራፍ ሸውዓተ

# እቲ ቁጥቋጥ ክሳብ ሕጂ ይነድድ ኣሎ

**ዕላማታት፤**

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፍ ኢኻ።
- ፍቓድ ኣምላኽ ንምርካብ ዚሕግዝ ስጉምትታት ክትዝርዝር ኢኻ።
- ርጉጽነት ናይ ፍቓድ ኣምላኽ ብኸመይ ከም ዝህልወካ ክትገልጽ ኢኻ።
- ካብ ኣምላኽ መምርሒ ንምርካብ ሰለስተ መፍትሕታት ከተለሊ ኢኻ።

**መሪሕ ጥቕሲ፤**

> ***ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሄር ተኣመን፡ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ።ኣብ ኵሉ መገድኻ ንእኡ ሕሰቦ፡ ንሱ ኸኣ ኣኻይዳኻ ኬቕንዕ እዩ። (ምሳሌ 3 ፥ 5-6)***

**መእተዊ**

ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ብዛዕባ እቲ ኣምላኽ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ምስ ሰብ ዝገበሮ ርክብ ዝገልጽ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ጸብጻባት መርሚርናዮ ኔርና። እቲ ሕቶ ግን፡ እግዚኣብሄር ሎሚ እውን ንደቂ ሰባት ይዛረቦም ድዩ፧

ሃዋርያ ጳውሎስ ብሓጺሩ ከምዚ ክብል ገሊጹ ኣሎ።

> ***ኣምላኽ ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን ቀደም ነቦታትና ብነብያት ገይሩ ምስ ተዛረቦም፡ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት ንኣና በቲ ወራሲ ኵሉ ዝገበሮ ብእኡውን ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና፡ (እብ1 ፥ 1-2)***

ኣምላኽ ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ብዝተፈላለየ መገዲ ተዛሪቡ ነይሩ። ብግዜ ጳውሎስ ንሰባት ምዝራብ ቀጸለ። ጳውሎስ ኣምላኽ ካብ ዘመሓላለፎ ዝዓበየ መልእኽቲ ብወዱ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቢሉ እዩ ኢሉ።

## ዝሓለፈ ግዜ: እቲ ዝነድድ ቁጥቋጥ

እግዚኣብሄር ኣብቲ ናይ ቅዱስ መጽሓፍቲ ዘመን፡ መልእኽቱ ብብዙሕ ኣገባባት እዩ ዘመሓላልፍ ነይሩ። ሓደ ዝተጠቕመሉ ሜላ ኣብ ዘጸኣት ምዕራፍ 3 ተጻሒፉ ኣሎ፥

> ***ሙሴ ድማ ኣባጊዕ የትሮ ሓሙኡ፡ ካህን ሚድያን፡ ይጓሲ ነበረ። ነተን ኣባጊዕ እናኾብከበን ናብ ክንየው በረኻ፡ ናብ ሆሬብ ከረን ኣምላኽ፡ መጸ።***
>
> ***መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ ካብ ማእከል ኣሻኽ ቊጥቋጥ ብሃልሃልታ ሓዊ ተራእዮ። እንተ ጠመተ ድማ እንሆ፡ እታ ቈጥቋጥ ብሓዊ ትነድድ ነበረት፡ እታ ቈጥቋጥ ግና ኣይተበልዔትን።***

> *ሙሴ ኸኣ፡ እዚ ዓብዩ ትርኢት እዚ፡ እዛ ቈጥቋጥ ከመይ ኢላ ምዃ ከም ዘይትነድድ ደኣ ኸይደ ኽርኢ፡ በለ።እግዚኣብሄር ድማ ከርኢ ኸም ዝቐረበ ምስ ረኣየ፡ ኣምላኽ ካብ ማእከል እታ ቈጥቋጥ፡ ሙሴ፡ ሙሴ፡ ኢሉ ጸውዖ። ንሱ ድማ፤ እኔኹ፡ በለ። (ዘጸ 3፡1-4)*

ካብ ዘይተበልዐ ዝነድድ ቁጥቋጥ፡ ኣምላኽ ንሙሴ ንህዝቢ እስራኤል ካብ ባርነት ግብጺ ከናግፍ ጸውዖ። እወ: ኣምላኽ ብርግጽ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ንሰባት ተዛሪቡ እዩ!

## ኣብዚ ህሉው ግዜ፡ ቁጥቋጥ ጌና ይቃጸል ኣሎ።

*ገና ሎሚ'ኸ፡ ኣምላኽ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ተኣምራዊ መገዲ ንሰባት ይዛረቦም ድዩ፧ እዞም ከምዚ ዓይነት ርክብ፡ ቅድሚ ምምላእ መንፈስ ቅዱስ፡ ማለት ኣብ ግዜ ብሉይ ኪዳን ዝተሓጽሩ ድዮም ነይሮም?*

*እቲ ቁጥቋጥ ክሳብ ሕጂ ይቃጸል ኣሎ! እዚ ንሙሴ ዝተዋህበ ፍሉይ መልክዕ መምርሒ ብጭቡጥ ከየጋጥመካ ይኽእል እዩ፣ እንተኾነ ግን ኣምላኽ ሕጂ ውን ልክዕ ከምቲ ኣብ ግዜ ብሉይ ኪዳን ዝገበሮ ንደቂ ሰባት ብተኣምራዊ መንገዲ ይዛረቦም እዩ።*

*ኣብ እብራውያን* 1፡1-2 *ጳውሎስ ኣምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ ኣቢሉ ንዓለም ምዝራቡ ከም ዝቕጽል ኣመልኪቱ ኣሎ። እግዚኣብሄር በቲ ንህይወትን ትምህርትን ኢየሱስ ዝምዝግብ ጽሑፍ ቃል ጥራይ ኣይኮነን ዝዛረብ፡ ኢየሱስ ከምዚ ብምባል ተሰፋ ሂቡና እዩ፤*

> *እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዚዛረብ እምበር፡ ካብ ርእሱ ኣይዛረብን እዩ እሞ፡ ንሱ ነቲ ዚመጽእ ኬፍልጠኩም፡ ናብ ኵሉ ሓቂውን ኪመርሓኩም እዩ። (ዮሃ 16፡13)*

*መንፈስ ቅዱስ ብመንገዲ ኢየሱስ መልእኽቲ ኣምላኽ ናብ ሰብ ምትሕልላፍ ይቕጽል።*

*ድሕሪ ምምጻእ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት* 2፡ *ልክዕ ከምቲ ኣብ ዘመነ ብሉይ ኪዳን ዝነበረ ፍሉይ ምግላጻት ካብ እግዚኣብሔር ቀጺሉ እዩ። ሰባት ሕልሚ ይሓልሙ፡ ራእይ ይርእዩ፡ ምስ መላእኽቲ ይዛረቡ፡ ዝሰማዕ ድምጺ ኣምላኽ ይሰምዑ፡ ካልእ ተኣምራዊ ምግላጻት ካብ ኣምላኽ ውን ይጥዕሙ ነበሩ።*

*ናይ እግዚአብሔር ተኣምራዊ ርክብ፡ ምስ ምምጻእ መንፈስ ቅዱስ ኣየቋረጸን። መንፈስ ቅዱስ ሓድሽ ገጽ/መልክዕ ናይ መምርሒ እዩ ወሲኹ። እዚ ሓድሽ መልክዓት ከም በዓል ውሽጣዊ ምርሒት፣ ብመንገዲ ብቋንቋታት ጌርካ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ምምላድ፡ ካልኦት ኣምላኽ ዝዛረበሉ ፍሉይ መንፈሳዊ ውህበትን ዘጠቓልለ እዩ።*

*ናይ መወዳእታ መጽሓፍ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ራእይ ዮሃንስ እግዚኣብሔር ንሓዋርያ ዮሃንስ ዝሃቦ ራእይ ዝተጻሕፈ እዩ። ክሳብ መወዳእታ ናይቲ ዝተጻሕፈ ቃሉ፡ ኣምላኽ ንሰብ ብተኣምራዊ መገድታት ተዛሪቡ።*

*እግዚኣብሄር በዞም ሜላታት እዚኣቶም ኣቢሉ ንሰብ ምዝራቡ ይቕጽል ኣሎ። ዘመናዊ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ኣምላኽ ምስ ሰብ ዝገበሮ ተኣምራዊ ርክባት ብዙሕ ብጽቡቕ ዝተሰነደ ኣጋጣሚታት ዝሓዘ እዩ ምኽንያቱ. . .*

***የሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለኣለምን ንሱ እዩ። (እብ 13:8)***

## ቁጥቋጥ እንተ ዘይሃልዩኽ፤

ኣምላኽ ብተኣምራዊ ኣገባብ ክዛረበካ እንተዘይመሪጹ ግን እንታይ ይኸውን። ሕልሚ፡ ራእይ ወይ ተኣምር እንተዘይተገጢሙካኽ? ብዝሰማዕ ድምጺ ወይ ብልዕለ-ባህርያዊ ውህበት ናይ ትንቢት፡ ቋንቋታት ወይ ትርጉም እንተዘይተዛሪቡካኽ? ዝነድድ ቁጥቋጥ እንተዘይሃልዩኽ?

ገለ ሰባት ካብ ኣምላኽ ልዕለ-ባህርያዊ ምግላጽ ንምርካብ ምሉእ ህይወቶም ይጽበዩ። ብዙሓት ኣመንቲ ገለ ዘይተለምደ ወይ ድራማዊ መልእኽቲ ካብ ኣምላኽ እናተጸበዩ፡ ዘይንቀሳቐሱን ውጽኢታዊ ዘይኮኑን ህይወቶም የባኽኑ።

ቀዳመይቲ ቤተ ክርስቲያን ከምዚ ኣይገበረትን። እግዚኣብሄር ብተኣምራዊ ሜላታት ክመርሖ ምስ መረጸ ይሕጎሱ ነበሩ፣ ኣብቲ ብዙሕ ውሳኔታት ዘድልዮ መዓልታዊ ህይወት ግን ብመላእኽትን ሕልምን ራእይን ኣይምርሑን ነበሩ። ምስናይዚ ግን ንኣምላኽ ከም ሓያል ሓይሊ ኲይኖም ንቕድሚት ገስገሱ።

ስለዚ፡ ዝነድድ ቁጥቋጥ እንተዘይሃልዩ እንታይ ትገብር? ፍቓድ ኣምላኽ ንምርካብ ዚሕግዙና ሸውዓተ ስጉምትታት እነሆ፤

1. **ጸልይ፤**

ኣብ ህይወትካ ኣንፈት ኣምላኽ ንምርካብ ጸሊ። ኢየሱስ ንሰዓብቱ ሓደ ክፋል ናይቲ ስሩዕ ቅዲ ጸሎት ፍቓድ ኣምላኽ ንኽፍጸም ክኸውን ከም ዘለዎ ምሂርዎም እዩ፤

> ***መንግስትኻ ትምጻእ። ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን። (ማቴ 6 ፥ 10)***

ክትጽሊ ከለኻ፡ ኣምላኽ ፍቓዱ ክገልጸልካ ዘለካ ድሌት ግለጽ። ሙሴ ከምዚ ገበረ፤

> ***እምብኣርሲ ኣብ ዓይንኻ ሞገስ እንተ ደኣ ረኺበ፡ ምእንቲ ኣብ ዓይንኻ ሞገስ ኪረክብ፡ በጃኻ መገድኻ ኣፍልጠኒ። እዚ ህዝቢዚ ኸኣ ህዝብኻ ከም ዝኾነ ርኤ፡ በሎ። (ዘጸ 33 ፥ 13)***

ዳዊት ከምዚ ገበረ፤

> ***ዎ እግዚኣብሄር፣ ጐደናታትካ ኣፍልጠኒ፣ መገድታትካ ምሀረኒ። (መዝ 25:4)***

ቅኑዕ ምርጫታት ንምግባር ጥበብ ሕተት፤

> ***ሓደ ኻባኻትኩም ጥበብ እንተ ጐደሎ ግና፡ ነቲ ኸየስተሓፈረ ንኹሉ ብልግሲ ዚህብ ኣምላኽ ይለምኖ፡ ኪውሀቦውን እዩ።***
>
> ***እቲ ዚጣራጠርሲ ኸምቲ ንፋስ ዚደፍኦን ዚመልሶን ማዕበል ባሕሪ እዩ ዚመስል እሞ፡ ከይተጣራጠረ ደኣ ብእምነት ይለምን።***
>
> ***ክልተ ዝልቡ ሰብኣይ ብኹሉ መገዱ ጽኑዕ ኣይኮነን እሞ፡ እቲ ኸምዚ ዘመሰለ ሰብ ካብ ጐይታ ገለ ዚቕበል ኣይምሰሎ። (ያእ 1፡5-7)***

ናይ ካልኦት ኣመንቲ ጸሎት ሕተት። እግዚኣብሄር ብዙሕ ግዜ ፍቓዱ ኣብ ናይ ጕጅለ ጸሎት ኣኼባታት ብዝግበር መንፈሳዊ ውህበት እዩ ዝገልጽ። ጳውሎስን በርናባስን ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ምትእኽኻብ ንሚስዮናዊ ኣገልግሎት ምጽዋዖም መረጋገጺ ተቐቢሎም።

2. ***መጽሓፍ ቅዱስ ኣጽንዕ፤***

*ንኽንነታትካ ፍሉይ መምርሒ ዚተወሃበካ እንተ ኾይኑ ንምፍላጥ፡ ነቲ እተጻሕፈ ቓል ኣምላኽ ብትግሃት ፈትሽ። ሓፈሻዊ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መትከላት ወይ ኣብነታት ታሪኽ ህይወት እንተሃልዩም ውሰድ።*

*ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምፍታሽ ማለት መጽሓፍ ቅዱስ ክኽፈት ምፍቃድን ነታ ኣዒንትኻ ዝወድቓላ ቀዳመይቲ ጥቕሲ ከም መልስኻ ምውሳድን ማለት ኣይኮነን። ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምፍታሽ፡ ነቲ ቃል ብዝርዝር ምምርማርን መምርሒታቱ ኣብቲ ክትገብሮ ዘለካ ውሳነታት ምትግባርን እዩ። ኩሉ ክፉት ማዕጾ፡ ኩሉ ዕድል፡ ኩሉ ካልእ መሪሕነት ካብ ጐይታ ክኸውን ይኽእል እዩ ኢልካ እትሓስቦ መጀመርያ በቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ክፍተን ኣለዎ። የሱስ ነዚ ስርዓት እዚ እዩ ተጠቒሙ። ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጺኡ ክዓዩ፡ ብሰይጣን ኣብ ዝተፈተነሉ፡ ብተደጋጋሚ "ጽሑፍ እዩ. . . . ." ብምባል መልሲ ሂቡ (ማቴ 4) ። ንኹሉ ነገር ከኣ በቲ እተጻሕፈ ቓል ኣምላኽ ተመርኲሱ እዩ ፈቲሸዎ።*

*ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ክትምርምር ከለኻ፡ ነቲ ብዙሕ መምርሒ ንምርካብ ዝተዋህቡ መብጽዓታት ምጽናዕካ ኣረጋግጽ። ገለ ካብዚኦም ኣብዚ ምዕራፍ "ንተወሳኺ መጽናዕቲ" ዝብል ክፋል ዘርዚርናዮ ኣለና። ነዚም ክፍልታት ከተጽንዕ ከለኻ ኣምላኽ ብርግጽ ከም ዝዛረብን ድምጹ ክትፈልጥ ከም እትኽእልን እምነትካ ክውሰኽ እዩ።*

3. ***ውሽጣዊ ድምጺ መንፈስ ቅዱስ ስማዕ፤***

*ብጸሎትን መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስን ኣቢሉ እግዚኣብሔር ብውሽጣዊ ድምጺ መንፈስ ቅዱስ ፍቓዱ ናብ መንፈስካ ይዛረብ። ብዛዕባ እዚ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ብሰፊሑ ተዘራሪብናዮ ኢና። ኣካል ናይቲ..."ድምጺ መንፈስ ቅዱስ" ብካልእ ቋንቋታት ምጽላይ እዩ። ኣብ ሓደ ጉዳይ ፍቓድ ኣምላኽ ርግጸኛ ኣብ ዘይትኾንሉ እዋን ብቋንቓታት ጸሊ ማለት ብመንፈስ ቅዱስ ጸሊ።*

*መንፈስ ቅዱስ ነቲ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ይፈልጦ እዩ፡ ብመንገድኻ ጌሩ ምስቲ ፍቓድ ዝሰማማዕ ክጽሊ እዩ፡*

> ***እቲ ልቢ ዚምርምር፡ ንሱ ምእንቲ እቶም ቅዱሳን ከም ፍቓድ ኣምላኽ ገይሩ ይልምን እዩ እሞ፡ ነቲ ሓሳብ መንፈስውን እንታይ ምዃኑ ይፈልጦ እዩ። (ሮሜ 8 ፡ 27)***

*ዘክር--የሱስ መንፈስ ቅዱስ "ዝመጽእ ክርእየኩም እዩ" ኢሉ ነይሩ። እዚ ማለት መደብ ኣምላኽ ይገልጸልካ ማለት እዩ። ከም ፍቓድ ኣምላኽ እዩ ዝመርሓካ።*

4. ***ክርስትያናዊ ምኽሪ ድለ፦***

*ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ዝገለጽናዮ ኣምላኽ ንኣመንቲ ኣብ መስርሕ ውሳነ ንምሕጋዝ ክርስትያን ኣማኸርቲ ይጥቀም እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፦*

> ***ጥበበኛ ምምራሕ ኣብ ዜብሉሉ፡ ህዝቢ ይወድቕ፡ ብምብዛሕ መኸርቲ ግና ደሓን ይርከብ። (ምሳሌ 11፡14)***

> ***እቲ ዓሻ፡ መገዱ ኣብ ኣዒንቱ ቕንዕቲ እያ፡ ጥበበኛ ግና ምኽሪ ይሰምዕ። (ምሳሌ 12 ፡ 15)***

*ኣመንቲ ካብ ብሱላት ክርስትያን ጥራይ ምኽሪ ክደልዩ ኣገዳሲ እዩ። ካብ ዓለማውያን ስነ-ልቦናውያን ወይ ስነ-ኣእምሮኣውያን ክኢላታት ምኽሪ ፈጺምካ ኣይትድለ። ዓለማዊ ምኽሪ ክህቡኻ እዮም። ንሳቶም "ዕዉራት መራሕቲ ዕዉራት" እዮም፤*

> ***ኣቱም ብቤተ መቕደስ ዚምሕል ደሓን እዩ፡ ብወርቂ ቤተ መቕደስ ንዚምሕል ግና ማሕላ ይኹኖ፡ እትብሉ ዕዉራት መራሕቲ፡ ወይለኹም። (ማቴ 23 ፡ 16)***

> *ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ፣ ኣብ መገዲ ሓጥኣን ከኣ ዘይቀውም፣ ኣብ መንበር መላገጽቲ ድማ ዘይቅመጥ፣ ብሕጊ እግዚኣብሄር ደኣ ዚፍሳህ፣ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን፣ ዚመራምሮ ሰብሲ ብጹእ እዩ። (መዝ 1 ፥ 1)*

ካብ ሓደስቲ ክርስትያናት ፈጺምካ ምኽሪ ኣይትድለ ምኽንያቱ ተመክሮን መንፈሳዊ ብስለትን ስለ ዘጕድሎም።

ገለ ሰባት ምስ ናይ ገዛእ ርእሶም ርእይቶ ክሰማምዑ ተስፋ ብምግባር ጥራይ እዮም ናብ ኣማኻሪ ዝኸዱ። እዚ ኣተሓሳስባኻ እንተኾይኑ ካብ ምኽሪ ብዙሕ ረብሓ ኣይክትረክብን ኢኻ። ገለ ኣመንቲ ነቲ ዝረኸብዎ ምኽሪ ብምንጽጻር ንብዙሓት ኣማኸርቲ ይውከሱ። ክንደይ እዮም ንሓደ ስጉምቲ ዝድግፉ ኣንጻር ካልእ ስጉምቲ ዝድግፉ ዝብል ምርጫ ዝገብሩ ዘለዉ ይመስሉ። እዚ ዕላማ ናይ ምኽሪ ምድላይ ኣይኮነን። ብዓቢኡ ድማ ኩሉ ማዕዳ ሰብ ምስቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ክሰማማዕ ከም ዘለዎ ኩሉ ግዜ ኣይትረስዕ።

## 5. ንኹነታት ምትንታን፤

ነቲ ኩነታትካ ተንቲንካ ምስቲ ክትውስኖ ዝደለኻዮ ኣተሓሕዞ። እዚ ምስቲ ኣምላኽ ዝሀበካ መምርሒ ብመንገዲ ብጸሎትን ብመጽናዕቲ ቃልን ብውሽጣዊ ድምጺ መንፈስን ብክርስትያናዊ ምኽርን ኣተሓሒዝካ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ።

ንፍቓድ ኣምላኽ ንምውሳን ኣብ ኩነታትጥራይ ተሞርኪስካ ክግበር የብሉን፣ እንታይ ደኣ ነቲ ኣተሓሕዛ ናይ ውሳነ ይገልጽ እዩ። ሓድሓደ ግዜ ኩነታት ንምርጫታት ይድርቶ ወይ ንሓድሽ ኣንፈት ኣብ ህይወት ዕድል ይህብ።

## 6. መጽሓፍ ቅዱሳዊ መፍትሕታት ኣንፈት ተጠቐም፤

ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም መፍትሕ ማዕጾ ይኸፍት። ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እግዚኣብሄር ንፍቓዱ ኣፍደገ ንኽኸፍት መፍትሕ ሂቡ ኣሎ። እቶም መፍትሕታት ኣብ መጽሓፍ ምሳሌ ይርከቡ፤

> *ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሄር ተኣመን፥ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ። ኣብ ኵሉ መገድኻ ንእኡ ሕሰብ፥ ንሱ ኸኣ ኣኻይዳኻ ኬቕንዕ እዩ። (ምሳሌ 3 ፥ 5-6)*

**ቀዳማይ መፍትሕ፥ እምነት**

ኣምላኽ ካባኻ ዚሓቶ ነገር ኣይትፍራሕ። ንዓኻ ዝሓንጸጾ መደብ ዝበለጸ ምኳኑ ፍለጥ። ብርግጽ ሰባት ነቲ ሓደ ወዱ ምእንታኦም ክመውት ዝሀበ ሰብ ክኣምኑ ክኽእሉ ኣለዎም። እምነትኻ ኣብ ጕይታ እምበር ኣብ ሰብ ክኸውን የብሉን፤

> *እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፥ ኣብ ሰብ ዚውከል፥ ቅልጽሙ ኸኣ ኣብ ስጋ ዚገብር፥ ብልቡውን ካብ እግዚኣብሄር ዚርሕቕ ሰብ ርጉም እዩ። (ኤር 17፥5)*

**እቲ ካልኣይ መፍትሕ፥ ናብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ**

ኣብ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሰብኣዊ ርትዒ ኣይትምርኮስ። እዚ ማለት ግን ንብልሒ ዘለዎ ፍርዲ ቦታ የለን ማለት ኣይኮነን። መጽሓፍ ምሳሌ ምስትውዓልን ልቦናን ንምጥቃም ብትእዛዛት ዝመልኣት እያ። እግዚኣብሄር ቅኑዕ ፍርዲ ክትገድፍ ኣለካ ኣይብልን ኣሎ። ፍቓድ ኣምላኽ ክትደሊ ከለኻ ኣብ ሰብኣዊ ርትዓውነት ጥራይ ኣይትምርኮስ ጥራይ እዩ ዝብል ዘሎ።

*ዳዊት ነታ ታቦት ናብ ኢየሩሳሌም ኪመልሳ ኸሎ ንኣምላኽ መምርሒ ኣይሓተቶን። ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ርድኢት ተጸጊዑ ድማ ነቲ ታቦት ብዝከኣሎ መንገዲ ክንቀሳቐሶ ጀመረ።* (2ይ ሳሙ 6፥1-7)

*እዚ ግን ናይ እግዚአብሔር መገዲ ስለዘይነበረ ፍርዲ ወዲቑ። ነታ ታቦት ናብ ኢየሩሳሌም ንምምላስ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ ነይሩ፡ ዳዊት ግን ንፍቓድ ኣምላኽ ምስ መገዱ ኣየሰማምየን ነይሩ። እዚ ኣገዳሲ መትከል መምርሒ እዩ።*

***ሳልሳይ መፍትሕ፡ ብኹሉ መገድኻ ኣፍልጦ ሃቦ (ንዑ ሕሰብ)***

*ብኹሉ መንገድካ ንኣምላኽ ኣፍልጦ ምሃብ ማለት ንኣምላኽ ብሓሳብ፡ ብቓል፡ ብኩሉ ኣካይዳኻ ንዑ ምኽባር ማለት እዩ። ኣብ ኩሉ ህይወትካ ቀዳምነት ንዑ ምሃብ ማለት እዩ።*

> ***ንሱ ኑቲ ሲጋኡ ድማ ርእሱ እዩ፡ ማለት ንማሕበር፡ ብኹሉ ነገር ቀዳማይ ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ ንሱ መጀመርታ እዩ፡ ካብ ምዉታትውን በኹሪ እዩ። (ቆሎ 1፡18)***

እያሱ ምስ ጊብዖናውያን ዝተገብረ ውዕል ብዝምልከትከቢድ ጌጋ ፈጺሙ ምኽንያቱ "ካብ ኣፍ እግዚኣብሄር ምኽሪ ኣይሓተተን" (ኢያሱ 9) ። ውሳኔኡ ምስ ሓደ ኣምላኽ ዘይፈርህ ህዝቢ ምሕዝነት ኣሰዓበ፣ እዚ ኸኣ ብኣምላኽ ዝተኸልከለ ነገር እዩ።

*እተን ሰለስተ መፍትሕ። . .*

- ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሄር ተኣመን . . .
- ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ . . .
- *ብኹሉ መገድኻ ንዕኡ ሕሰብ ወይ ኣፍልጦ ሃብ . . .*

*እዞም መፍትሕታት እዚኣቶም ኑቲ ማዕጾ ይኸፍቱዎ። ንሱ ድማ መገድታትካ ኬቕንዓካ እዩ።*

7. ***መንገዲ ጥበብ ምረጽ፤***

ኣብቲ ብፍሉይ ኣብቲ ብጽሑፍ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ዝተገልጸ ውሳኔታት፡ ወትሩ ምስቲ ዝተገልጸ ቃል ዝሰማማዕ ውሳነ ክትገብር ኣለካ። ኣብ ካልእ ውሳኔታት፡ ድሕሪ ጸሎት፡ ቃል ምጽናዕ፡ ድምጺ መንፈስ ምስማዕ፡ ምኽሪ ምድላይ፡ ኩነታት ምትንታን፡ ብመሰረት "ናይ ጥበብ መገዲ" ምርጫ ክትገብር ትኽእል ኢኻ። (ዘክር-- ካብ ኣምላኽ ጥበብ ክትረክብ ጸሊኻ። ሕጂ ቡቲ ጥበብ ተመርኩስካ ምርጫ ትገብር።)

*መንገዲ ጥበብ ኣብ ዝኾነ ውሳነ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዳይ ህይወት ንመንፈሳዊ ምዕባለ ዝዓበየ ዕድል ዝህብ ኣማራጺ እዩ። ንሳ ምስቲ እግዚኣብሔር ብጸሎት ዝገለጾ፡ ኣብ ቃሉ ዝጸሓፎ፡ ብውሽጣዊ ድምጺ መንፈስ ቅዱስ ዝተዛረቦ፡ ከምኡ'ውን ክርስትያናዊ ምኽሪ ትሰማማዕ እያ።*

ንመንገዲ ጥበብ ናይ ምልላይ ክእለት  ምስ መንፈሳዊ ብስለት ይውሰኽ፤

> ***ከም ምንዋሕ ዘመንስ መምህራን ክትኩኑ እኳ ምተገብኣኩም ነይሩ፡ ኑቲ ናይ መጀመርታ ትምህርቲ ቈልዑ ናይ ቃል ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ኪምህሩኹም የድልየኩም ኣሎ እሞ ጸባ ደኣ እምበር፡ ዕጹም ብልዒ ኣየድልየኩምን እዩ።***
>
> ***ጸባ ዚቕለብ ዘበለ ኹሉ ቈልዓ እዩ እሞ፡ ብናይ ጽድቂ ነገር ፍቱን ኣይኩነን።ዕጹም ብልዒ ግና ኑቶም ጸጉቕን ክፉእን ንምፍላይ ብምልማድ ንልቦናኦም ዘላምዱ ብጹሓት እዩ። (እብ 5 ፡ 12-14)***

*መንፈሳዊ ብስለት ካብ ዝምድና ምስ እግዚኣብሔር፣ ጸሎትን ምስትንታን ቃል ኣምላኽን ዝመጽእ እዩ።*

## ምርግጋጽ ፍቓድ ኣምላኽ

*ሰላም (ዝግለጽ ናይ ነፍሲ ሰኒት) ክርስቶስ ከኣ ኣብ ልብኹም (ነቲ ኣብ ኣእምሮኹም ዝለዓል ሕቶ ኩሉ እናወሰነን እናተቖበለን፣ ናብቲ ሰላማዊ ኩነት እናዕረፈ) ይግዛእ (ከም ዳኛ ብቀጻሊ ይሰራሕ)፣ ነዚ ብሓደ ስጋ ተጸዊዕኩም ኢኹም እሞ መማሰውቲ ኹኑ (ቆሎ 3:15 ኣምፕሊፋይድ ቨርዥን)*

ዳኛ ማለት ንሓደ ስፖርታዊ ውድድር ብምግምጋም እቲ ጸወታ ብመሰረት ሕጊ ዝካየድ እንተኾይኑ ንምፍላጥ ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ እዩ።

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ሰላም እግዚኣብሔር ዳኛ ፍቓድ እግዚኣብሔር እዩ። ተግባራትካን ውሳነታትካን ይግምግም። ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ምስ ዝሰማምዖ፡ ኣብ መንፈስካ ሰላም ክትረክብ ኢኻ። ክትናወጽ ወይ ክትርዕድ ከለኻ፡ ስጉምቲ ኣይትውሰድ። ብዛዕባ እቲ እትውስኖ ዘለኻ ውሳነ ሰላም ክሳብ እትረክብ ተጸበ። ሰላም ዘይምህላው ካብ ዳኛ ገለ ጌጋ ከምዘሎ ዘርኢ ምልክት እዩ፤

*ኣምላኽሲ ናይ ሰላም እምበር፡ ናይ ዝርግርግ ኣምላኽ ኣይኰነን እሞ፡ እቶም መናፍስቲ ነብያት ነቶም ነብያት ይግዝእዎም እዮም። (1ቆሮ 14፡33)*

## ሓደ ስጉምቲ ኣብ ሓደ እዋን

ሓደ ናይ መወዳእታ ኣገዳሲ መትከል ኣብ ጉዳይ ፍቓድ ኣምላኽ ኣምላኽ መደቡ ሓደ ስጉምቲ ኣብ ሓደ ግዜ ከም ዝገልጽ ምፍላጥ እዩ። እዚ ማለት ንኹሉ መደብ ህይወትካ፡ ምስ ኩሉ ዝርዝራት፡ ኣብ ሓደ እዋን ኣይገልጾን እዩ። ኣምላኽ ኣብ ህይወትካ ሓንሳብ ጥራይ ኣይኮነን ዝዛረበካ። ኣብ ሓደ ዕላል ተመርኲስካ ምስ ሓደ ሰብ ርክብ ከተማዕብል ኣይትኽእልን ኢኻ። ዝምድና ቀጻሊ መስርሕ ርክብ እዩ። እግዚኣብሄር ምዝራቡ ይቕጽል፡ ድምጹ ናይ ምልላይ ዓቕምኻ ድማ ትውስኽ።

እግዚኣብሄር ፍቓዱ በብሓደ ስጉምቲ ዝገልጸሉ ምኽንያት ኣለዎ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ነቲ ውጥን ምሉእ ብምሉእ ክትፈልጥ ድሉው ኣይትኮንካን፡ ምኽንያቱ ካብ ሓሳብካ ንላዕሊ ኲይኑ ክስምዓካ ወይ ነቲ ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ ዕማም ብቕዓት ዘይብልካ ስምዒት ክስምዓካ ስለ ዝኽእል።

*ዝነግረኩም ብዙሕ ካልእ ዘረባ ገና ኣሎኒ፡ ግናኸ ሕጂ ኽትጾርዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም። (ዮሃ 16፡12)*

እግዚኣብሄር ንእስራኤል ኣብ ከነኣን ንዘርከቡ ጸላእቶም "በብቑሩብ" ከም ዝሰዕሮም ነገሮም ምኽንያቱ ንሳቶም ነታ ዝህቦም ዝነበረ ሓዳስ ምድሪ ሓላፍነት ክወስዱ ድሉዋትን ዓቕሚን ስለ ዘለዎምን ስለዘኾኑ።

ብዛዕባ መጻኢ ከጨንቐና ስለዝኽእል ኣምላኽ እውን ምሉእ መደቡ ኣይገልጽን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ኢሉ የጠንቅቕ፤

*ጽባሕ ንርእሳ ትጭነቕ እያ እሞ፡ ንጽባሕ ኢልኩም ኣይትጨነቑ። ንመዓልቲ ኽፍኣታ ይኣኽላ። (ማቴ 6 ፡ 34)*

ብዛዕባ መጻኢ ኣይትጨነቕ። ንሎሚ ዘድሊ ውሳነታት ጥራይ ውሰድ። መጻኢ እግዚኣብሔር እዩ ዝቆጻጸሮ። እዚ ማለት ግን ንመጻኢ ጥበብ ዝመልኦ ውጥን ክትገብር የብልካን ማለት ኣይኮነን። ንስኻ ግን ብዛዕባኡ ክትጭነቕ የብልካን። እቲ ኣገዳሲ ነገር ነዛ መዓልቲ እዚኣ በቲ ዝተገልጸ ፍቓድ ኣምላኽ ምንባር እዩ። ኣብ መዓልታዊ ክርስትያናዊ ጉዕዞኻ ድምጹ ክትሰምዕ ተማሃር። መዓልታዊ ብፍቓዱ ምጉዓዝ ውጽኢቱ ምሉእ ህይወት ብፍቓዱ ምጉዓዝ እዩ።

ኣምላኽ ብእምነት ምንባር ክትመሃር ስለ ዝደሊ ፍጹም መደቡ ኣይገልጽን እዩ። ሓደ ሰብ እቲ መንገዲ ናበይ ከም ዘምርሕ እንተፈሊጡ ቀዳማይ ስጉምቲ ምውሳድ ቀሊል እዩ። ናብ ዘይፍለጥ፡ ናይ እምነት ስጉምቲ ምውሳድ ቀሊል ኣይኮነን።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኣብርሃም ከምዚ ይብል፦

> ***ኣብርሃም ናብቲ ንርስቲ ኪቕበሎ እተኣመመሉ ሰፍራ ኺወጽእ ምስ ተጸውዔ፡ ብእምነት ተኣዘዘ፡ ናበይ ከም ዚኸይድ ከይፈለጠውን ወጸ። (እብ** *11 ፥ 8)*

ካብ ሓደ ስጉምቲ ኣብ ሓደ ግዜ ምጉዓዝ ንላዕሊ ኣብ ኣምላኽ እምነት ክሃንጽ ዝኽእል የለን። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝገልጾ ሓደ ስጉምቲ ኣብ ሓደ ግዜ ምውሳድ ማለት ኣዝዩ ብታህዋኽ ክትንቀሳቐስ ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት እዩ። ሙሴ ኣዝዩ ቀልጢፉ ስጕሙ፡ ንሓደ ግብጻዊ ድማ ቀቲሉ። ኣብርሃም ቅድሚ መደብ ኣምላኽ ብምስጓም ነቲ ሕሩይ ወራሲ ብእስማኤል ክትክእ ፈተነ።

መጽሓፍ ኣስቴር ንኣምላኽ ምጽባይ ኣገዳስነት ከም ዘለዎ ትገልጽ። ህዝቢ እግዚኣብሔር ብሓደ ሃማን ዝተባህለ እኩይ ሰብ ናይ ምጥፋእ ስግኣት ኣጋጢምዎም ነበረ። ንጉስ ንዅሎም ኣይሁድ ከጥፍኦም ሓቲቱዎ ነበረ።

ንግስቲ ኣስቴር ብዛዕባ እቲ ውዲት ትፈልጥ ነይራ። ህዝቢ ኣይሁድ ኪጠፍእ ፍቓድ ኣምላኽ ከም ዘይኰነ ትፈልጥ እኳ እንተ ነበረት፡ ብታህዋኽ ግን ስጉምቲ ኣይወሰደትን። ኣምላኽ መደብ ክሳብ ዝህባ ተጸበየት ድሕሪኡ ምስ ንጉስ ቅድሚ ምዝርራብ ተወሳኺ መዓልቲ ተጸበየት። ኣብቲ ናይ ምጽባይ ግዜ ሓደ ኣገዳሲ ነገር ኣጋጢሙ። እቲ ንጉስ፡ ማርዶካይ ዝሰሙ ኣይሁዳዊ፡ ንህይወቱ ኻብቲ ኺቐትልዎ እተገብረ ውዲት ከም ዘድሓኖ ፈለጠ።

እዚ ምስ ተፈልጠ፡ ሽዑ ኣስቴር ነቲ ሃማን ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ዝገበሮ ውዲት ኣግሃደቶ። እቲ ንጉስ ኣንጻር መደብ ሃማን ስጉምቲ ወሰደ፣ ኣይሁድ ድሒኖም፣ ሃማን ድማ ብኽፍኣቱ ተቐጺዑ--እዚ ኹሉ ምኽንያቱ ኣስቴር ቅድሚ ስጉምቲ ምውሳዳ ተወሳኺ ሓንቲ መዓልቲ ስለ ዝተጸበየት እዩ።

## እቲ ቁጥቋጥ ክሳብ ሕጂ ይቃጸል ኣሎ፡

ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ፡ እቲ ቁጥቋጥ ክሳብ ሕጂ ይቃጸል ኣሎ። እግዚኣብሄር ክሳብ ሕጂ ይመርሓና እዩ ክዛረበና ድማ ይብህግ ኣሎ፤

> ***ጸውዓኒ እሞ ክመልሰልካ፡ ዘይትፈልጦ ዓብይን ሰውርን ነገር ከኣ ክነግረካ እየ። (ኤር*** *33:3)*

እግዚኣብሄር ፍቓዱ ክገልጸን መደባቱ ከሕብርን ይደሊ። ምምራሕን ኣንፈት ምሕባርን ይቕጽል ኣሎ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ክሳዕ ሕጂ ይዛረብ እዩ ጥራይ ንስኻ ሰማዒ ኩን።

## ርእሰ ገምጋም

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፍ።

________________________________________________________________

2. ሓደ ኣማኒ ብፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ክሰርሕ ከሎ ኣምላኽ ዝህቦ መረጋገጺ እንታይ እዩ?

________________________________________________________________

3. ኣብ ምሳሌ 3:5-6 እተዋህበ ፍቓድ ኣምላኽ ንምውሳን ዝሕግዙ ሰለስተ መፍትሕታት እንታይ እዮም፧

____________________ ____________________ ____________________

4. "ንኣምላኽ ኣፍልጦ ምሃብ" ብኹሉ መዳይ እንታይ ማለት እዩ?

________________________________________________________________

5. ኣብዚ ምዕራፍ እዚ እተዘራረናሎም ፍቓድ ኣምላኽ ንምርካብ ዚሕግዙ ሸውዓተ ስጉምትታት ዘርዝር።

____________________ ____________________ ____________________

____________________ ____________________ ____________________

____________________

6. እዞም ዝስዕቡ መግለጺታት ኣንብቡ። እቲ ኣበሃህላ ሓቂ እንተኾይኑ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ባዶ ቦታ 'ሓቂ' ጽሓፍ። እቲ ኣበሃህላ ሓሶት እንተኾይኑ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ባዶ ቦታ 'ሓሶት' ጽሓፍ።

1______ ፍቓድ ኣምላኽ ንምፍላጥ ኣብ እንጥቀመሉ እዋን ሓደ ብሉጽ ሜላ መጽሓፍ ቅዱስ ከፊትካ እታ ቀዳመይቲ ጥቕሲ ጕሊሑ እትረኣየካ ብሃንደበት ወሲድካ ከም መልሰኻ ምውሳድ እዩ።

2______ መብዛሕትኡ ግዜ እግዚኣብሄር ንኹሉ መደብ ህይወትካ፡ ምስ ኩሉ ዝርዝራቱ፡ ኣብ ሓደ ተኣምራታዊ ምግላጽ እዩ ዝገልጾ።

3_______እግዚኣብሄር ኣብዚ እዋን ብሕልምን ራእይን ካልእ ከምኡ ዝኣመሰለ ተኣምራዊ ኣገባባት ጌሩ ኣይዛረብን እዩ።

(መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

1. ምሳሌ 3፡5-6ን ሮሜ 12፡1-2ን ኣነጻጽር። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ክልተ ኣወንታዊ ትእዛዛት (ክትገብሮም ዘለካ ነገራት) ከምኡውን ሓደ ኣሉታዊ ትእዛዝ (ዘይትገበሮ ነገር) ኣለዋ። ነዚኦም ኣብዚ ዝስዕብ ሰንጠረዥ ዘርዝርዎም፤

| | ምሳሌ 3፡5-6 | ሮሜ 12፡1-2 |
|---|---|---|
| ኣወንታዊ ትእዛዝ፤ | | |
| ኣሉታዊ ትእዛዝ፤ | | |
| ኣወንታዊ ትእዛዝ፤ | | |

2. ፓስተር ጆርጅ ሙለር ዓቢ መንፈሳዊ መራሒ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ መዕቀቢ ዘኽታማትን ኣብ መላእ ዓለም ዝተፈላለዩ ልኡኻዊ ዕዮታትን ዝመስረቱን ዝመርሑን እዩም። ፓስተር ሙለር ኣብ ጽሑፋቱ ፍቓድ ኣምላኽ ንምውሳን ዝጥቀመሉ ቀመር ኣቐሚጡ ኣሎ፤

"ልበይ ኣብ ሓደ ዝተዋህበ ጉዳይ ብዝምልከት ናይ ገዛእ ርእሱ ድሌት ዘይብሉ ኩነታት ከእትዎ ኣብ መጀመርታ እደሊ።"

ትሽዓተ ካብ ዓሰርተ ሽግር ናይ ሰባት ኣብዚ ጥራይ እዩ ዘሎ። ትሽዓተ ካብ ዓሰርተ ናይቲ ጸገማት ዝስገር ዝኾነ እንተኾነ ልብና ፍቓድ ጐይታ ክንገብር ድሉው ምስ ዝኸውን እዩ። ሓደ ሰብ ብሓቂ ኣብዚ ኩነታት ክህሉ ከሎ መብዛሕትኡ ግዜ ንእሽቶ መንገዲ ጥራይ እያ ናብ ፍልጠት ፍቓዱ ትወስዶ።

እዚ ምስ ገበርኩ፡ ነቲ ውጽኢት ንስምዒት ወይ ንሓንቲ ጦብላሕታ ኣይገድፎን እየ። ከምኡ እንተገይረ፡ ንነብሰይ ንዓበይቲ ምድንጋራት ተሓታቲ እገብራ።

ፍቓድ ናይ መንፈስ ኣምላኽ ብቓል ኣምላኽ ኣቢለ ወይ ምስኡ ኣተሓሒዘ እየ ዝደሊ። መንፈስን ቃልን ክወሃሃድ ኣለዎ። ብዘይ ቃል ናብ መንፈስ ጥራይ እንተጠመትኩ፡ ንዓበይቲ ምድንጋራት እውን ንርእሰይ ክፉት እገብር። መንፈስ ቅዱስ ፈጺሙ እንተመርሓና ብመሰረት ቅዱሳት ጽሑፋት እምበር ምስኦም ዝጻረሩ ኣይገብሮን እዩ።

ቀጺለ፡ ንናይ ምድላው ኩነታት ኣብ ግምት የእቱ። እዚኦም መብዛሕትኡ ግዜ ፍቓድ ኣምላኽ ምስ ቃሉን መንፈሱን ብምትእስሳር ብግልጺ ዘመልክቱ እዮም። እግዚኣብሔር ፍቓዱ ብትኽክል ክገልጸለይ ብጸሎት እልምኖ። በዚ ኸኣ ብጸሎት፡ ብመጽናዕቲ ቃል፡ ብኣስተንትኖ፡ ብዓቕመይን ፍልጠተይን ኣቢለ ናብ ውሳነ ይበጽሕ፡ ኣእምሮይ በዚ ኸምዚ ሰላም ረኺቡ ድሕሪ ክልተ ወይ ሰለስተ ተወሳኺ ምድግጋም ከምኡ እንተቐጺሉ ድማ ብመሰረት እዚ ይቕጽል ።

ኣብ ንእሽቶ ጉዳያትን ኣብ ኣዝዮም ኣገደስቲ ጉዳያት ዘጠቓልል ርክባት፡ እዚ ኣገባብ ኩሉ ግዜ ውጽኢታዊ ኮይኑ ረኺበዮ ኣለኹ።"

3. እግዚኣብሄር ብዛዕባ መምርሒ ኣብ ቃሉ ብዙሕ ተስፋታት ሂቡ እዩ። ነዞም ዝስዕቡ መወከሲታት ርኣዮም፤

**መዝሙር** 3:8፤ 5:8፤ 25:5,9:12፤ 27 ፡ 11፤ 31:3፤ 32:8፤ 37:23፤ 48:14፤ 61 ፡ 2፤ 73:24፤ 78:52,72፤ 85:8, 13፤ 107:7፤ 139:10,24፤ 142:3፤ 143:10
**ምሳሌ** 3:6፤ 4 ፡ 11፤ 8:20፤ 11 ፡ 3,15፤ 16 ፡ 9፤ 21 ፡ 29፤ 23 ፡ 19
**መክብብ** 10:10
**ኢሳይያስ** 45:13፤ 58:11፤ 61 ፡ 8

**ዮሃንስ** 10፡3፤ 16 ፡ 13
**ኤፌሶን** 5፡17
**ቈሎሴ** 1:9፤ 4 ፡ 12

4. **ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ኣብነት መምርሒ፡ እግዚኣብሄር ንህዝቢ እስራኤል ካብ ግብጺ ናብ ምድሪ ተስፋ ምምራሑ እዩ። ብዛዕባ እዚ ኣብዞም ዝስዕቡ ክፍልታት ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም፤**

**ዘጸኣት** 13 ፡ 17 , 18 ፡ 21 ፡ 15 ፡ 13
**ዘዳግም** 8:2, 15፤ 29፡5፤ 32 ፡ 10፤ 1**ይ ዜና መዋእል** 11፡2
**ካልኣይ ዜና መዋእል** 25፡11 **ካልኣይ ሳሙኤል** 5፡2 **ነህምያ** 9፡12
**መዝሙር መዝሙር** 77:20፤ 78:14, 53፤ 80፡1፤ 106 ፡ 9፤ 107፡7፤ 136 ፡ 16
**ኢሳይያስ** 48፡21፤ 63 ፡ 12-14
**ኤርምያስ** 2:6, 17
**እብራውያን** 8:9

# ምዕራፍ ሸሞንተ

# ዜተሓታትት ተግባራት

***ዕላማታት፤***

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፍ ኢኻ።
- "ዜተሓታትት ተግባራት" ዝብል ቃል እንታይ ማለት ምዃኑ ክትገልጽ ኢኻ።
- ዜተሓታትት ተግባራት ንምውሳን ዚሕግዝ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ክትህብ ኢኻ።
- ኣብ መንጎ "ዝደኸመ ሓው"ን "ዝሓየለ ሓው"ን ፍልልይ ከተነጽር ኢኻ።
- ን "ዝደኸመ ሓው" ምእላይ መጽሓፍ ቅድሳዊ መምርሒታት ክትህብ ኢኻ።
- ኣብ መንጎ ኣመንቲ ንዘጋጥም ዘይምርድዳእ ንምፍታሕ ዚሕግዝ መጽሕፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ክትህብ ኢኻ።
- ኣብ መንጎ ኣመንቲ ንዝፍጠሩ በደላት ንምፍታሕ ዝሕግዙ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ክትህብ ኢካ።

***መሪሕ ጥቕሲ፤***

> ***እምብኣርሲ እንተ በላዕኩም፡ ወይስ እንተ ሰቴኹም፡ ወይስ ዝኾነ ይኹን እንተ ገበርኩም፡ ኩሉ ንኽብሪ ኣምላኽ ግበርዎ።*** *(1ቆሮ 10፡31)*

***መእተዊ***

እዚ ምዕራፍ እዚ ብዛዕባ ዜተሓታትት ተግባራት ውሳነ ምሃብ ዝምልከት እዩ። እዚ ምዕራፍ ነቲ ቃል ይገልጽ ከምኡ ድማ ዘተ ብዛዕባ ዜተሓታትቱ ተግባራት ንምፍታሕ ዘድሊ መምርሒ፡ ምእላይ ዝደኸሙ ኣሕዋት፡ ኣብ መንጎ ኣመንቲ ዘጋጥም ዘይምርድዳእ ምእላይን፡ በደላት መፍትሒ ምርካብን የጠቓልል።

## ዜተሓታትቱ ተግባራት

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ባህሊ ኣከራኽርቲ ዝኾኑ ዝተወሰኑ ተግባራት ኣለዉ። እዚኦም ንሓደ ሰዓቢ የሱስ ወይ ጌጋ ወይ ቅኑዕ ምዃኖም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብፍሉይ ዘይተጠቕሱ ተግባራት እዮም።

ከምዚ ዓይነት ተግባራት ኣብ ባህልኻ ብቐሊሉ ክትሓስብ ትኽእል ኢኻ። ንመዘናግዒ ወይ ግብጃ ዓይነት ክኸውን ይኽእል እዩ። ክትምረጾም እትኽእል ክለባት ወይ ትካላት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዚ ተግባራት እዚ ገለ ልምድታትን ምርጫታትን ናይቲ እትበልዖ ወይ እትሰትዮ ዘጠቓልል እዩ። ኣየኖት መዓልታት ከም እንሰግድ ወይ ቅዱሳን መዓልታት ዝብል ሕቶታት ክኾኑ ይኽእሉ።

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ኸምዚ ዝኣመሰለ ጉዳያት ፍሉይ መምርሒ ኣብ ዘይተዋህበሉ እዋን፡ ብዛዕባ ዜተሓታትት ተግባራት ፍቓድ ኣምላኽ ብኸመይ ትውስኖ፧ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ንነብሰኻ ሕተታ፤

**ንኣምላኽ የኽብር ድዩ፧**

ኣተሓታቲ ተግባር ክንፈርደሉ እንኽእል ኣገዳሲ መትከል ምናልባት "ንኣምላኽ የኽብር ድዩ" ዝብል ሕቶ ምሕታት ክኸውን ይኽእል እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ኩሉ እትገብሮ ንእግዚኣብሄር ከኽብር ከም ዘለዎ ይሕብር።

> ***እምብኣርሲ እንተ በላዕኩም፡ ወይስ እንተ ሰተኹም፡ ወይስ ዝኾነ ይኹን እንተ ገበርኩም፡ ኩሉ ንኽብሪ ኣምላኽ ግበርዎ። (1ቆሮ 10፡31)***

> ***ብቓል ኰነ ወይስ ብግብሪ እትገብርዎ ዘበለ ኹሉ ብስም ጐይታና የሱስ ግበርዎ፡ ብእኡ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ኣመስግንዎ። (ቆሎ 3፡17)***

> ***ነቲ ዓስቢ ርስቲ ኻብ ጐይታ ኸም እትቕበልዎ እናፈለጥኩም፡ እትገብርዎ ዘበለ ንሰብ ዘይኰነስ ንጐይታ ኸም እትገብርዎ ጌርኩም፡ካብ ልቢ ግበርዎ፡ ንጐይታና ክርስቶስ ኢኹም እትግዝእዎ ዘሎኹም። (ቆሎ 3፡23-24)***

**ድርኺትካ እንታይ እዩ?**

ስለምንታይ ኢኻ ኣብዚ ተግባር እዚ ክትዋፈር ትደሊ? ንኽትገብሮ ዘለካ ምኽንያት ወይ ድርኺት እንታይ እዩ፧ ጽቡቕ ንጥፈት እውን ከይተረፈ ብጌጋ ድራኺ ኺግበር ይከኣል እዩ። ንኣብነት፡ ያእቆብ ንጸሎት ዚድርኽ ግጉይ ድራኺ ከም ዘሎ ዚገልጽ ምሳሌ እዩ ዚህብ፦

> ***ትልምኑ ኢኹም እሞ፡ ብፍትወት ሰጋኹም ምእንቲ ኽትዘርውዎ፡ ብኽፉእ ስለ ዝለመንኩም፡ ኣይትቕበሉን ኢኹም። (ያእ 4፡3)***

ምጽላይ ብርግጽ ጌጋ ኣይኮነን ግን ንገለ ሕቶታት ብዘይግቡእ ድርኺት ክትሓትት ትኽእል። ኣብዛ ጥቕሲ እዚኣ እተገልጸ ድርኺት፡ ንፍትወት ስጋኻ ናይ ምፍጻም ትምኒት እዩ።

**ኣድላዪ ድዩ?**

ጳውሎስ ገለ ነገራት ክፍቀዱልካ ዝኽእሉ እኳ እንተኾኑ (ንጽሑፍ ቃል ኣምላኽ ዝጥሕስ ኣይኮነን) ግን ብሓቂ ኣድላዪ ድዩ ኣይኮነን ኣብ ግምት ከተእቱ ከም ዘለካ ይገልጽ። ንሱ ከምዚ ይብል፤

> ***ኵሉ ይፍቀደለይ እዩ፡ ኵሉ ግና ኣይጠቅምን እዩ። . . (1ቆሮ 6፡12)***

***መንፈሳዊ ዕብየት ክውሰኸልካ ይኽእል ድዩ፧***

ብዙሓት ንጥፈታት ንመንፈሳዊ ዕቤት ዕንቅፋት ኪኾኑ ይኽእሉ እዮም። ካልእ ንጥፈታት ድማ ኣዝዮም ግዜ ዝወስዱ ክኾኑ ይኽእሉ እሞ ነቲ መንፈሳዊ ዕብየት ይሓንቅዎ፤

> ***ኣብ መኣዲ ተቐሚጦም ከለዉ፡ የሱስ፡ ሓደ ኻባኻትኩም፡ እቲ ምሳይ ዚበልዕ፡ ኬትሕዘኒ እዩ፡ ኢሉ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በለ።***
> ***ኪጕሀዩ ጀመሩ፡ በብሓደ ኸኣ፡ ኣነ ደኾን እኸውን፧ በሉ። (ማር 4፡18-19)***

> ***እቲ ኣብ እሾኽ ዝወደቐ እዚኣቶም እዮም፡ ምስ ሰምዑ፡ መገዶም ከይዶም ብሓልዮትን ሃብትን ጣዕሚ ንብረትን ይሕነቑ እሞ ፍረ ኣይፈርዩን። (ሉቃ 8፡14)***

ንርእሰኻ ሕተታ፦ "እዚ ንጥፈት እዚ ንመንፈሳዊ ዕብየተይ ዕንቅፋት ድዩ ወይስ ምውሳኽ እዩ፧"

መንፈሳዊ ምዕባለ ዝዕንቅፉ ንጥፈታት ነቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እትቀዳደሞ መንፈሳዊ ጉያ ብግቡእ ንኸይትፍጽም ተወሰኽቲ ክብደት ይኾኑ፤

*ምእንትዚ ንሕና ድማ ብኸንደዚ ዚኣክል ደበና ምስክር ተኸቢብና ኸሎና፡ ንኹሉ ዚኸብደናን ነቲ ዘጠብቀናን ሓጢኣትን ነርሕቕ፡ በቲ ኣብ ቅድሜና ተሐንጺጹልና ዘሎ መቀዳደሚ ኸኣ ብትዕግስቲ ንጉየ። (እብ 12 ፥ 1)*

**ናብ ባርነት ዝእቱ ልምዲ ድዩ?**

ዘተሓታትቱ ተግባራት ኣብ ግምት ከተእቱ ከለኻ፡ ንነብሰኻ "እዚ ተግባር እዚ ንሓደ ልምዲ ባርያ ክገብረኒ ድዩ?"ኢልካ ሕተታ። ናይ ባርነት ዜእቱ ልምዲ ኣብታሕቲ ግዝኣቱ ክትነብር እዩ ዝገብረካ። ብዘይ ብእኡ ክትከይድ ዘይትኽእል ኮይኑ ይስምዓካ እሞ ክትገድፎ ትሽገር።

ጳውሎስ ብዛዕባ ናብ ባርነት ዜእትዉ ልምድታት ርእይቶ ይህብ፤

*. . .ኩሉ ተፈቒዱለይ ኣሎ፡ ኣነ ግና ሓደ ነገር እኳ ኺመልከኒ ኣይሐድጎን እየ። (1ቆሮ 6፡12)*

ዝኾነ ባርያ ዝገብር ንጥፈታት ብኣካል፡ ብኣእምሮ፡ ብመንፈስ ወይ ብልምዲ ክቡር ግዜ ዝሓትት ክውገድ ይግባእ።

**ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዜእቱ ድዩ?**

ጳውሎስ ኣብ 2ቆሮ 6፡14፡ ". . . ብርሃን ምስ ጸልማት እንታይ ሕብረት ኣለዎ፧" ብምባል ሓቲቱ።

እቲ ኣታሓታቲ ተግባር ትሓስቦ ዘለኻ መንፈሳዊ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ ድዩ? ንዑኡ ብምግባርካ ኣብ ንጥፈታት ናይዛ ዓለም ትዋፈር ዲኻ ወይስ ንመዐቀኒታቱ ትቕበል ዲኻ? መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ኢሉ ይእዝዝ።

*ስለዚ፡ ካብ ማእከሎም ውጹን ተፈለዩን ርኹስ ኣይትተንክዩን፡ ኣነውን ክቕበለኩም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ (2ቆሮ 6፡17)*

**ናብ ፈተና ዜብጽሕ ድዩ፧**

የሱስ "ናብ ፈተና ኣይተእትወና" ኢልና ክንጽሊ ምሂሩና እዩ። ነዚ ጸሎት እናጸለኻ ድሕሪኡ ኣተሓታቲ ንጥፈት ኣቢልካ ኮነ ኢልካ ኣብ ናይ ፈተና ቦታ ምቕማጥ ፋይዳ የብሉን። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ኢሉ የጠንቅቕ፤

*ኣምላኽሲ ብእኩይ ኣይፍተንን ባዕሉውን ንሓደ እኳ ኣይፍትንን እዩ እሞ፡ ሓደ እኳ ምስ ተፈተነ፡ ኣምላኽ ፈቲኑኒ ኣይበል።*

*ነፍሲ ወከፍ ግና ብገዛእ ትምኒቱ ተስሒቡን ተሐቢሉን እዩ ዚፍተን።*

*ድሓር፡ ትምኒት ምስ ጠነሰት፡ ንሓጢኣት ትወልዶ፡ ሓጢኣት ምስ ተፈጸመ ድማ፡ ንሞት ይወልዶ። (ያእ 1፡13-15)*

ፈተና ካብ ናይ እምነት ፈተና ዝተፈልየ እዩ። ናይ እምነት ፈተና ዝፍጠር ሓደ ኣማኒ ብዘይ ናይ ገዛእ ርእሱ በደል ከቢድ ኩነታት ምስ ዘጋጥሞ እዩ። እቲ ኩነታት ነቲ ኣብ ኣምላኽ ዘለዎ እምነት ይፍትኖ። ኣምላኽ ፈተናታት እምነትካ ኬደልድልን መንፈሳዊ ብስለት ከምጽእን ይፈቅድ እዩ።

ኣምላኽ ግና ንሰብ ናብ ፈተና ኣየእትዎን እዩ። ፈተና ጌጋ/በደል ናይ ምግባር ድሌት እዩ። ፈተና ዝመጽእ ሓሳብካን ተግባራትካን ብግቡእ ምስ ዘይትቆጻጸር ወይ ድማ ሰይጣን ክፉእ ክትገብር ምስ ዝሰሕበካ እዩ። ገለ ኣብ ሕቶ ዘእቱ ተግባራት ኣብ ፈተና ኰንታት ከእትወካ ይኽእል እዩ። ንፈተና እንተወዲቕካ፡ ትምኒት ሓጢኣት የስዕብ፣ ሓጢኣት ድማ መንፈሳዊ ሞት የስዕብ።

**ክፉእ መልክዕ ይህብ ድዩ?**

እቲ ክትገብሮ ትሓስቦ ዘለኻ ተግባር ፡ኻልኦት ከም ክፉእ መልክዕ ጌሮም ይርእይዎ ዶ? መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ኢሉ ይእዝዝ፤

> ***ካብ ክፉእ ዘበለ ኹሉ ርሐቑ።** (1 ተሰ 5:22)*

**ንሕልናኻ ዚጥሕስ ድዩ፧**

ብዛዕባ ዘተሓታትቱ ተግባራት ውሳነ ክትወስድ ከለኻ፡ እቲ እትገብሮ ምርጫ ቅኑዕ ምዃኑ ምሉእ ብምሉእ ክትኣምን ይግባእ። ኣብ ግዜ ሓድሽ ኪዳን ስጋ ብመሰረት ሕጊ ብሉይ ኪዳን ንመስዋእቲ ይውዕል ስለ ዝነበረ ስጋ ምብላዕ ቅኑዕ ድዩ ኣይኮነን ብምባል ኣመንቲ ኣይሰማምዑን ነይሮም። እዞም መስዋእትታት እዚኣቶም ቅድሚ ኢየሱስ ናይ መወዳእታን ምሉእን መስዋእቲ ሓጢኣት ሕይወቱ ምሃቡ፡ ንሓጢኣት ሰብ ከም መተዓረቒ ይጥቀሙሉ ነይሮም። ስጋ ንመስዋእቲ ስለ ዝውዕል ዝተወሰኑ ስጋታት ከይበልዑ ዝኽልክል ሕግታት ነይሩ። ጳውሎስ ብዛዕባ እዚ ሕቶ እዚ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፤

> ***ግናኸ ካብ እምነት ዘይኰነ ዘበለ ኵሉ ሓጢኣት እዩ እሞ፡ እቲ እናተዋላወለ ዚበልዕ፡ ብእምነት ስለ ዘይበልዔ፡ ይዅነን።** (ሮሜ 14 ፡ 23)*

ኣብ ኣተሓታተቲ ጉዳያት፡ እቲ ንስኻ ትገብሮ ዘለኻ ቅኑዕ ምዃኑ ክትኣምን፡ ሓደ መምርሒ እዩ። ጥርጣረታት እንተሃልዩካ ሽዑ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ተግባራት ምውፋር ሓጢኣት ይኸውን።

**ንኻልኦት ብኸመይ ኪጸልዎም እዩ፧**

እዚ፡ ነቶም ኣተሓታተቲ ተግባራት ብዝምልከት ናብቲ ናይ መወዳእታ መምርሒ ይወስደና። እዚ ንጥፈት እዚ ምግባር ንኻልኦት ብኸመይ ኪጸልዎም እዩ፧ ንኻልኦት ኪሃንጽ ድዩ፧ ምህናጽ ማለት ብመንፈሳዊ መዳይ ምምሃር፡ ምድልዳል ወይ ምምሕያሽ ማለት እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል፦

> ***እምብኣርስኸ ኣሰኣሰር ናይ ሰላም ነገርን ኣሰኣሰር ንሓድሕድና ዚሃንጽን ንስዓብ።** (ሮሜ 14 ፡ 19)*

እዚ ንጥፈት እዚ ኣብ መንፈሳዊ ምዕባለ ካልኦት ብኣወንታዊ መገዲ ኣበርክቶ ይገብር ድዩ፧ ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፤

> ***ኵሉ ተፈቒዱለይ፡ ኵሉ ግና ኣይጠቅምን እዩ፡ ኵሉ ተፈቒዱለይ፡ ኵሉ ግና ኣይሃንጽን እዩ።** (1ቆሮ 10፡23)*

ገለ ክትዋፈረሉ እትኽእል ልምድታት ንኻልኦት ኣመንቲ ኣብ መንፈሳዊ ጉዕዞኦም ከም ዝዕንቀፉ ክገብሮም ይኽእል እዩ። ሕጂ'ውን ጳውሎስ ብዛዕባ ስጋ ምብላዕ ዝብል ሕቶ ክዛረብ ከሎ ከምዚ ኢሉ ጸሓፈ።

***ስለዚ ኸኣ እቲ ብልዒ ንሓወይ ዘዕንቅፎ እንተ ዀይኑስ፡ ንሓወይ ምእንቲ ኸየዕንቅፎ፡ ንሓዋሩ ኩቶ ስጋ ኣይክበልዕን እየ።** (1ቆሮ 8፡13)*

ጳውሎስ ስጋ ምብላዕ ከም ጌጋ ኣይቆጸሮን እዩ። ብጐይታ ንዝደኸመ ሓው እንተ ዘዕንቅፍ ግን ኣይምበልዖን ነይሩ።

ዝደኸመ ሓው፡ ብሰንኪ ድኻም እምነት፡ ፍልጠት፡ ወይ ሕልና፡ ብኣብነት ናይ ሓደ ዝሓየለ ሓው ክጽሎ ዝኽእል ኣሚኒ እዩ። ብኻልኦት ተጸልዩ ኣብ ልዕሊ ሕልናኡ ሓጢኣት ክገብር ይኽእል እዩ፡ መንፈሳዊ ምዕባለኡ ድማ ክዕንቀፍ ይኽእል።

ዝሓየለ ኣማኒ፡ ብሰንኪ ርድኢት ሓርነት ኣብ ዝተወሰኑ መዳያት፡ ብርታዐ ናይ ርትዒ እምነቱን፡ ብጽቡቕ ሕልና ብሓርነት ዝመላለስ ሰብ እዩ። በቲ ናይ ካልኦት እተፈላለየ ኣረኣእያ ኣይጽሎን እዩ።

ዝኾነ ይኹን ብሓደ ዝሓየለ ሓው ዝግበር ስጉምቲ ንሓደ ዝደኸመ ሓው ኣብ ልዕሊ ሕልናኡ ንኽሓጥእ ዝጸልዎ ወይ ንመንፈሳዊ ምዕባለኡ ዝዕንቅፍ እንተኾይኑ ጌጋ እዩ። ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፤

*ሓውኻ ዚዕንቀፈሉ ዘበለ ዘይምግባር፡ ስጋ ዘይምብላዕ ወይስ ወይኒ ዘይምስታይ፡ ጽቡቕ እዩ። (ሮሜ 14 ፡ 21)*

**ጽማቕ ሓሳብ፡ ውሳነ ምሃብ ኣብ ሕቶ ዘእቱ ልምድታት**

እዚ ዝስዕብ ሰንጠረዥ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምሪሕታት ንኣታሓታተቲ ተግባራት ውሳነ ንምሃብ ዝሕግዙ ጸሚቑ ይህብ፤

| **ንርእስኻ ዝሕተት. . .** | **መወከሲ ቃል ኣምላኽ** |
|---|---|
| ንኣምላኽ የኽብር ድዩ? | 1ቆረ10፥31 ቆሌ 3፥17,23 |
| እንታይ እዩ ድረኽትካ? | ያእ 4፥3 |
| ኣገዳሲ ድዩ? | 1ቆረ6፥12 |
| መንፈሳዊ ዕብየት ይውስኽ ድዩ? | ማር4፥18 ሊቃ8፥14 እብ12፥1 |
| ናብ ባርነት ዝእቱ ልምምድ ድዩ? | 1ቆረ6፥12 |
| ዘሰማምዕ ድዩ? | 2ቆረ6፥17 |
| ናብ ፈተባ ዝእቱ ድዩ? | ያእ1፥13-15 |
| መልክዕ ክፍኣት ኣለዎ ድዩ? | 1ተሰ5፥22 |
| ሕልናካ ይጥሕስ ድዩ | ሮሜ14፥23 |
| ንኻሎት ብምንታይ ይጸልዎም? | ሮሜ14፥19,21 1ቆረ8፥13 10፥23 |

## ኣመንቲ ክፈላለዩ ከለዉ

ሮሜ 14:1 ክሳብ 15:2 ኣጽንዑ። እዘን ጥቕስታት እዚኣተን ኣመንቲ ሓደ ሓደ ግዜ ናይ ሓሳብ ፍልልይ ከም ዝህልዎም ይገልጻ። ከምዚ ዝኣመሰለ ፍልልያት መብዛሕትኡ ግዜ ነቶም ኣተሓታተቲ ተግባራት ብቃል ኣምላኽ መሰረት ቅኑዕ ወይ ጌጋ ናብ ምባል የቕንዕ።

እዘን ዝተዋህባ ጥቕስታት፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ፍልልያት ንሓድሕድና ንፋቐር ከምኡ ድማ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምፍታሽ እንተቐጺልና ጉድኣት ከም ዘየስዕብ ይገልጻ። ሮሜ 14 ኣብ መንጎ ኣመንቲ ኣብ ጽሑፋዊ ቃል ኣምላኽ ብፍሉይ ዘይተሸፈነ ጉዳያት ንዘጋጥም ዘይምርድዳእ ንምፍታሕ እዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ትህብ፤

**ኣብ መንነ ጉዳያት ትእዛዝን ሓርነትን ፍልልይ ምግባር፤**

ሮሜ 14፥14 ኣመንቲ ክፈላለዩ ከለዉ ናይ ትእዛዝን ሓርነትን ጉዳያት ምፍላይ ኣገዳሲ ምዃኑ ይሕብር። ጳውሎስ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ብፍሉይ ዘይተገልጸ ጉዳያት ሓርነት ከምዚ ኢሉ ጸሓፈ፦

> ***ነቲ ኸም ርኹስ ዚርእዮ ደኣ፡ ንእኡ እዩ ርኹስ ዚኾኖ እምበር፡ ብርእሱስ ገለ ርኹስ እኳ ኸም ዘይብሉ፡ ብጐይታና የሱስ እፈልጥ ተረዲኤዮውን ኣሎኹ። (ሮሜ 14 ፥ 14)***

ኣብቲ ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝተጻሕፈ ናይ ትእዛዝ ጉዳያት ኩላትና ሓደ ዓይነት ቅዲ ክንሰማማዕ ይግባእ። ኣብ ካልእ ጉዳያት ድማ ናይ ምምራጽ ሓርነት ክንጥቀም ይከኣል እዩ።

**ናይ ገዛእ ርእሰኻ ርትዒ ኣማዕብል፤**

ኣብ ኣተሓታተቲ ተግባራት ብዝምልከት ናይ ገዛእ ርእሰኻ ርትዒ ከተማዕብል ኣለካ። ብዛዕባ ምኽባር ቅዱሳን መዓልትታት ጳውሎስ ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ ኣሎ፤

> ***እቲ ሓደ ነታ ሓንቲ መዓልቲ ኻብታ ኻልእ ኣብሊጹ ይፈልያ፡ እቲ ሓደ ግና ንኹላተን መዓልትታት ማዕረ ገይሩ እዩ ዚርእየን። ነፍሲ ወከፍ ብሓሳቡ ርዱእ ይኹን። (ሮሜ 14 ፥ 5)***

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ምዕራፍ ዝተዋህበ መምርሒታት እንተተጠቂምካ፡ ኣብ ልዕሊ ኣተሓታተቲ ጉዳያት እንታይ ርትዒ ከምዝህልወካ ንምፍላጥ ክሕግዘካ እዩ።

**ካልኦት በቲ ዝተረትዕዎ ናይ ምውሳን ሓርነት ምፍቃድ፤**

ካልኦት ካባኻ እኳ እንተተፈልዩ፡ ኣብ ኣተሓታተቲ ጉዳያት ዘለዎም ርትዒ ባዕሎም ንኽውስኑ ሓርነት ፍቐደሎም፤

> **ንሓውኻ ግና ስለምንታይ ኢኻ እትፈርዶ፤ ወይስ ስለምንታይ ኢኻ ንሓውኻ ዘጥፍእካዮ። . .ስለዚ ደጊም ንሓድሕድና ኣይንፈርድ። . .(ሮሜ 14:10 ከምኡውን 13)**

**ንሓርነት ብፍቕሪ ገደብ ግበረሉ፤**

መሰረታዊ መልእኽቲ ሮሜ 14፥13-15፥2፡ ክርስትያናዊ ናጽነት ብፍቕሪ ክድረት ኣለዎ፡

> ***ከምቲ ጽሑፍ፡ ጸርፊ እቶም ዝጸረፉኻ ኣባይ ወደቐ፡ ዚብል፡ ክርስቶስ ድማ ንርእሱ ባህ ዜብል ኣይደለየን እሞ፡ ነፍሲ ወከፍና፡ ንብጻዩ ምእንቲ ኺሃንጾ፡ ብሰናይ ነገር ባህ የብሎ። (ሮሜ 15 ፥ 2)***

ንኻልኦት ኣመንቲ ክሳብ ክንድዚ ክትሓልየሎም ይግባእ፣ ንገዛእ ርእሰኻ ብፍቕሪ ኣካይዳኻ ክትድርቶ ይግባእ። ብመንፈስ ዜዐንቅፎም ነገር ከይትገብር ኣዚኻ ክተፍቅሮም ይግባእ፤

> ***ስለዚ ኣብ ንሓድሕድና ኣይንፍረድ። ሓደ እኳ ንሓዉ መዓንቀፊ ወይስ መሓንኰሊ ኸይገብረሉ ግዳ፡ እዚ ፍረዱ። (ሮሜ 14 ፥ 13)***

**ኩሉ ገበናት ምፍታሕ፤**

ሓደ ሓው ብኻልእ ኣማኒ ምስ ተዓንቀፈ፡ ማቴዎስ 18፥15-17 ንኽምዚ ዝኣመሰለ በደላት ንምፍታሕ ዝሕግዝ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ቀመር ትህብ፤

*ሓውካ እንተ በደለካ፡ ኪድ፡ ንስኻን ንሱን ኣብ በይንኹም ግንሖዮ። እንተ ሰምዓካ፡ ንሓውካ ረቢሕካዮ። እንተ ዘይሰምዓካ ግና፡ ብኣፍ ክልተ ወይስ ሰለስተ ምስክር ኵሉ ነገር ኪጸንዕ፡ ሓደ ወይ ክልተ ምሳኻ ውሰድ።ንኣታቶም እንተ ዘይሰምዖም ከኣ፡ ንማሕበር ንገራ። ነታ ማሕበር እንተ ዘይሰምዓ ግና፡ ከም ኣረማን ከም ተጋውን ርኣዮ። (ማቴ 18:15-17)*

ሓደ ሓው ምስ በደልካ ክትክተሎም ዘለካ ስጉምትታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፤

1. ነቲ ጉዳይ ንምፍታሕ ብብሕቲ ናብኡ ኪድ። ብዛዕባ እቲ በደል ንኻልኦት ኣይትዛረብ። ብቐጥታ ናብቲ ዘበደለካ ኬድካ ነቲ ጉዳይ ክትፈትሖ ፈትን። ጸልዩን ነቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ብሓባር መርምሩን።

2. እንተ ዘይሰምዓካ፡ ሓደ ወይ ክልተ ምስክር ሒዝካ እንደገና ፈትን። እቶም መሰኻኽር ዘይሻራዊ ኣመንቲ ክኾኑ ይግባእ። ሽማግለታት ወይ መራሕቲ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ጽቡቕ ምርጫ ይኸውን። መሰኻኽር ሒዝካ ናብ ሓውካ ኪድ እሞ እንደገና ነቲ ጸገም ብዝምልከት ብሓባር ክትዘራረቡን ክትጽልዩን ቅዱሳት መጻሕፍቲ ክትፍትሹን ፈትኑ።

3. ነቲ ጉዳይ ኣብ ቅድሚ ምሉእ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ውሰዶ። ምስክር ሒዙ ናብ ሓውኻ ድሕሪ ምኻድ ጌና ነቲ ጉዳይ ምፍታሕ እንተኣቢዩ፡ ነቲ ጉዳይ ኣብ ቅድሚ ምሉእ ኣካል ቤተ ክርስቲያን ውሰዶ። እዚ ድማ ኣብ ግቡእ ግዜ ክግበር ይግባእ። ኣብ ስሩዕ ኣገልግሎት ኣምልኾ ወይ ዘይኣመንቲ ኣብ ዘርክቡሉ እዋን ኪግበር የብሉን። ድሕሪ ምስማዕ እቲ ጉዳይ ውሳኔ ቤተ ክርስቲያን ተኸቢሩ እቲ ፀገም ክፍታሕ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ እቲ ዝበደለ ወገን ከም ኣረማውያንን ዘይኣመንትን እዩ ዝዋሳእ ዘሎ ማለት እዩ።

**ጽማቕ ሓሳብ፡ ኣመንቲ ክፈላለዩ ከለዉ**

እዚ ዝስዕብ ሰንጠረዥ ኣመንቲ ኣብ ኣተሓታተቲ ተግባራት ብዝምልከት ክፈላለዩ ከለዉ ክኽተልዎ ዘለዎም መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ብሓጺሩ የቕርብ፤

| |
|---|
| **ኣመንቲ ክፈለለዩ ከለዉ** |
| ሮሜ 14-15፥2 ን ማቴ 18፥15-17 |
| ኣብ መንጎ ጉድያት ትእዛዛትን ናጽነትን ፍልልይ ምግባር |
| ናይ ገዛእ ርእስካ ምትምእምማን ኣማዕብል |
| ንካልኦት እምነቶም ንምውሳን ፍቃድ ምሃብ |
| ንሓርነት ብፍቅሪ ግበሮ |
| ኩሉ ገበናት ምፍታሕ |

***ርእሰ ገምጋም***

1. **ነታ መሪሒ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ጽሓፉ።**

2. "**ኣተሓተትቲ ተግባራት**" **ዝብል ቃል እንታይ ማለት እዩ**?

3. **ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ኣተሓተትቲ ተግባራት ንምግጣም ዝተዋህበ ዓሰርተ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ዘርዝር፤**

4. "**ዝደኸመ ሓው**" **ዝብል ቃል እንታይ ማለት እዩ**?

5. "**ዝሓየለ ሓው**" **እንታይ ማለት እዩ**?

6. **ኣብ መንጎ ኣመንቲ ንዘጋጥም ዘይምርድዳእ ንምፍታሕ ዝሕግዙ ሓሙሽተ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ዘርዝር፤**

7. **ብኻልእ ኣማኒ ምስ ተቐየመካ ትወስዶም ሰለስተ ስጉምትታት እንታይ እዮም፧**

(**መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።**)

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

**ንገዛእ ህይወትካ ብጸሎት መርምሮ። ኣብዚ እዋን እዚ እትዋፈረሉ ወይ እትሓስበሉ ዘለኻ ኣተሓታቲ ተግባራት ዝርዝር ኣውጽእ።**

**ነፍሲ ወከፍ ካብዚኦም ብመንጽር ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዋህበ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ኣብዚ ዝስዕብ ሰንጠረዥ ተጠቒሊሉ መርምሮ፤**

| ኣብ ኣተሓተቲ ተግባራት ውሳነ ምውሳድ | |
|---|---|
| **ንርእስኻ ዝሕተት. . .** | **መወከሲ ቃል ኣምላኽ** |
| ንኣምላኽ የኽብር ድዩ? | 1ቆረ10፥31 ቆሌ 3፥17,23 |
| እንታይ እዩ ድረኽትካ? | ያእ 4፥3 |
| ኣገዳሲ ድዩ? | 1ቆረ6፥12 |
| መንፈሳዊ ዕብየት ይውስኽ ድዩ? | ማር4፥18 ሊቃ8፥14 እብ12፥1 |
| ናብ ባርነት ዝእቱ ልምምድ ድዩ? | 1ቆረ6፥12 |
| ዘሰማምዕ ድዩ? | 2ቆረ6፥17 |
| ናብ ፈተና ዝእቱ ድዩ? | ያእ1፥13-15 |
| ክፍኣት ናይ መልክዕ ኣለዎ ድዩ? | 1ተሰ5፥22 |
| ንሕልናኻ ይጥሕስ ድዩ? | ሮሜ14፥23 |
| ንኻልኦት ብኸመይ ይጸልዎም ? | ሮሜ14፥19,21 1ቆረ8፥13, 10:23 |

# ምዕራፍ ቅሸዓተ

# መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣገባብ ንምውሳን

***ዕላማታት፤***

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፍ ኢኻ።
- ዕላማ ናይ እዚ ንድፌ/ሞደል ክትገልጽ ኢኻ።
- ኣገዳስነት ናይ ሞደል ኣብ ውሳነ ምውሳድ ክትገልጽ ኢኻ።
- መጽሓፍ ቅዱሳዊ ንድፌ/ሞደል ተጠቒምካ ንምርጫታት ጥበብ ዝመልአ ውሳነ ክትወስድ ክትጥቀም ኢኻ።

***መሪሕ ጥቕሲ፤***

***ልቢ ሰብ መገዱ ይምድብ፡ ንስጉምቱ ግና እግዚኣብሄር እዩ ዜቃንዖ። (ምሳ 16፡9)***

## *መእተዊ*

ኣብዚ ምዕራፍ ንምውሳን ዝኽእሉ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ንድፌ/ሞደል ክንሪኢ ኢና። ንድፌ/ሞደል ናይ ገለ ነገራት ኣብነት እዩ። ዕላምኡ ድማ ክትሰዕብዎ እትኽእሉ ኣብነት ንምቕራብ እዩ። ውሳነ ምርጫ እዩ። ኣብ ሓቀኛ ናይ ህይወት ኩነታት መልሲ ክህልወካን፡ እንታይ ስጉምቲ ከም እትወስድ ክትመርጽን ኣለካ። እዚ ድማ ምውሳን ይበሃል። ንውሳነ ዝኸውን ንድፌ/ሞደል ክንወስድ ከለና ክንክተሎ ዘለና ኣብነት ይህበና። ህይወት መወዳእታ ዘይብሉ ተኸታታሊ ምርጫታትን ውሳነታትን እዩ። ምርጫታት ምግባር ሓላፍነት እዩ። ብቐጻሊ ውሳነ ዘይምሃብ ንባዕሉ ውሳነ እዩ።

ኣብዚ ምዕራፍ እዚ ዝቐረበ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ንድፌ/ሞደል ኣብ ውሽጢ ፍቓድ ኣምላኽ ጥበብ ዝመልአ ምርጫታት ክትገብር ክሕግዘካ እዩ፤

***ልቢ ሰብ መገዱ ይምድብ፡ ንስጉምቱ ግና እግዚኣብሄር እዩ ዜቃንዖ። (ምሳ 16፡9)***

## እቲ ንድፌ/ሞደል

ኣብ ዝቕጽል ገጽ ንምውሳን ዝሕግዝ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሞዴል ኣጽንዕ። እቲ ሰንጠረዥ ኣብ ዝሓለፉ ምዕራፋት ዝተማሃርካዮ ብሓጺሩ ይገልጽ። ቀጺልካ ምይይጥ ብዛዕባ እቲ ንድፌ/ሞዴል ኣብ ዝተረፈ ናይዛ ምዕራፍ ምይይጥ ግበር።

## ንውሳነ ዝሕውን መጽሓፍ ቅዱሳዊ ንድፊ/ሞደል

መምርሒ ዝድለየሉ ጸገም፡ ሕቶ ወይ ናይ ህይወት ኩነታት ኣለሊ

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ብፍሉይ ትእዛዝ፡ ሓፈሻዊ መምርሒ ወይ ኣብነት ድዩ ተገሊጹ ዘሎ፧

እወ

**ዓምዲ I**

*ኣብ ትእዛዝ ቃል ኣምላኽ፡ መምርሒ፡ ወይ ኣብነት ተምርኲስካ ወስን*

ኣይፋል

**ዓምዲ II**

ኣተሓሳስባ ተግባር ድዩ፧

*ኣብ መልሲ ናይዞም ሕቶታት ተምርኲስካ ወስን*

ንኣምላኽ የኽብር ድዩ?

እንታይ እዩ ድረኸትካ?

ኣገዳሲ ድዩ?

መንፈሳዊ ዕብየት ይውስኽ ድዩ?

ናብ ባርነት ዝእቱ ልምምድ ድዩ?

ዘሰማምዕ ድዩ?

ናብ ፈተና ዝእቱ

ክፍኣት ናይ መልክዕ ኣለዎ ድዩ?

ንሕልናኻ ይጥሕስ ድዩ?

ንኻልኦት ብኸመይ ይጸልዎም?

ጸሊ፡ ብድሕሪኡ ውሳነ ውሰድ።

ዳኛ/መንጎኛ ሰላም መርምር

**ዓምዲ III**

ናይ ህይወት ኩነታት ድዩ፧

*እዞም ዚስዕቡ ስጉምትታት ውሰድ*

ጸልይ

መጽሓፍ ቅዱስ ኣጽንዕ

ድምጺ መንፈስ ቅዱስን ተኣምራታዊ መረሕነትን ስማዕ

ክርስትያናዊ ምኽሪ ድለ

ኩነታት መርምር

መጽሓፍ ቅዱሳዊ መፍትሒታት ተጠቀም

ውሳነ ውሰድ።

ዳኛ/መንጎኛ ሰላም መርምር

**ሰላም እንተዘይብልካ ነቲ ኣገባብ ተጠቒምካ ንጉይታ ምድላይ ቀጽሎ።**

## ነቲ ንድፊ/ሞደል ምጥቃም

**ኣብቲ ናይ ምውሳን ንድፊ/ሞዴል እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ፡ ነቲ መምርሒ ዝድለየሉ ጸገም፡ ሕቶ ወይ ናይ ህይወት ኩነታት ምልላይ እዩ። ቀጺልና፡ እቲ ጸገም ብትእዛዝ፡ ብኣብነት፡ ወይ ብሓፈሻዊ መምርሒ ዚፍታሕ እንተ ኸይኑ፡ ኣብቲ እተጻሕፈ ቓል ኣምላኽ ፈትሾ።**

**እወ**:

እቲ መልሲ "እወ ኣብቲ ዝተጻሕፈ ቃል ኣምላኽ ተተሓሒዙ ኣሎ" እንተኾይኑ፡ ሽዑ ነዚ ጽሑፋዊ ምግላጽ ተመርኲስካ ውሳነ ውሰድ። (ኣብቲ ኣገባብ ዓምዲ I ርአ) ። ውሳነኻ ምስ ቅዱሳት ጽሑፋት ዝሰማማዕ ምዃኑ ኣረጋግጽ።

**ኣይፋል፤**

እቲ መልሲ "ኣይፋል" እንተኾይኑ፡ ሽዑ ኣብ ትሕቲ ዓምድታት II ን IIIን ዘሎ ናይ ውሳነ ሞዴል ቀጽል።

ኣብዚ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይተሞርኮሰ ክልተ ምርጫታት ክትረክብ ኢኻ። እቲ ውሳነ ኣብ ኣተሓታተ ተግባራት ወይ ናይ ሓቂ ናይ ህይወት ኩነታት እዩ ክትፈልጥ ኣለካ።

**ኣተሓታቲ ተግባራት፤**

ኣተሓታቲ ተግባራት ብቅዱሳት መጻሕፍቲ ወይ ቅኑዕ ወይ ጌጋ ተባሂሉ ዘይተሓዝ ነገር እዩ። ምምራጽ መዘናግዒ ወይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት፡ ልምዲ፡ ዝፍቀድ መግቢ ወይ መስተ፡ ቅዲ ኣከዳድና፡ ወይ ከም እተምልኸሉ መዓልቲ ዜጠቓልል ኪኸውን ይኽእል እዩ።

እቲ ዘጋጥመካ ውሳነ ኣተሓታቲ ተግባራት ዘጠቓልል እንተኾይኑ፡ ኣብ ትሕቲ ዓምዲ II ኣብቲ ሞዴል ዝተዘርዘሩ ሕቶታት ንነብስኻ ሕተታ። እዚኦም ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ ዝተዘተየሎም ንኣታሓታቲ ኩነታት መምርሒ ዝኸውን መጽሓፍ ቅዱሳዊ መትከላት እዮም። ነፍሲ ወከፍ ካብዘን ሕቶታት መልስን ጸሊን፡ ድሕሪኡ ኣብቲ ሞደል ንዘሎ ሕቶታት ዝሃብካዮ መልሲ መሰረት ብምግባር ውሳነኻ ውሰድ።

**ናይ ህይወት ኩነታት፤**

ናይ ህይወት ኩነታት ንሓዳር ዚምልከት፡ ኣገልግሎት፣ ሞያ፣ መንበሪ፣ ምርጫ ኣብያተ ክርስቲያናት ወዘተ ውሳነታት ኬጠቓልል ይኽእል እዩ፣ ኣብዚ ዝተጠቕሱ ጥራይ ግን ኣይሕጸረን። እዚ ኩነታት እዚ ንመጻኢ ህይወትካ ብዓቢ መንገዲ ክጸልዎ ዝኽእል ምርጫ እዩ።

ኣብ ጉዳያት ህይወት ዝምልከት ውሳነታት፡ ኣብ የማናይ ሸነኽ ናይቲ ናይ ውሳነ ንድፊ/ሞደል ዓምዲ III ዘሎ ንታሕቲ ቀጽል። መጀመርታ ብዛዕባ እቲ ውሳነ ጸሊ። ንእግዚኣብሔር ፍቓዱ ኣብ ህይወትካ ዝተፈጸመ ክኸውን ለምኖ ። ቅኑዕ ውሳነ ንምሃብ ጥበብ ለምኖ። ቅኑዕ ውሳነ ንኽንገብር መምርሒ ስለ ዝሃበካ ኣመስግኖ። ካልኦት ምሳኻ ክጽልዩ ሕተቶም። ነቲ ቅዱሳት መጻሕፍትን ከተጽንዕ ከለኻ ኣብቲ ጽሑፍ ቃል ብኣምላኽ ዝተዋህበ ሙብጽዓታት መምርሒ ኣውጽም።

መንፈስ ቅዱስ ውሽጣዊ ድምጺ ጌሩ ፍቓድ ኣምላኽ ኣብ ልብኻ ክዛረብ ከሎ ስምዓዮ። ፍቓዱ እንተኹይኑ፡ ልዕለ-ባህርያዊ ምግላጽ ጌሩ ከፍልጠካ ሕተት። እዚ ኸኣ ሕልሚ: ራእይ: መላእኽቲ: ካብ ኣምላኽ ዚሰማዕ ድምጺ: ወይ ካልእ ምስ ቃል ኣምላኽ ዚሰማማዕ ፍሉይ ዓይነት መምርሒ ኬጠቓልል ይኽእል እዩ።

ክርስትያናዊ ምኽሪ ድለ። ነቲ ውሳነ ዚጸልዎ ኹነታት ተንትኖም። ኣብታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ እተማሃርካዮ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መፍትሕታት ከም መምርሒ ተጠቐም። (እዚኦቶም ኣብ ምሳሌ 3፡5-6 ይርከቡ) ። ኣብ ስምምዕነት ናይዞም ኣገባባት መሰረት ብምግባር ውሳነ ውሰድ።

## መንገኛ/ዳኛ ሰላም

ብፍሉይ ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ ትእዛዝ፡ መትከል ወይ ኣብነት ዘይተታሕዘ ውሳኔታት፡ መንገኛ መምርሒኻ ሰላም እዩ። ኣተሓተትቲ ተግባራት ወይ ናይ ህይወት ኩነታት ውሳነ ክትወስድ ከለኻ ኣብ መንፈስካ ሰላም ምስ ዘይህልወካ፡ ኣብቲ ሞዴል ዘሎ ስጉምትታት ተጠቒምካ ንጉይታ ምድላይ ቀጽል። ንምርጫኻ ዘረጋግጽ ሰላም ኣምላኽ ክሳብ ዝረኸብካ ናይ መወዳእታ ውሳነ ኣይትውሰድ።

ፈጺምካ ኣይትተሃወኽ

*ብእግዚኣብሄር ተሰፈ፣ በርትዕ፣ ልብኻ ቀዋ ይበል፣ ኣጆኻ፣ እወ፣ ብእግዚኣብሄር ተሰፋ ግበር። (መዝ 27 ፥ 14)*

*ትጽቢተይ ካብኡ እዩ እሞ፣ ነፍሰየ፣ ብኣምላኽ ጥራይ ሃዲእኪ ተጸበዪ። (መዝ 62 ፥ 5)*

*ንእግዚኣብሄር ሀዲእካ ተጸበዮ፣ በቲ ብመገዱ ዚሰልጠሉ፣ በቲ ሕሱም ሃቐና ዚፍጽም ሰብ ኣይትኹረ። (መዝ 37:7)*

*እቶም ንእግዚኣብሄር ዚጽበዩ ግና ሓይሎም ይሕደሱ፡ ከም ንስሪ በኽናፍ ይድይቡ፣ ይጐዩ እሞ ኣይሕለሉን፡ ይኸዱ እሞ ኣይደኽሙን። (ኢሳ 40፡31)*

ሳኦል ተሃዊኹ ውሳነ ወሰደ፡ ዋጋኡ ድማ እታ መንግስቲ ኩነት። ብዛዕባኡ ኣብ 1 ሳሙኤል 13 ክተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። ነህምያ ካብ ኣምላኽ መምርሒን ቅኑዕ ግዜን ተጸበየ፡ ኣካል ናይቲ ዳግመ ህንጸት መንግስቲ ድማ ኮነ። ታሪኹ ኣብ መጽሓፍ ነህምያ ክተንብብ ትኽእል ኢኻ።

## ርእሰ ገምጋም

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ጽሓፉ።

______________________________________________

______________________________________________

2. ዕላማ ንድፊ/ሞደል እንታይ እዩ?

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

3. ንውሳነ ዝኸውን ንድፊ/ሞደል እንታይ እዩ?

______________________________________________

______________________________________________

______________________________________________

(መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

ኣብዛ ምዕራፍ እዚኣ እተገልጸ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ንድፊ/ሞደል ተጠቒምካ፡ ብዛዕባ ሓደ ጸገም፡ ሕቶ፡ ወይ ናይ ህይወት ኹነታት መምርሒ ዜድልየካ ውሳነ ግበር።

# ምዕራፍ ዓሰርተ

# ፈቲንካን ፈሺልካንዶ፤

***ዕላማታት፤***

*እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ ነዞም ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤*

- *ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፍ ኢኻ።*
- *ንውድቀት ሰዒሮም ናብ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ዝተመልሱ ሰባት ኣብ ቃል ኣምላኽ ከተለሊ ኢኻ።*
- *ህይወቶም ብውድቀት ዝዛዘሙ ፍቓድ ኣምላኽ ዝሰሓቱ ሰባት ኣብ ቃል ኣምላኽ ከተለሊ ኢኻ።*
- *ምስ ወደቕካ ናብ ፍቓድ ኣምላኽ ንምምላስ ዚሕግዝ መምርሒታት ክትዝርዝር ኢኻ።*

***መሪሕ ጥቕሲ፤***

> ***ኦየ፣ ህዝበይ እንተ ዚሰምዓኒ፣ እስራኤልሲ ብመገደይ እንተ ዚኸይድ።*** *(መዝ 81 ፥ 13)*

## ***መእተዊ***

*ኣብዚ ኮርስ እግዚኣብሄር ፍቓዱ ንምሕባር ንሰብ ዝዛረበሉ ብዙሕ መንገድታት ተማሂርካ። ፍቓድ ኣምላኽ ከተስተውዕሎ ምስ ዘይትኽእል ግን እንታይ እዩ ዘጋጥም፧ ምናልባት ኮነ ኢልካ ድምጹ ዘይትእዘዝ ትኸውን። ምናልባት ብጌጋ ወይ ብዘይምርዳእ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ኣንፈቱ ተጋጊኻ ትኸውን። ምናልባት ብዘይ መሪሕነቱ ቀልጢፍካ ስጉምቲ ትወስድ ትኸውን። ፈቲንካ ምስ ፈሺልካን እንታይ ክትገብር ኣለካ?*

## ***ዓወታት ዝነበሩ ፍሽለታት***

*መጽሓፍ ቅዱስ ብዙሓት ኣብነታት ናይ ዓበይቲ መራሕቲ ኣብ ገለ እዋን ግና ድምጺ ኣምላኽ ክሰምዑ ስለ ዘይከኣሉ ፍቓዱ ዝሰኣኑን ዝሓዘ እዩ። እንተኾነ ግን እዞም ዝፈሸሉ ሰባት ዓበይቲ ዓወታት ኮይኖም፤*

***ኣብርሃም፦*** *ንሱ ሳራ ሰበይቱ ምኳና እንተተፈሊጡ ኸይቕተልን ኸይትምንጠልን ፈሪሑ ብዛዕባ ሰበይቱ ሓሲዩ። እንተኾነ ግና ናይ እምነት ሰብን ዓርኪ እግዚአብሔርን ይበሃል።*

***ሙሴ፦*** *ኣብ ክንዲ ከምቲ ኣምላኽ ዝእዘዞ ዝገብር፡ ነቲ ከውሒ ወቒዑ ማይ ክወጽእ ኣዚዙ ። ግን መጽሓፍ ቅዱስ ከም ሙሴ ዝኣመሰለ ዓቢ ነብዩ ተራእዩ ከም ዘይፈልጥ ይገልጽ።*

***ዳዊት፦*** *ምስ ሰበይቲ ካልእ ሰብኣይ ዘመወ፡ ድሕሪኡ ነቲ ሰብኣይ ንሓጥያቱ ኺሸፍን ኢሉ ኸም ዚቕተል ገበረ። ምስናይዚ ግን ዓቢይ ንጉስ እዩ ነይሩን ብእግዚኣቤሄር ከኣ ከም ልበይ ተባሂሉ ተጸዊዑ።*

***ዮናስ፡*** *እዚ ሰባኺ ኣብ ነነዌ ክሰብኽ ምስ ጸውዖ ኣንጻር መገዲ ኣምላኽ ዝኸደ እዩ። ጸኒሑ ድማ ኣብ ታሪኽ ዝዓበየ ተሃድሶ ሰበኸ ብእኡ ደማ እታ ከተማ ብምልእታ ተነሲሐት።*

**ጴጥሮስ፡** ንኢየሱስ ክሒድዎ እኳ እንተነበረ፡ ጸኒሑ ግን ኣብታ ቀዳመይቲ ቤተ ክርስቲያን ዓቢ መራሒ ኰነ።

## ፍሽለታት ዝነበሩ ውድቀታት

*መጽሓፍ ቅዱስ ውን ብዙሕ ኣብነታት ናይቶም ፍቓድ ኣምላኽ ዝሰኣኑን ህይወቶም ብውድቀትን ስዕረትን ዝዛዘሙ ሰባት ዝሓዘ እዩ፤*

***ሲምሶን፡-*** *ኣብ ህዝቢ እስራኤል ኣገዳሲ መሰፍን ዝነበረ፡ ካብ ኣምላኽ እውን ዓብዩ ኣካላዊ ሓይሊ ዝተዋህቦ ነበረ። ንእስራኤል ካብ ፍልስጥኤማውያን ጸላእቲ ክናግፎም ጀመረ። ምስ ሓንቲ ጣኦት ተምልኽ ሰበይቲ ብምትእስሳር ግን ሲምሶን ተማሪኹ፡ ገና ምሩኽ ጸላኢ ከሎ ሞተ።*

***ዑዝያ፦*** *እዚ ንጉስ እዚ ፈለማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ዝገበረ እዩ፡ ኣምላኽ ድማ ብልጽግና ገበሮ። ዑዝያ ግን ናብ ቤተ መቕደስ ብምእታው ካህናት ጥራይ ክገብርዎ ዝተፈቕደሎም ዕዮታት ብምፍጻም ሓጢኣት ገበረ። ብሕማም ለምጺ ተሃሪሙ ድማ ሞተ።*

***ሳኦል፦*** *ሳኦል ቀዳማይ ንጉስ እስራኤል፡ ብህዝቢ ዝፍተውን፡ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊኡ ዝዓረፈን ሰብ እዩ ነይሩ። ሳኦል ብምኽንያት ዘይምእዛዙ ብኣምላኽ ተነጸገ ካልእ ንጉስ ድማ ዕዮኡ ንምፍጻም ተመሪጹ። ህይወት ሳኦል ብውድቀትን ውርደትን ነብሰ ቅትለትን እዩ ተዛዚሙ።*

***ኤሊ፦*** *ፈለማ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ዓቢይ ካህን ዝነበረ ኤሊን ደቁን ብሰንኪ ዘይምእዛዝ ብሕሰራን ሞይቶም።*

***ይሁዳ፦*** *ይሁዳ ኣብ ምድራዊ ኣገልግሎቱ ወደ መዝሙር የሱስ እዩ ነይሩ። ዓበይቲ ተኣምራት ኢየሱስ ርእዩ ትምህርቱ ሰሚዑ እዩ። ምስናይዚ ግን ንየሱስ ጠሊሙ ንገዛእ ርእሱ ህይወቱ ብነብሰ ቅትለት ኣጥፍአ።*

## እቲ ፍልልይ ዘምጽእ እንታይ እዩ?

*ኣብ ገለ እዋን ህይወቶም ፍቓድ ኣምላኽ ከለልዩ ዘይከኣሉ ሰባት ሓያሎ ኣብ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነታት ዘርዚርና ኣለና። ገለ ካብዞም ሰባት እዚኣቶም ካብ ውድቀት ተመሊሶም ዓበይቲ ናይ ኣምላኽ ሰባት ኮይኖም ቀጸሉ። ካልኦት ድማ ኣንፈቶም ክቕይሩ ኣይከኣሉን። ህይወቶም ድማ ብውድቀት እዩ ተዛዚሙ። እቲ ፍልልይ ዘምጽእ እንይታ እዩ፧*

*ነዚ ሕቶ እዚ ንምምላስ፡ ህይወት ክልተ ነገስታት እስራኤል ማለት ዳዊትን ሳኦልን ብዝርዝር ንመርምር። መጀመርታ ዳዊት ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ምውጽኡ ዝገልጽ ዛንታ ኣብ 2ይ ሳሙኤል ምዕራፍ 11-12 ኣንብብ። ድሕሪኡ ዛንታ ውድቀት ሳኦል ኣብ ቀዳማይ ሳሙኤል ምዕራፍ 15 ኣንብብ።ናይ ዳዊት ውድቀት ካብ ናይ ሳኦል ኣዝዩ ዝዓበየ ይመስል። ሳኦል ኣምላኽ ከምኡ ኽይገብር ነጊርዎ ከሎ፡ ካብ ውግእ ከም ምርኮ ገለ ኣብዑር ሒዙ መጺኡ።*

*ዳዊት ምስ ሰበይቲ ካልእ ሰብኣይ ዘመወ። ምስ ጠነሰት ነቲ ሓጢኣት ንምሽፋን ንምፍታን በዓል ቤታ ከም ዝቕተል ገበረ። ሳኦል ብኣምላኽ ካብ ንግስነት ተነጺጉ፡ ዳዊት ግና ኣብ ዝፋን ጸኒሑ ከም ልቢ ኣምላኽ ተባሂሉ። ህይወት እቲ ሓደ ሰብኣይ ብውድቀት ክውዳእ ከሎ፡ እቲ ካልእ ድማ ናብ ናይ መጻኢ ዓወታት ዝኸይድ ዝነበረ ስለምንታይ እዩ?*

*ነብዩ ሳሙኤል ንሳኦል ብዛዕባ ሓጢኣቱ ምስ ረኸቦ፡ ሳኦል ከምዚ በለ። . .*

***. . .ኦቶም ህዝቢ ፈሪሄ ቃሎም ሰለ እተኣዘዝኩ፡ ንትእዛዝ እግዚኣብሄርን ንዘረባኻን ሐሊፈ እየ እሞ፡ ሐጢእኩ።***

***ንሱ ድማ፡ ሓጢእኩ፡ ሕጂ በጃኻ ኣብ ቅድሚ ዓበይቲ ህዝበይን ኣብ ቅድሚ እስራኤልን ኣኽብረኒ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኽሰግድሲ ምሳይ ተመለስ፡ በሎ። (1ሳሙ 15፥24ን 30ን)***

ሳኦል ኣብ ሓጢኣቱ ተታሒዙ ተኣመነ፡ ንሱ ስለ ዝተታሕዘ ጥራይ ግን ተጣዒሱ። ብሓጢኣት ምሕዛን እኹል ኣይኮነን። ሓዘን ናብ ንስሓ ክበጽሕ ኣለዎ፤

***ማለት፥ ኀዚ ኸም ፍቓድ ኣምላኽሲ ንምድሓን ዚኸውን ዘይትጠዓሰሉ ንስሓ የምጽእ፡ ኀዚ ዓለም ግና ሞት እዩ ዘምጽእ። (2ቆሮ 7፥10)***

ሳኦል ከም ዝፈሸለ እኳ እንተ ተኣመነ፡ ኣብ ውድቀቱ ግን ንኻልኦት ሰባት ወቐሰ። ንሱ ሳሙኤል ኣብ ቅድሚ መራሕቲ ከኽብሮ እሞ ከይሓፍር እዩ ዝደሊ ነይሩ።  ገና መንፈሳዊ ሰብ ምኻኑ ንሰባት ንኽርእዮም ሳሙኤል ምስኡ ንኣምላኽ ኪምልኽ ደለየ።

ሳኦል ንሓጢኣቱ ንኣምላኽ ተናዚዙ፡ ተጣዒሱ፡ ይቕረታ ኣይሓተተን።  ነቲ ተግባራቱ ብሕታዊ ሓላፍነት ምቕባል ኣብዩ። ኣምላኽ ንስሓ ኣብ ዝደልየሉ እዋን ንኣምላኽ ኣምልኾ ኣቕረበ። ሳኦል ካብ ምስ ኣምላኽ ዝነበሮ ርክብ ንላዕሊ ብዛዕባ እቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዝነበሮ ዝና እዩ ዘገድሶ ነይሩ። በዚ ምኽንያት እዚ ሳሙኤል ንሳኦል ከምዚ በሎ።

***. . .እግዚኣብሄር ሎሚ መንግስቲ እስራኤል ካባኻ ቐዲዱ፡ ካባኻ ንዚሐይሽ ብጻይካ ሀቦ። (1ሳሙ 15፥28)***

እታ መንግስቲ ካብ ሳኦል ተመንጢላ  ንዳዊት ተዋህበቶ።

ነብዩ ናታን ንዳዊት ብዛዕባ ሓጢኣቱ ምስ ረኸቦ፡ ዳዊት ብኡንብኡ ኣሚኑ፤

***...ንእግዚኣብሄር በደልኩ፡ በሎ...(2ይ ሳሙ 12፥13)***

ንኻልኦት ኪወቅስ ኣይፈተነን። ንባትሴባ ኣይወቐሳን። ውድቀቱ ተኣሚኑን ብትሕትና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተነስሐ።

ናይ ዳዊት ዓቢ ናይ ንስሓ ጸሎት ኣብ መዝሙር 51 ተመዝጊቡ ኣሎ።ነዚ ምሉእ መዝሙር ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ኣንብቦ። ዳዊት ንሓጢኣቱ ኣሚኑ ይቕረታ ሓተተ፤

***ኣበሳይ እፈልጥ እየ እሞ፡ ሓጢኣተይ ወትሩ ኣብ ቅድመይ እዩ።***

***ብኣኻ ጥራይ እየ በዲለ ኣብ ቅድሜኻ እዚ ክፉእ ገበርኩ። . .***

***ዎ ኣምላኽ ኣባይ ንጹህ ልቢ ፍጠረለይ፤ ኣብ ውሽጠይ ድማ ቅኑዕ መንፈስ ኣሐድሰ። (ክፋላት መዝሙር 51።)***

ሳኦልን ዳዊትን ግጉይ ምርጫታት ገበሩ። ዳዊት ብዛዕባ ጌጋኡ ምስ ትረኽበ፡ ተነሲሑ ኣንፈቱ ቀየረ። ሳኦል ከምኡ ኣይገበረን። ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ርሒቑ፡ ህይወቱ ብውድቀትን ስዕረትን ነበሰ ቅትለትን ተዛዚሙ።

## ፈቲንካን ፈሺልካንዶ፧

ፍቓድ ኣምላኽ ምስ ሰኣንካ ናብ ፍቓድ እግዚኣብሄር ክትምለስ ዘኽእለካ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ኣሎ። ነዚ መምርሒታት እዚ ንምርኣይ ናይ ዮናስ ኣብነት ክንጥቀም ኢና። ቅድሚ ናብዚ ትምህርቲ ምቕጻልካ መጽሓፍ ዮናስ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ኣንብብ።

የናስ ኑቶም ሓጥኣን ህዝቢ ነነዌ ከይዱ ንስሓ ክሰብኽ ብጎይታ ተኣዚዙ። ንኣምላኽ ኣብ ክንዲ ዚእዘዝ፡ ብኣንጻሩ ኣንፈት እዩ ዘምርሐ። የናስ ናብ ፍቓድ ኣምላኽ ንምምላስ እዞም ዝሰዕቡ ስጉምትታት ወሲዱ። ውድቀት ከጋጥመካ ከሎ ክትወስዶም ዘለካ ስጉምትታት እዞም ዝሰዕቡ እዮም፤

**ውድቀትካ ተረዳእ፤**

ንየናስ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጻኢ ምዃኑ ንኽረትዕ፡ ኣብ ባሕሪ ዓቢ ህቦብላ ኣልዓለ። (የናስ 1:2) ርግጸኛ ኩን፦ ኣምላኽ ፍቓዱ ምስ ኣምለጠካ ዚሕብረካ መገድታት ኣለዎ!

ፍቓድ ኣምላኽ ከም ዝሰኣንካ ክሳብ ዘይተረዳእካ፡ ናብ ፍቓዱ ክትምለስ ፈጺምካ ኣይትኽእልን ኢኻ።
ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ውድቀትካ ካብ ምእማን ክዓግተካ ኣይትፍቀደሉ። ገለ ካብቶም ልሙዳት ዝበሃሉ እነሆ፡

"ሰባት ኣብ ልዕለይ እምነት ክሰእኑ እዮም።"
"ውድቀት እንተተኣሚነ ተጋጊየ ምንባረይ ምእማን'ዩ።"
"ድሮ ፈሺለ ኣለኹ። ከምኡ ውን ተሰፋ ክቖርጽ ይኽእል እየ።"
"ኣዝዩ ደንጉዩ'ዩ"።
"ኣነ ሕማቅ ኣብነት እየ፡ ስለዚ ጥራይ ክገድፎ ይግባእ"።
"ነገራት ንሓዋሩ ከዐርዮም ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ኣዝየ ዝረሓቕኩእየ ።"
"ፍቓድ ኣምላኽ እኳ ዳግማይ ክረክብ እንተኽኢለ ኣይፈልጥን እየ።"

**ካብ ሓጢኣትካ ተነሳሕ፤**

ናይ የናስ ዓቢ ናይ ንስሓ ጸሎት ኣብ የናስ ምዕራፍ 2 ተመዝጊቡ ኣሎ። የናስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንሓጢኣቱ ኣሚኑ ተነሲሑ ይቕረታ ሓተተ። ፍቓድ እግዚአብሔር ምስ ሰሓትካ፡ ብንስሓ ኣብ ቅድሚ እግዚአብሔር ቀሪብካ ንኣምላኽ ይቕረ ክብለልካ ለምኖ። ንነብስኻ እውን ይቕረ ምባልካ ኣረጋግጽ! ንህይወት ካልኦት ዝጸለዎ እሞ ይቕረታኦም ምሕታት የድልየካ እንተዘይኮይኑ፡ ብግልጺ ንስሓ ምግባር ኣድላዪ ኣይኮነን፡ ኣብ ቅድሚ እግዚአብሔር ንስሓ ምግባር የድሊ።

**መበገሲት ነጥቢ ኣለሊ፤**

ብጸሎትን ፣ብጽሑፍ ቃል ኣምላኽን፡ ብመምርሒ መንፈስ ቅዱስን ኣቢልካ ፍቓድ ኣምላኽ ዝሰሓትካሉ ነጥቢ ኣለሊ። ኣብ ጉዳይ የናስ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ዝወጻሉ ካብ ነነዌ ብኣንጻር ኣንፈት ምስ ከደ ከም ዝጀመረ ኣስተውዒሉ።

**ነቲ ጌጋ ንምእራም ተመለስ፤**

ናብቲ መበገሲ ቦታ ተመሊስካ ነቲ ጌጋ እንተ ተኻኢሉ ኣርሞ። የናስ ውድቀቱ ካብ ነነዌ ብኣንጻር ኣንፈት ብምኻድ ከም ዝጀመረ ምስ ፈለጠ፡ ኣንፈቱ ገልበጠ። ናብ ነነዌ ከደ። ስሕተቱ ኣሪምዎ (የና 3፡3) ።

ሓደ ሓደ ግዜ ጌጋ ንምእራም ብዘይካ ንስሓ ዋላ ሓንቲ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ። ኣብቲ ብዛዕባ ዳዊት ዝዘተናሉ ኣብነት፡ ምስ ባትሴባ ዝገበሮ ሓጢኣት ድሕሪ ምፍጻሙ ዋላ ሓንቲ ክገብር ኣይከኣለን። እቲ ጌጋ ድሮ ተፈጺሙ ነይሩ። ብዘይካ ንስሓ ክእርሞ ዝኽእል ነገር ኣይነበረን። መኣረምታ ስጉምቲ ክትወስደሉ ኣብ እትኽእለሉ ኩነታት ግን ክግበር ኣለዎ።

**ምግላጽ . .ሓድሽ ኣንፈት ካብ ኣምላኽ ድለዩን ተግብሩን፡**

ውድቀትካ ምስ ተኣመንካ፡ ይቕረታ ምስ ሓተትካ፡ መበገሲ ነጥቢ ምስ ወሰንካ፡ ዝከኣል ጌጋታት ምስ ኣረምካ፡ ሓድሽ ኣንፈት ንምርካብ ካብ ጉይታ ድለ። ድምጺ ኣምላኽ ንምስማዕ ዝኽልክል ዝኾነ ይኹን ዕንቅፋት ኣወግድ። እዚ ኸኣ ሓጢኣት፡ ናዕቢ፡ ርእሰ-ፍቓድ፡ ከምኡውን ግጉይ ኣረኣእያ ኼጠቓልል ይኽእል እዩ። ነቲ ዝተጻሕፈ ቓሉ ብምጽናዕን ብምጽላይን መንፈሳዊ እዝንኻ ድምጺ ኣምላኽ ንኽሰምዕ ምልምማድ ቀጽል።

ዮናስ ሓድሽ ኣንፈት ንኣምላኽ ክደሊ ከሎ ጉይታ ንኻልኣይ ግዜ ተዛረቦ እሞ "ተንስእ ናብ ነነዌ ኺድ" (ዮና 3፡1-2) በሎ። ኣብዚ ግዜ እዚ ዮናስ ንድምጺ እግዚኣብሄር ተኣዘዘ። ናብ ነነዌ ከይዱ መልእኽቲ ኣምላኽ ሰበኸ። ኣብ ታሪኽ ዝዓበየ ትንሳኤ ኣጋጢሙ። እታ ከተማ ብምልእታ ተነሲሓ (ዮናስ ምዕራፍ 3) ።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ከም ዮናስ ዝኣመሰሉ ሰባት ዚገልጽ ብዙሕ ዛንታታት ዝሓዘ እዩ። እዞም ሰባት እዚኦም ፈሺሎም ግን ናቶም ውድቀት ብምእማን ይቕረታ ሓተቱ። ከምኡ ምስ ገበሩ፡ ኣምላኽ ወትሩ ይቕረ ይብለሎምን ሓድሽ ኣንፈት ይህቦምን ነበረ። ንዓኻ እውን ከምኡ ክገብረልካ እዩ! እግዚኣብሄር ንዝሓለፈ መዝገብካ ኣይኮነን ዝጥምት ዘሎ። ከምቲ ዘለኻዮ ጌሩ ኣይኮነን ዝጥምተካ ዘሎ። ንድምጺ ኣምላኽ ምስ ተኣዘዝካ ክትኮኖ እትኽእል ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ጌሩ እዩ ዚርእየካ ዘሎ።

**መጠቓለሊ**

እዚ ዝስዕብ ሰንጠረዥ ፍቓድ ኣምላኽ ክትስሕት ከለኻ ክትክተሎ ዘለካ መጽሓፍ ቅዱሳዊ መምርሒታት ብሓጺሩ የቕርብ፤

| **ፍቓድ ኣምላኽ ምስ ትስሕት** |
| --- |
| ውድቀትካ ተረዳእ |
| ካብ ሓጥያትካ ተነሳሕ |
| መበገሲ ነጥቢ ኣለሊ |
| ነቲ ጌጋ ንምእራም ተመለስ |
| ምግላጽ . .ሓድሽ ኣንፈት ካብ ኣምላኽ ድለዩን ተግብሩን፡ |

## ርእሰ ገምጋም

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ካብ ዝኽሪ ጽሓፉ።

___

___

___

2. ኣብ ልዕሊ ውድቀቶም ተዓዊቶም ናብ ፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ዝተመልሱ ሰለስተ ዓበይቲ ሰባት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ኣለልዩ።

___

___

___

3. ፍቓድ ኣምላኽ ዝሰሓቱን ህይወቶም ብውድቀት ዝዛዘሙን ሰባት ሰለስተ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነታት ኣለልዩ፤

___

___

___

4. ምስ ፈሸልካ ናብ ፍቓድ ኣምላኽ ንምምላስ ዝሕግዙኻ ሽዱሽተ መምርሒታት ዘርዝር፤

___ ___

___ ___

___ ___

(መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)

## ንተወሳኺ መጽናዕቲ

1. ኣብ ሉቃ 15፥11-32 የሱስ ብዛዕባ ሓደ ኣቡኡ ገዲፉ ናብ ዘይፈልጦ ሃገር ክነብር ዝኸደ መንእሰይ ኣዘንተወ። ነዚ ዛንታ እዚ ብጥንቃቐ ኣጽንዕዎ ብፍላይ እቲ ብዛዕባ እቲ ወዲ ናብ ቤት ኣቦኡ ምምላሱ ዝገልጽ ክፋል። ንሱ ኣብዚ ምዕራፍ ዝተዘተየሎም መምርሒታት ምእራም ውድቀት ከም ዝሰዓበ ክትረክብ ኢኻ።

2. ኣብነታት ናይዞም ዝስዕቡ፡ ኣብ ገለ እዋን ህይወቶም ፍቓድ ኣምላኽ ዝሰሓቱ ሰባት ኣጽንዕ። ኣየኖት እዮም ውድቀቶም ዘዐረዩ? ውድቀቶም ናብ ዓወት ዝቐየሩ ብኸመይ እዮም፧ ኣየኖት እዮም ውድቀቶም ዘይኣረሙ? እንታይ ውጽኢቱ ኩነ፧

| | |
|---|---|
| ኣብርሃም፡ | ዘፍጥረት 20-21 |
| ሙሴ፡ | ዘጸኣት፤ ግብሪ ሃዋርያት 7:20-44 እውን ርአ |
| በላዓም፡ | ዘሁልቍ 22 |
| ዑዝያ፡ | ካልኣይ ዜና መዋእል 26 |
| ሲምሶን፡ | መሳፍንቲ 13-16 |
| ዳዊት፡ | ካልኣይ ሳሙኤል 11-12፤ መዝሙር መዝሙር 51። |
| ሳኦል፡ | ቀዳማይ ሳሙኤል 8-15 |
| ዮናስ፡ | መጽሓፍ ዮናስ |
| ጴጥሮስ፡ | ማቴዎስ፡ ማርቆስ፡ ሉቃስ፡ ዮሃንስ፡ ግብሪ ሃዋርያት |
| ዮሃንስ ማርቆስ፡ | ግብሪ ሃዋርያት 12:12, 25፤ 15 ፡ 39፤ 2ይ ጢሞቴዎስ 4፥11 |

ኣብዚ ዝርዝር እዚ፡ ካብቲ ናይ ገዛእ ርእስኻ መጽናዕቲ ቃል ኣምላኽ ካልእ ኣብነታት ክትውስኽ ትኽእል ኢኻ።

3. የሱስ ብዛዕባ ፍቓድ ኣምላኽ ክልተ ኣገደስቲ ምሳሌታት ነጊሩ እዩ። ሉቃስ 12:42-48 ከምኡውን ማቴዎስ 21:28-32 ኣጽናዕ እሞ ነቲ እተማሃርካዮ ኣጠቓሊልካ ኣቕርቦ።

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

______________________________________________________________________________

# ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ

# ፍቓድ ኣምላኽን ስቓይን

***ዕላማታት፤***

*እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ እዞም ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤*

- *ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፍ ኢኻ።*
- *ንሓሙሽተ ምኽንያታት ስቓይ ኣለሊ።*
- *ፍቓድ ኣምላኽ ስቓይ ኬስዕብ ከም ዚኽእል ክተለሊ ኢኻ።*
- *ኣብ ውሽጢ ፍቓድ ኣምላኻ ከምኡ ድማ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጻኢ ኮንካ ትሳቐዮ ፈላሊኻ ክትርኢ ኢኻ።*
- *ኣወንታዊ ረብሓታት ናይ ኣብ ውሽጢ ፍቓድ ኣምላኽ ኮንካ ትሳቐዮ ስቓይ ትዝርዝር ኢኻ።*

***<u>መሪሕ ጥቕሲ፤</u>***

> ***ስለዚ እቶም ከም ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኖም ሓሳረ መከራ ዘጸግቡ ዘለዉ፡ ሰናይ እናገበሩ ንነፍሶም ኣብቲ እሙን ፈጣሪ ደኣ የማሕጽንዋ። (1ይ ጴጥ 4፡19)***

***<u>መእተዊ</u>***

*ድምጺ ኣምላኽ ሰሚዕካ። መምርሒ ደሊኻ፡ ተዋሂቡካ፡ በቲ ኣምላኽ ዝሕብሮ መሰረት መንገዲ ህይወት ተበጊስካ። ከም ውጽኢት ናይዚ ውሳነ ግን ጸገማት የጋጥመካ፡ ካብቲ ንስኻ እትጽዓዘሉ ሓድሽ መንገዲ "ፍቓድ ኣምላኽ" ብኻልእ መንገዲ ህይወት እንተትኸይድ ድማ ኣይምኾነን ነይሩ።*

*ብሓቂ ድምጺ ኣምላኽ ሰሚዕካ ዲኻ ወይስ ተጋጊኻ ኢኻ? እዚ ከበድቲ ተመኩሮታት እዚ ፍቓድ ኣምላኽ ዘይምግባርካ ምልክት ድዩ? ኣምላኽ ነቲ ኣብ ውሽጢ ፍቓድ ኣምላኽ ብጽድቂ ዝነብር ሰብ ስቓይ ክመጽእ የፍቅድ ድዩ?*

*የሱስ ኣብዚ ምድሪ ኮይኑ ብዛዕባ እቲ ኣብ መስቀል ክገጥሞ ዘለዎ ስቓይ ክዛረብ ከሎ ብዙሓት ሰዓብቱ ገዲፎምዎ እዮም (ዮሃ 6፡55-66) ። እቲ መሲሕ ብሓይልን ብኽብርን ኪገዝእ እቶም ዚጽበዩ ነይሮም። የግዳስ ብዛዕባ ስቓይ እዩ ተዛሪቡ። ክርድእዎ ስለዘይከኣሉ፡ ንድሕሪት ተመልሱ።*

*ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ዚተሓሓዝ ስቓይ እንተዘይተረዲእካዮ፡ ሽዑ ንስኻ እውን ከቢድ ኹነታት ኬጋጥመካ ኸሎ፡ ንየሱስ ካብ ምኽታል ክትምለስ ትኽእል ኢኻ። ኣምላኽ ስቓይ ኣይፈጠረን። ፈለማ ብኃጢኣት ሰብ እዩ ናብ ዓለም ዝኣተወ (ዘፍጥረት 3) ። እግዚኣብሄር ግን ነቲ ንኽፉእ ዝተሓሰበ ወሲዱ ንዕላማታቱ ንምፍጻም ንጽቡቕ ክጥቀመሉ ይኽእል እዩ።*

## *ምኽንያታት ስቓይ*

*መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ስቓይን ጸገማትን መከራን ብዙሕ ዚብሎ ኣለዎ። ብምጥቕላል እንተርኢናዮ፡ ስቓይ ናብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ክመጽእ ዝኽእለሉ ሓሙሽተ መገድታት ንረክብ፤*

**ኣብ ከባቢኻ ብዘለዉ፤**

*ስቓይ ብኻልኦት ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ኣቢሉ ክመጽእ ይኽእል እዩ። ዮሴፍ ናይዚ ዓይነት ስቓይ ሓደ ኣብነት እዩ። ዮሴፍ ብዘይ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣበሳ ብኣሕዋቱ ናብ ግብጺ ተሸይጡ፡ ብሰበይቲ ጶጢፋር ብሓሶት ተኣሲሩ፡ ቡቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝሕግዞም ዝነበረ ውን ተረሲዑ።*

*መልሲ ዮሴፍ ግን ከምዚ ነበረ . .*

> ***ኣምላኽ እዩ ህይወት ንምድሓን ቀቅድሜኹም ዝለኣኸኒ እሞ ናብዚ ስለ ዝሸጥኩምኒ ኣይትጕሃዩ ኣይትጨነቑ። ኣምላኽ ግና ኣብ ምድሪ ተረፍ ምእንቲ ኬትርፈኩም፡ ብዓብዪ ምድሓን ድማ ህይወትኩም ክትድሕን፡ ቀቅድሜኹም ለኣኸኒ። (ዘፍ 45፡5,7)***

**ኩነታት ህይወት፤**

*መከራ ዝመጸሉ ካልኣይ መንገዲ ብኹነታት ህይወት እዩ። እዚ ኸኣ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ፡ በቲ ኣብ መጽሓፍ ሩት ኣብነት ናእሚ ናይ ሰብኣያን ደቃን ዘጋጠመ ሞት ተመዝጊቡ ኣሎ።*

*የሱስ ክሳብ ዝምለስን ናይ መወዳእታ ጸላኢ ሞት ክሳብ ዘይተሳዕረን፡ ሞት ኣካል ህይወት እዩ። ሞት ብመበቀላዊ ሓጢኣት ሰብ ዝኣተወ ኮይኑ ኣብ ኩላትና ዝገጥም ባህርያዊ ኩነታት እዩ፣ ምኽንያቱ "ንሰብ ሓንሳእ ሞት ተሰሪዕዎ እዩ"* (እብ 9፡27) ።

**ኣገልግሎትካ፤**

*ሳልሳይ ምኽንያት መከራ ብሰንኪ እቲ ንጐይታ እትገብሮ ኣገልግሎት እዩ። ሓድሽ ኪዳን ብዛዕባ ምእንቲ ስሙ* (ግብ 9፡16) ፡ *ምእንቲ ክርስቶስ፡* (*ፊሊጺ* 1፡29) *ንመንግስቲ ኣምላኽ* (2ይ *ተሰሎንቄ* 1፡5)፡ *ንወንጌል* (2 *ጢሞቴዎስ* 1፡11-12)፡ *ንጽቡቕ ምግባር* (1ጴጥ 2፡19-20፤ 3፡17)፡ *ምእንቲ ጽድቂ* (1ጴጥ 3፡14)፡ *ከም ክርስትያን* (1ጴጥ 4፡15-16)፡ *ከም ፍቓድ ኣምላኽ ድማ* (1ጴጥ 4፡19) *ዝመጽእ ስቓይ ይዛረብ።*

*ሃዋርያ ጳውሎስ ካብ ኣገልግሎት ንዝመጽእ ስቓይ ኣብነት እዩ። ገሊኦም ሰባት ንስቓይ ከም ምልክት ውድቀት ወይ ዋሕዲ እምነት ገይሮም እዮም ዚርእይዎ። እዚ ሓቂ እንተኾይኑ ሃዋርያ ጳውሎስ እምነት ዘይነበሮ፡ ኣብ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን እቲ ዝዓበየ ውድቀት ምኾነ ነይሩ።*

*ጳውሎስ ኣብ ኤሲያ ከሎ ከምዚ ብምኳን ኣዝዩ ስለ ዝተጨፍለቐ፡ ካብ ህይወት ባዕላ ተሰፋ ቖበጸ* (2ቆሮ 1፡8) ። *ካብቲ ንኣመንቲ ብዘይካ ሰላምን ራህዋን ካልእ ቃል ዘይኣቱ ሕጉስ ወንጌላዊ ዝተፈልየ ምስሊ የቕርብ። ጳውሎስ መጀመርታ ብኣምላኽ ናብ ኣገልግሎት "ንዓቢ ነገር" ምስ ተጸውዐ ምእንቲ ጐይታ ኢሉ መከራ ከም ዝቕበል ተነጊርዎ እዩ* (ግብ 9፡16) ።

*ጳውሎስ ንመከራ ዝሃቦ ምላሽ "ንኹሉ ነገራት ከሲርካ ገለ ሰባት ናብ ክርስቶስ ምምጻእ" ዝብል እዩ ነይሩ። ንኣመንቲ "ሳላ ክርስቶስ ምእንታኡ መከራ ድማ ክትጸግቡ እምበር፡ ብእኡ ኽትኣምኑ ጥራይ ኣይኮነን ጸጋ ተዋሂብኩም ዘሎ"* (*ፊሊጺ* 1፡29) *ኢሉ ጽሒፉ።*

*ጳውሎስ በይኑ ኣይኰነን ምእንቲ ኣገልግሎት ዝሳቐ ነይሩ። ምሉእ ቤተ ክርስቲያን ኣብ ዘመነ ሓድሽ ኪዳን ስቓይ ኣጋጢምዋ እዩ* (ግብ 8) ። *እብራውያን ምዕራፍ* 11 *ገለ ኻብቲ እተጻወርዎ ጨካን መስጕጕቲ ዛንታታት መዝገባ ኣላ። ብዙሓት ካብዞም ናይ እምነት ሰባት ብሓይሊ እግዚኣብሔር ተናጊፎም እዮም። ገሊኣኦም ማዕጾ ቤት ማእሰርቲ ተኸፊቱ ድሕሪኡ ድማ ወጹ። ኣብ ሓዊ ዝቃጸል እቶናት ንሞት ተፈሪዶም እኳ እንተነበሩ በቲ ሃልሃልታ ከይተተንከፉ ወጺኦም እዮም።*

ገለ ካብዞም ኣመንቲ፡ ናይ እምነት ሰብኡትን ኣንስትን ተባሂሎም ዝጽውዑ ግና ምንጋፍ ኣይረኸቡን። ብሰንኪ ናይ ወንጌል ምስክርነቶም ተኣሰሩ፡ ተሳቐዩ፡ ተገርፉ ሕሉፍ ሓሊፉ እውን ተሰዊኦም እዮም (እብ 11፡36-40) ። ኣብ ህያው እምነት ኢና ነተኩር እምበር እግዚኣብሔር ኣብ ናይ ሞት እምነት እውን ሓይሉ ይገልጽ እዩ። እዛ እምነት እዚኣ ኣብ ሕማቕ ዘመን ብሓቂ ደው ዝበለት እምነት እምበር፡ ኣብቲ ብርቱዕ ምድሓን ዝግለጸሉ ሰናይ ግዜ ጥራይ ኣይኮነን።

**ቀጥታዊ ሰይጣናዊ ንጥፈት፤**

ብሰንኪ ቀጥታዊ ሰይጣናዊ ንጥፈታት እውን ስቓይ ናብ ህይወትካ ክኣቱ ይኽእል እዩ። እዚ ኣብ ታሪኽ እዮብ ርዱእ እዩ። እዛ መጽሓፍ እዚኣ "ጻድቃን ንምንታይ ይሳቐዩ" ምስ ዝብል ሕቶ ትቃለስ?

እግዚኣብሄር ብዛዕባ እዮብ ዝሃቦ ምስክርነት ጻድቕ ሰብ ምዃኑ እዩ ነይሩ (እዮብ 1-2) ። እዮብ ከምቲ ኣዕሩኽቱ ዝበልዎ ሓጢኣት ስለ ዝፈጸመ መከራ ኣይረኸበን። እዮብ እንተ ተነሲሑ ኩነታቱ ኸም ዚቕየር ይኣምኑ ነበሩ። እዞም ኣዕሩኽ ኣብ ውልቃዊ ተመኩሮ ዝተመርኮሰ ኣድማሳዊ መተግበሪ ክገብሩ ፈቲኖም። እዚ እግዚኣብሄር ንጴጥሮስ ካብ ቤት ማእሰርቲ ስለ ዘናገፎ ንዓኻ እውን ከምኡ ክገብረልካ እዩ ምባል ዝመሳሰል እዩ። እዚ ግን ሓቂ ኣይኮነን። ብዙሓት ዓብይ እምነትን ሓጢኣት ዘይብሉ ህይወትን እናሃለዎም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተሰዊኦም እዮም።

ናይ ኻልኦት ዜሕልፍዎ ስቓይ ክንርኢ ከለና ሓጢኣት፡ እምነት ዘይምህላው፡ ወይ ዘይምእማን ጌርና ኸይንኸሶም ክንጥንቀቕ ኣሎና። መጽሓፍ ቅዱስ ብርግጽ ሓደ ሓጥእ ሰብ ብስጋዊ ብልሸውና ብምዝራእ መሪር ዓጺድ ከም ዝዓጽድ ይምህር (ገላትያ 6፡8) ። ምዝራእን ምዕጻድን ግን ስቓይ ናይቶም ንጹሃት ንምግላጽ ክንጥቀመሉ ኣይከኣልን።

እዮብ ብዝገበሮ ዝኾነ ይኹን ነገር ኣይተሳቐየን። ጻድቕ ሰብ እዩ ነይሩ። እዚ ኸኣ ኣምላኽ ብዛዕባ እዮብ ዝሃቦ ምስክርነት፡ እዮብ ብዛዕባ ገዛእ ርእሱ ዝሃቦ ምስክርነት፡ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዝነበሮ ዝና ውን እዩ ነይሩ። እቲ ሓቀኛ ጠንቂ መከራ እዮብ ድሕሪ መጋረጃ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም እዩ ነይሩ። ብዛዕባ ልብን፡ ኣእምሮን፡ ተኣማንነትን እዮብ መንፈሳዊ ውግእ ይካየድ ነበረ።

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ኣብ ልዕሌኻ ውግእ ይካየድ ኣሎ። እቲ ውግእ ኣብቲ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ዘጋጥመካ ጽንኩር ኩነታት እዩ ዝግለጽ። ኣብ ስቓይ እዮብ ርኡይ ዝኾነ ኣገዳሲ ሓቂ እንተሃልዩ፡ ብዘይ ፍልጠት ኣምላኽ ናብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ዝኣቱ ዝኾነ ነገር ከምዘየለ እዩ። ኣምላኽ ጠንቂ ናይ ስቓይ ኣይፈጥረልካን እዩ። ብሰይጣን እዩ ዝወርድ ደረቱ ግን ብኣምላኽ ዝተወሰነ እዩ።

**ናይ ገዛእ ርእስኻ ሓጢኣት፤**

ስቓይ ናብ ህይወትካ ዝኣትወሉ ሓሙሻይ መንገዲ ብሰንኪ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሓጢኣት እዩ። ዮናስ ኣብነት ናይዚ ከምዚ ዝኣመሰለ መከራ እዩ። ዮናስ ንኣምላኽ ብዘይምእዛዝ ካብታ ከይዱ ንስሓ ክሰብኽ ዝተነግሮ ነነዌ ብኣንጻር ኣንፈቱ ኣቕነዐ። ብሰንኪ ናይ ገዛእ ርእሱ ሓጢኣት፡ ኣብ ባሕሪ ዘሰካሕክሕ ህቦብላ ኣጋጠሞ፡ መወዳእታ ድማ ኣብ ከብዲ ሓደ ዓቢ ዓሳ ወደቐ (ዮናስ 1-2) ።

ሽግር ኩሉ ግዜ መገድኻ ኣብ ግምት ንምእታውን፡ ልብኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንምምርማርን ከም ጻውዒት ክሕሰብ ይግባእ። ንስኻ እውን ከም ዮናስ ብሰንኪ ሓጢኣትካ ትሳቐ ትህሉ ትኸውን። መጽሓፍ ቅዱስ ኣምላኽ ነቶም ንቃሉ ብዘይምእዛዝ ዝነብሩ ከም ዝቐጽዖም ይገልጽ። ምቕጻዕ ማለት ምግሳጽ፡ ምቕናዕን ምእራምን ማለት እዩ፤

> ***ቅጽዓት ዘበለ ንግዜኡ ንጓሂ እምበር፡ ንሓጉስ ከም ዘኾውን ኣይመስልን እዩ፡ ንዳሕራዩ ግና ነቶም ዝለመድዎ ናይ ሰላም ፍረ ጽድቂ እዩ ዚፈሪ። (እብ 12 ፡ 11)***

እግዚኣብሄር መከራ ተጠቒሙ ይእርመካን ንህይወትካ ናብ ፍቓዱ ይመልሳን እዩ፤

> ***ከይተዋረድኩ ተጋገኹ፤ ሕጂ ግና ቃልካ እሕሉ ኣለኹ። . .***

*ስርዓታትትካ ምእንቲ ኽመሃር፡ ውርደተይ ሰናይ ኮነለይ።*

*ጎይታየ፡ ፍርድኻ ጽድቂ ምዃኑ፡ ብሓቅኻውን ከም ዘዋረድካኒ እፈልጥ ኣሎኹ። (መዝ 119፡67,71,75)*

## ኣብ ስቓይ ዘሎ ግቡእ ኣረኣእያ

ሽግር ግን ናይ ግድን ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጻኢ ምዃንካ ዘርኢ ምልክት ኣይኮነን። መጽሓፍ ቅዱስ "ናይ ጻድቕ መከራ ብዙሕ እዩ" (መዝ 34፡19) ኢሉ ይነግር። ብናይ ገዛእ ርእስኻ ሓጢኣት ዘይኮነስ ብንጽህና ክትሳቐ ከለኻ ኣብ ስቓይ ቅኑዕ ኣረኣእያ ክትሕሉ ይግባእ። እቲ ሓቀኛ ፈተና መንፈሳውነትካ ኣብ መዓልቲ ጭንቀት ብኸመይ ከም እትምልስ እዩ፤

*ብመዓልቲ መከራ እንተ ተሓለልካ፡ ሓይልኻ ቕሩብ እዩ። (ምሳ 24፡10)*

መጽሓፍ ቅዱስ ከም ኣማኒ ኣብ ውሽጢ ፍቓድ ኣምላኽ ኵንካ ክትሳቐ ከለኻ፡ ክህልወካ ዝግባእ ኣረኣእያ ይገልጽ። ክትሓፍር ውን የብልካን፤

*ከም ክርስትያን መከራ እንተ ጸገበ ግና፡ ስለ እዚ ንኣምላኽ የመስግኖ እምበር፡ ኣይሕፈር። (1ይ ጴጥ 4፡16)*

ንሱ ንኹሉ ንጽቡቕካ ከም ዝገብር ፈሊጥካ ነፍስኻ (መከራኻ) ናብ ኣምላኽ ኣሕሊፍካ ሃቦ።

*ስለዚ እቶም ከም ፍቓድ ኣምላኽ ኮይኖም ሓሳረ መከራ ዘጸግቡ ዘለዉ፡ ሰናይ እናገበሩ ንነፍሶም ኣብቲ እሙን ፈጣሪ ደኣ የማሕጽንዎ። (1ይ ጴጥ 4፡19)*

ከም ፍቓድ ኣምላኽ ክትሳቐ ከለኻ ክትሕጎስ ይግባእ፤

*ንሳቶም ግና ምእንቲ ስሙ ኺሓስሩ ብቑዓት ኮይኖም ስለ እተቘጸሩ፡ ኣብ ቅድሚ እቶም ዋዕላ እናተሓጎሱ ኸዱ። (ግብ 5 ፡ 41)*

ጳውሎስ ከምዚ ክትኮኑ ይግባእ ይብል፤

*ብተስፋ ተሓጎሱ፤ ብጸበባ ተዓገሱ፤ ጸሎት ኣዘውትሩ። (ሮሜ 12 ፡ 12)*

*. . . እንተ ጸረፉና ንምርቕ፤ እናሰጐጉና ንዕገስ። . . (1ቆሮ* 4፡12)

*. . . ብኹሉ ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ንርእስና ነርኢ ኣሎና እምበር ብዙሕ ትዕግስቲ፡ ብመከራ፡ ብጭንቀት፡ ብጸበባ. . (2ቆሮ 6፡4)*

*. . . ደጊም ብሓይሊ ኣምላኽ ምእንቲ ወንጌል ምሳይ መከራ ጽገብ . . .(2ይ ጢሞ 1፡8)*

*በዚ ጸበባ እዚ ሓደ እኳ ሰንከልከል ኸይብል፡ ነዚ ኽም እተመደብና፡ ንስኻትኩም ባዕላትኩም ትፈልጥዎ ኢኹም። (1ይ ተሰሎንቄ 3፡3)*

*ንስኻ ግና ብኹሉ ተጠንቀቕ፡ መከራ ጽገብ፡ ግብሪ ወንጌላዊ ግበር፡ ኣገልግሎትካ መልእ። (2ይ ጢሞ 4፡5)*

ስቓይ ከጋጥመካ ከሎ ዝገርም ክመስለካ የብሉን፤

> *ኣቱም ፍቁራተይ፡ በቲ ንምፍታን ዘረኽበኩም ዘሎ ዋዒ፡ ሓደ ሓድሽ ነገር ከም ዝበጽሓኩም ኴንኩም፡ ኣይትገረሙ። ብምግላጽ ግርማኡ ድማ ክትሕጐሱን ባህ ክትብሉን ኢኹም እሞ፡ ኣብቲ ስቓይ ክርስቶስ ሕቡራት ካብ እትኾኑሉ፡ ተሓጐሱ ደኣ። (1ጴጥ 4፡12-13)*

ንመከራ ከም ወተሃደር ክትጻወር ኣለካ፤

> *ከም ንፉዕ ናይ ክርስቶስ የሱስ ዓቀይታይ ምሳይ ኴንካ መከራ ጽገብ። (2ይ ጢሞቴዎስ 2፡3)*

ጳውሎስ ኣብ 2ይ ቈረንቶስ 4፡9-16 ብዛዕባ ስቓይ ዘለዎ ቅኑዕ ኣረኣእያ ብሓጺሩ ይገልጾ፤

> *እቲ ሸዓ ዚሓልፍን ቀሊል ጸበባና ማእለያ ዜብሉ ብሉጽ ናይ ዘለኣለም ምሉእ ረዚን ክብሪ የዳልወልና እዩ እሞ፡ እቲ ናይ ወጻኢ ሰብና እንተ በሰበሰ እኳ፡ እቲ ውሽጥና ኣብ ጸጸባሕ ይሕደስ ኣሎ። እቲ ዚርአ ንግዜኡ እዩ፡ እቲ ዘይርኤ ግና ንዘለኣለም እዩ እሞ፡ ንሕና ነቲ ዘይርኤ እምበር፡ ነቲ ዚርኤ ኣይንጥምት ኢና። (2ቆሮ 4፡16-18)*

ጳውሎስ ንስቓይ ከም ኣገልጋሊ ገይሩ እዩ ዚርእዮ ነይሩ። ኣብ ክንዲ እቲ ጸገም ናብቲ ዘለዓለማዊ ጥቕሙ ኣዒንትና ምስ እንገብር ንዓና እዩ ዝሕግዘና በለ።

## ኣወንታዊ ረብሓታት ስቓይ

ገለ ኣወንታዊ ጥቕምታት ስቓይ ብመሰረት ፍቓድ ኣምላኽ እነሆ፤

**እምነትካ ትፍተን፤**

ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ዘሎ ኩሉ ነገር ኣብ እምነት ዝተመስረተ እዩ። ነዚ እዩ ድማ ሓይሊ እምነትካ ክፍተን ዘለዎ፤

> *እቲ ምፍታን እምነትኩም ብምግሃድ የሱስ ክርስቶስ ንምስጋናን ንስብሓትን ክብርን ብሓዊ ካብ ዚኸሓዕ ንሓላፊ ወርቂ ኣዝዩ ኽቢሩ ምእንቲ ኺርከብ.... (1ይ ጴጥ 1፡7)*

ከም የሱስ፡ ጽዋእ ምረት ካባኻ ክሓልፍ ክትጽሊ ከሎኻ ግናኸ ምስ ዘይሓልፍ፡ እዚ ናይ እምነት ፈተና እዩ። እኳ ደኣ ካብቲ ጽዋእ ስቓይ ኣዕሚቕካ ክትሰቲ ትግደድ። እምነትና ግን፡ ጸሎትና በቲ ንሕና እንደልዮ መገዲ ዘይምምላሶም ዘይተመለሱ ከምዘይኰኑ ክትመሃር ኢያ።

**ንኻልኦት ከተጸናንዕ ትኽእል፤**

> *ኣምላኽ ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ኣቦ ምሕረትን ኣምላኽ ኵሉ ምጽንናዕን፡ ይባረኽ፡*
>
> *በቲ ንርእስና ካብ ኣምላኽ እንጸናንዓሉ ምጽንናዕ፡ ነቶም ኣብ ጸበባ ዘለዉ ዘበሉ ኹላቶም ከነጸናንዕ ምእንቲ ኺክእለና፡ ብጸበባና ዘበለ ዜጸናንዓና ንሱ እዩ። (2ቆሮ 1፡3-4)*

ናይ ኣምላኽ ምጽንናዕ ንኻልኦት ከተካፍሎም ከለኻ . .

*ምእንትዚ ነተን ዘርጋሕጋሕ ዚብላ ኣእዳውን ወለል ዝብለን ኣብራኽን ኣቐንዕወን፤*

*እቲ ዚሕንክስ ኪሓዊ እምበር፡ ካብ መገዲ ኸይወጽእሲ፡ ነእጋርኩም ትኽ ዝበለ መገዲ ግበሩ። (እብ 12 ፡ 12-13)*

**ኣብ ገዛእ ርእስኻ ዘይምትእምማን ትመሃር፤**

ጳውሎስ ብዛዕባ ዕላማ ናይቲ ኣብ እስያ ዘጋጠሞ መከራ ከምዚ በለ፤

> ***ኣሕዋተይ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ እሲያ ዘረኸበና ጸበባ፡ ህይወትና እኳ ክሳዕ እንቕብጽ፡ ሓለፉ ዓቕምና እምብዛ ኸም ዝኸበደና፡ ክንሓብኣል ኩም ኣይንፈቱን ኢና። ኣብቲ ንምዉታት ዜተንስእ ኣምላኽ እምበር፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ምእንቲ ኸይንውክልሲ፡ ሞት እተፈርደና ኣብ ውሽጥና ይስመዓና ነይሩ። (2ቆሮ 1፡8-9)***

ነዚ ከተለልዮ ኢኻ . .

> ***ግናኸ እቲ ማእሊያ ዜብሉ ሓይሊ ካብ ኣምላኽ እምበር ካባና ምእንቲ ኸይከውን፡ እዚ መዝገብ እዚ ኣብ ኣቕሓ መሬት እዩ ዘሎና። (2ቆሮ 4፡7)***

**ኣወንታዊ ብቕዓት ይምዕብሉ፤**

> ***ግናኸ ብጸበባ ድማ ንመካሕ እምበር፡ እቲ ጸበባስ ትዕግስቲ ኸም ዜምጽእ ስለ ዝፈለጥና፡ በዚ ጥራይ ኣይኮነን። ትዕግስቲ ድማ ምፍታን፡ እቲ ምፍታን ውን ተስፋ፡ (ሮሜ 5 ፡ 3-4)***
>
> ***እቲ ብክርስቶስ የሱስ ናብ ናይ ዘልኣለም ክብሩ ዝጸወዓኩም ኣምላኽ ኩሉ ጸጋ፡ ቅሩብ ጊዜ ሓሰረ መከራ ምስ ጸገብኩም፡ ንሱ ኽፍጽመኩም፡ ከበርትዓኩም፡ ከሰርተኩምውን እዩ። (1ይ ጴጥ 5፡10)***

እዞም ባህርያት እዚኣቶም ናብ ምስሊ የሱስ ይልውጡኻ፣ እዚ ድማ ኣምላኽ ንዓኻ ዝሓንጸጾ መደብ እዩ (ሮሜ 8፡28-29፤ እብ 2፡10,18) ።

**ግብሪ ኣምላኽ ይገሃድ፤**

እቶም ደቀ መዛሙርቲ ንሓደ ኻብ ዚውለድ ኣትሒዙ ዕዉር ዝነበረ ሰብኣይ ምስ ረኣዩ፡ ንኸነታቱ መን ተሓታቲ ምኻኑ ሓተቱ። ናይ ወለዱ ሓጢኣት ድዩ ነይሩ ወይስ ናይቲ ሰብኣይ ባዕሉ? የሱስ ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰ።

> ***ግብሪ ኣምላኽ ኣብኡ ምእንቲ ኺገሃድ ደኣ እዩ እምበር፡ ንሱ ኣይበደለ፡ ወለዱ ኣይበደሉ። ( ዮሃ 9:3)***

**ሓይሊ ኣምላኽ ይፍጸም፤**

> ***ንሱ ኸኣ፡ ሓይለይ ብድኻም እዩ ዝፍጸም እሞ፡ ጸጋይ ይኣኽለካ፡ በለኒ። ስለዚ ሓይሊ ክርስቶስ ኣብ ልዕለይ ምእንቲ ኺሓድር፡ ብብዙሕ ታሕጓስ ብድኻመይ ክምካሕ እየ። (2ቆሮ 12፡9)***

**እቲ ረጊኡ ደው ዘይበለ ይእለ፤**

ሰቓይ ኩሉ ኣብ ህይወትካ ዘይርጉእ ዘበለ ይቕንጥጥ እዩ። ኣብ ሰባት፡ መደባት ወይ ስጋዊ ነገራት ምጽጋዕ ትገድፎ ምኽንያቱ ኣብቲ ዘድልየኻ ግዜ ስለ ዘይርከቡልካ ።

ኣምላኽ ነዚ የፍቅድ . . .

*. .እቲ ዘየንቀጥቅጥ ምእንቲ ኺጸንዕሲ፡ እቲ ዝንቀጥቀጥ ፍጡር ስለ ዝዀነ ምልዋጡ እያ ተመልክት ዘላ። (እብ 12 ፡ 26-27)*

ኣብ እዋን ህቦብላ ህይወት፡ ኣብ ኣምላኽን ኣብ ቃሉን ዘይተሃንጸ ኩሉ ይፈርስ (መዝ 119፡89 ከምኡውን ማቴ 7፡24-27) ።

**ትኹረትካ ይቕየር፤**

ስቓይ ምስ ዘጋጥመካ መብዛሕትኡ ግዜ ኣቓልቦኻ ኣብ ጠንቅን ሳዕቤንን ኢኻ እተተኩር። ጠንቂ ናይቲ ጽንኩር ኩነታትን ኣብ ህይወትካ ዘስዕቦ ዘሎ ዘስካሕክሕ ጽልዋን እንታይ ምዃኑ እዩ ዘተሓሳስበካ። እግዚኣብሄር ትኹረትካ ካብ ግዝያዊ ናብ ዘለዓለማዊ ክቕይሮ ይደሊ፤

*እቲ ሸዓ ዚሓልፍን ቀሊል ጸበባና ማእለያ ዜብሉ ብሉጽ ናይ ዘለኣለም ምሉእ ረዚን ክብሪ የዳልወልና እዩ እሞ፡ እቲ ናይ ወጻኢ ሰብና እንተ በሰበሰ እኳ፡ እቲ ውሽጥና ኣብ ጸጸባሕ ይሕደስ ኣሎ።*

*እቲ ዚርአ ንግዜኡ እዩ፡ እቲ ዘይርኤ ግና ንዘለኣለም እዩ እሞ፡ ንሕና ነቲ ዘይርኤ እምበር፡ ነቲ ዚርኤ ኣይንጥምት ኢና። (2ቆሮ 4፡16-18)*

*ኣቱም ፍቁራተይ፡ ብዛዕባ እቲ ዚፍትነኩም ዘሎ ሓዊ ዝመልኦ ፈተና፡ ገለ ዜገርም ነገር ከም ዘጋጠመኩም ጌርኩም ኣይትሕሰቡ።*

*ኣቱም ፍቁራተይ፡ በቲ ንምፍታን ዚረኽበኩም ዘሎ ዋዒ፡ ሓደ ሓድሽ ነገር ከም ዝበጽሓኩም ኴንኩም፡ ኣይትገረሙ። ብምግላጽ ግርማኡ ድማ ክትሕጎሱን ባህ ክትብሉን ኢኹም እሞ፡ ኣብቲ ስቓይ ክርስቶስ ሕቡራት ካብ እትኾኑሉ፡ ተሓጎሱ ደኣ። (1ጴጥ 4፡12-13)*

*እንተ ተዓገስና፡ ምስኡ ክንነግስ ኢና። . . (2ይ ጢሞቴዎስ 2፡12)*

**እቲ ናይ ቀደም ርእሰ-ባህሪኻ ይቕየር፤**

ኣምላኽ ብዛዕባ ህዝቢ ሞኣብ ከምዚ በለ።

*ሞኣብ ካብ ንእስሽቶኣ ጀሚራ ህድእቲ ነበረት፡ ኣብ ልዕሊ ሓተልኣውን ዐረፈት፡ ካብ ሳርማ ኸኣ ኣይተቐጥፈትን፡ ተማሪኻ ድማ ኣይከደትን፡ ስለዚ ጣዕማ ኣርንበት፡ መኣዛኣውን ኣይተለወጠን። (ኤር 48፡11)*

ሞኣብ ነቲ ጽቡቕ ወይኒ ንምምዕባል ዘድሊ ሸግር ዝመልኦ ምፍሳስን ምልዕዓልን ስለዘየጋጠማ፡ እቲ ህዝቢ ኣይተቐየረን። ሞኣብ ርግእቲ ስለ ዝነበረትን ኣብ ብልጽግና ስለ ዝሰፈረትን እቲ ህዝቢ ብመንፈስ ኣይማዕበለን ኣይበሰለን። ስለዚ ዝኾነ ለውጢ ኣይነበረን። ናይ ገዛእ ርእሳ ጨና ኣብኣ ጸንሐ።

መከራ ካብቲ ናይ ቀደም ርእሰ-ባህሪ የናግፈካ። እናተናወጽካን እናተጨነቕካን እናፈሰስካን ከሎኻ፡ መንፈሳዊ ጨናኻ ካብ ስጋዊ ናብ መንፈሳዊ ይቕየር።

**ኣምላኽ ንኣገልግሎት የዳልወካ፤**

ኣምላኽ ክጥቀመልካ ትደሊ። ዝያዳ ንየሱስ ክትመስልን ንዕኡ ዝኸውን ሕሩይ ኣቕሓ ክትከውንን ትምነ። እግዚኣብሄር ንጸሎትካ ብመከራ ይምልሰልካ፤

*እንሆ ኣምከኽኩኻ፡ ግናኸ ከም ብበሩር ኣይኰነን፡ ኣብ እቶን ጸበባ ተዓዘብኩኻ። (ኢሳ 48፡10)*

ከም ውሉድ እግዚአብሔር ኳንካ ካብ ጻውዒት ሓሊፍካ ሕሩይ እግዚአብሔር ክትከውን ብጸበባ ኢኻ ትሓልፍ። - ከምቲ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ሓጺን ኣብ እቶን ዝጸሪ፡ ብመሰረት ፍቓድ ኣምላኽ ዝመጽእ መከራ ንኣምላኽ ክትከውን የጽርየካ።

**ምስ ክርስቶስ ክትነግስ ትዳሎ፤**

> ***እንተ ተዓገስና፡ ምስኡ ኸኣ ክንነግስ ኢና። . .(2ይ ጢሞቴዎስ 2፡12)***

***መከራ መንፈሳዊ በረኸት የምጽእ እዩ፡***

የሱስ ከምዚ በለ. . .

> ***ምእንቲ ጽድቂ ዚሰደዱ፡ መንግስተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ፡ ብጹኣን እዮም።***
>
> ***እንተ ጸረፉኹምን እንተ ሰጎጒኹምን ምእንታይ ድማ ክፉእ ዘበለ ብሓሶት እንተ ተዛረቡልኩም፡ ብጹኣን ኢኹም።***
>
> ***ከምኡ ኸኣ ቅድሜኹም ንዝነበሩ ነብያት ሰጒጎምዎም እዮም እሞ፡ ኣብ ሰማይ ዓስብኹም ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ተሐጐሱ፡ ባህ ውን ይበልኩም። (ማቴ 5 ፡ 10-12)***

**ብመከራ ተኣዛዝነት ትመሃር፤**

> ***ወዲ እኳ ኽነሱ፡ በቲ እተሰቀዮ ስቅያት ምእዛዝ ተማህረ። . . (እብ 5:8)***

***መከራ ንቃል ኣምላኽ ኣብ ውሽጥኻ ይፍትኖ፤***

> ***ቃል እግዚኣብሄር ጽሩይ ቃላት እዩ፡ ብመምከኺ መርየት ዝጸረየ፡ ሾብዓተ ሳዕ እተኾልዔ ብሩር እዩ። (መዝ 12:6)***

**ስቓይ ትሑት ይገብረካ፤**

> ***በቲ ዚነዱ ኣትማንን ዕንቅርቢታትን ዘለውዎ፡ ማይ ብዘብሉ ኣጻምእ ገፊሕን ዘፍርህን በረኻ ዝመርሓካ፡ ካብ ጽንዕ ከውሒ ማይ ዘውጽኣልካ፡ ኣብ በረኻ፡ ኣቦታትካ ዘይፈለጥዎ ማና ዘብልዓካ፡ እዚ ኸኣ ምእንቲ ኺዋርደካን ኪፍትነካን ኣብ መወዳእታውን ኪጸብቐልካ ኢሉ እዩ። . . (ዘዳግም 8:15-16)***

**ስቓይ የዕብየካ፤**

እዚ ማለት ብመንፈስ ትዓቢ ማለት እዩ፤

> ***ብጸበባ ኣርሒብካለይ ኢኻ፡ (መዝ 4:1)***

**ንኣምላኽ ብቐረባ ትፈልጦ፡**

ብመንገዲ ስቓይ ኣቢልካ ንኣምላኽ ዝያዳ ብቐረባ ትፈልጦ ኢኻ። ብዙሕ ዝተሳቐየ እዮብ ነዚ ሓቂ እዚ ተማሂሩ ከምዚ በለ. .

> ***ብሰማዒት እዝነ ብዛዕባኻ ሰሚዔ ነይረ፡ ሕጂ ግና ዓይነይ ርእያትካ። ስለዚ ንርእሰይ እፍንፍን ኣሎኹ፡ ኣብ ሓመድን ሓሙኽሽትን ኮይነ እንሳሕ ኣሎኹ። (እዮብ 42 ፡ 5-6)***

ገሌና ንኣምላኽ ብኻልኣይ ደረጃ ጥራይ ኢና እንፈልጦ። በረኸት ህይወት ክትረክብ ከለኻ፡ ኣምላኽ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ክንዲ ንምንባር ዘድሊ መሰረታዊ ነገር ከም መጋየጺ ጥራይ ይኸውን። ናይ ብሓቂ ዘድልየካ ነገር ምስ ዝህልወካ ግን ኣምላኽ ናይ ግድን ዘድሊ ይኸውን። እዮብ ብመከራ ኣቢሉ ንኣምላኽ ብዝያዳ ኺፈልጦ ጀመረ። እዮብ ቅድሚ ስቓዩ ንኣምላኽ ብቲዮሎጂ ይፈልጦ ነይሩ። ብድሕሪኡ ድማ ብተመኩሮ ፈሊጡዎ።

ጳውሎስ ከምዚ ክብል ከሎ እውን ተመሳሳሊ ባህጊ ገሊጹ እዩ. . .

> ***ብዝኾነ ኾይኑ ናብ ትንሳኤ ምዉታት እንተ ኣርከብኩ ኢለ፡ ብሞቱ እናመሰልክዎ፡ ንእኡን ሓይሊ ትንሳኤኡን ሕብረት መከራኡን ምእንቲ ኽፈልጥ፡ ኲሉ ከም ወጻዓ እቘጽሮ ኣሎኹ። ( ፊልጲ 3 ፡ 10)***

ነቲ ናይ ትንሳኤ ሓይሊ ኣምላኽ ክትፈልጦ ብመንገዲ ጥቡቕ ሕብረት ናይ ስቓይ እዩ።

እዮብ ኣብ ኵሉ ፈተናኡ ንኣምላኽ ጠንቂ ስቓይ ምዃኑ ኣብ ሕቶ ኣእትዩ እዩ። ንኣምላኽ ኣብ ሕቶ ምእታው ጌጋ ኣይኮነን። የሱስ ናብ ዓለም ዝመጸሉ ዕላማ ምእንቲ ሓጢኣት ኩሎም ደቂ ሰባት ሞት ምዃኑ ይፈልጥ ነይሩ። ገና ግን ኣብታ ናይ ስቓይ ሰዓቱ "ኣምላኸይ ኣምላኸይ ስለምንታይ ሓደግካኒ" ኢሉ ጨደረ። ድሕሪ እቲ ሕቶታት ዝሰዕብ እዩ እቲ ኣገዳሲ ነገር። የሱስ ቀጺሉ ዝተዛረቦ ቃላት "ንነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኤማዕቊባ ኣለኹ" ዝብል ነበረ።

ሕቶታት እኳ እንተነበረ፡ እዮብ ዝሃቦ መልሲ ግን . .

> ***ሓንትስ ኣኺይዳይ ኣብ ቅድሚኡ ኤቕንዕ እምበር፡ ንሱ ይቕተለኒ፡ ኣነስ ካልእ ትጽቢት የብለይን። (እዮብ 13፡15)***
>
> ***ግናኸ እቲ ዚብጀወኒ ህያው ምዃኑ እፈልጥ ኣሎኹ፡ ንሱ ኣብ መወዳእታ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኪቐውም እዩ ።***
>
> ***እዚ ቖርበተይ ምስ ጠፍኤ ድማ፡ ሽዑ ምስ ስጋይ ንኣምላኽ ክርእዮ እየ። (እዮብ 19:25-26)***

እቲ ኩሉ ሕቶታት ምስተወድኣ፡ እቲ ትኹረት ካብ "ኣነ" ናብ "ንስኻ" ክቕየር ኣለዎ። ስቓይካ ምስ ኩሉ ዘይተመለሰ ሕቶታቱ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ከተእትዎ ይግባእ።

> ***ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሄር ተኣመን፤ ኣብ ልቦናኻውን ኣይትጸጋዕ። (ምሳሌ 3 ፡ 5)***

እግዚኣብሄር ገለ ካብቲ ዕላማታቱ ኣብ መከራኻ ክገልጽ ይኽእል እዩ፣ ግን ምሉእ ብምሉእ ከይርድኣካ ይኽእል እዩ፤

> ***ክብሪ እግዚኣብሄርሲ ምስዋር ነገር እዩ፡ . .(ምሳሌ 25:2)***
>
> ***እቲ ስዉር ነገር ዘበለ ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽና እዩ፡ ኵሉ ቓላት እዚ ሕጊ እዚ ምእንቲ ኽንገብር፡ እቲ ግሉጽ ንኣናን ንደቅናን እዩ። . . (ዘዳግም 29 ፡ 29)***

ገለ ገለ ምስጢራዊ ነገራት ናይ እግዚኣብሄር ጥራይ ዝኾኑ ኣለዉ። ከም እዮብ፡ ንኹሉ ዕላማታት መከራኻ ፈጺምካ ኣይትርድኦን ትኸውን፤

> ***ስጉምቲ ሰብ ብእግዚኣብሄር እዩ ዚምራሕ፡ ሰብ ደኣ ኸመይ ገይሩ እዩ ንመገዱ ዚስተውዕላ? (ምሳሌ 20:24)***

እግዚኣብሄር ኣብ መወዳእታ ምስ እዮብ ክዛረብ ከሎ እዮብ ክገልጾ ዘይከኣለ ሓያሎ ኣብነታት ካብ ተፈጥሮ ተጠቒሙ እዩ። እዮብ ነቲ ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም ዝረኣዮ ኺርድኦ እንተ ዘይክኢሉ፡ ነቲ ኣብ መንፈሳዊ ዓለም ኺርእዮ ዘይክእል ብርግጽ ኪርድኦ ኸም ዘይክእል ኣምላኽ ኣነጺሩ እዩ።

እዮብ ምስ ኣምላኽ ምስ ተጋጠመ፡ ድሕሪ ደጊም ነቲ ብዛዕባ ስቓይ ዝሓተቶ ሕቶታት መልሲ ዘይምርካቡ ኣገዳስነት ኣይነበሮን። ብሰብኣዊ ምኽንያትን ቁጽጽርን ይሳቐ ከምዘይነበረ ፈሊጡ እዩ። ንሕቶታት ብመልሲ ዘይኮነስ ብእምነት ተክኦ።

ብመከራ ኣቢልካ ንኣምላኽ ብቐረባ ምስ እትፈልጦ፡ ንርእስኻ ከምቲ ብሓቂ ዘለኻዮ ኢኻ ትርእዮ። ድሕሪ ደጊም ንኣምላኽ ብኻልኣይ ኢድ ኣይትፈልጦን ኢኻ። እቲ ምስ ኣምላኽ ገጽ ንገጽ ምርኻብ፡ ክትዕቦ ዘተን ክገብርዎ ዘይክእል እዩ ዝገብር።

እዮብ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደው ምስ በለ፡ ሓድሽ መልሲ ኣይነበሮን። ብዛዕባ ስቓዩ ሓድሽ ጭብጥታት ኣይተዋህቦን። ንሕቶታት ግን ብእምነት ተክኦ። እዮብ ኣብ ቀጥታዊ ህላወ ኣምላኽ እዩ ነይሩ: እቲ ተመክሮ እቲ ንሕቶ ወይ ንጥርጣረ ዚኸውን ቦታ ኣይገደፈን።

## ማዕበላት ህይወት

ስቓይ ሓደ ሓደ ግዜ ምስ ተፈጥሮኣዊ ማዕበል ይነጻጸር እዩ። ክትሳቐ ከለኻ ብመንፈሳዊ ኣዘራርባ ማዕበል ገጢምካ ኣሎ ማለት እዩ። እዚ ማዕበል እዚ ብመንፈስ: ብኣእምሮ: ብኣካል: ብሰጋዊ: ወይ ብስምዒት ኪጸልወካ ይኽእል እዩ።

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ንደቀ መዛሙርቲ የሱስ ዘጋጠሞም ማዕበል ይነግር። ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ዘሎ ዛንታ ኣብ ማርቆስ 4:35-41 ኣንብቦ። እዚ ማዕበል እዚ ናይ ሰይጣን መጥቃዕቲ እዩ ነይሩ። የሱስ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ናብቲ ስግር ኪኸዱ ነጊርዎም ነይሩ። የሱስ ኣብታ ጃልባ ምስኦም ነበረ። ሰይጣን ብሰንኪ እቲ ኣብ ሃገር ጌርጌሴኖን ክግበር ዝነበሮ ተኣምራዊ ተግባራት ናብ ገምገም ባሕሪ ከይበጽሑ ይጽዕር ነይሩ (ማር 5) ። የሱስ ኣብ ልዕሊ እቲ ማዕበል ስልጣን ተጠቀመ። ንሓይሊ ጸላኢ ድማ ገሰጾ። ብህድኣት ናብ ባሕሪ ተመሊሶም ከይተዓንቀፉ ጉዕዞኦም ቀጸሉ።

ማዕበል ሰይጣን፡ ፍቓድ እግዚኣብሔር ንህይወትካ ንኸይፍጸም ክዕንቅፈካ ዝፍትን ዝኾነ ነገር እዩ። ብሰንኪ ዘይምእዛዝካ ዝመጽእ ስቓይ ኣይኮነን። ከምዚ ዓይነት ስቓይ እውን ከም ፍቓድ ኣምላኽ ኣይኮነን። እግዚኣብሄር ነቲ ንዓኻ ዝሓንጸጾ መደብ ዝዕንቅፍ ነገር ኣይደልን እዩ። እዚ ዓይነት ማዕበል ምስ ዘጋጥመካ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ስልጣን ተለማመድ። የሱስ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ሓይሊ ሰይጣን ስልጣን ሂቡካ እዩ።

ካልኦት ክልተ ዛንታታት ተፈጥሮኣዊ ማዕበላት ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተመዝጊቦም ኣለዉ እዚኦም ድማ ስቓይ ብሰንኪ መቕጻዕቲ ሓጢኣት፡ ከምኡ ድማ ስቓይ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ዘርእዩ እዮም። ዛንታ ዮናስን ህቦብላን ኣብ ዮናስ ምዕራፍ 1 ከምኡ ውን ዛንታ ጳውሎስን ህቦብላን ኣብ ግብሪ ሃዋርያት27 ኣንብብ። ድሕሪኡ ነዚ ዝስዕብ ሰንጠረዥ ኣጽንዕ፤

| ዮናስ | ጳውሎስ |
|---|---|
| ዮናስ ንርእሱ ናብ ማዕበል የእትዩዋ | ጳውሎስ ብዘይ ጌጋ ናቱ ኣብኡ ኔሩ |
| ንሱ ዋጋ ከፊሉ ተጓዓዘ | ንሱ ንኸይጓዓዙ ይኽልክሎም ኔሩ |
| ንሱ ምኽንያት ናይ ማዕበል ኔሩ | ንሱ ምኽንያት ዘይኩነስ ፈታሒ ኔሩ |
| ዮናስ ኣብ ግዜ ህቦብላ ደቂሱ ኔሩ | ጳውሎስ ይጸውምን ይጽልን ኔሩ |
| ናይ እግዚኣብሄር በረኸት ምስ ዮናስ ኣይነበረን | ናይ እግዚኣብሄር በረኸት ኣብ ጳውሎስ ነበረ |
| እቶም ጉጅለ ፈሪሖም ነበሩ | እቶም ጉጀለ ሕጉሳት ነበሩ |
| ክድሕኑ እንተኹይኖም | ክድሕኑ እንተኹይኖም |
| ዮናስ ካብ መርከብ ክወጽእ ኣለዎ | ኩላቶም ኣብ መርከብ ክህልዉ ኣለዎም |

ኣብ ውሽጢ ፍቃድ ኣምላኽ ኮንካ ብማዕበል ህይወት ምሕላፍን፡ ካብ ፍቃድ ኣምላኽ ወጻኢ ብማዕበል ሂወት ምሕላፍን ፍልልያት ኣሎ። ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጺእካ ብማዕበል ክትሓልፍ ከለኻ ንስኻ እትፈጥሮ ኩነታት እዩ። ንኣብነት፡ ሓደ ኣማኒ ንዘይደሓነ ሰብ ምስ ዚምርዖ፡ ንሓደ መጽሓፍ ቅዱሳዊ ስርዓት ስለ ዝጠሓሰ፡ ሽግር ኬጋጥሞ እዩ።

ማዕበል ክፍጠር ምኽንያት ክትከውን ከለኻ፡ እቲ ምኽንያት ፍቓድ ኣምላኽ ስለ እትጥሕስን ትእዛዛቱ ስለ ዘይትእዘዝን ዘለኻ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ንኽብደት ኩነታትካ እኳ ኣይትፈልጥን ኢኻ። እቲ ማዕበል ኣብ ከባቢኻ ቁጥዓኡ እናወሰኸ ክኸይድ ከሎ፡ ንስኻ ግና ብመንፈስ ትድቅስ። በረኸት ኣምላኽ ኣብ ልዕሌኻ ኣይርከብን፡ እቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ድማ ፍርሃት ይወሓጡ። እዚ ማዕበል እዚ ናይ ሰይጣን መጥቃዕቲ ኣይኮነን። ካብቲ ዘፍቀረካን ምስ ፍቓዱ ንክትሰማማዕ ክመልሰካ ዝምነይ ኣምላኽ መቕጻዕቲ እዩ። "ስልጣን ኣብ ልዕሊ ጸላኢ" ዝብል መብጽዓታት ክትእውጅ ትኽእል ኢኻ። እዚ ግን ነቲ ኩነታት ኣይቅይሮን እዩ።

ድምጺ ኣምላኽ ብዘይምእዛዝ ዝመጽእ ማዕበል ስቓይ ምኳኑ ክተለልዮ ከለኻ፡ ሓደ መፍትሒ ጥራይ እዩ ዘሎ፡ ይቕረታ ካብ ኣምላኽ ሕተት!

ብፍቓድ እግዚኣብሔር ስቓይ ክትሓልፍ ከለኻ ግን እቲ ኵነታት ፍልይ ዝበለ እዩ። ብዘይ ናይ ገዛእ ርእስኻ በደል ወይ ሓጢኣት ትሳቐ። ንከባቢካ ኣብ ክንዲ ጠንቂ ጸገማት መፍትሒ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ከም ጳውሎስ በረኸት ኣምላኽ ኣባኻ ስለ ዘሎ መንፈሳዊ መሪሕነት ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ክንዲ ጠንቂ መፍትሒ ህቦብላ ስለዝኾንካ ንኻልኦት ምትብባዕ ክተምጽእ ትኽእል ኢኻ። ካብታ መርከብ ክትወጽእ ወይ ካብቲ ሸግር ክትሃድም የብልካን። ፍቓድ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ኣብታ "መርከብ" ናይ ከምዚ ዓይነት መከራ ክትጸንሕ ኣለካ።

## መከራ ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ

ከም ፍቓድ ኣምላኽ ክትሳቐ ከለኻ በይንኻ ከምዘይኮንካ ክትግንዘብ ይግባእ፤

> ***እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ኑቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ ኣሕዋትኩም ይበጽሖም ከም ዘሎ እናፈለጥኩም፡ ብእምነት ጸኒዕኩም ተቓወምዎ። (1ጴጥ 5፡9)***

ህቦብላ ህይወት ዘይተርፍን ምቁጽጻሩ ዘይከኣልን ምኳኑ ኣብ ማቴዎስ 7:24-27 ዘሎ ምሳሌ ናይተን ክልተ ኣባይቲ የርኢ እዩ። ህቦብላታት ናብቶም ሕይወቶም ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝሃነጹን ከምኡውን ናብቶም ከምኡ ዘይገበሩ ክመጽእ ይኽእል እዩ። መሰረት ህይወት ሰብ እዩ ንውጽኢት እቲ ህቦብላ ዝውስን።

ስቓይ ከም ክፋል ፍቓድ ኣምላኽ ትጽበዮ ነገር እዩ፡

> ***ግናኸ እቶም ብክርስቶስ የሱስ ብፍርሃት እግዚኣብሄር ኪነብሩ ዚደልዩ ኹሎም ኪሰጐጉ እዮም። (2ይ ጢሞቴዎስ 3፡12)***

> ***. . . ሳላ ክርስቶስ ምእንታኡ መከራ ድማ ክትጸግቡ እምበር፡ ብእኡ ኽትኣምኑ ጥራይ ኣይኰነን ጸጋ ተዋሂቡኩም ዘሎ። (ፊልጲ 1 ፡ 29)***

> ***. . . ነታ ብዛዕባኣ መከራ እትጸግቡ ዘሎኹም መንግስቲ ኣምላኽ ብቑዓት ኴንኩም ምእንቲ ክትቍጸሩ. . (2ይ ተሰ 1፡5)***

> ***እምበኣርከ ምሳኻትኩም ከለና፡ ጸበባ ኽም ዚመጸናስ፡ ቅድም ነጊርናኩም፡ ከምቲ እትፈልጥዎውን፡ ከምኡ ኾነ። (1ይ ተሰ 3፡4)***

> ***ሽው ንመከራ ኣሕሊፎም ኪህቡኹምን ኪቐትሉኹምን እዮም። ብዛዕባ ስመይ ከኣ ኣብ ኹሎም ኣህዛብ ጽሉኣት ክትኮኑ ኢኹም። (ማቴ 24:9)***

> ***. . .ስለ ስመይ ከኣ ናብ ቤት ጸሎትን ናብ ቤት ማእሰርትን ኪወስዱኹም፡ ናብ ነገስታትን ሹማትን ኪብጽሑኹም እዮም። (ሉቃ 21 ፡ 12)***

> *ነቲ፡ ባርያ ኻብ ጐይታኡ ኣይዓብን እዩ፡ ኢለ ዝነገርኩኹም ቃል ዘክርዎ። ንኣይ ሰጒጎምኒ እንተ ኾይኖም፡ ንኣኻትኩምውን ኪሰጒኹም እዮም። (ዮሃ 15:20)*

ሓደ ክፋል ናይቲ ምክትታል መደብ ኣብ ምምስራት ቀዳሞት ኣብያተ ክርስቲያናት ዝነበረ፡ ኣመንቲ ስቓይ ከም ዘጋጥሞም ምምሃር እዩ ነይሩ። እዚ ሎሚ ኣብ ብዙሓት ኣብያተ ክርስቲያናት ጎዲሉ እዩ፤

> *ነፍሲ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኣጽናንዖ፡ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ብብዙሕ ጸበባ ክንኣቱ ይግበኣና እዩ፡ እናበሉ ኸኣ ኣብ እምነት ኪጸንዑ ይምዕድዎም ነበሩ። (ግብሪ ሃዋርያት 14 ፡ 22)*

የሱስ ንሰዓብቱ ዝገበሮ ጻውዒት ናይ ርእሰ-ምኽሓድን ናይ መከራን እዩ፤

> *መስቀሉ ኣልዒሉ ደድሕረይ ዘይሰዕብ፡ ንኣይ ኣይበቅዕን እዩ። (ማቴ 10:38)*
>
> *ሽዑ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ፡ ኺሰዕበኒ ዚፈቱ እንተሎ፡ ህይወቱ ቐቢጹ፡ መስቀሉ ኣልዒሉ ይሰዓበኒ። (ማቴ 16 ፡ 24)*
>
> *. . .ደድሕረይ ኪሰዕበኒ ዚደሊ እንተሎ፡ ገዛእ ንርእሱ ይቕበጽ፡ መስቀሉ የልዕል እሞ ይሰዓበኒ። (ማር 8:34)*
>
> *. . .ንዑ ሰዓበኒ፡ በሎ። (ማር 10:21)*
>
> *ንኹሎም ከኣ፡ ደድሕረይ ኪሰዕብ ዚደሊ፡ ነፍሱ ይቕበጽ፡ መስቀሉ ኣብ ጸጽባሕ የልዕል እሞ ይሰዓበኒ። (ሉቃ 9 ፡ 23)*
>
> *መስቀሉ ዘይጸውር እሞ ደድሕረይ ዘይሰዕብ ዘበለ፡ ወደ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይክእልን። (ሉቃ 14:27)*

## እቲ ሩባ ምስ ነቐጸ

ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣብ ፍቓድ ኣምላኽ ከሎ ስቓይ ናይ ዘጋጠሞ ሰብ ዝገልጽ መሳጢ ዛንታ ኣሎ። እዚ ኸኣ ዛንታ ኤልያስ እዩ። ኤልያስ ነቲ ኣምላኽ ብዛዕባ እስራኤል ዝሃቦ መልእኽቲ ትንቢት እናሃለወ፡ ኩሉ ዓይነት መከራ ኣጋጢምዎ እዩ። እቲ ንሕና ከነተኩረሉ እንደሊ ፍሉይ ዛንታ ግን ኣብ 1 ነገስት 17 ይርከብ። ቅድሚ ነዚ ትምህርቲ ምቕጻልካ ነዚ ዛንታ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስካ ኣንብቦ።

ኣምላኽ ንመጀመርታ ግዜ ንኤልያስ ናብ ሩባ ኬሪት ኪመርሖ ኸሎ፡ ብተኣምራዊ መገዲ ዜድልዮ ኣዳለወሉ። ኳኽት ክምግብዎ መጹ፣ እቲ ሩባ ድማ ነቲ ህዝቢ ድርቅን ጥሜትን ኣብ ዘጋጥመሉ ዝነበረ እዋን ጽሩይ ማይ ኣቕረበሉ። ኣብ መወዳእታ ግን እቲ ሩባ ነቐጸ። ኣምላኽ ንኤልያስ ናብ ሓደ ከም ዝነቅጽ ዝፈልጦ ሩባ ዝሰደዶ ስለምንታይ እዩ፧

ፍቓድ ኣምላኽ ሓድሓደ ግዜ ንቑጽ ሩባታት ዘለዎ እዩ። ከምዚ ዝበለ ጸገማት ምስ ዘጋጥመና ግን ፍቃድ ኣምላኽ ስሒትናዮ ማለት ኣይኮነን። ኤልያስ ፍቓድ ኣምላኽ ኣይሰሓቶን ነይሩ። እግዚኣብሄር ንኤልያስ መሪሑ ናብ ሩባ ኬሪት ወሰዶ። ማያታ ድማ የስተማቕር ነበረ። ዘድልዮ ነገራት ተማሊእሉ። ብእግዚአብሔር ዝተባረኸ እዩ ነይሩ። ክንቀሳቐስን ንቕድሚት ዝስጉመሉ ግዜ ምስ በጽሐ ግን ኣምላኽ ነቲ ሩባ ክነቅጽ ፈቐደ። እዚ ኸኣ ኣቓልቦ ኤልያስ ሰሓበ።

እግዚኣብሄር ምናልባት ኣብ ህይወት ናብ "ሩባ ኬሪት" ኣቕኒዑካ ይኸውን። ናይ ድምጹ ኣንፈት ከም ዝሰማዕካዮ ትፈልጥ ኢኻ። ኣብቲ ሩባ ከኣ ባሪኹካ። ድሌታትካ ተማሊኡ ብበረኸት ኣምላኽ ተሓጉስካ። ሽዑ ግን እቲ ሩባ ደረቐ። ምናልባት ድሕሪ እዚ ዋሕዚ ሓይሊ ኣምላኽ ኣየስተማቐርካን ትኸውን። ምናልባት ሰባት ኣንጻርካ ተገልቢጦም ይኾኑ። ምናልባት ኣብ ልዕሌኻ ዘሎ ኣመራርሓ ነቲ ሩባ ገዲብዎ ነቲ ዋሕዚውን ደው ኣቢልዎ ይኸውን። ብዝኾነ ምኽንያት፡ እታ ጽብቕቲ ሩባኻ ደረቐት።

እቲ ሩባ ምስ ነቐጸ ካብዞም ክልተ ነገራት ሓደ ክትገብር ትኽእል ኢኻ፤

1. ኣብቲ ገምገም ኮፍ ኢልካ ብመንፈስ ክትዛረብን ብዛዕባ ዕጫኻ ከተማርርን ትኽእል ኢኻ። ዝተረፈ ዕድሜኻ ስለምንታይ ከምኡ ከም ዘጋጠመ እናሓሰብካን ኣብ ልዕሊ እቲ ደረቕ ገምገም ውሒዝ እናበኸኻን ከተሕልፎ ትኽእል ኢኻ። ንመሪሕነት ኣምላኽ ኣብ ሕቶ ምልክት ከተእትዎ ትኽእል ኢኻ። ካብ ብመጀመርታኡ'ኸ ናብዚ ኣምጺኡካ ድዩ? እቲ ሩባ ክነቅጽ ምኳኑ እንተዝፈልጥ ንምንታይ እዩ ናብዚ ዘምጽኣካ ነይሩ? ፍቓድ ኣምላኽ ስሒትካ'ዶ፧ ወይ. . .

2. ኣምላኽ ናብዚ ሩባ እዚ ዘምጽኣካ ብርግጽ፡ ሕጂ ናብ ሓድሽ ሸነኽ ናይ ፍቓዱ ከሰጋግረካ ድሉው ምኳኑ ክትግንዘብ ትኽእል ኢኻ። በቲ ደረቕ ሩባ ኣቢሉ ኣቓልቦኻ ይስሕብ ኣሎ።

ሩባታት ፈጺሞም ዘይነቐጹ እንተኾይኖም . .ኣምላኽ ፈጺሙ ከቢድ ግዜ ክመጽእ እንተዘይፈቒዱ . . .ኣቓልቦና ፈጺሙ ኣይምረኸበን። ልክዕ ከም ኤልያስ ኣብቲ ዘለናዮ ቦታ ምተቐመጥና፡ ናብ ሓድሽ ነገራት ውን ፈጺምና ኣይምተሰጋገርናን። ካብ ውሑስ ዝኾነ ሩባና ወጻኢ ፈጺምና ኣይምተኣለናን። ምድራቕ ሩባታት ናብ ዝዓበየ ነገራት ይመርሕ። ቅድሚ እቲ ኣብ ኬሪት ዝነበረ ተመክሮ ኤልያስ ንውልቀ ሰባት ጥራይ እዩ ኣገልጊሉ ነይሩ። ድሕሪ እዚ እምነት ዝሃንጽ ርክብ፡ ኤልያስ ንብዙሓት ሰባት ኣገልጊሉ። ኣብ ከረን ቀርሜሎስ ደው ኢሉ ኣብ ቅድሚ ሓደ ኣምለኽቲ ጣኦት ዝኾነ ህዝቢ ኣምላኽ ሓቀኛን ህያውን ኣምላኽ ምኳኑ ኣወጀ።

ዝነቅጽ ሩባታት ከጋጥመካ ከሎ፡ እምነትካ ክወድቕ የብሉን። ካብ ኣምላኽ ሓድሽ ምግላጽ ኣብ ትቕበለሉ ገምገም ኣለኻ። ብዛዕባ ዝደረቐ ሩባ ሕቶ ኣይተቕርብ። ናብቲ ዝቕጽል ደረጃ መደብ ኣምላኽ ንስገር።

## ርእሰ ፈተነ

1. ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፉ።

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

2. ስቓይ ናብ ህይወት ሓደ ኣማኒ ክመጻሉ ዝኽእል ሓሙሽተ መንገድታት እንታይ እዮም?

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

3. ብመሰረት ፍቓድ ኣምላኽ ስቓይ ዘስዕቦ ሰለስተ ኣወንታዊ ጥቕምታት ዘርዝር።

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

4. ኣማኒ ስቓይ ከጋጥሞ ከሎ ክህልዎ ዘለዎ ኣወንታዊ ኣረኣእያ ሰለስተ ዘርዝር፤

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

5. እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ኣንብብ። እቲ ኣበሃህላ ሓቂ እንተኾይኑ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ባዶ ቦታ "ሓቂ" ጽሓፍ። እቲ ኣበሃህላ ሓሶት እንተኾይኑ ኣብቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ባዶ ቦታ "ሓሶት" ጽሓፍ።

ሀ.______ ክትሳቐ ፍቓድ ኣምላኽ ፈጺሙ ኣይኮነን።
ለ.______ ሽግር እንተ ኣጋጢሙካ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጺእካ ኣለኻ ማለት እዩ።
ሐ. ______ጳውሎስ ኣብቲ ኣብ ባሕሪ ዘጋጠሞ ህቦብላ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጺኡ ነበረ።
መ._______ ካብ ፍቓድ ኣምላኽ ወጺእካ ክትሳቐ ከለኻ ብዙሕ ግዜ ጠንቂ ናይቲ መከራ ንስኻ ኢኻ ምኽንያቱ ድማ ዘይምእዛዝካ እዩ።

ረ.______እግዚኣብሄር ስለ ዘፍቅረካን ምስ ፍቓዱ ክትሰማማዕስ ስለ ዝምነን ይቐጽዓካ።
ሰ.______ኤልያስ ናብ ሩባ ኬሪት ምኻዱ ፍቓድ ኣምላኽ እንተዘኸውን ነይሩ፣ እቲ ሩባ ፈጺሙ ኣይምነቐጸን ነይሩ።

**ሸ.______ ኣምላኽ ሓደ ሓደ ግዜ ኣቓልቦኻ ንምርካብ መከራ ይጥቀም እዩ ምኽንያቱ ንዓኻ ናብ ሓድሽ ኣንፈት ክመርሓካ ስለ ዝደሊ።**

**ቀ.______ መጽሓፍ ቅዱስ ንሓጥኣን ጥራይ መከራ ከም ዘጋጥሞም ይምህር።**

**(መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።)**

**ንተወሳኺ መጽናዕቲ**

1. **ኣብ ጉዳይ ስቓይ ዘተኮረ መጽሓፍ** 1**ይ ጴጥሮስ ኣጽንዕ። ብዛዕባ ስቓይ ካብዛ መልእኽቲ ዝተመሃርካዮ መዝገብ፤**

---

---

---

2. **ብዛዕባ ስቓይ እዞም ዝስዕቡ መወከሲታት ኣጽንዑ፤**

**ጸገም፤**

2**ይ ጢሞቴዎስ** 2፡3

**መከራ፥** .

**ግብሪ ሃዋርያት** 14:20፤ **ሮሜ** 5:3፤ 12 ፡ 12፤ 1**ይ ተሰሎንቄ** 3፡4፡ 2**ይ ተሰሎንቄ** 1፡4

**ስደት፤**

**ማቴዎስ** 5:10-12, 44፤ 13 ፡ 21፤ **ማርቆስ** 4:17፤ **ሉቃስ** 11 ፡ 49፤ 21 ፡ 12፤ **ዮሃንስ** 15፡20፤ **ኣነ ቈረንቶስ** 4:12፤ 2**ይ ቈረንቶስ** 4፡9፤ **ግብሪ ሃዋርያት** 8:1፤ 11 ፡ 19፤ 13፡50፤ 2**ይ ጢሞቴዎስ** 3፡12፤ **ሮሜ** 8:35፤ **ገላትያ** 6 ፡ 12

**ስቓይ:**

1**ይ ጴጥሮስ** 5 ፡ 10፤ **ፊልጲ** 1:29፤ 3፡8፤ 4 ፡ 12፤ 2**ይ ቈረንቶስ** 1፡6፤ 2**ይ ጢሞቴዎስ** 2፡12፤ 3፡12፤ **ገላትያ** 5:11፤ 6 ፡ 12፤ **ግብሪ ሃዋርያት** 9:16፤ 1**ይ ተሰሎንቄ** 3፡4፤ 2**ይ ተሰሎንቄ** 1፡5

**ጉድኣት፤**

**መዝሙር** 34:19፤ 119፡67,71,75፤ **ማቴዎስ** 24:9፤ **ግብሪ ሃዋርያት** 20:23፤ 2**ይ ቈረንቶስ** 2፡4፤ 4 ፡ 17፤ 6፡4፤ 1**ይ ተሰሎንቄ** 3፡3፤ 2**ይ ጢሞቴዎስ** 1፡8፤ 3፡11፤ 4፡5፤ 2**ይ ቈረንቶስ** 1፡6፤ **ያእቆብ** 5 ፡ 10፤ **እብራውያን** 10፡32-33 **ከምኡውን ምዕራፍ** 11

# ምዕራፍ ዓሰርተው ክልተ

# ሸዱሽተ ደረጃታት ምግላጽ

**ዕላማታት፤**

እዚ ምዕራፍ ምስ ወዳእካዮ እዞም ነጥብታት ክትክእል ኢኻ፤

- ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ክትጽሕፍ ኢኻ።
- ሽዱሽተ ደረጃታት ምግላጽ መደብ ኣምላኽ ዘርዝር።
- ነዚ ቅዲ እዚ ብመጽሓፍ ቅዱሳዊ ኣብነታት ከተለልዮ ኢኻ።

**መሪሕ ጥቕሲ፤**

> ***ንየማን ወይስ ንጸጋም ምስ ኣግለስኩም፡ ኣእዛንካ፡ እዚኣ እያ እታ መገዲ ብእኣ ተመላለሱ፡ ዚብል ቃል ኣብ ድሕሬኻ ኺሰምዓ እየን።** (ኢሳ 30፡21)*

## መእተዊ

ኣብዚ ኮርስ ብዛዕባ ድምጺ ኣምላኽ ምፍላጥ ብዙሕ ተማሂርኩም ኣለኹም። ብዛዕባ ድምጺ ኣምላኽ ንምፍላጥ ዘድልዩ ቅድመ ኩነታት ውን ተማሂርካ። ትርጉምን ቅዲን ፍቓድ ኣምላኽን፡ ኣምላኽ ምስ ሰብ ዝረዳድኣሉ መገድታትን ተማሂርካ።

ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ወጻኢ ዝኾነ መምርሒ ንምርካብ መገድታት ተጠንቂቕካ፡ ዘተሓታትቱ ተግባራት ንዝምልከት ውሳነታት ክትገብር መምርሒታት ተቐቢልካ። ንውሳነ ዝኸውን መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሞዴል ኣጽኒዕካ፡ ምስ ትፈሽል ውን እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ተማሂርካ። ብዛዕባ ስቓይ እውን ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ዘተሓሓዝ ብምኳኑ ኣጽኒዕካ።

እዚ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ኣብ ምግላጽ ሓደ መደብ ኣምላኽ እትሓልሮም ሽዱሽተ መድረኻት የቕርብ። ብፍቓድ እግዚአብሔር ምምልላስ ምስ ትጅምር እዞም መድረኻት እዚኣቶም ከጋጥሙኻ እዮም።

## ምግላጽ ፍልጠት

ኣብ ዝተደናገረን ዝተጋገየን ዓለም እግዚኣብሄር ንሰዓብቱ ናይ ምግላጽ ፍልጠት ተሰፋ ይገብረሎም። እዚ ማለት ኣብ ኩነታት ህይወት መለኮታዊ መደባትን ጥበብን ፍልጠትን ክገልጽ እዩ፤

> ***ንየማን ወይስ ንጸጋም እንተ ኣግለስኩም፡ ኣእዛንካ፡ እዚኣ እያ እታ መገዲ ብእኣ ተመላለሱ፡ ዚብል ቃል ኣብ ድሕሬኻ ኺሰምዓ እየን።** (ኢሳ 30፡21)*

እግዚኣብሄር ሓደ መደብ ክገልጽ ከሎ፡ ኣብ ምምዕባል ናይቲ ምግላጽ ትሓልፎም ሽዱሽተ ደረጃታት ኣለዉ። እዚ ደረጃታት እዚ ኣብ ሉቃስ 1፡26-47 ርኡይ እዩ። ነቲ ዝተረፈ ክፋል ናይዚ ትምህርቲ ቅድሚ ምቕጻልኩም ነዚ ክፍሊ ኣንብብዎ። እዚ፡ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ምግላጽ ኣምላኽ ንማርያም ኣደ መሲሕ የሱስ ክርስቶስ ክትከውን ከም ዘለዋ ዝሃባ እዩ።

ኣብዚ ዛንታ እዚ ማርያም መደብ ኣምላኽ ክግለጸላ ከሎ እትሓልፎም ሸዱሽተ መድረኻት ኣለዉ። እዞም ደረጃታት እዚኣቶም ኣብ ምግላጽ ዝኾነ መደብ ኣምላኽ ንሰብ ክዕዘቡ ይኽእሉ እዮም። እዚኣቶም ድማ ብዛዕባ እቲ ንህይወትካ ዝሓንጸጾ መደብ ምግላጽ ፍልጠት ክትቅበል ከለኻ እትሓልፎም መድረኻት እዮም።

## ቀዳማይ ደረጃ፡ ስምባድ

> ***እቲ መልኣኽ ናብኣ ኣትዩ፡ . . ንሳ ምስ ረኣየቶ፡ በቲ ዘረባኡ ሰምበደት፡ እዚ ኸመዚ ዝበለ ሰላምታስ እንታይ ኮን ይኸውን፡ ኢላውን ሓሰበት። (ሉቃ 1፡28-29)***

እቲ መልኣኽ ንመጀመርታ ግዜ ንማርያም ኺግለጸላ ከሎ፡ ብመንፈሳ ሰምቢዳ ወይ ተጨኒቓ ነበረት። ኣምላኽ ሓድሽ መምርሒ ኺህብ ኣብ ዘደልየሉ እዋን፡ ብዙሕ ግዜ ጭንቀት የጋጥመካ እዩ። ኣቓልቦኻ ምእንቲ ክስሕብ ብኹነታት ህይወት ክትጭነቕ ይገድፈካ።

ምናልባት ኣብ ከባቢኻ ንዘሎ ዜደናግር ዅነታት ኣብ ሕቶ እተእትዎ ትኸውን። ሽግርን ስለምንታይ ገለ ነገራት ንህይወትካ ዘሕርቑ ከም ዝነበሩ ኣይተረድኣካን። ኣምላኽ ኣቓልቦኻ ኺረክብ እዩ ዚጽዕር ዘሎ። ኣብ ህሉው ኩነታት ሕጉስን ዕጉብን እንተኾንካ ሓድሽ ኣንፈት ኣይትደልን ኢኻ። ነዚ እዩ ድማ ኣብዚ ቀዳማይ ደረጃ ምግላጽ ክትጭነቕ ዘፍቅደልካ።

## ካልኣይ ደረጃ፡ ምግላጽ

> ***እቲ መልኣኽ ከኣ በላ፡ ማርያም፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ እሞ ኣይትፍርሂ። እንሆ፡ ክትጠንሲ ወዲውን ክትወልዲ፡ ስሙ ኸኣ የሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ። (ሉቃስ 1 ፡ 30-31)***

እግዚኣብሄር ብጭንቀት ኣቓልቦኻ ምስ ዝረክብ፡ መደቡ ክገልጸልካ እዩ። እዚ እቲ ካልኣይ ደረጃ ድማ ምግላጽ እዩ፤

> ***ጸውዓኒ እሞ ክምልሰልካ፡ ዘይትፈልጦ ዓብይን ስዉርን ነገር ክነግረካ እየ። (ኤር 33፡3)***

ዝተጨነቐ መንፈስ ንማርያም ኣቓልቦኣ ናብ ኣምላኽ ከተተኩር ገበረ ብድሕሪኡ መደቡ ገለጸ። ኣደ እቲ መሲሕ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ ክትከውን ነበራ።

## ሳልሳይ ደረጃ፡ ምጥርጣር

> ***ማርያም ድማ ነቲ መልኣኽ፡ እዚ፡ ሰብኣይ ከይፈለጥኩስ ከመይ ኢሉ ኪኸውን እዩ፡ በለቶ፤ (ሉቃ 1፡34)***

ማርያም ነዚ ዓቢይ ምግላጽ "እዚ ከመይ ኢሉ ክኸውን ይኽእል?" ብምባል ካብ ምቕባል ድሕር ትብል፡

እግዚኣብሄር ንህይወትካ ሓድሽ ኣንፈት ክገልጸልካ ከሎ ብዙሕ ግዜ ትዕብለል ኢኻ። ብቐዓት ዘይብልካ ኮይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ። ክትወስዶ ዘይትኽእል ናይ እምነት ስጉምቲ ኣዝዩ ዓቢ ኮይኑ ክስምዓካ ይኽእል እዩ። እቲ ውጥን ክሰርሕ ዘይክእል ርትዓዊ ምኽንያታት ክትሓስብ ኢኻ። ድሕር ኢልካ ንኣምላኽ ኣብ ምሕታት ክትኣቱ ኢኻ።

ኣብ መድረኽ ምጥርጣር ክልተ ነገራት ይፍጠሩ፤

- ሕቶታትካን ምኽንያታትካን ምስምስን ተቕርብ።
- እግዚኣብሄር ነዚኦም ብዝርዝር መደቡ ይምልሶም።

ገለ ሰባት ካብ ካልኦት ንላዕሊ ንነዊሕ እዋን ድሕር ይብሉ። ገለ ሰባት ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦ ምግላጽ ክቕበልዎ ዘይክእሉ ምስምስን ምኽንያታትን እናሓሰቡ ኣብ መድረኽ ምጥርጣር ንዓመታት የሕልፉ። ኣብ መወዳእታ ካብ ምጥርጣር እንተዘይሰጊርካ ግን ፍጻሜ ምግላጽ ኣምላኽ ፈጺምካ ኣይትርእን ኢኻ።

## ራብዓይ ደረጃ፡ ኣሚንነት

***ማርያም ከኣ፡ እኔኹ፡ ኣነ ባርያ እግዚኣብሄር፡ ከምቲ ዘረባኻ ይኹነለይ፡ በለት። እቲ መልኣኽ ድማ ካብኣ ሓለፈ። (ሉቃ 1፡38)***

ማርያም ካብ ምጥርጣር ናብ ኣሚንነት መደብ ኣምላኽ ብቕልጡፍ ትሰጋገር። እዚ ማለት ፍቓዳ ናብ መደብ ኣምላኽ ትገድፎ ማለት እዩ። ናይ ገዛእ ርእሳ መደባታን ድሌታን ገዲፋ ነቲ ኣምላኽ ንህይወታ ዝሃባ ሓድሽ ኣንፈት ትቕበል።

## ሓሙሻይ ደረጃ፡ ምርግጋጽ

**እቲ ኻብ እግዚኣብሄር እተነግረላ ቓል ኪፍጸም እዩ እሞ፡ እታ ዝኣመነት ብርኽቲ እያ።** (ሉቃ 1፡45)

ኣብቲ ናይ ምርግጋጽ ደረጃ እግዚኣብሔር መደቡ ደጊሙ ይምስክር። ማርያም ትጠንስ እሞ እቲ ዳግም ምስክር ኣምላኽ ድማ ኣብ ኣካላታ ይረአ። ፍቓድካ ናብ ምግላጽ መደብ ኣምላኽ እንተ ኣሕሊፍካዮ፡ ምርግጋጽ ናይቲ መደብ ክሳብ እትረክብ ነዊሕ ኣይክወስድን እዩ።

## ሻድሻይ ደረጃ፡ ፍስሃ

***ማርያም ድማ በለት ነፍሰይ ንእግዚኣብሄር ተዕብዮ፡ (ሉቃ 1፡46)***

ማርያም ብመደብ ኣምላኽ ትሕጎስ! ምሉእ ብምሉእ ንኣምላኽ ዝሃበቶ ልዕልና ኣብ ሉቃስ 1፡46-55 ኣንብብ። መደብ ኣምላኽ ንህይወትካ ክትቀበል ከለኻ ኩሉ ግዜ ሓጎስ ከምጽእን ውጽኢቱ ድማ ንኣምላኽ ልዕልና ምሃብ እዩ።

ኣብዚ ኮርስ ከም ዝተማሃርካዮ መደብ ኣምላኽ ምኽታል ማለት ብዘይ ጸገም ክትከውን ኢኻ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ተፈጥሮኣዊ ዓለም፡ ማርያም ናይ ብሓቂ ጸገም ነይርዋ። ከይተመርዓወት እያ ጠኒሳ። መደብ ኣምላኽ ግን ካብ ዝኾነ ግዝያዊ መከራ ይዓቢ። ኣብ መወዳእታ ኩሉ ግዜ ሓጎስን ልዕልናን ጎይታናን ኣምላኽናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ የምጽእ እዩ።

## ናይ መወዳእታ ቃል-- ድምጹ ስምዑ

ኣብዚ ኮርስ እዚ ድምጺ ኣምላኽ ንምፍላጥ ዝሕግዙ መምርሒታት ተቐቢልኩም ኣለኹም። ነዚ ድምጺ እዚ ክትሰምዕ ከለኻ፡ ተሰፋኡ ዘክር፤

***ኣነ ዝሓስበልኩም ዘሎኹ ሓሳብ እፈልጦ እየ፡ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ፡ ሓሳብ ደሓን እምበር፡ ናይ ክፉእ ኣይኮነን=ነን፡ ይብል እግዚኣብሄር። (ኤር 29:11)***

ኣምላኽ ክሳብ ሞት ክመርሓካ እዩ፤

***እዚ ኣምላኽ እዚ ንዘለኣለም ኣለም ኣምላኽና እዩ እሞ፡ ንሱ ኽሳዕ ሞት ኪመርሓና እዩ። (መዝ 48:14)***

መሪሕነቱ ኣብታ ሓዳሽ ሰማይን ምድርን ክቕጽል እዩ፤

> ***እቲ ኣብ ማእከል ዝፋን ዘሎ ገንሸል ስለ ዚጓሰዮም፣ ናብ ማይ ህይወት ከኣ ስለ ዚመርሖም፣ ኣምላኽውን ካብ ኣዒንቶም ንብዓት ዘበለ ኺደርዘሎም እዩ እሞ፣ … ራእይ** 7:17)*

ኣምላኽ ስቕ ኣይብልን እዩ። ትሰምዕ ኣንተ'ኹንካ፡ ድምጹ ልዕሊ ጫውጫውን ምድንጋርን ናይ ኩሎም ድምጽታት ምድሪ ክስማዕ ይኽእል። ኣምላኽ ይዛረብ እዩ ድምጹ ድማ ክትፈልጦ ትኽእል ኢኻ፤

> ***ኣምላኽ ሰላም ግና ነቲ ብናይ ዘለኣለም ደም ኪዳን ዓብዪ ጓሳ ኣባጊዕ፡ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ካብ ምዉታት ዘተንስኡ፡***
>
> ***ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚኡ ባህ ዜብሉ ኣባኻትኩም እናገበረ ብስናይ ግብሪ ዘበለ ኹሉ ፍቓዱ ክትገብሩ የብቅዕኩም። ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ንእኡ ክብሪ ይኹኖ። ኣሜን። (እብ** 13:20-21)*

## ርእሰ ገምጋም

1. **ነታ መሪሕ ጥቕሲ ዘኪርካ ጽሓፋ።**

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

2. **ሸዱሽተ ደረጃታት ምግላጽ ሓደ መደብ ኣምላኽ ዘርዝር።**

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

_______________________________________________

(*መልሲ ፈተናታት ኣብ መደምደምታ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ናይዚ መምርሒ ተዋሂቡ ኣሎ።*)

# ንተወሳኺ መጽናዕቲ

**ኣብ ህይወት ሙሴን ጊዴዎንን ዝርከቡ ሽዱሽተ ደረጃታት ናይ ቅዲ ምግላጽ ኣጽንዑ፤**

| | |
|---|---|
| **ሙሴ፡** | **ዘጸኣት** 1-15 |
| **ምስንባድ፡** | **ኣብ ግብጺ ዘጋጠመ** (**ንግብጻዊ ቀቲሉ**) |
| **ምግላጽ፡** | **ዝቃጸል ቁጥቋጥ** |
| **ምጥርጣር፡** | **ስሉጥ ዘረባ ዘለዎ ሰብ** |
| **ኣሚንነት**: | **ተኣምራት ቅድሚ ፈርኦን** |
| **ምርግጋጽ**: | **ክኸይድ ይውሰን** |
| **ፍስሃ**: | **ሓጎስ ድሕሪ ምስጋር ቀይሕ ባሕሪ** |

| | |
|---|---|
| **ጊዴዎን፡** | **መሳፍንቲ** 6 |
| **ምስንባድ፡** | **ሰርናይ ምሕራስ፤ ኣብ ቁጽሪ** 13 **ጭንቀት የፍሰሰ** |
| **ምግላጽ፡** | **መልኣኽ ኣብ ቁጽሪ** 12**ን** 14**ን ተራእዩ።** |
| **ምጥርጣር፡** | "**ስድራቤት ድኻ፡ ኣነ ዝነኣሰ እየ**" **ቁጽሪ** 15 |
| **ኣሚንነት፡** | "**ምልክት ኣርእየኒ**" **ካብ ቁጽሪ** 17 **ክሳብ** 23 |
| **ምርግጋጽ፡** | **ቁጽሪ** 17 |
| **ፍስሃ፡** | **ቁጽሪ** 24. **መሰውኢ ይሃንጽን ንኣምላኽ የመስግን።** |

**ነዚ ቅዲ እዚ ዘገልጽ ካልእ ኣብነታት ኣብ ቃል ኣምላኽ ኽትረክብ ትኽእልዶ፧**